ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ

الحركة المدنية الديمقراطية الارترية

**Eritrean Civic Democratic Movement**

**ዕለት/Date: 01/08/2011** **ቁ/መዝገብ/Ref.NO:** ECDM 8/2011/02

***<u>መእተዊ፣-</u>***

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ንጭቡጥ ታሪኻዊ ምዕባለ ሃገረ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ክብርታቱን ከም መሰረትን ዓንዲ ማእከልን ናይ ቃልሱ ይወስዶም።ቀንዲ እምነ-ኩርናዕ ፖለቲካዊ እምነቱ ሲቪክ ሃገርነት'ዩ። እዚ እምነትን'ዚ ካብ ዉህሉል ማሕበራዊ ክብርታትን ጸጋታትን ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ዝመንጨወ እዩ። ናይ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ጥንታዊ ውርሻታትን፣ ዘመናዊ መለለይኣን፣ ናይ ሰፊሕ ህዝባ ጅግንነታዊ ተጋድሎን ናይ ሲቪካዊ መንነታ መሰረት እዩ። ብተሳትፎ መላእ ህዝባ - ሲቪክ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብምህናጽ፣ ኤርትራዊ/ት ዜጋ ኣብ ሲቪክ ዘመናዊት ሃገሮም ዘይተሸርመመ መሰላቶምን ሓርነታቶምን ንምጉንጻፍ ይቃለስ።

ኣብ ሓድነት መሬትን ህዝብን፣ ነጻነት ሃገረ ኤርትራን ልዑልውነት ኤርትራዊ/ት ዜጋን፣ ነጻ ፖለቲካዊ ሃገራዊ ውሳኔታቱን ምሉእ ዓቕምታቱን ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ብምርግጋጽ፣ ተዓቂቦም ዘለው ማሕበራውን ሃገራውን ክብርታቱ ከይፈርሱን ከይግሃሱን ምክልኻል ካብ ቀንዲ ዕላማታቱ ኮይኑ፣ ኩሎም ዝተጋህሱ መሰላት ኤርትራዊ/ት ዜጋ ብሕጋውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ከረጋግጽን ናብ ንቡር ክመልስን፣ ነቶም ዝተረጋግጹ ደጊሙ ከውሕስ ዘይነጻጸል ድርብ ምዕራፍ ቃልሱ ስለዝኾነ ኣብ ባይታ ክትግብሮ ብመትከል ይቃለስ። ኣብ መትከላት ዲሞክራሲ ኣሚኑ፣ ብግሉጽነትን ተሓታትነትን ብትካላዊ ኣሰራርሓ ምትእምማን ንምፍጣርን ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ሓድነት ኤርትራዊ/ት ዜጋ ንምርግጋጽ ይቃለስ።

ጥንታዊ ሲቪክ ውርሻታት ህዝቢ ኤርትራ፣ ምድረ-ባሕሪ ምድረ-ኣግኣዝያን፣ ቅድሚ ኤርትራ ብዝብል ስም ምጽዋዓን ከም ዘመናዊት ሃገር ብሓይልታት ባዕዳዉያን ምኽታያን፣ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝማሓደረሉ ዝነበረ ሕግታት፣ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ኢድ ዘይነበሮን ብህዝቢ ዝተደብተረን ነበረ። እቶም ነቲ ሕጊ ዝትግብሩ ሽማግሌታትን ኣካየድትን ከኣ፣ ብህዝቦም ቆጽሊ ዝወደቖም፣ ብሽም ኣሕዋት ዝፍለጡ መራሕቲ ነበሩ።

መብዛሕትኡ ሕግታት እንዳባ ኣብ ከበሳታትን ሰንሒትን ካልእ ቦታታትን ቀንዲ ሕመረት ቀላሲኡ ሃይማኖት፣ ቀቢላ፣ ባህሊን ቛንቛን ዘይኮነስ፣ ዋንነት መሬት እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋናት እቲ፣ ዜጋ ወይ ወደባት ዓዲ ክባሃል እንተኮይኑ ጤሳን ዝሕረስ መሬትን ዘለዎ ስለዝኾነ፣ ዜግነቱ ምስ ትሕዞ መሬት ዝተኣሳሰረ'ዩ ዝነበረ። ስለዝኾነ፣ ኤርትራዊ ስርዓት-ሕግን ስርዓተ ምምሕዳርን ናይ ኩሎም ዜጋታት/ደቀባት ዋንነትን መለለይን ደኣምበር ናይ ሓደ ፍሉይ ስልጣን ዝጭበጠ ልዑል ወይ ንጉስ ትእዛዝ ወይ ንብረት ኣይነበረን። ንኩሎም ሕግታት እንዳባ ዋንነት ዝጽዕድ ወይ ዋና ኮይኑ ዝቐርብ ራእሲ፣ ደግለል፣ ነታባይ፣ ሱልጣን ኣይነበረን።

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ካብ መበል 1212 ዓ.ም.ፈ. ኣትሒዙ፣ ኣብ ብራና ዝተጻሕፈ ድቡቱር ሕጊ ከምዝነበረ ታሪኽ ዝምስኩሮ ሓቐታት እዩ። እዚ ሓቐታት"ዚ ዝተፈላለየ ሃይማኖት፣ ዝተፈላለየ ባህሊ፣ ዝተፈላለየ ቓንቛ ዝተፈላለየ ኤትኒካዊ ክፍልታት ዝነበሮ ህዝቢ፣ ብለባማትን ወራዙትን ነዊሕ ግዜ ኣብ ጾምን ጽምዋን ተመኺሩሉ፣ ብመላእ ዜጋታት/ደቀባት ይርሓሰና ተባሂሉ ዝጸደቐን ህዝቢ ዝተሰማማዓሉን - ድቡቱር ሕጊ ተማእዚዙ ይኸይድ ከምዝነበረ እዩ ዝምስክር። ሕግታት ክልኤ መንሳዕ፣ ሕጊ ለጎጭዋ፣ ሕጊ ኣድከመ ምልጋእ፣ ሕጊ ሸውዓተ ዓንሰባ፣ ሕጊ ኣድግና ተገለባ ንሕጊ ሚዔ-ማሓዛ ዝተከኤ፣ ሕጊ ስሓርትን ላምዛን ወቐርትን ፣ ሕጊ ሃብተሱሉስ ገብረክርስቶስ ናይ ደቂ ተሸም ፣ ስርዓት ካርነሽም፣ ዋዕላ ት ዓንሰባ ዘማት ታሕታይ፣ሕጊ ዓጽሚ ሓርማዝ (እንገንኣ)፣ ሕጊ ሲጋላ...ወ.ዘ.ተ ካብቶም ዝነበሩ ሰፋሕቲ ስርዓተ-ሕግታት እዮም። ንመረዳእታ ሕጊ ክልኤ መንሳዕ ይኹን ሕጊ ኣድግና ተገለባ ዝፍለጥ፣ ንደቀባት ትግረ ሳሆን ትግርይናን፣ ንኣመንት ክርስትናን እስልምናን ንዝተፈላለዩ ኤትኒክ ጉጅለታትን ጠሚሩ ብሰላም ዘማሓድር ስርዓተ ምምሕዳር ምንባሩ ታሪኽ ምስክር'ዩ። ብትካላዊ ስርዓት ሕጊ ክትመሓደር ምኽኣልን፣ ነቲ ትማሓደረሉ ሕጊ ብተሳትፎ ህዝቢ ምጽዳቕምን ምድብታሮምን ቀንዲ መለለይ ሕላገት ናይ ሲቪካዊ መንነት'ዩ። ታሪኻዊ ውርሻታት ህዝቢ ኤርትራ ክብርታቱን ምቕባልን፣ ምዕቃብን፣ ምምዕባልን ሓደ ካብ መሰረታዊ ዕላማታትን ዓንዲ ማእከልን ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ እዩ።

ንኤርትራ ከም ዘመናዊት ሃገር ዝገልጹ ኣድማሳዊ ዝኾኑ ሕጋዊ ታሪኻዊን ማሕበረ ምጣኔሃብታዊ መለክዒታት ኣለው። ብ1890 ኤርትራ ከም ግዝኣት ጥልያን ተወሲዳ፣ ናይ መሬታን ባሕራን ክሊ ኣየራን ፍሉጥ ዶባት ነይሩዋን ኣለዋን። ሃገረ ኤርትራ ብ1902 ብ1906 ብዓለም ደረጃ ሕጋውነታ ዝልበሰት፣ ብመግዛእቲ ጥልያን ዝተደኮነት ዘመናዊት ሃገር እያ። መግዛእቲ ጥልያን ተሰዒሩ ብምምሕዳር እንግሊዝ ምስ ተተከአ፣ ካብ 1941 ክሳብ 1952 ኣብ ዝጸናሓሉ እዋን፣ ናይ መጀመርያ መሰል ሰልፍታትን ፕረስን ስለዘፍቀደ፣ ኣብ ኤርትራ ዘመናዊ ሲቪክ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ተመኩሮ ተኣታትዩ። ይኹን እምበር እንግሊዝ ትኹን ኣመሪካ ንዝነበሮም ረብሓ ብምቕዳም ብናይ ሕቡራት ሃገራት ውሳኔ፣ ኣብ ክንዲ ምሉእ ነጻነት፣ ኣብ ትሕቲ ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጲያ ብፌደረሽን ክትቁረን ኣገደድዋ። ምስ ኩሉ ጸገማቱን ዘይፍትሓውነቱን፣ እዋን ፌደረሽን ሲቪክ ሃገራዊ መንነትን ተመኩሮን ዝሰስነሉ እዋን እዩ ኔሩ። ብስርዓተ ሕጊ ዝሰርሕ ስርዓትን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ፓርላማን ከኣ ነይርዋ።ይኹን እምበር፣ ወላ እታ ዝተሸርመመት ንእሽቶ መሰላ፣ ዳግም ተዘሚታ ኤርትራ ዳግም ናብ ምሉእ መግዛእቲ ኢትዮጲያ ክትርገጽ ተገዲዳ።

ኤርትራን ህዝባን ብሰለስተ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ሃገራት ካብ 1890 ክሳብ 1991 ነጻነታ እተረጋገጽ ን101 ዓመታት ታሪኽ መግዛእቲ ዘለዋ ሃገር፣ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ብኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ሕጋዊ መሰል ናጽነታ ዝተኣገደት ዘመናዊት ሃገር እያ። ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ንዝተጠቕሱ ሃገራዊ ሕጋዊ ፖለቲካዊ ማሕበራዊን ሓቅታት ከም ሓደ ክፋል ዘመናዊ መለለይታት ኤርትራ ይውሰዶም።

ኣብ ኣርበዓታትን (1940) ሓምሳታትን (1950) ዝተኻየደ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ፣ ናይ ሰላሳ ዓመት ብረታዊ ተጋድሎ ዝተፈጸመ ጅግንነት፣ ዝተራእየ ጽንዓት፣ ዝተሰግረ መሪር ኩነታት ተጻዊርካ፣ በዲህካ ዕላማኻ ንምዕዋት ዝተኾስኮሱ ናይ ኣተሓሳስባ ሓድነትን ከም መሰረት ነጻነትና ልዑላውነትናን ሕጋዊ መነነትና ምኻኖም ኤርትራዊ ዘረጋግጾ ዓወት ታሪኻዊ ምስክርነት ዘድልዮ ኣይኮነን። እዞም ታሪኻዊን ሕጋውን ዓወታት፣ ብተሳትፎ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጹ እዮም። ተሳትፎን ጅግንነታዊ መስዋእትን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፣ ተሳትፎ ናይ ኩለን ሃይማኖታት፣ ተሳትፎ ናይ ኩለን ኤትኒክ-ጉጅለታት፣ ተሳትፎ ናይ ኩለን ኣውራጃታት፣ ብጥሙር ሓድነት ንሓባራዊ ዕላማ ስለዝተቓለስና ከቢድ መስዋእቲ ከፊልና ተዓዊታና።ብቓልሲ ዝተኾስኮሱ ባህርያት፣ ዝተሃንጹን ዝተመስከሩን ባህሊ ጽንዓትን ተወፋይነትን ብጻይነትን ምክብባርን፣ ዝተራእየ ሓያል ሃገራዊ ሞራልን ሃገራዊ ንቕሓትን ሃገራዊ መንነትን ፈጢሩ። ከም ውጺኢቱ ከኣ ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ ጋህዲ ክትከውንን ሃገራዊ ነጻነታን ልዑላውነታ ክትጎናጸፍን በቒዓ።

ጅግንነታዊ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋግጾ ዓወታት ኣብ ቦትኡ ኮይኑ፣ ብሰንኪ መሪሕነት ናይ ክልቲኡ ዓበይቲ ውድባት ግጉይ ፖሊሲታት፣ ብዙሕ ክሳራታት ከም ዝወረደ ክኽወል ዘይኽእል ጉዳይ እዩ። ኣብ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ፣ ግሉጸነት ዝጎደሎ፣ ዲሞክራስያዊ ብቕዓት ምምሕዳር ዘይወነነ፣ ንዝኽሰቱ ፍልልያት ብምጽውዋርን ብሰላማዊ መንገዲ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ፣ ብጎነጽን ዓመጽን ናይ ምፍታሕ ኣገባብ ስለዝተጠቐሙ፣ ከቢድ ግህሰት ሂወትን ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ተራእዩ፣ ኣማኢት ንጹሃት ሃገራውያንን ዲሞክራስያውያንን ጠፊኦም። እቲ ዘሕዝን እቶም ተባዓት ዓቢ ብቕዓት ዝነበሮም ሃገራውያንን ዲሞክራስያውያንን ምቕታሎም ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ታሪኾም ኣብ ክንዲ ስውኣት፣ ብሃገራዊ ክድዓት ምምዝጋቡ እዩ። መስዋእትን ክቡር ዋጋን ዝኸፈሉ ግን ከኣ ኣብ መዝገብ ክድዓት ዝተመዝገቡ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ፣ ታሪኾምን ክብሮምን ናብ ሕጋዊ ቦትኡ ክምለስ ይግባእ። ንኹሉ ዝተፈጸመ ገበናትን ጉድለታትን ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ፣ ግቡእ ፍትሒ ከረክብን፣ ኣብ ሓቂን ፍትሕን ዝተመርኮሰ ሃገራዊ ዕርቂ ክግበርን ዓቢ ሲቪክ ዕማም እዩ። ጅግንነታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ንዘጓነፉ ዓበይቲ ጉድለታት ተጻዊሩ፣ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ከረጋግጽ ምብቕዑ፣ መርኣያን ምስክርን ድልዱል ሲቪክ ሃገርነቱ እዩ።

ሃገርነት ፖሎቲካዊ ስነ-ሓሳብ'ዩ። ከም ሰነ-ሓሳብ፣ ሰባት ምስ ሃገር ዘለዎም ጥቡቕ ዝምድናን ምትእስሳርን ከመልከት እንከሎ፣ ንሃገራዊ መንነቶምን መለለይኦምን ከኣ ይውስን። መንነት ግን ስነ ሓሳብ ወይ ፍልስፍና ኣይኮነን፣ እንታይድኣ ንሓደ ዉሱን ህዝቢ ዝጠምር ማሕበራውን ስነኣእሙራውን ህያው ናይ መንነት ፍሕሶ እዩ። ሃገርነት ቀንዲ ምንጪ ሓባራዊ መንነት ካብ ኮነ፣ ንኩሎም ደቂ ሃገር እምነቶም መበቆሎም ዓሌቶም ብዘየገድስ ብማዕረ ክሓቐፎምን ከጽልሎም ይግባእ። ካብ እቶም ዝተፈላልዩ መልክዓት ሃገርነት ንመላእ ደቂ ሃገር ብማዕረ ከጽልልን ክሓቁፍን ዝኽእል ሃገርነት ኣየናይ እዩ ዝብል ሕቶ ንምምላስ ንዓይነታት ሃገርነት ምምርማር የድሊ።

ብዙሓት ዓይነታት ሃገርነት እኳ እንተሃለዉ፣ ኣብ ኤርትራዊ ፖሎቲካዊ ባይታ ምርኩስ ብምግባርን፣ ንፖለቲካዊ ኣምራዊ ሸንኻቱ፣ ንተግባራዊ ጎንታቱ፣ ንህልውን መጻእን መኣዝኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ ሕቶ ሃገርነት ንምዳህሰስ ነዞም ዝስዕቡ፣ 1. ሲቪክ ሃገርነት(Civic nationalism)፣ 2. ኤትኒካዊ ሃገርነት(Ethnic nationalism)፣ 3.ሃይምኖታዊ ሃገርነት(Religious nationalism)፣ 4.ሕሉፍ (ደውላዊ) ሃገርነት (Ultra nationalism) ምንጽጻርን ትሕዝቶኦም ምምርማርን ኣገዳሲ እዩ።

1. <u>**ሲቪክ ሃገርነት፣**</u> መሰረታዊ መለለዩ ሲቪክ ሃገርነት በዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ረቛሒታት ይፍለጥ፣- 1. ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ናይ ደውላ ካብ ንጡፍ ተሳትፎ መላእ ዜጋታት ናይ እታ ሃገር ይምንጩ። 2. ሲቪክ ሃገር - ኤትኒካዊ

ሃይማኖታዊ ወይ ዓሌታዊ መብቆሎም ብዘየገድስ ንኩሎም ዜጋታት ሃገር የጠቓልል። 3. ሲቪክ ሃገር - ብሓርበይናዊ ክብርታት ዝተጠምረ ማሕበረ-ሰብ ናይ ማዕረ ዜጋታት እዩ። 4. ሲቪክ ሃገር ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዘለዎ ሃገር ኮይኑ ንኩሎም ዜጋታቱ ልዑላውነት የልብስ። 5. ሲቪክ ሃገር ናይ ሕግን ፖለቲካዊ ተሳትፎን መስርሕ ምሕጋግን መሳርዕ-ስራሕ ብምፍጣር፣ ኣብ ሃገር ንዘጋጥሙ ፍልልይትን ጸገማትን ንምፍታሕ ዘኽእል መሓውራት ኣለዎ። 6. ሲቪክ ሃገር ንዉልቃዊ ዜጋ መሰል መሰረታዊ ሓርነት'ዩ፣ ንብነጻ ዝፍጠር ጉጅለታትን ኣካላትን መሰል ናይ ምስስይ ሕቶ እዩ።

2. **<u>ኤትኒካዊ ሃገርነት፣</u>** መሰረታዊ መለለይ ኤትኒካዊ ሃገርነት በዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ረቛሒታት ይፍለጥ፣- 1.ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ደውላ ካብ ናይ ኤትኒካዊ ጉጅለ መበቆል ወይ ድማ ዕማም ምዕቃብ እቲ ጉጅለ ይምንጩ። 2. ኤትኒክ ሃገር ብዘለዋ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ባህሊ ወይ ልምዲ ትልለ። 3. ህዝቢ ኤትኒካዊ ሃገር ብሓባራዊ ፖለቲካዊ መሰላት ዘይኮነስ፣ ብዘለዎም ኤትኒካዊ መለለዪ ይተኣሳሰሩ። 4. ኤትኒክ ሃገር ኣብ ልዕሊ ህዝባ ግዱድ ሓድነት ብምጽዓን ብኤትኒካዊ ዓብላልነት ትግዝእ። 5. ሓንቲ ኤትኒካዊ ጉጅለ ኣንጻር ካልእ ኤትኒካዊ ጉጅለ ብውሽጣ ክትሓብር እካ እንተኽኣለት፣ ኣብ ውሽጣ ንዝርከብ ፍልልያት ናይ ጾታን ማሕበራዊ ደርብን መፍትሒ ዝኸውን መሳርሒ የብላን።

3. **<u>ሃይማኖታዊ ሃገርነት፣</u>** መሰረታዊ መለለይ ሃይማኖታዊ ሃገርነት በዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ርቛሒታት ይፍለጥ፣- 1. ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ደውላ ካብ ሃይማኖታዊ ሕግታታን ቅጥዕታትን ይውለድ። 2. ሃይማኖታዊ ሃገር ብሃይማኖታዊ መለለይታታ ትፍለጥ። 3. ህዝቢ ሃይማኖታዊ ሃገር ኣብ ክንዲ ብሓባራዊ ፖለቲካዊ መሰላቶም፣ ብሃማኖታዊ እምነቶም ይተኣሳሰሩ። 4. ሃይማኖታዊ ሃገር ግዱድ ሃይማኖታዊ ሓድነት ኣብ ልዕሊ ህዝባ ብምጽዓን ብሃይማኖታዊ ዕብለላ ትግዛእ፣ 5. ኣብ ልዕሊ ጾታን ካልእ ማሕበራዊን ምጣኔ-ሃብታዉን ሂወት ንዝርከብ ጸገማት ኣብ ክንዲ ብፍትሓዊ ስርዓተ-ሕጊ ምፍታሕ፣ ናይ ገዛኢ ሃይማኖት መለኮታዊ ትእዛዛትን ሕግታትን ተተግብር።

4. **<u>ሕሉፍ ሃገርነት ወይ ደውላዊ ሃገርነት፣</u>** መሰረታዊ መለለዪ ሕሉፍ ሃገርነት ብዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ይፍለጥ፡- 1. ኣብ መብዛሕቲኡ፣ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ደውላ ብሰውራዊ ቅቡልነት ይብገስ። 2. ሕሉፍ ሃገርነት ወይ ደውላዊ ሃገርነት፣ ሃገር ናይ እቶም ነታ ደውላ ዝሕለቑን ዘሐይሉን ጥራሕ ትኸውን። 3. ህላዌ ህዝባ ከኣ ነታ ደውላዊት ሃገር ንምግልጋል ይኸውን። 4. "ኩሉ ነገር ኣብ ውሽጢ ደውላ" "ካብ ደውላ ወጻኢ ምንም ኣካል ኣይህሉን"። 5. "ንደውላ ዝቃወም ዝብሃል ብምንም ተኣምር ኣይፍቀድን" ብዝብሉ መለለይታት ይፍለጥ። 6. ንሕብረተሰብኣዊ ርኽክብ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ብመልክዕ ጽምዳዊ ምትፍናናዊ ኣረኣእያ ይሰርዖ።

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ንናይ ሃገረ ኤርትራ ጥንታዊ ውርሻታትን፣ ዘመናዊ መለለይታትን፣ ጅግንነታዊ ተጋድሎን ምርኩስ ብምግባር ናይ ሃገረ ኤርትራ መሰረታዊ መለለይታት እዞም ዝስዕቡ ምኻኖም ይኣምን፣-

<u>ቀዳማይ</u>፣ ብናይ መላእ ህዝባ፣ ብዘይ ኤትኒካዊን ዓሌታዊን ሃይማኖታውን ኣፈላላይ፣ ብሓባራዊ መስዋእቲን ኣበርክቶን ኣብ መሪርን ነዊሕን ተጋድሎ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ዝተወልደት፣ ንእናተባራረየ ዝመጸ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምስዓር ህልውናኣ ጋህዲ ዝገበረት፣ ልዑላውነታን ነጻነታን ዘረጋገጸት ሲቪክ ሃገር እያ።

<u>ካልኣይ</u>፣ ብሓባራዊ ሓርበይናዊ ሃገራዊ ክብርታት ዝተኣሳሰረት ሲቪክ ሃገር እያ።

<u>ሳልሳይ</u>፣ ንዘበናት ኣብ ትሕቲ ስርዓተ-ሕጊን ስልጡን ባህልን ዝተናበረ ህዝቢ ዘለዋ ሲቪክ ሃገር እያ።

ራብዓይ፣ዝተፈላለዩ ኤትኒካዊን ሃይማኖታዊን ክፍልታት ሕብረተሰብ ንዘመናት ኣብ ሓደ ቁሸት ብምክብባር ዝቐመጡላ ሲቪክ ሃገር እያ።

ሓሙሻይ፣ ኣብ ሓደ ጎሎንል ሓሪሶም ኣብ ሓደ ሩብ ጥሪቶም ማይ ዘስትዩላን ብሰላምን ፍቕርን ምክብባርን ዝነብሩላ ሲቪክ ሃገር እያ።

ሻዱሻይ፣ ኣብ ሓባራዊ ክብርታት ፍትሒን ሰላምን ምክብባርን ዝኣምንን ዝነብርን ህዝቢ ዘለዋ ሲቪክ ሃገር እያ።

ይኹን እምበር፣ ብሰንኪ ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ህግደፍን፣ ብሰንኪ ናይ ስልጣንን ውድባዊ ረብሓን ኣብ ቀቢለ-ሃይማኖታዊ ፖለቲካ ናይ ምምቕቓል ዝስህሩ ጉጅለታትን፣ ክብርቲ ሲቪክ ሃገረ-ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ወዲቓ ትርከብ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ብምህላዋን፣ ካብ እዋን ናይ እዋን እናኸረረ ዝኸይድ ናይ ዞናና ዘይምዕሩይን ተባራዒ ኩነታትን ተደራቢ ስግኣታት ፈጢሩ ኣሎ። ንኣብ ልዕሊ ክብርቲ ሲቪክ ሃገር ኤርትራ ተንጠልጢሉ ዝርከብ ውሽጣዊን ግዳማውን ሓደጋታትን ስግኣታትን ንምውጋድ፣ እቶም ንሲቪክ ሃገር ኣብ ምድሓንን ግዲኦም ከበርከቱ ዝግበኦም ማሕበራውን ፖለቲካውን ሓይልታት ብኣድማዒ መንገዲ ክውደቡን፣ ንክብርቲ ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ንቡር መንገዳ ብምእታው፣ ኣብ ጎደና ሰላምን ቅሳነትን፣ ራህዋን ምዕባለን ንኽትምርሽ ንጡፍ ግዲኦም ክጻወቱ ትጽውዕ ኣላ። ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ናይ ሰፊሕ ሲቪክ ዘመናዊ ማሕበራውን ፖለቲካውን ሓይልታት ኤርትራ ተባዕ ተበግሶ እዩ።

<u>ምዕራፍ ሓደ</u>

**<u>ዓንቀጽ 1 ስም፣-</u>** ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ "**الحركة المدنية الديمقراطية الارترية** "፣ "Eritrean Civic Democratic Movement" ተባሂሉ ይጽዋዕ።

**<u>ዓንቀጽ 2 ኣርማ፣</u> ሚዛን፣ ካርታ ኤርትራ፣ ቆጽሊ ኣውሊዕን ጮራ ጽሓይን'ዩ፡-**

2.1 ሚዛን፣ ማሕበራዊ ፖሎቲካዊ ምጣኔ-ሃብታዉን ባህላዊን ፍትሒን የመልክት።

2.2 ካርታ ኤርትራ፣ሃገረ ኤርትራ ምድሪ፣ ባሕሪ፣ ጠፈራ ልኡላዉነት የመልክት።

2.3 ቆጽሊ ኣውሊዕ፣ ልምዓት፣ ሃገራዊ ነጻነታዊ ባህግና የመልክት።

2.4 ጮራ ጽሓይ ድማ ንግንዛቤታት ህዝቢ (awareness) ናይ ጽባሕ ቡሩህ ተስፋ የመልክት።

<u>ዓንቀጽ 3. ስነሓሳባዊ ፖሎቲካዊ ፍልስፍናን ፖሎቲካዊ ራእይናን፣-</u>

3.1. ኣብ ትሕቲ ብጹእ ሓራ ፖለቲካዊ መስመር፣ ሰላምን ብሓባር ምንባር፣ ነጻነትን ሰብኣዊ ሓርነት፣ ደሞክራስን ፍትሕን፣ ማዕርነትን ሓድነት፣ ተጻዉርነትን ጉሉጽነት፣ ማዕረ ዕድላትን ተሳተፍነት፣ ስኒትን ዕርቅን ካብቶም ቡዙሓት ቀንዲ መትከላት ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኢዮም። ካብዚ መሰረታዊን ጹኑዕን መትከላት ብምንቃል፣-ናይ ብዙሓት ጠለብ ኣብ ግምት ዘእቱ ደሞክራሲ፣ ደሞክራስያዊትን ቅዋማዊት

ሲቪክ ዘመናዊት ሃገር፣ ምርግጋጽ ግዝኣተ ሕጊን ጥዑይ ምሕደራ፣ ኣብ ኤርትራ ብናጻ ተሳትፎን ዕግበትን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝረገአ ሕብረተሰብ፣ ሃገር፣ መንግስትን ዜጋን ዝራጋገጸሉ ባይታታት ምምድማድ'ዩ። ህዝባዊ ልዑላዊ ፖሎቲካዊ ስልጣን፣ ብሕጊ፣ ህዝቢ ኤርትራ ዝላዓለ ወናኒ ፖሎቲካዊ ስልጣን ብግብሪ ምኻኑ። መሰሉ ንኣምን። ኣብ ፖሎቲካዊ ምጣኔ-ሃብታዉን ማሕበራዉን ምሕደራን ዉሳኔታት ሂወቱን፣ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ንጡፍ ተራ ከምዝህልዎ ምቅላስን ምስሳይን'ዩ።

3.2. ሃገራዊ ስኒትን ሰላም ክራጋገጽ፣ ንሕሉፍ ብሓርነጽነጻት ዝሓለፍናዮ መድረኻት መዛዘሚ ክግበረሉ፣ ንመጻኢ ንኩላትና ኤርትራዉያን ብሓባር ዘርባሓና ብሰላም ከንብረና ዝኽእል ሃገራዊ ዋዕላን ዋላን ከም ቀንዲ ሕዋም ተሓድሶ ከምዘድልየና ንኣምን። ሃገራዊ ስኒት መሰረት ናይ ሰላም ስለዝኾነ። ካብ ፖሎቲካዊ ፍጹምነት ርሒቕና፣ ኣብ እንካን-ሃባን ዝተመርኮሰ፣ ሓድ-ሕድ ምስ ኩሎም ዜጋታት ኢሂን-ሚሂን ብምባል፣ ንሓድ-ሕድ ምቅብባልን፣ ንሓድ-ሕድ ምክብባርን፣ ምጽዉዋርን መሰል ኤርትራዊ ዜጋ፣ መሰል ሲቪክ ሕብረተ-ሰብ፣ ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰልን ዝተነጸረ ግቡእን መሰል ዜጋ ተደንጊጉ ዝትግበረሉ፣ ብዘይ ገለ ኣፈላላይ ኣድልዎን ሓለፈታትን፣ ኤርትራዊ ብኤርትራዉነቱ ኩሩዕ ዜጋ ኮይኑ ዝነብረሉ ክዉንነት ንምርግጋጽ ንቃለስ።

3.3. ኣብ ምጣኔ-ሃብታዊ፣ ኣብ ኩሉ መዳያት፣ ማሕበራዉን ባህላዉን ዘየቋርጽ ዋሕዚ ቀጻልነት ዕብየት ዘለዎ፣ ምዕሩይ ኣገልግሎትን ማዕረ ብጽሒት ዝሰርዕ ኣታዓዳድላ ብሓደ ሚዛን ዝጥምት ዝያዳ ድማ ንኣዝዮም ህሱያትን ቡዱላት ቆላሕታ ዝልግስ ማሕበራዊ፣ ምጣኔ-ሃብታዊ፣ ፍትሒ፣ ሰላምን ምዕባለን ዝረጋገጸሉ ኩዉንነት ንምፍጣርን ንምስሳይን ንቃለስ። ብመሰረቱ ፖሎቲካዊ ፍልስፍና ሲቪክ ሃገርነት፣ ምርግጋጽ ናይ ዜጋ ሓርነት ስለዝኾነ፣ ሰብኣዊ ሓርነት ክራጋገጽ ምጣኔ-ሃብታዊ ሓርነት ክራጋገጽ ስለዝግባእ፣ ነዚ ንምርግጋጽ ዕዳጋ ዝዉስኖ ስርዓተ ምሕደራ ምጣኔ-ሃብቲ ክራጋገጽ ስለዝግብኦ ኣብ ኤርትራ ናጻ-ዕዳጋ ምጣኔ-ሃብታዊ ስርዓት ክራጋገጽ ንቃለስ።

3.4. ከም'ቲ ኣብ መትከላት ራኢናን ዕላማታትናን ዝገለጽናዮ። ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ብጹእን ካብ ጽግዕተኛነት ሓራ ዝኾነ ፖሎቲካዊ መስመር ስለ ዝኽተል፣ ዝምድናታትናን ምትእስሰራትናን፣ ምስ ሃገራትን ኣህዛብ ዓለም ዝህልወና ዝምድና፣ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ንምዕዋት ዝዓለመ ኢዩ። ብፍላይ ድማ፣ ምስ ጐረባብትና ሃገራት ኢትዮጵያ፣ ሱዳንን ጅቡትን የመንን ዝህልወና ዝምድና፣ ንናይ ሓባር ዕብየትናን፣ ሓባራዊ ናይ ጸጥታ ምትካል-ዋልታና ኣገዳሲ ግደ ክጻወት ስለ ዝኽእል፣ ምስ ኩለን ሃገራት ካብ ሻርነት ነጻ ዝኾነ፣ ፖለቲካዉን ምጣኔ-ሃብታዉን ስርርዓተን፣ ወይ ዓይነት መንግስታተን ብዘየገድስ፣ ካብ'ዚ ዘይዕጸፍ መትከላት ዲፕሎማስያዊ ሜላታትና ብምንቃል፣ ምስ ጎረባብትና ሃገራት ኣብ ሓባራዊ ረብሓታትን ምትሕግጋዛትን ዝሙርኮስ፣ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎ፣ ንሰላምን ቅሳነትን ዝመርሕ ዝምድናታት ፍሉይነት ሂብና ንክንሰርሓሉን፣ ልዑላውነትና ሕድ-ሕድ ኣኽቢርና፣ ኣብ ናይ ሓድ-ሕድ ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ከይተኣታተና፣ ንቐጻሊ ሰላምን ምጣኔ-ሃብታዊ ምዕባሌን ብሓባር ክንሰርሕ ንቃለስ።

<u>ዓንቀጽ.4. መሰረታዊ መትከላት ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ፖለቲካዊ ናጽነትን ደሞክራስያዊ መሰላት ዜጋታትን ፤-</u>

ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቃስ ኤርትራ፤ ሰብኣዊ መሰል ምኽባር፣ ዘይሕከኽ ውልቃዊ መሰልን ሓርነት ወዲ-ሰብ፣ ብሕጊ ተፈጥሮ ደቂ-ሰባት ዝተዓደለ መሰረታዊ ህያብ ድኣ'ምበር፣ ብድሌት ደቂሰባት ዝዕደልን ዝገሃስን መሰል ከምዘይኮነ ብመትከል ንኣምን።

ኣብ ጽላል ሃገራዊ ቅዋምን ስርዓት ሕግን፣ መበቆልካ ሕብርኻ፣ ዓሌትካ፣ ባህልኻ ቛንቋኻ ናይ ፖለቲካ ስነሓሳብካ ወይ ዝኾነ ዝጥርንፈካ እምነት ፍልልያቱ ብዘየገድስ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ሕጊ ብማዕረ መሰላት ዘኽብር ዘውሕስ ሕጊ ክህሉ፣ ብምኽብባር ማሕበራዊ ዝምድናታት ደቂሰባት ካብ ዉልቀ ዜጋ ጀሚሩ፣ ናይ እኩብ/ሓባራዊ/ መሰላቶም ክኽብር፣ ሓደ ካብቲ ዘይንጸል ዘይሕከኽ መትከል ሰብኣዊ መሰላት ምዃኑ ንኣምን።

እዞም ውልቃውን ሓባራዊ ማሕበራዊ መሰላትን፣ ብመንግስቲ፣ ወይ ብናይ ፖለቲካ መራሕቲ ፍሉይ-ረብሓ ጉጅለ ደቂ-ሰባት ፈቲኻዮ ዝዕደል፣ ወይ ስለዘይደለኻዮ ዝገሃስ መሰል ኣይኮነን። ብቅዋምን ስርዓት ሕግን ይኽበር፣ ብህዝብን ሲቪክ ትካላት ክወሓስ ድማ ሕጋውን ደሞክራስያውን ምዃኑ ብመትከል ኣሚና ክነረጋግጾ ንቃለስ። ካብዚን ክልተ ኣድማሳዊ መትከላት ሰብኣዊ መሰላት ብምብጋስ፣-

4.1. ዝኾነ ዜጋ፣ ምስ ቅዋምን ስርዓት ሕግን ዘይጻረር፣ ውልቃዊ ናጽነቱ ሓልዩ ኣብ ዝመረጾ ቦታ ክነብር፣ ካብ ሃገሩ ናብ ዝደለዮ ክኣቱ ክወጽእ፣ ከም ድሌቱ ብዘይፍርሒ ናይ ምንቅስቓስ መሰሉ ክኽብር ይግባእ።

4.2. ዝኾነ ዜጋ፣ ምስ ቅዋም ስርዓት-ሕግን ዘይጻረር፣ ኣብ ሃገር ዘሎ ኩሉ ዓይነት መሰላት ብዘይኣድልዎ ብማዕረ ክረክብ ይግብኦ። ካብ ሃብትን ጸጋን ሃገር፣ ጸማ ረሃጹ ማዕረ መሰል ተጠቃምነት ክህልዎ ዘይሕከኽ መሰሉ ክኽብር ከምዝግብኦ ብመትከል ኣሚና ንቃለስ።

4.3. ዝኾነ ዜጋ ዕድሚኡ 18 ዝበጽሔ፣ ቅዋምን ስርዓት ሕግን ዘፍቅዶ ፣ ኩሉ ናይ ዓቕሚ ኣዳም ዝህቦ ሕጋዊ መሰላቱ ክረጋግጽ ይግብኦ። ክመርጽን ክምረጽን ዘለዎ መሰላት ክኽብር ይግብኦ።

4.4. ዝኾነ ዜጋ፣ ምስ ቅዋምን ስርዓት ሕግን ዝጻረር ዘይሕጋዊ ተግባር ክሳብ ዘይፈጸመ፣ ብዘይፍርሕን ስግኣት ክንቅሳቐስ መሰሉን ውልቃዊ ናጽነቱ ክኽብር ይግብኦ።

4.5. ዝኾነ ዜጋ፣ ምስ ቅዋምን ስርዓት ሕግን ዝጻረር ዘይሕጋዊ ተግባር እንተፈጺሙ፣ ብሕጋዊ መርትዖ ሕጋዊ ቤት- ፍርዲ ገበነኛ ኢሉ ገበናዊ መቕጻዕቲ ክሳብ ዘይወሰነ፣ ዝኮነ ዜጋ ናጻን ንጹህን እዩ።

4.6. ዝኾነ ዜጋ፣ ቅድሚ ውሳኔ ቤትፍርዲ ዘይሕጋዊ ተግባር ፈጺሙ ተባሂሉ እንተተጠርጢሩ፣ ተፈጺሙ ዝበሃል ገበንን መርትዖኡን ንምርግግጽ፣ ወይ መርትዖን መሰኻኽርን ከይጠፍኡን ንገበን ምክልኻል፣ ወይ ዝተጨበጠ መርትዖ ንምእካብ የድሊ`ዩ ዝብል እምነት ናይ ዝምልከቶም ኣካላት ምስዝህሉ፣ ዝተጠርጠረ ሰብ፣ ወይ ሰባት፣ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ማእሰርቲ ኣትዩ መርመራ ክግበረሉ ይግብኦ ዝብል ናይ ፖሊስ፣ኣከባር ሕጊ፣ ወይ ጸጥታ፣ ዝምልከቶም ኣካላት እምነትን ናይ ስራሕ ሓላፍነቶም ግዴታ ክፍጽሙ ምስዝደልዩ፣ ንቤት-ፍርዲ ብሕጊ ይሓቱ።

4.7. ቤትፍርዲ ንጥርጡር ክእሰር ክምርመር ኣድላዪ ኮይኑ እንተረኪብዎ፣ ንዝተጠርጠረ ሰብ ክእሰር ትእዛዝ ይህብ፣ ብዋራንት ሰነድ መእሰሪ ፍቓድ ቤትፍርዲ ይእሰር። ናይ ምእሳር ፍቓድ ዋራንት ናይ ቤትፍርዲ ሕጋዊ ኣገባብ ብቤት ፍርዲ ከይተዋህበ፣ ፖሊስ፣ ወይ ጸጥታን፣ወይ ዝኾነ በዓል ስልጣን ክኣስሩ፣ መሰልን ውልቃዊ ናጽነትን ዜጋታት ክግህሱ፣ ብመሰረቱ ሕጋዊ ስልጣን ስለዘይብሎምን፣ መሰል ጥርጡር ብሕጊ ክኽበር ይግብኦ።

4.8. ዝኾነ ዜጋ ብኣፍልጦን ሕጋዊ ትእዛዝ ቤት- ፍርዲ ዋላ እንተተኣሰረ፣ ቅዋምን ስርዓት ሕግን ዘፍቅዶ ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ክኽብር ይግብኦ። ናይ ጠበቓ መሰል፣ ምስ ስድራቤቱ ናይ ምርካብ መሰል፣ ናይ ሕክምና ክንክን መሰል፣ ኣብ መነባብሮ መኣዛ ዘለዎ መግቢ ክረክብ መሰሉ ይኽበር። ብኣንጻሩ ምፍርራሕ ማህረምቲ፣ወይ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ፖሊስን ጸጥታን ብሕጊ ኣይፍቀድን።

4.9. ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስና፣ ኩሉ ናይ ምውሳን መሰልን ስልጣንን ናይ ህዝቢ`ዩ ዝብል መሰረታዊ ዘይቅየር መትከል እምነቱ ደጊሙ እናረጋገጸ፣ ኣብ ዘካይዶ ሲቪክ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ንመትከላዊ እምነቱ ዘረጋግጽ፣ ዘሓይል፣ ዘውሕስ

ኢሉ ዝኣምኖ፣ ዝምርሓሉ ኣገባብ ቃልስን ፖሊሲታቱን የነጽር። ህዝቢ ደሞክራስያውን ሕጋውን መሰላቱ ንምርግጋጽ፣ ንዘረጋግጾ መሰል ንምውሕስ፣ ብሓባር ብሰላም ናይ ምንባር ዋሕስና ናብ መጻኢ ወሎዶታት ጽቡቕ ውርሻ ንምስግጋር፣ ድልዱል መሰረት መታን ከንጽፍ፣ ንቑሕ ተሳትፎ ህዝቢ ከምዘድሊ ብመትከል ንኣምን።

4.10. ንቑሕ ተሳትፎ ህዝቢ ግብራውነቱ ንምርግጋጽ፣ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ውዳቤ ክህልዎ ይግባእ። ህዝቢ በብሞይኡ፣ በብማሕበራዊ ጉጅልኡ፣ ናጻ ህዝባዊ ትካላት ብደሞክራስያዊ ኣትሓሳስባ ዓምቢቡ፣ ናብ ደሞክራስያዊ ትካላት ምህናጽ እንተተሰጋጊሩ፣ ልዕልና ሕጊ ይነግስ፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ይኽብር፣ ይውሓስ ዝብል መትከል ንኣምን።

4.11. ናጻ ደሞክራስያውያን ማሕበራት፣ ወይ ህዝባዊ ትካላት ማለት ድማ፣ ከም ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፣ ማሕበር ሰራሕተኛታት፣ ማሕበር መንእሰያት፣ ማሕበር ደቂ- ኣንስትዮ፣ ማሕበር ሓረስቶት፣ ማሕበር ስንኩላን፣ ማሕበር ሓርበኛታት፣ ማሕበር ኩሉ ዓይነት ሞያ፣ ከም ኣብነት፣ ማሕበር ጋዜጠኛታት፣ ማሕበር ሓካይም፣ ማሕበር ናይ ሕጊ ኪኢላታት/ ጠበቓታት/ ማሕበር መማህራን፣ ማሕበር ነጋዶ፣ ማሕበር መጓዓዝያ፣ ማሕበር ስነ-ቑጠባ፣ ማሕበር ስነ-ጥበባውያን፣ ማሕበር ድሕነት/ኣንጻር/ ብከላን ልምዓትን፣ ማሕበር ተጣበቕቲ ህጻናት፣ ማሕበር ረድኤትን ምትሕግጋዝን፣ ዝተፈላለያ ዘይመንግስታውያን ትካልትን፣....ወዘተ ከም ናጻ ማሕበራት ምስዝቐማ፣ ደሞክራስያዊ መሰረትን በርጌሳዊ ፈልስታት የንጽፉ፣ ልዕልና ሕጊ የንግሳ የውሕሳ፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ኣብ ምኽባር ምውሓስ ንጡፍ ተራ ይጻወታ ዝብል መትከል ንኣምን።

4.12. ህዝብን ሃገርን ብሰላም ክነብር፣ ጎደና ልምዓት ክጎዓዝ፣ ምስ ጎረባብቱ ዓለምና ተከባቢሩ፣ ኣብ ማዕረ ምክብባር መሰል ልኡላውነት ዝተሰረተ፣ ኣብ ኩሉ ዓውድታት፣ ንሓባራዊ ረብሓ ህዝቢ ዘገልግል፣ ውዕላት ክግበር ብሸርክነት ዘመናዊ ናይ ሳይንስን ተክኖሎጂን ትካላት መጽናዕትን ምርምርን ንምህናጽ፣ ህዝብን ሃገርን ድልዱል መሰረት ክረጋግጽ ይከኣል ዝብል መትከል ንኣምን።

4.13. ኣብ ቅዋምን ሕጊ ሰልፍታትን ዝተሞርኮሰ፤ ሕጋውያን ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት ክህልዋ፤ መንግስቲ ብብዝሒ ሰልፍታት ክቖውም፤ ሕጋውን ደሞክራሲያውን እዩ ዝብል መትከል ንኣምን።

4.14. ኩለን ናይ ፖለቲካዊ ሰልፍታት፣ ዝተጠቕሳ ናጻ ደሞክራስያውያን ህዝባዊ ትካልት፣ ንዝጎደለ መሰል ደጊመን ንምርግጋጽ፣ ወይ ክህብትም ክዛይድ ዝግብኦ ምዕባሌታት ንምርግጋጽ...ወዘተ፣ ሰላማዊ ሰልፍታት ምክያድ፣ ናይ ጽሑፍ ፊርማታት ዘለዎ ጥርዓናት (petitions) ምግባር፣ ዘይሕከኽ መሰል ክረጋገጽ ሕጋውን ደሞክራስያውን እዩ ዝብል መትከል ንኣምን።

4.15. ምስ ቅዋምን ሕግታት ስልፍን ዘይጻረር፤ ዝኾነት ሰልፊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን ኅስጋስን ክትገብር ናጽነታ ሕሉው ይኸውን። ኣብ ግዜ ምርጫ ዘድሊ ባጀት መሳለጥያ መራኸቢታት...ወዘተ ንምርካብ፤ ናይ ኩለን ሰልፍታት ማዕረ መሰል ብዘይኣድልዎ፤ ማዕርነታዊ ኣገባብ ዘረጋግጽ መሰል ክኽብር ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

4.16. ዝኾነ ዜጋ፣ ምስ ቅዋምን ሕጊ ሰልፍታትን ዘይጻረር፤ ኣብ ዝመረጾ ሰልፊ ኣባል ክኸውን መሰሉ ዝተሓለወ ክኸውን ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

4.17. ዝኾነ ዜጋ፣ ምስ ቅዋምን ሕጊ መራኸቢ-ቡዙሓ (Press) ዘይጻረር፣ መሰል ናጻ ፕረስ ክኽብር ይግብኦ። ናጻ ሓሳባት ናይ ምግላጽ ምጽሓፍ መሰል፣ ናይ ምንቃፍ ምቅዋም መሰል፣ ብሕታውያን ጋዜጣ ናይ ምዝርጋሕ መሰል ክኽብር ክረጋገጽን ክወሓስን ከምዝግብኦ ብመትከል ንቃለስ።

<u>**ዓንቀጽ.5. ምጣኔ-ሃብታዊ ፍትሒ፣መሰላትን ተጣቃምነት ዜጋታት፣**</u> -

5.1. ምጣኔ-ሃብታዊ ምዕባሌ ሃገርና ንምርግግጽ፣ ኣብ ቅዋም ዝተሞርኮሰ፣ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ብሕጋዊ ኣካል ዝተወሰነ ምጣኔ-ሃብታዊ ፖሊሲ ክህሉ ሕጋዊ ይኸውን ዝብል መትከል ንኣምን። ምጣኔ-ሃብቲ ሃገረ ኤርትራ፣ ግላዊን ህዝባውን ጽላታታት ዘፍቅድ፣ ንግላዊ ጻዕርን ዋንነትን ሃብትን ዘተባብዕን ክኸውን፣ ኤርትራውያን ኣብ ዝመረጽዎ ዓውደ ስራሕ ክነጥፉን፣ ናይ ጻማ ርሃጾምን ተጠቀምቲ ክኾኑን ብመትከል ንኣምን።

5.2. ምጣኔ-ሃብታዊ ውጥንን ማክሮ ፖሊሲ፣ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ምጣኔ-ሃብታዊ ልምዓት ፕሮጀክት፣ ብሞያውያን ስነምጣኔ-ሃብታዊ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ክኸውን ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

5.3. ብክኢላታት ምጣኔ-ሃብቲ ብመጽናዕቲ ዝተነድፈ ምጣኔ-ሃብታዊ ልምዓት ፕሮጀክት፣ ሃገራዊ ባይቶ ክጽድቖ ይግባእ። ንኣፈጻጽምኡ ዝምልከት፣ ፍሉይ ናይ ምቁጽጻር መካኒዝም ዘረጋግጽ ተሓታትነት ክህልዎ ይግባእ ዝብል መትከል ንኣምን።

5.4. ምጣኔ-ሃብታዊ ናይ ልምዓት ፖሮጀክት፣ ብውጥን ስርዓተ ባጀት ክስነ ይግብኦ። ስርዓተ ባጀት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሚኒስትሪታት ይኹኑ ካልኦት መንግስታውን ሲቪላውን ትካላት ዘድሊ ባጀት ድማ ብክኢላታት ተነዲፉ፣ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ጸዲቑ ግብራውነት ክህልዎ ይግባእ ዝብል መትከል ንኣምን።

5.5. ኩሉ ኣታውን ወጻኢን ባጀት ሃገር፣ ካብ መንግስታዊ ኣካላት ናይ ፖለቲካዊ ጽልዋን ጸቕጥን ናጻ ዝኾኑ፣ ኣብ ስርሖም ውዲትን ጣልቃ ምትእትታው ሰበ ስልጣናት ዘይግበረሎም፣ ብሕጋዊ ኣገባብ ዋሕስና ስርሖምን ሂወቶም ዘረጋግጽ፣ ግሉጽ ኣሰራርሓ ናይ ሕሳብ ተቖጻጸርቲ ኪላታት ብናጻ ክቆጻጸሩ መሰሎም ክኽበር ይግብኦ።

5.6. ኩሉ ሃብቲ ሃገር ኣብ መሬት፣ ትሕቲ መሬትን ባሕሪን ዘሎ ጸጋን ሃብትን፣ ብናይ ክኢላታት ምኽሪን መጽናዕትን፣ ሃብቲ ሃገር ከይበላሾ፣ ከይብከል ምክልኻል ዋሕስነቱ ምርግጋጽ ህዝብን መንግስቲ ሓላፍነት ክስከም፣ ህዝቢ ድማ  ኣፍልጦ ሃልይዎ ናይ ምክልኻል ግዴታ ክወስድ፣ እኹል ግሉጽ ሓበሬታን ኣስተምህሮን ክወሃቦ፣ ናይ ምፍላጥ መሰሉ ክኽብር ከምዝግብኦ ብመትከል ንኣምን።

5.7. መንግስቲ ናይ ሚኒስትሪታቱን ኣካላቱን ዓመታዊ፣ወይ ዝያዳ ዓመታት ዝተሰልዔ ባጀት፣ ኣታዊ ወጻኢ፣ ኣገልግሎቱን ወጽኢታቱን፣ መክሰቡን ክሳርኡን፣ ወይ ዝተገብረ ወጽኢቱን ምዕባሌታቱን ንህዝቢ ከፍልጥ፣ ብንጹር ኣሃዛዊ-ጸብጻብ ግሉጽ ሓበሬታ ክህልዎን ክዝርግሕን፣ ብግሉጽነት ከሰርሕ ህዝቢ ናይ ምፍላጥ መሰሉ ክኽብር ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

5.8. ዝኾነ ዜጋ፣ ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን ዝህቦ መሰል፣ ካብ ሃብቲ ሃገሩ ብዘይዝኾነ ኣድልዎ ብማዕረ መሰል ተጠቃምነት ክህልዎ ቀዋሚ መሰሉ ምኻኑ ንኣምን።

5.9. ህዝቢ ኤርትራ፣ ምስ ማሕረስን መጓሰን፣ ምስ መሬት ዝተዛመደ ማሕበረ-ምጣኔ-ሃብታዊ  መነብብሮ ስለዘለዎ፣ ዋንነት መሬት ምስ ጭቡጥ ናብራ ህዝቢ ዝተዛመደ ሕጋዊ ኣገባብ መሰል ዋንነት፣ መሰል

ተጠቃምነትን ከረጋግጽ ይግብኦ። ምኽንያቱ ሕቶ መሬት ምስ ምጣኔ-ሃብታዊ ምዕባሌ ነዊሕ ዝጠመተ፣ ንመጻኢ ወሎዶታት ኣብ ግምት ዘእቱ ክኸውን ከምዝግብኦ ብመትከል ንኣምን።

5.10. ዋንነትን መጽናዕትን መሬት፣ ብክኢላታት ዝምራሕ፣ ለባማትን ዓበይቲ ዓድን ዝርከቡዎ፣ ካብ ኩሉ ከባቢታት ኤትኒክ-ጉጅለታት ብግቡእ ብማዕረ ዘሳትፍ ፍሉይ ኣካል ክምዘዘ ይግብኦ። ዝቖውም ኮሚሽን ትሕዞ መሬት ኣብ ክዉንነት መነባብሮ ህዝቢ ዝሙርኮስ ዝተጨበጠ መጽናዕቲ ከካይድ የድልዮ።

5.11. መጽናዕቲ ኮሚሽን ንሕቶ መሬት ብዕትበት ጠሚቱ፣ ብናይ ሓጺር መደብ ዝርአ ጉዳይ ስለዘይኮነ፣ ናይ ነዊሕን ሓጺርን ውሳኔታቱ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ምስ ጸደቐ፣ ቅድሚ ትግባሬኡ ናብ ህዝቢ ወሪዱ ብረፈረንዱም ክጸድቕ ይግብኦ። ብዝተጨበጠ ሓዲሽ ምዕባሌ ምስዘጋጥም፣ ኣብ ቅዋምን ስርዓተ ሕግን መሬት፣ ብሓዲሽ ምዕባሌ ዝቕይድ ሕጊ ዳግማይ ብኣዋጅ ከመሓየሽ ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

## <u>ዓንቀጽ.6. ኢንዱስትሪ፣ ንግዲን ሕርሻን</u>

6.1. ኣብ ኢንዱስትሪ ብውጥን ኪኢላታት ብመጽናዕቲ ክካየድ፣ንልምዓት ሃገር ዘሰጉም፣ ስራሕ ዝፈጥር ሰደድ ዘዕቢ፣ ማሕበራዊ ናብራ ዜጋታት ዘመሓይሽ ዘውሕስ ውጥን ምጣኔ-ሃብታዊ ልምዓታዊ ኣገባብ ኣብ መጽናዕቲ ሞያውያን ክሙርኮስ ንኣምን።

6.2. ንግዲ፣ ዓለምና ኣብ ቑሸት ተቐይራ ስለዘላ፣ ምጣኔ-ሃብታዊ ውድድርን ብሕትውናን ስለዝዓብለላ፣ ምጣኔ-ሃብታዊ ልምዓት ብሽርክነት ስለዝኸይድ፣ ብሞያውያን ዝተጸንዐ ናይ ንግዲ ኣገባብ ብሕጊ ክውሰን ይግብኦ። ኣብዚ ብንጹር ክጥቀስ ዝግብኦ ብሕታዊ ዋንነት ንግዲ መሰል ኩሉ ዜጋ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብማዕረ ክኸብር ይግብኦ። መንግስቲ ንዜጋታቱ ኣብ ንግዲ ፍርያምነቱ ክዓቢ፣ ከማዕብል፣ ሓበሬታን ኣፍልጦን ከስፍሕ፣ ናይ ንግዲ ኣታውን ወጻኢን ኣህጉራዊ ግዴታ ባንክን ካልእ ዘድሊ ረቛሕታት ክሕግዝ ግዴታ ከምዘለዎ ንኣምን። ብመንግስቲ ዝውነኑ ንግዳዊ ወይ ትካላት ምንጪ ኣታውታት ብሕጊ ንጹር ክኸውን ይግብኦ።

6.3. ሕርሻ፣ እዚ ዓውድ`ዚ ንዝሰፍሐ ክፋል ህዝብና ስለዝውክል፣ ህዝብና ኣብ ሕርሻን መጓሰን ምስ መሬት ዝተኣሳሰር ማሕበራዊ ናብራ ምህላው ከም ርዱእ ተወሲዱ፣ ምስ ምጣኔ-ሃብታዊ ምዕባሌ ሃገርና፣ ምስ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣና ዝሰማማዕ፣ ብሳይንስን ተክኖሎጅን ዝተሰነየ፣ ዘመናዊ ሕርሻ ምምዕባል ኣማራጺ ዘይብሉ ግድነታዊ መስርሕ ምጣኔ-ሃብታዊ ምዕባለ ስለዝኾነ፣ ፍርያት ኢንዱስትሪ ንምዕባይ፣ኣድለይቲ ጥረ ነገራት ኣብ ሃገር ንምፍራይ፣ ሕርሻ ሃገርና ምስ ዘመናዊ ኢንዱስትሪን ንግድን ከምዝተኣሳሰር ፍሉይ ቆላሕታ ተዋሂብዎ ግዜ፣ ጻዕርን ፍሉይ ባጀትን ከምዘድልዮ ብመትከል ንኣምን።

6.3.1. ሕርሻ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ፖሮጀክት ስለዝኾነ፣ ሓረስቶት ሃገርና፣ ዘመናዊ ሕርሻ ንምምዕባል፣ ናይ መንግስትን ሞያውያንን ኩሉ ዓይነት ሓገዝ የድልዮም። ሞያዊ ምኽሪ፣ ተክኒካውን ገንዘባውን ሓገዝ ምሃብ፣ ኣገባብ ዘመናዊ ሕርሻ ትምህርትን ስልጠና ምሃብ፣ ናይ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን መድሃኒት ምጥቃም፣ ዓይነት ዘርእን ናይ መሬት መርመራ ምክያድ፣ ምግራብ ምክልካል ፍግረ መሬት፣ ኣጠቓቕማ ማይ፣ ናይ ማሺነሪ ሓገዝ የድልዮም ዝብል መትከል ንኣምን።

6.3.2. ናጻ ማሕበር ሓረስቶት ቆይሙ፣ ንልምዓታዊ ሓገዝ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምርካብ፣ ኣብ ባይታ ዝትግበር ዘመናዊ ፖሮጀክት ምቕራብ የድሊ። ኩሉ ድማ

ናይ ሞያውያን መጽናዕቲ ከም ቀዳማይ መደብ ተሰሪዑ ክስርሓሉ ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

**<u>ዓንቀጽ.7. ማሕበራዊ መሰላት ዜጋታት፣-</u>**

ህዝቢ ኤርትራ ካብ መፋርቕ 1950ታት ጀሚሩ ምስ ናይ 30 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ፣ ምስ ናይ 1998-2000 ዝተኻየደ ውግኣት ተደሚሩ፣ ብኢትዮጵያ ዝተፈጸመ በደልን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን፣ ኣብ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ህዝብና ዝፈጠሮ ምዝንባልን ጉድኣትን፣ ንህዝብና ኣብ ማሕበራዊ ሂወቱ ንድሕሪት ከምዝመለሶ ምስክርነት ዘየድልዮ ናይ ታሪኽ ሓቀኛ ፍጻሜ ምኻኑ ብመትከል ንኣምን።

ንምሕዋዩ ድማ ግዜን ጻዕርን ሓገዝን ከምዘድሊ፣ ናይ መንግስትን ናይ ኩሉ ዜጋ ጾርን ሓላፍነትን ኢዩ ኢልና ንኣምን። ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ንኩቡር ዋጋ ማሕበራዊ ምዝንባል ህዝቢ ኤርትራ ከም ክቡር ዋጋ ናጽነቱ፣ ክቡር ዋጋ ሕጋዊ ልኡላውነቱ፣ ከም ክቡር ዋጋ ሕጋዊ ኤርትራዊ መንነቱ፣ ከም ክቡር ዋጋ ታሪኻዊ ዓወቱ ምዃኑ ስለንኣምን፣ ንማሕበራዊ ምዝንባል ህዝቢ ዋጋታቱን፣ ጻዕርን ጻማን ታሪኻዊ ዓወቱ ነሞግስ፣ ነኽብር። ንምሕዋዩ ዝካየድ መደባት ከነረጋግጽ ከነውሕስ ብመትከል ንኣምንን ንቃለስን።

7.1. ስድራቤት ስውኣት፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መሪር ቃልሱ፣ በጃ ህዝብን ሃገርን ዝወደቑ ደቁን ኣሕዋቱን ኣለዎ። ስውኣትና ዋጋ ናጽነትና፣ ዋጋ ልኡላውነትና፣ ዋጋ ሕጋዊ ኤርትራዊ መንነትና ስለዝኾኑ፣ ዋላ`ኳ መብጽዓን ሕድሪን ስውኣትና ተጠሊሙ እንተሎ፣ ኣብ ልዕሊ ስውኣትና ልዑል ክብሪ ኣለና። ብዙሓት ስድራ-ቤት ስዉኣት ምንባይ ከምዘድልዮም ናይ ሕልናን ሞራላውን ጉዳይ፣ ወይ ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ጥራይ ዘይኮነ፣ ማሕበራውን ሃገራውን ግዴታን ኩሉ ዜጋ ኢልና ንኣምን።

7.2. ስድራቤት ስውኣት ምንባይ ኣብ መጽናዕቲ ዝሙርኮስ ቀጥታዊ ሓገዝ ኣብ ኢድ ስድራቤት ዝበጽሕ፣ ወይ ፍሉይ ናይ እቶት ምንጪ ዘረጋግጽ ትካል ምህላው፣ ወይ ካልእ ብዙሓት ኣምራጺታት ኣለዉ ብመደብ ምትግባር ማለት እዩ። ዝስርሓሉ ዘሎ ፖሊሲ ከም ሓሳብ ቅዱስ`ኳ እንተኾነ ኣገባቡ ዘይንጹር፣ ተጠቓምነቱ ውሑስ ዘይኮነ ፖሊሲ፣ ብዝማዕበለ ኣገባብ ምምሕያሽ ከምዘድልዮ ንኣምን።

7.3. ስንኩላን፣ በጃ ህዝብን ሃገርን ክብሉ፣ ዕድመ ንእስነቶም ዘይጸገቡ ስንኩላት ኣሕዋትና ኣለዉ፣ እዚኦም`ውን ልክዕ ዋጋ ናጽነትና፣ ዋጋ ሕጋዊ ልኡላውነትን፣ ዋጋ ሕጋዊ ኤርትራዊ መንነትና ስለዝኾኑ፣ ኣብ ልዕሊ ስንኩላትና ልዑል ክብሪ ኣለና። ሞራላውን ኣእምሮኣውን ኩነታቶም ንምሕብሓብ፣ ኣፍረይቲ ዜጋታት ምዝኾኑ ናይ ምግባር፣ ጾርን ዕዳን መንግስትን ህዝብን እዩ። ኣካልቶም ዋላ እንተሰንከለ፣ ኣእምሮኣዊ ኩነታቶም ስለዘይሰንከለ፣ ብጀካ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ጾርን ሓላፍነትን ምስካም፣ ብተወሳኺ ዝተፍላለየ ፕሮጀክት ኣማዕቢልካ፣ ኣህጉራዊ ሓገዛት ረኺብካ ሓደ ካብ ዝዓበየ መደብ ንምትግባር ተስታፍነትን ሓልፍነት ኩሉ ዜጋ ኢዩ ኢልና ንኣምን።

7.4. ሓርበኛታት፣ ህዝቢ ኤርትራ ብሐርበይናዊ ቃልሱ ብኩብር ዋጋታቱ፣ ናጽነት፣ ሕጋዊ ሉኡላውነት፣ ሃገራዊ ኤርትራዊ መነንት ስለዘረጋጸ፣ ንህዝቢ ኤርትራን ሓርበኛዊ ባህርያቱን ልዑል ኣኽብሮት ኣለና። ህዝቢ ኤርትራ ሓርበኛዊ ህዝቢ እዩ። እንተኾነ እቶም በጃ ህዝብን ሃገርን ካብ ማሙቕ ገዘኦም ዝወጹ፣ ኣብ በረኻ ንዓመታት ንሕሰምን ከቢድ ውግእን ናይ ሂወት መሪር ኩነታት በዲሆም ዝሰገሩ፣ ዕድመ ንእስነቶም ዝወፈዩ፣ ከም ሰቦም ናይ ምምሃር፣ ምስራሕ፣ ምሕራስ፣ ምንጋድ ወዘተ መሰል ዘይረኸቡ፣ ጌና`ውን ሕጂ ኣብ ትሕቲ ዘይሕጋዊ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ኣለዉ። ግቡእ ማሕበራዊ ክብሪ

ከይረኸቡ ክርተት ዝብሉ ዘለዉ፣ "ተጋደልትን መንእሰያት ኣገልግሎትን"፣ ንክብሪ ህዝብን ሃገርን ዘርኣይዎ ተወፋይነትን ጽንዓትን፣ ዝተሰከሙዎ ሃገራውን ታሪኻውን ሓላፍነት፣ ንሓርበኛዊ ተግባራቶም ነምስግን ነኽብር። ማሕበራዊ ክብሪ ተዋሂብዎም፣ ካብ ሰራዊት ወጺኦም ናብ ንቡር ሰላማዊ ሲቪላዊ ሂወት ተመሊሶም፣ ማሕበራዊ ናብራ ከስተማቕሩ ክጣየሱ፣ ጻማን መሰል ጡረታን... ወዘተ ንምርካብ፣ ሕጋዊ መሰሎም ንምኽባር፣ ጸር ህዝብን መንግስትን ምኻኑ ንኣምንን ነኽብርን፣ ንምውሓሱ ድማ ብመትከል ንቃለስ።

## ዓንቀጽ.8. ማሕበራዊ መሰል ኣገልግሎት ህዝብን ግዴታ መንግስትን

ዝኾነ ዜጋ፣ ብቅዋምን ስርዓት ሕግን፣ ብዘይኣፈላልይ፣ማዕረ መሰል ኩሉ ዓይነት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክረክብ ኣለዎ ዝብል መትከል ንምርግጋጽ ንቃለስ።

8.1. መሰል ክንክን ጥዕናን ስሓን፣ ጥዕና ዜጋታት ምርግጋጽ ዕድመ ይውስኽ፣ ኣፍራይነቱ ይዓቢ፣ ኣብ ሞንጎ ዝውለዱ ቆልዑት ብፍቕሪ ወለዲ ከይዘኽተሙ ክዓብዩ፣ ዓቕሚ ኣዳም ከበጽሑ ይሕግዝ ዝብል መትከል ንኣምን።

8.1.1. ዝኾነ ዜጋ፣ ብቅዋምን ስርዓት ሕግን ዘመናዊ ናይ ጥዕና ክንክን ማዕረ መሰል ክረጋጽ ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

8.1.2. ጥዕና ዜጋታት ንምውሓስ፣ ቀዘፍትን ተላጋብትን ሕማማት ንምክልካል፣ ዘድሊ ኣስተምህሮ ምሃብን፣ ዘድሊ ሞያዊ ምክሪን ተክኒካዊ ሓገዝን ምርካብ፣ ማዕረ መሰላት ክረጋገጽ ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

8.1.3. ጥዕና ዜጋታት ንምውሓስ፣ ሰብ ሞያ ሕክምና ምዕባይ ሓደ ካብ ቀዳምነታት ሕብረተሰብ ምህናጽ ስለዝኮነ፣ ብመጽናዕትን ኣህጉራዊ ሽርክነትን ክስርሃሉ ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

8.1.4. ምስ ዓለማዊ ምዕባሌ ፖሮጀክት፣ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ጥዕና ውድብ፣ ምስ ውልቀ ሃገራትን ናይ ሳይንስ ምርምር ዘካይዳ ትካላትን ብሽርክነት ምስራሕ፣ ቅኑዕ ዓዳሚ ዝኾነ ፖሊሲ ምሕንጻጽ የድሊ። ዝትግበር ፖሮጀክት መደባት ምድላው ናጽነትን ተሳታፍነት ሞያውያን ኤርትራውያን ወሳኒ ተራ ምኻኑ ብመትከል ንኣምን።

8.1.5. ኣብ ግዜ ሕርሲን ጥንስን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ገጠራት ዝርኣዩ ጸገማት ንምቅላል፣ ብዝሒ ሞት ደቂ ኣንስትዮ ንምውሓድ፣ በብደረጃ ንምውጋድ፣ ሓደ ካብ ድሕነት ኣፍራዪ ማህጸን ምዕቃብ ስለዝኾነ፣ ዋላካ ጻዕርታት ተካይድዎ ለውጥታት እንተለዎ፣ ዝያዳ ክምዕብልን ክሰፍሕን ፍሉይ ኣተኩሮ ከምዘድልዮ ንኣምን።

## ዓንቀጽ.9. መሰል ትምህርቲ ዜጋታት፣-

ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ህዝብን ሃገርን ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ፣ -ዝኾነ ዜጋ፣ ብቅዋምን ስርዓት- ሕግን፣ ካብ 1ይ ክፍሊ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ክቕጽል፣ ሞያዊ ብቕዓቱ ክብ ንምባል ማዕረ መሰል ክህልዎ ይግባእ ዝብል መትከል ንኣመን።

9.1. ዝኾነ ዜጋ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፣ ኣብ ምዱብ ቤት-ትምህርቱ ክውድእ መሰሉ ክኸብር ከምዝግብኦ ብመትከል ንኣምን። ኣብ ሳዋ ኣብ ወትሃደራዊ ቦታ መደብ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ምኪያድ ብመሰረቱ ዘይሕጋዊ ተግባር'ዩ ኢልና ብመትከል ንኣምን።

9.2. ናይ ሓደ ሃገር ዝለዓለ ጸጋ ወይ ሃብቱ ሰብኣዊ ዓቕሙ'ዩ። ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዝለዓለ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ምምዕባልን ምስፋሕን፣ ዜጋታት ነብሶም ብሞያዊ ብቕዓት ሃኒጾም፣ ናብርኦም ዘምሓይሹ፣ ተመሊሶም ሃገሮም ኣብ ምምዕባል ዝለዓለ ተራ ዝጻወትሉ፣ ናብ ወጻኢ ሃገራት ብምልኣኽ ምያዊ ብቕዓት ዝሰፍሓሉ፣ ኣብ መጽናዕቲ ዝሙርኮሰ፣ ሓገዛት ዝርከበሉ ኣገባብ ምርካብ ንኣፍራይነቱ ንምሕያል ከምዝድሊ መትከል ንኣምን።

9.3. ሃገርና ምስ ኩሉ ዘጋጠማ ዕንወት፣ ዜጋታታ ዝለዓለ ናይ ሳይንስን ተክኖሎጅን ትምህርቲ ክረኽቡ፣ ዜጋታት ብሞያዊ ብቕዓት ክስልጥኑ፣ ኣብ መጽናዕትን ምርምርን ዝተሰረተ ፖሊሲ ትምህርቲ ምምሕያሽ የድሊ። ምስ ዓለምና ዘዛምድ፣ ነዚ ዕድላት ንምርካብ ባይታ ዘስፍሕ ዝምድናታት ምምስራት፣ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ዲፕሎማሲያው ፖሊሲ ምምሕያሽ ከምዘድሊ ብመትከል ንኣምን።

9.4. ምጥፋእ መሃይምነት፣ ኣብ ገጠር ዝነብር ዝበዝሐ ህዝብና፣ ብሰንኪ ታሪኽ መግዛእታዊ ኩነታት ማሕበረ-ምጣኔ-ሃብቲ ኣቃውማ ሃገርና፣ ናይ ትምህርቲ መሰል ወይ ዕድል ዘይረከበሉ ጭቡጥ ምኽንያታት ስለዝነበረ፣ ሰብኣዊ ዓቕሚ ህዝብና መሃይምነት ከጥፍእ፣ ናብ ጎደና ምዕባሌ ፍልጠት ክሰጋገር ዝጠፍኦ ዕድል፣ ፍሉይ ቆላሕታ ተዋሂብዎ መሃይምነት ከጥፍእ ከምዝግባእ ብመትከል ንኣምን።

<u>ዓንቀጽ.10. ግዴታ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሕጋዊ ኣገባቡን።-</u>

ዝኾነ ዜጋ መሰላት ጥራይ ዘይኮነ፣ ጉቡኣት ክፍጽሞ ዘለዎ እዉን ከምዘሎ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ'ዩ። መሰላትን ጉቡኣትን ኢድን ጓንትን ዝኾኑ ፈጺሞም ዘይፋላለዩ ተግባርን ኣምራትን እዮም። ኣንካይ ዶ ኣብ ኤርትራ ኣብተን ኣዝየን ዝማዕበላ ሃገራት ዓለምና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሓደ ማሓዉር ግቡኣት ዜጋታት ኮይኑ ክሰርሕ ዝጽንሓን፣ ኣብ ምህናጽ ሃገርን ምህናጽ ምጣኔሃብቲ ዕዙዝ ግደ ዝተጻወተ መስርሕ እዩ። ብሰንኪ ኣሉታ ተመክሮ ኣጣቃቅማ ሃገራዊ ኣገልግሎት ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክዉገድ ኣለዎ ናብ ዝብል መደምደምታ ዘብጽሕ ጭቡጥ ምኽኒታትን መርትዖታትን ስለዘየለ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብቶም ቡዙሓት ሓደ ጉቡኡ ዜጋታት ኮይኑ ክሰርሕ ንቃለስ።

ዝኾነ ዜጋ፣ ብቕዋምን ስርዓተ ሕግን ዝእዝዞ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናይ ምፍጻም ጉቡእ ኣለዎ። ብሕጊ ዝተነጸረ ገደብ ግዜ ኣገልግለቱ ምስወድኤ፣ ናብ ንቡር ሲቪላውን ማሕበራውን ሂወቱ ክመርሕ መሰሉ ክረጋገጽ ይግብኦ።

10.1. ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ብዘይ ብቑዕን ዘይሕጋውን ምኽንያት፣ዘይተወሰነ ገደብ ግዜ ኣገልግሎት ምኪያድ፣ ካብ ትምህርቲ ፣ ስራሕ፣ ማሕረስ ንግዲ....ወዘተ፣ ምስ ውልቓዊ ናጽነት ዝጻረር ማሕበራዊ ምዝንባል ዜጋታት ከም ጂሆ ሒዝካ፣ ኣብ ትሕቲ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ምጽማድ ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ ኢልና ንኣምን።

10.2. ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ዘይክፈሎ ሕሱር ጉልበት ዜጋታት ኣብ ከቢድ ማእቶት ምጽማድ፣ ምህላኽ ዘይሕጋዊ ተግባር'ዩ ኢልና ብመትከል ንኣምን።

10.3. ዝኾነ ዜጋ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብገስ፣ ምስ ጭቡጥ ኩነታት ስድራ-ቤታትና ብዝሒ ስዉኣት፣ ሓልፋይ ወይ ኣላዪ ዘይብሉ ማሕበራዊ ናብራ፣ንጹጉማት ንስድራ-ቤት ናብ ተወሳኺ ሕሱም ናብራ ስለዘምርሕ፣ ጾር መንግስትን ሃገርን ስለዝኮነ፣ ብመጽናዕቲ ብእዉጅ ሕጊ መምዘንታት ክፍጸም ከምዝግባእ ንኣምን።

10.4. ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ንህዝብን ንሃገርን ረብሓታት ወጽዩ፣ ዉልቀ ሰብ መዝታት ንዉልቃዊ ረብሓታቶም ካየዉዕልዎ፣ ዝካላኸል ሕግታት ንክህሉ ንቃለስ።

**ዓንቀጽ.11. መሰል ጥሮታን ማሕበራዊ ውሕስነት ዜጋታትን፣-**

11.1. ዝኮነ ዜጋ፣ ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን ዝእዝዞ፣ ናይ ጡረታ መሰሉ ዝተኸብረ ክኸውን ይግብኦ።

11.2. ደሞዝ ጡረታ፣ ምስ ኩውንነት መነባብሮን ምስዘይከይድ፣ ኣብ መጽናዕቲ ዝተሞርኮሰ፣ ብእዉጅ ሕጊ ምምሕያሽ ደሞዝ ክግበር፣ ብጡረተኛ ሰብ ዝጥወሩ ስድራቤት ዝዕንገሉሉ ፖሊሲ ክህሉ ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን።

11.3. ጡረተኛታት፣ ብዕድመ ዝዓበዩ ዜጋታት፣ ኣብ ዕብየቶም ኣካላውን ኣእምሮኣውን ብቕዓቶም ዝጎደሎም ኣላዩ ምስዘይህልዎም፣ ከም ዜጋታት ብእዉጅ ሕጊ ናይ ምእላይ ክንክን ክግበረሎም መሰሎም ክኸብር ከምዝግብኦ ብመትከል ንኣምን።

11.4. ዝኾነ ዜጋ፣ ደቂ ስዉኣት፣ ዘኽታማት፣ ኣላይ ዘይብሎም ብቕዓት ዘይብሎም ዜጋታት፣ ኩሉ ዓይነት መሰላቶም ዘክብር ትካል ክህሉ ይግብኦ። ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን ኣብ መጽናዕቲ ዝተሞርኮሰ ክንክን ክግበረሎም፣ ሓላፍነት ህዝብን ሃገር ከምዝኮነ ብመትከል ንኣምን።

11.5. ዝኾነ ዜጋ፣ ብቅዋን ስርዓተ ሕግን፣ ኣብ መጽናዕቲ ዝሙርኮስ፣ ማዕረ መሰል ትሕተ ቅርጺ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክረክብ ከምዝግብኦ ንኣምን። ምዕሩይን ዝተመጣጠን መሰል ተጣቃምነት ኩሉ ዜጋታት፣ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዝረጋግጸሉ፣ ንዘመናዊ ምጣኔ-ሃብታዊ ምዕባሌ ዝርግሒ ዝሃንጽ ኣገልግሎት ትሕተ ቅርጺ ክህሉ ብመትከል ንኣምን።

11.6. ዝኾነ ዜጋ፣ ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን፣ ዝስተ ጽሩይ ማይ፣ ኣገልግሎት መብራህቲ፣ ስሉጥ ናይ መጋዓዝያ ኣገልግሎት፣ መንበሪ ኣባይቲ...ወዘተ ኣብ መነብርኡ ኣገድስቲ ዝኾኑ መሰላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ምርካብ ማዕረ መሰል ኣለዎ ዝብል መትከል ንኣምን።

11.7. ማሕበራዊ ውሕስነት ዜጋታት ምርግግጽ ማለት ኩሉ መዳያቱ ስለዝኮነ፣ ናይ መንግስትን ህዝብን ሓባራዊ ግዴታ እዩ። ንምህናጹ ግዜ ጻዕሪ የድሊ። ሞያዊ ብቕዓትን መጽናዕታዊ ኣካላት የድልዮ። መንግስታውን ሲቪክ ትካላትን ደሞክራስያዊ ብቕዓት ምምሕዳር ምህናጽ ከምዘድልዮ ብመትከል ንኣምን

11.8. ኣብ ቅዋምን ስርዓተ ሕግን ዝተሞርኮሰ፣ ናይ ሞያውያን መጽናዕትን ውጥንን ናይ ምጣኔ-ሃብታዊ ልምዓት፣ ምምሕያሽ ናብራን ፕሮጀክትስ፣ ንማሕበራዊ ውሕስና ክረጋግጽ፣ ባይቶ ዘትዩ ብሓባራዊ ውሳኔ ዘጽድቕ፣ ምዕቡልን ዘመናውን ውጥናትን ሕጋዊ መስርሑን ክረጋገጽ ከምዝግብኦ ብመትከል ንኣምን።

11.8.1 ማሕበራዊ ውሕስነት ምርግጋጽ ማለት፣ ቀዳማይ መሰረታዊ ምኽንያት፣ ሰላምን ቅሳነት ምርግጋጽ እዩ። ሰላም ብቅዋም ስርዓተ ሕጊ ይረጋገጽ። ብቕዓት ደሞክራስያዊ ምምሕዳር መንግስትን ታሕተዎት ኣካላቱን የድልዮ። ግሉጽነት፣ ቁጽጽርን ሕጋዊ ተሓታትነት ድማ ከም ቀንዲ መለለይን መሰረትን ማሕበራዊ ውሕስነት ምዃኖም ብመትከል ንኣምን።

11.8.2. ማሕበራዊ ዋሕስና ህዝቢ ንምርግጋጽ፣ ናጻ ሲቪክ ኣትሓሳስባ ዝውንና ደሞክራስያውያን ዝኾና ህዝባዊ ትካላት ብምህናጽ ጥራይ ይረጋገጽ። ኣፍልጦ ህዝቢ ንምስፋሕ ተሳታፍነቱ ንምሕያል፣ ሓበሬታ ምስናቕ ስልጠና ዜጋታት ወሳኒ'ዩ። ገበናትን ዘይሕጋዊ ተግባራት ከይዓቢ ምቁጽጻር የድሊ። ፈላላዪ ምምሕዳር ጉቦ ከይምዕብል፣ መሰላት ናይ ናይ ገለ ዜጋታት ከይገሃስ፣ ናይ ገለ መሰላት ከይዕብልል ምክትታል የድልዮ ። ናይ ስራሕ ናብራን መሰል ውሕስነትን ከይገሃስ ብሕጊ ምኽባር የድሊ።

11.8.3. ሕብረተሰብ ተኸባቢሩ ዝነብረሉ ሕጋውን ደሞክራያውን መሰላት ምርግጋጽ የድሊ። ናይ መግቢ ሕክምና ትምህርቲ ማዕርነታዊ መሰል ምርግግጽ የድሊ። ዝተጠቕሉን ዘይተጠቕሉን ዓበይቲ ሕጋዊ፣ ማሕበራዊ ደሞክራስያዊ መሰላት ምስዝኸብሩ ማሕበራዊ ውሕስነት ይረጋግጽ። ዝተጠቕሉ መሰላትን ሕጋዊ ኣገባቡን ምስዝጎድሉ ምስዝገሃሱ ድማ ፣ ሰላም ህዝቢ ይዝረግ፣ ማሕበራዊ ውሕስነት ኣይረጋገጽን ዝብል መትከል ንኣምን።

11.8.4. ሲቪክ ደሞክራስያዊ ዝኾና ህዝባዊ ትካላት ምስዝህነጻ፣ ሰላምን ማሕበራዊ ውሕስነትን ኣብ ምርግጋጽ፣ ኣብ ምቁጽጻር፣ ኣብ ምውሓስ ዝዓበየ ተራ ዝጻወታ ህዝባዊ ትካላት እየን ዝብል መትከላዊ እምነት ንምኹስኳስ ንምህናጽ ብቕኑዕ ሕልና ብመትከል ንምርግጋጹ ናህሪ ጻዕርና ከምእነሓይሎ ነረጋግጽ።

ዓንቀጽ.12. መሰላት ባህሊ፣ ልምዲ፣ ቛንቛ፣ እምነትን ክብርታቱን፣ -

12.1. ባህሊ፣ ልምድን ቛንቛን፣ ዝኾነ ዜጋ ምስ ቅዋምን ስርዓተ ሕግን ዘይጻረር፣ ባህሉን ልምዱን ኣብ ማሕበራዊ ሂወቱ ከዘውትር፣ ቛንቛ ኣደ ክጥቀም፣ ብቛንቁኡ ክዛረብ፣ ክጽሕፍ፣ ዘይገሃስ መሰሉ ክኽብር ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን። ዕላዊ ወይ ናይ ስራሕ ቛንቛ ኤርትራ ብሃገራዊ ቅዋም ህዝቢ ኤርትራ ወይ ብህዝቢ ኤርትራ ተመሪጹ ብዝተወከለ ሃገራዊ ባይቶ ክዉሰን ኣለዎ ዝብል መትከላዊ እምንቶ ኣሎና።

12.2. ዝኾነ ዜጋ፣ ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን መሰል ሃይማኖታዊ እምነቱን ክብሪታቱን ከዘውትር፣ ክዕቅብ፣ ከማዕብል ዘይገሃስ መሰሉ ክኸበር ይግብኦ ዝብል መትከል ንኣምን

12.3. ዝኾነ ዜጋ ናይ ካልእ ሃይማኖታዊ እምነት መሰል ክኽብር ግዴታ ኣለዎ። ከከም እምነቱ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብማዕረ መሰላት ይቕየድ። ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ዘለዎ ዝምድናታት፣ ኣብ ሕጊ ዝሙርኮስ፣ ሓድነቱ ኣብ ምክብባር ዝተሰረተ ማሕበራዊ ሂወት ክህልዎ ከምዝግባእ ብመትከል ንኣምን።

12.4. ዝኾነ ዜጋ ናይ ካልእ ሃይማኖታዊ እምነት ክኽብር ግዴታ ይስከም፣ ክግህስ ግና መሰል የብሉን። ኣብ ቅድሚ ሕጊ፣ ወይ ኣብ ቅድሚ ምምሕዳራዊ ትካላት፣ ወይ ኣብ ዝኾነ ማሕበራዊ ሂወት ናይ ህዝቢ፣ ሃይማኖት ከም ውልቃዊ እምነት ኣብ ክንዲ ዝኽብር፣ ኣብ ህዝቢ ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ፍልልይ ክጥቀመሉ ሰላም ህዝቢ ክዘርግ ዘይሕጋዊ ተግባር'ዩ ኢልና ንኣምን።

12.5. ናይ ሃይማኖቱ መሰል ልዕሊ ካልእ ሃይማኖታዊ መሰል ሰሪዑ ጸብለልነቱ ከተግብር፣ ናይ ካልእ ሃይማኖታዊ መሰል ክቆናጽብ፣ ክረግጽ፣ ክግህስ፣ ዘይሕጋዊ ተግባር'ዩ። ምኽንያቱ ሓድነት ህዝቢ ይዘርግ። ሰላም ህዝብን ሃገርን ይዘርግ። ማሕበራዊ ውሕስነት ሃገር የፍርስ። መሰል ሃይማኖት ምግሃስ ዘይሕጋዊ ተግባር ክፍጸም ከምዘይግብኦ ብመትከል ንኣምን።

**<u>ዓንቀጽ.13. ንቅዋም ዝምእዘዝን ዘገልግልን ሃገራዊ ሓይልታት ምክልኻል፣ ፖሊስን ሃገራዊ ድሕነት ንክህሉ ንቃለስ;-</u>**

ናይ ሃገራዊ ምክልኻልን ጸጥታን ሰረተ-እምነትና፣ ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ ክኸዉን ኣለዎ፣ እቲ ምንታይሲ፣ እቲ እንደልዮን እንሕልኖን ጸጥታ ልኡላዉነት መሬት ጥራይ ዘይኮነ፣ ብዓቢኡ ጸጥታ ዉልቀ-ዜጋ ብፍላይ፣ ብሓፈሻ ኸኣ ጸጥታ ህዝቢ ስለ ዝኾነ፣ ህዝቢ ኣብ ምክልኻል ልኡላዉነት መሬቱን፣ ክሊ ባሕሩን ኣየሩን፣ ዉሽጣዊ ጸጥትኡን ምሉእ ተሳተፍነትን፣ ዝለዓለ ሓላፍነትን ክህልዎ ይግባእ። ስለ'ዚ እቲ ዝህነጽ ኣባል ሰራዊትን ኣባል ሃገራዊ ድሕነትን፣ ምስ ህዝቢ እንዳተኣሳሰረን እንዳተሓባባረ ዝሰርሕ ሃገራዊ ሰራዊትን ናይ ጸጥታን ፖሊስ ትካላት ክንምስርት ንቃለስ።

ውትህድርና ሓደ ካብ ናይ ጸጥታ ስራሓት ሞያ ስለ ዝኾነ፣ ንተሳተፍነቱ ዝምልከት፣ ብናጻ ድልየትን ርድየትን፣ ምርጫን ዜጋታት ዝዉሰን ምኻኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ፣ ዝተነጸረ ናይ ሓይልታት ምክልኻልን ፖሊስን፣ ሃገራዊ ድሕነትን ዘነጽር ትልሚ-ሜላ ክህሉ ይግባእ። ሓይልታት ምክልኻልን ፖሊስን ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ኣብ ትሕቲ ቅዋማዊ ግዝኣተ ሕጊ ኤርትራ ተቘይዱ ዝዓዪ፣ ፍሉይ ፖሎቲካዊ ሻራ ጸግዕን ዘይብሉ፣ ኣብ ሓፈሻዊ ፖሎቲካዊ ምርጫታት ናይ ሃገር፣ ናይ ምድማጽ መሰሉ ዝተዋሕሰ ኮይኑ፣ ፍሉይ ኣባልነት ፖለቲካዊ ጉጅለ ኮይኑ ክዉደብን ክሰርሕን ብሕጊ ዝተሓረመ ንክኸዉንን ንረብሓታት መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብዘገልግልን ዘውሕስን፣ ንልኡላውነት ሃገርን ቅዋምን ብህዝቢ ብደሞክራስያዊ ሓፈሻዊ ሕርያ ንዝተመርጸ መንግስቲ ዝከላኸል፣ ሃገራዊ ሓይልታት ምክልኻልን ፖሊስን ሃገራዊ ድሕነት ክኸውን ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ንቃለስን።

**<u>ዓንቀጽ.14. ዕቃብ ከባቢ፤-</u>**

ባህርያዉን ምኡዝ ከባቢ ንምዕቃብ፤ ዘመናዊ ስነ-ኪነትን ስነፍልጠትን ምጥቃም። ቀጻሊ ኣስተምህሮታት ንሕብረተ-ሰብ ብምሃብን ምቍጽጻር፣ እዚ ብደረጃ ጸቢብ-ሃገር ከይተወሰነ፣ ብዓለም-ለኸ ደረጃ`ውን፣ ዓቕምና ዘፍቅዶ ኣስተዋጽኦ ምርግጋጽ። ዕቃብ-ከባቢ ንህልዊ ወለዶ ጥራይ ዘይኰነ፣ ንቀጻሊ ወለዶታት ዘማዕደወ መደባት ንክኸውን፣ ከባቢና ክብክሉ ዝኽእሉ ስነ-ቀመማውን ስነ-ሂወታዉን፣ ኑክሌራዊ መደበራትን ትካላትን፣ ኣብ ሃገርና ንኸይምስርሑን ከይድኮኑን ብትሪ ምኽልኻሎምን። ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጽእ ስነ-ቅመማውን ስነ-ሂወታዊን ኒክሌራዊ ጐሓፉት፣ ኣብ ማያት-ባሕርናን መሬትናን ንኸይጓሓፉ ብሕጊ ምእጋድ። ባህርያዉን ምኡዝን ዝኾነ ከባቢና፣ ካብ ሰብ-ሰርሖ ብከላታት ንምዕቃብ፣ ዓይነትን ዓቐንን ዘይሓለወ፣ ባህርያዉን ሰብ ሰርሖ ጥረ-ነገራት ዘባኽን፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ዘይተደልየ ዓቐን ጕሓፍ ዝፈጥር ባህልን ወልፍታትን ንምንካይን፣ ካብ ነዳዲን ዘይትን ዝፍኖ ናይ ኣየር ብከላ ትሑት ንኽኸውን፣ ኩሉ ዝከኣል ጻዕርታት ምግባር። ራህያታትን፣ ናይ ህዋ-ክሊ ኣየርን፣ ፈለጋትን ወሓይዛትን፣ ዒላታትን ሓጽብታትን፣ ቀላያትን ባሕርን፣ ብጥንቓቐን ጽሬትን ጽፈትን ምሓዝን ምዕቃብን። ሾኻታትን ናይ በረኻ ባህርያዊ ኣግራብን፣ እንስሳ ዘ-ቤትን ዘ-ገዳምን፣ ብሰብ ይኹን ብባህርን ባርዕ ንኸይበርሱ እኹልን ሓያል ናይ ምድላው መስርሕ ዝተተኸሎ ናይ ምክልኻል ተግባር ምጽናዕን ምክያድን ንክህሉ፣ ሲቪካዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ይቃለስ።

**<u>ዓንቀጽ.15. ብዓለምለኻዊ ሕግታትን ውዕላትን ምቕያድ፣ -</u>**

15.1. ብዅሎም ዓለምለኻዊ ቻርተራትን ውዕላትን ምቕያድን ምኽባርን ዝብል መትከልን ሕጋዊ ኣገባብን ንምውሓስ ብመትከል ንኣምን። ናይ ኣፍሪቃዊ ሕብረትን፣ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ማሕበር ዓረብ ቻርተራትን ውዕላትን የጠቓልል።

15.2. ብናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መትከላት ይኹን ኣድማሳዊ ድንጋጌታት ሰብኣዊ መሰላት ንቕየድ ነኽብር።

15.3. ብዓለምለኻዊ ሕግታት፣ ውዕላትን ስምምዓትን መሰረት፣ ክፍጸሙ፣ ወይ ክረጋገጹ ዝግብኦም፣ ሕጋዊ መስርሓትን ኣገባባትን ናይ ምፍጻምን ምውሓስን ዝግድዱ፣ ዲፕሎማስያዊውን ሕጋውን ግዴታን ክንስከም፣ ግዴታና ንምፍጻም ብሕግታት ምቕያድን ምኽባርን ከምዘድሊ ብመትከል ንኣምን።

15.4. ኣፍልጦናን ኣፍልጦ ሕብረተሰብና ንምስፋሕ፣ ኩሉ ኣድላዪን ዝከኣልን ኣገባብ ንምፍጻም፣ ብጽቡቕ ድሌትን ቅኑዕ መንፈስን ጻዕርታትና ከነሓይል ንቃለስ።

**ምዕራፍ ክልተ፣-**

<u>ዓንቀጽ.16. ፖሊሲታት ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ።-</u>

ሲቪካዊ ደሞክራስያዊ መንቕስቓስ፣ እስትራተጂካዊ ዕላማታቱ ንምዕዋት፣ ሰለስተ መድረኻት ናይ ቃልሲን ኣገባቡን ክሰግር ከምዝግብኦም ብመትከል ንኣምን።

16.1. ቀዳማይ መድረኽ ቃልስና፣ ኣንጻር ዘይደሞክራስያዊ፣ ዘይሕጋውን ስርዓት ኤርትራ፣ ኩሉ ዓቕምና ኣወሃሂድና፣ ብግሉጽነት ዝካየድ ሲቪክ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ንምዕዋት ኣብ ኣብ ባይታ ምርግጋጽ`ዩ።

16.2. ካልኣይ መድረኽ ቃልስና፣ ድሕሪ ውድቀት ዘይሕጋውን ዘደሞክራስያውን ስርዓት ኤርትራ ዝትከል፣ መሰጋገሪ መንግስትን ሕጋዊ ኣገባቡን ምርግጋጽን ምውሓስን ዝካየድ ሲቪክ ደሞክራስያዊ ቃልሲ`ዩ።

16.3. ሳልሳይ መድረኽ ቃልሲ፣ ብቕዋምን ስርዓተ ሕግን፣ ኣብ ሕጊ ምርጫ ዝተሞርኮሰ ዝካየድ ህዝባዊ ደሞክርስያዊ ምርጫ፣ ብዓለምለኻዊ ተዓዘብቲ ናጻ፣ ፍትሓውን ሕጋውን ምርጫ ከምዝተኻየደ ተመስኪርሉ ዝቐውም፣ ሕጋውን ደሞክራስያውን መንግስቲ ምህናጽን ምውሓሱ የጠቓልል።

<u>ዓንቀጽ.17. ኣንጻር ዘይሕጋዊን ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ዝካየድ ቀዳማይ መድረኽ ቃልሲ</u>

ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ዘይሕጋዊን ዘይደሞክራስያዊን ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት'ዩ ኢልና ንኣምን። ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ዘይሕጋዊን ዘይደሞክራስያዊን ካብ ዘብሎ መርትዖታት፣-

17.1.1. ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስና፣ መንግስቲ ኤርትራ ንኩሉ ዓይነት ውልቃውን ሓባራውን መሰላት ህዝብን ሃገርን ግሂሱ፣ ናብ ዕንወት ስለዘምርሐ ኣብ ወለዶታት ሃጓፍ ስለዝፈጠረ፣ ዘይሕጋዊ፣ ዘይደሞክራስያዊ ስርዓት ጥራይ ዘይኮነ፣ ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ከምዝሃነጸ ብመትከል ንኣምን።

17.1.2. መንግስቲ ኤርትራ ካብ ዝፈጸሞ ዓበይቲ ዘይሕጋዊ ዕንወት ሃገር ሓደ፣ ኣብ 24 ግንቦት 1993 ግዝያዊ መንግስቲ ዕድሚኡ ን-4 ዓመታት ኢሉ ኣዊጁ። ከም መብጽዕኡ ስልጣኑ ተሓታትነቱ ኣብ 1997 ንህዝቢ ስለዘየረከበ፣ ዘይሕጋዊ ስርዓት ከምዝመስረተ ብመትከል ነረጋግጽ።

17.1.3. ስርዓት ኤርትራ፣ ብተሳታፍነት ዝበዝሐ ህዝቢ ዝተነድፈ ቅዋም ኤርትራ፣ ብ23 ግንቦት 1997 ኣብ ዝተኻየደ ቅዋማዊ ባይቶ ንቅዋም ኣጽዲቑ ሕጋውነት ኣልቢስዎ። ብቅዋማዊ ባይቶ ሕጋውነት ዝለበሰ ቅዋም ዘይምእዋጁ ዘይሕጋዊ ተግባር ምዃኑ ብመትከል ነረጋግጽ።

17.1.4. ስርዓት ኤርትራ፣ ብዘይቅዋምን ስርዓተ ሕግን፣ ንህዝባዊ ደሞክራስያዊ ምርጫ ኣጊዱ፣ ልዕሊ 13 ዓመታት ኣብ ስልጣን ምህላዉ ስለነረጋግጽ፣ ዘይሕጋዊ ስርዓት ምኻኑ ብመትከል ንኣምን።

17.1.5. ስርዓት ኤርትራ፣ ሕጋዊ መሰል ህዝቢን ቅዋሙን ረጊጹ፣ ውልቃዊን ሓባራዊ መሰል ዜጋታት ግሂሱ፣ ናጽነት ፖለቲካዊ ሓርነት ህዝቢ ገፊፉ፣ ምጣኔ-ሃብታዊን ኩሉ ዓይነት ማሕበራዊ መሰላት ኣፍሪሱ፣ ከም ጾታዊ መሰል፣ ባህላዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ብሄራዊ፣...ወዘተ ኩሉ መሰላት ስለዝገሃሰ፣ ዘይሕጋዊ ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ምኻኑ ብመትከል ንኣምን።

17.1.6. ስርዓት ኤርትራ፣ ንህዝቢ ናጻ ናይ ምንቅስቓስ መሰሉ ኣጊዱ፣ ብወትሃደራዊ ዲሲፕሊን ብጸቢብ ቁጽጽር ይመርሕ ኣሎ። ኣዘዝቲ ሰራዊትን ጸጥታን ድላዮም ዝገብርሉ፣ ህዝቢ ብፍርሒ ተጸቒጡን ተሸቒሪሩን ኣሜን ኢሉ ከምራሕ፣ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጸቕጢ የዘውትር። ኣትሓሕዛ ዜጋታት ብሓፈሻ፣ ንመንእሰያትን እሱራትን ብፍላይ፣ ብዘይ ፍርዲ፣ ፍትሕን ሰብኣዊ ሕልና ዝጎደሎ ጨካን ባህርያት ኣተሓሕዛ ዜጋታት ከምዘለዎ ብመትከል ነረጋግጽ።

17.1.7. ብቅዋማዊ ኣመራርሓ ሃገራዊ ባይቶ፣ መሰል ምዱብን ህጹጽን ስርዓተ ኣኼባታት ክረጋገጽ ክኽብርን ይግብኦ። ንሃገራውን ዓለምለኻዊ ጉዳያት ዘትዩ ውሳኔታት ከሕልፍ፣ ፖሊሲታት ክሕንጽጽ፣ ንትግባሬኡ ክቆጻጸር፣ ተሓታትነቱ ክረጋገጽ፣ ሕጋዊ ኣገባብ ምምሕዳር'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ ንኩሉ ሕጋዊ ኣገባብ ስለዝጠሓሶ፣ ዘይሕጋዊ ኣመራርሓ ከምዘለዎ ብመትከል ንኣምን።

17.1.8. ህዝቢ ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን ዘይኮነ፣ ብድሌትን ዊንታን ፕረሲደንትን ጉጅለ መሪሕነት ህግደፍን ይምራሕን ኣሎ። ምኽንያቱ መሰልን ሕጋዊ ስልጣንን ናጻ ፍርዳዊ ኣካል ስለዝተጋህሰ፣ ውልቃውን ሓባራውን መሰል ከይገሃስ፣ ዝከላከል ሕግን ዘውሕስ ትካላት ፍትሕን የለን። ውልቃዊ ናጽነት ዜጋ ተገፊፉ፣ ሰብኣዊ መሰሉን ክብሩን፣ ሕጋውን ደሞክራስያውን መሰላቱ ተጋሂሱ፣ ብፍርሕን ጸቕጥን ተማእዚዙ ይሳቐ ከምዘሎ ነረጋግጽ። ፍትሒ ዝጎደሎ ዘይሕጋዊ ምልካዊ ስርዓት ከምዝተመስረተ ብመትከል ንኣምን።

17.1.9. ስርዓት ኤርትራ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ካብ ዝተጠቐመሉም ዘይሕጋዊ ተግባር፣ ምስ ቅዋምን ስርዓተ ሕግን ዝጻረር፣ስልጣን ፖሊስ፣ ጸጥታ፣ ኣዘዝቲ ሰራዊት ስርሒት ዞባታት፣ ፍሉይ-ቤት ፍርዲ፣ ሓለፍቲ ምምሕዳር ዞባታት፣ ዘይሕጋዊ ስልጣናት ሂቡ ኣሎ። እዚ ድማ ዘይሕጋዊ ተግባር ጥራይ ዘይኮነ፣ ሓደ ካብ መለለዩ ባህርያት ፍጹም-ምልካዊ ምምሕዳር ምኻኑ ብመትከል ነረጋግጽ።

17.1.10. ኣብ ሃገራዊ ባይቶን ካቢነ ሚኒስተራትን ከዝተየሉ፣ ሓባራዊ ውሳኔ ክወሃበሉ ሓደ ካብ ቀንዲ ክረጋገጽ ዝግብኦ መሰል ሕጋዊ ቀይዲ ተጣሒሱ። ብኣንጻሩ ብውልቃዊ ውሳኔ፣ ወይ ብናይ ብዉሑዳት ጉጅለ መሪሕነት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝውሰድ ውሳኔ፣ ቀይድን ተሓታትነትን ስለዘይብሉ፣ ዘይሕጋዊ ተግባር ከምዝተጋህደ፣ ህዝብን ሃገርን ከምዘዕነወ ነርጋግጽን ብመትከል ንኣምን።

17.1.11. ኣብ ልዕሊ ኩሎም ናይ ፖለቲካ እሱራት ብሓፈሻ፣ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ፣ ሚኒስተራት፣ ላዕለዎትን ማእከሎትን ሰበስልጣናት፣ ሲቪል ዝኾኑ ዜጋታት፣ ጋዜጠኛታት...ወዘተ፣ ካብ ቅዋማዊ ሕጊ ወጻኢ፣ ብዘይኣፍልጦ ውሳኔን ባይቶ፣ ብዘይትእዛዝ ቤትፍርዲ ክእሰሩ ፈጺሙ ዘይሕጋዊ ምልካዊ ተግባር'ዩ ኢልና ብመትከል ንኣምን።

17.1.12.ዝኾነ ዜጋ ብሓፈሻ፣ እንተላይ ናይ ፖለቲካ እሱራት ፣ ብዘየኣፍልጦን ትእዛዝን ቤት-ፍርዲ ክእሰሩ፣ ምግሃስ መሰል ሰብን ምግሃስ ስልጣን ናጻ ፍርዳዊ ኣካልን ስለዝኾነ፣ ዘይሕጋዊ ተግባር ምኻኑ ብመትከል ንኣምን።

17.1.13.ዝኾነ ዜጋ፣ ብዘይ ኣፍልጦን ትእዛዝን ቤት- ፍርዲ ዝተኣሰረ ይኹን፣ ዋላ ብትእዛዝን ኣፍልጦን ቤት-ፍርዲ ዝተኣሰረ፣ ኣብ ቅድሚ ሕጋዊ ቤት-ፍርዲ ኣብ ቅሉዕ መጋባእያ ቀሪቡ፣ ጉዳዩ ንምክልኻል ናይ ጠበቓ መሰሉ ክኽብር

ይግብኦ። ስርዓት ኤርትራ ነዞም መሰላት ግሂሱ ከምዘሎ ስለነረጋግጽ፣ ዘይሕጋውን ዘይደምክራስያውን ምኻኑ ብመትከል ንኣምን።

17.1.14.ዝኾነ ዜጋ፣ ብዘይ ሕጋዊ ውሳኔ ቤት- ፍርዲ፣ ኣብ ማእሰርቲ ንዓመታት ብዘይ ፍርዲ ክእሰር ኣይግብኦን። ኣብ ማእሰርቲ ምስ ስድራቤቶም ናይ ምርኻብ መሰል፣ ናይ ሕክምናን መነባብሮን መሰል ክንሃስ ኣይግብኦን። ስርዓት ኤርትራ፣ ብውልቓዊ፣ ወይ ብናይ ውሑዳት ጉጅለ መሪሕነት ህግደፍ፣ ንኩሉ ሰብኣውን ሕጋውን መሰል እሱራት ምግሃስ፣ ጨካን ባህርያት ፍጹም-ምልኪ ዘረጋግጽ ዘይሕጋውን ዘይደሞክራስያውን ተግባር ምኻኑ ብመትከል ንኣምን።

17.1.15. ብዓለምለኻዊ ሕግታትን ውዕላትን ምቕያድ፣ ንዓለምለኻዊ ውዕላትን ስምምዓት ምኽባር፣ ብኣድማሳዊ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰል ምቕያድ፣ ውዕል ጀነቫን ካልኦትን ምኽባር ቀንዲ ግዴታ'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ ነዞም ዝተጠቕሱ ዓለምለኻዊ ሕግታትን ዉዕላትን ብምጥሓሱ፣ ዘይሕጋው ተግባር ጥራይ ዘይኮነ፣ ብዓለምለኻዊ ውሳኔ ማዕቐብ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ከምዝተወሰደ ብመትከል ንኣምን።

17.1.16. ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብባዕሉ ዘጽደቆም ሕግታት ዘይቅየድ ስርዓት'ዩ። ንመረዳእታ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብነጋሪት ጋዜጣ ን18 ኣዋርሕ ቢሉ ኣዊጁ ከብቅዕ፣ ንዜጋታት ብሓይሊ ንነዊሕ ዓመታት ብዘይ ገለ-ዓስቢ ከምዘገልግሉ ይገብር ኣሎ። ልዕሊ ኩሉ ግን ብመዓልታዊ ኣዋጃትን ትእዛዛትን ዘማሓድር ስርዓት ብምኻኑ ዘይሕጋዊ ስርዓት ከምዘብሎ ብመትከል ንኣምን።

17.1.17. ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንማሕበራዉ-ሞቦቆል ን መባእታዊት ባእታ ሃገር ዝኾነት ስድራቤት ይበታትን ስለዘሎ፣ ከም ኣዝዩ ሓደገኛ ፖሎቲካዊ ስርዓት ብመትከል ንርእዮ። ስለዚ፦

ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ካብ ዓንቀጽ 17.1.1 ክሳብ 17.1.17 ተጠቒሶም ዘለዉ 17 ነጥብታት ምርኩስ ብምግባር፣ መንግስቲ ኤርትራ ንቅዋማዊ ሕጋዊ መሰላት ከምዝጠሓሶም፣ ከምዝገሃሶም ስለንኣምን፣ ስርዓት ህግደፍ ዘይሕጋዊ ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ምኻኑ መትከላዊ እምነትና፣ ብእዉጅ መንገዲ ብንጹር ነረጋግጽ።

17.2. ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ኣንጻር ዘይሕጋዊ ስርዓት ኤርትራ ዘካይዶ ቃልሲ፣ምስ ጭቡጥ ኩነታት ሃገርናን ዓለምለኻዊ ጉዳያትን ዝሰማማዕ መትከላትን ፖሊሲታትን ፣ ብሲቪክ ኣትሓሳባን ኣመርራሓን፣ ክምርሓሉ ዝግብኦም ብግሉጽነት ኣስፊሩ፣ ኣብ ኩሉ መዳያት ብተዓጻጻፍነት ከተግብሮ ብመትከል ይቃለስ።

17.3. ፖሎቲካዊ ራእዩ ንምርግጋጽ፣ ኣብ ጥምረትን ሓድነትን ህዝቡ ይኣምን። ልዕልና ሕጊ ንምንጋስ፣ ዝዓነወት ሃገር ኣብ ኩሉ መዳያት ንምህናጽ፣ ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን፣ ብማዕርነታዊ መሰልን ሓባራዊ ተሳታፍነት ኩሉ ዜጋ ከነረጋግጽ ብመትከል ንቃለስ።

17.4. ብሲቪክ ኣትሓሳስባ፣ ሓባራዊ ሃገራዊ ረብሓ ንምርግጋጽ፣ ብቅዋምን ስርዓተ ሕግን ህዝቢ ዝረጋግጽ፣ ብሲቪክ ደሞክራስያውያን ትካልት ህዝቢ ዝወሓስ፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኣብ ኩሉ መዳያት፣ ውልቃውን ሓባራውን ማዕረ መሰል ምርግጋጽን ምውሓስን ብመትከል ንቃለስ። ማዕረ መሰል ጾታ፣ ማዕረ መሰል ሃይማኖት፣ ማዕረ መሰል ብሄር፣ማዕረ መሰል ኣውራጃ፣...ወዘተ ኣብ ንምርግጋጽ ብመትከል ንቃለስ።

17.5. ንጸቢብን ከፋፍልን ኣትሓሳስባ ብመትከል ንቃወም። ምኽንያቱ ንሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ስለዝዘርግ። ንሕጋውን ደሞክራስያውን ናይ ምክብባር ኣትሓሳስባ ስለዝጻረር። ንሃገራዊ ሓድነት ስለዝዘርግ። ማሕበራዊ ውሕስነት ህዝቢ ስለዘይዘይረጋግጽ። ሰላምን ቅሳነትን ህዝቢ ስለዝዘርግ...ወዘተ ዝብሉ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ስለ ነረጋግጽ ብጸቢብ ከፋፋሊ ኣትሓሳባን ፖለቲካዊ ውዲትን ንቃወም ብመትከል ንቃለስ።

17.6. ሲቪክ ምንቅስቓስና፣ ኣንጻር ዘይሕጋዊ ምልካዊ መንግስቲ ዘካይዶ ቃልሲ ብጥሙር ሓድነት ህዝቢ ምቃላስ ከምዘዓውት ንኣምን። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኤርትራ ድማ፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብማዕረ መሰል

ዝረጋግጽ፣ ውልቃዊ መሰል ዜጋ ይኹን ሓባራዊ መሰል ህዝብን ክብሪታቱን፣ ከም ጾታዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ኤትኒካዊ፣ ከባብያዉን፣ ...ወዘተ ማዕረ መሰል ዜጋን ዜጋታት ንምርግጋጽ ንምውሓስ ብመትከል ንቃለስ።

17.7. ኣብ ኤርትራ ማሕበራዊ ለውጢ ከምዝመጽእ፣ ግድነትን ዘይተርፍን ሕጊ ምዕባሌ ሕብረተ-ሰብን እዩ ኢልና ኣብ ለውጢ ንኣምን። ከም ሕመረት ደሞክራስያዊ ለውጢ ድማ፣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ይኸውን ኢልና ብመትከል ንኣምን።

17.8. ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ዝበዝሐ`ዩ። ንሱ ብቀዳማይ ደረጃ ብቐጥታ ዝተበደለ፣ ተሰካሚ ሽግርን ግዳይን ናይ ኩሉ መሰላቱን ክብሪታቱን ከምዝኾነ፣ ኣብ ባይታ ዝረጋግጽ ዘሎ ሓቅታት ንቕበል ንኣምን።

17.9. ህዝቢ ሰብኣዊ ክብሪታቱ፤ ደሞክራስያውን ሕጋውን መሰላቱ ስለዝተረግጸ፣ ካብ ኩሉ ሽግር ክናገፍ፣ መሰሉ ከኽብር ከረጋግጽ፣ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ህዝባዊ ማዕበል ቃልሲ ከመስክር፣ ባህርያውን ሕጊ ምዕባሌ ማሕበራዊ ለውጢ ከምዝኸውን ነረጋግጽ። ህዝብና ታሪኽና ንናጽነት ልኡላውነት ከምዘረጋገጸ ንታሪካዊ ሓቂ ብመትከል ንኣምን።

17.10. ህዝቢ ኣንጻር ፍጹም-ምልካውያን ዝካየድ ህዝባዊ ማዕበል ንደሞክራስያዊ ቃልሲን ዓወታቱን ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ተመስኪሩ ኣሎ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ልሒሙ ዝርኤ ዘሎ ህዝባዊ ለውጢ ዝተጨበጠ ሓቅታት ስለዝኾነ፣ ህዝቢ ኤርትራ ህዝባዊ ለውጢ ደጊሙ ከረጋግጾ ዝዓግቶ ሓይሊ፣ ዝዓግቶ ፖለቲካውን ሕጋውን ምኽንያትን የለን ዝብል መትከል ንኣምን።

17.11. ህዝባዊ ምልዕዓል ክግበር፣ ሰራዊት ኣብ ጎኒ ህዝቢ ክስለፉ ዝውስኑ ሓቅታት ኣለዉ ኢልና ንኣምን። ምኽንያቱ ዓብላሊ ቁጽሪ ሰራዊት፣ በቲ ጸጥታን ዘይምትእምማንን ምልካዊ ስርዓት ዝተበደለን ዝተሃስየን`ዩ። ኣብ ማሕበራዊ ኩነታቶም ናጽነቶም ዝተገፉ፣ ንቡር ደሞዝን ማሕበራዊ ናብራን ዘይብሎም፣ ኩሉ መሰላቶም ዝተጋህሰ፣ ብተሪር ወትሃደራዊ ዲሲፕሊን ዝተታሕዙ፣ ደለይቲ ለውጢ ከምዝኾኑ ብመትከል ንኣምን።

17.12. ኣንጻር ስርዓት ኤርትራ ዝካየድ ቃልሲ ሰራዊት ኣብ ጎኒ ህዝቦም ከምዝስለፉ ዝገድዱ ተወሰኽቲ ሓቅታት ምኽንያትን ኣለዉ። ዓብላሊ ቁጽሪ ሰራዊት ከም ህዝቦም ዝተወጽዑ እዮም። ካብ ሽግር ምንጋፍ ረብሕኦም ምስ ረብሓ ህዝቢ ስለዘይፈላለ ሓደ እዩ። ሽግር ሰራዊት ምስ ሽግር ህዝቢ ብሓባር ስለዝፍታሕ፣ ንሓባራዊ ለውጢ ብሓባር ክቓለሱ ዘገድዱ ሓቅታት ዝያዳ ቅቡል ይኸውን ዝብል ዕግበት ከም መትከል ንኣምን። ሰራዊት ኣብ ጎኒ ህዝቡ ክስለፍ፣ ኩሉ ዜጋ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ርክባቱ ኣስፊሑ ጸውዒቱ ከስምዕ ኣፍራይነቱ ዓቢ ምዃኑ መትከላዊ እምነትና ከነተግብር ጻዕርና ክሕይል ከምዝግባእ ነረጋግጽ።

17.13. ኣብ ወጻኢ ንርከብ ኤርትራውያን፣ ኣብ ናጻን ደሞክራስያውያን ሃገራት ስለንነብር፣ ንዝረኸብናዮ ጺጋ ተጠቒምና፣ ሲቪካዊ ኣትሓሳስባ ምስፋሕ፣ ናብ ዘመናዊ ሲቪካዊ ሃገርነት ኣብ ምርግጋጽ ዓቢ እጃም ዘለወን ሲቭካዊ ዝኾና ትካላት ምህናጽ ከምዘድሊ ብመትከል ኣሚና ንቃለስ ኣለና።

17.14. ብዓይነቱን ትሕዝቶኡን ሲቪክ ትካላት ምህናጽ፣ ሓደ ካብ መለለይኡ፣ ግሉጽነትን ብቕዓት ደሞክራስያዊ ኣትሓሳስባን ኣመራርሓን ምውናንን ምርግጋጽ`ዩ። እዚ ብግዴኡ እምነት ኮስኩሱ፣ ተሳታፍነት ኣዕሲሉ፣ ሓድነት ጠሚሩ ዘዓውት ኣገባብ`ዩ። ንግብራዊ ኣተራጓጉሙኡ፣ ተሓታትነትን ናይ ቁጽጽር መካኒስም ዘጠቓልል ኣገባብ ቃልሲ ንምርግጋጽ፣ ኣወንታዊ ምዕባሌ ምጭባጥን ዝብል ዘመናዊ ሲቪክ ኣትሓሳስባ ብመትከል ንቃለስ።

17.15. እዚ ምዕባሌ`ዚ ብግዲኡ ተመሊሱ፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝዕድም፣ ብሱል ውድዓዊ ኩነታት ተደሚሩ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝህብ ዘበራርብር፣ ሓድሕዳዊ ምጽልላውን ምትእስሳርን ስለዝፈጥር፣ ናብ ህዝባዊ ምልዕዓል ከምርሕ ግድነትን ሕጊ ማሕበራዊ ለውጢ ስለዝኾነ፣ ኣብ

ኤርትራ ዘይፍጸመሉ ዝኾነ ምኽንያት የለን። ዝተፈላለየ ገምጋም ክወሃብ ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ዝቕይር ኣይኮነን ዝብል ሕቅታት ኣሚና፣ ንምትግባሩ ብዓቕምና ብመትከል ንቃለስ።

17.16. ስለዚ፣ ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ነዞም ዝተጠቐሱ ኣገባብ ቃልስን ካልእ ረቛሒታትን ደሚሩ፣ ንዘይሕጋዊ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ፤ ብሕጋውን ደሞክራስያውን መንግስቲ ምቕያር፣ ንግሉጽነቱ ውሕልነትን ትብዓትን ወሲኹ፣ ምስ ደለይቲ ፍትሒ፣ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾኑ ኣካላት ህዝቡን ሕብረተሰቡን ሓቢሩ ብመትከል ይቃለስ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

ክብርን ሞጎስን ንሰዉኣትና!

01/08/2011

**Copyright 2011** *Eritrean Civic Democratic Movemen*t**. All rights reserved. This material may be published, broadcast, or redistributed with proper citation of** *the Eritrean Civic Democratic Movement*, eritreancdm@gmail.com

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ | الحركة المدنية الديمقراطية الارترية

**Eritrean Civic Democratic Movement**

**ዕለት/Date: 01/08/2011** **ቁ/መዝገብ/Ref.NO:** ECDM 8/2011/03

## ዳይነሚክ፣ውደባዊ ቅርጻ


## ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ፖሎቲካዊ ተልእኾኡ፣ ራኢኡ፣ ዕላማታቱን ኣብ ግብሪ ንምትግባር፣ መጀመርታ ቡሉጽን ግብራዊን ኣብ ፖሎቲካዊ ባይታ ኤርትራ ከሳስዮ ዝኽእል ኣብ ማሕበራዊ ስነ-ኣእሙራዊ ኣቃዉማ ህዝቢ ኤርትራ ዝተመርኮሰ ዳይናሚክ ጽፉፍ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ውድባዊ ቅርጻ ኣለዎ። እዚ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ውድባዊ ቅርጻዚ፣ ንእስትንፋስ ዕላማናን ራኢናን ማሓዉርን ስጋን ዘልብሶ ኣብ ሲቪክ መትከላት መሰረታዊ ሲቪክ ክብርታታን ዝተሰረተ ቅርጻ እዩ።

ቅርጻና ብመሰረት ፖሎቲካዊ ዕላማናን ክንበጽሖ እንደሊ ዕላማታት ዝቅየድ እዩ። ስነሓሳባዊ እምነትና ሲቪክ ሃገርነት ኮይኑ፣ ነዚ ስነሓሳብ ዘማእከለ ናይ መሰረታት ምንቅስቓስ (Grassroot) ስለዝኾነ፣ ቅርጻና ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዘንቃዕረረን ዝምእዝዝ እዩ። ሙሉእ ተሳትፎ ህዝቢን ሲቪክ ትካላቱን ኣካላቱን ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት፣ ኣብ ኩሉ ሂወቱ መታን ክራጋገጽ ወሳኒ ስትራተጂካዊ ሕቶታት ብህዝቢ ወይ ብዝለዓለ ደረጃ ዝቖመ ናይ ህዝቢ ቀጥታዊ ወከልቲ ሓጋግቲ ኣካላቱ ይዉሰን። ፈጸምቲ ኣካላት ድማ ነቲ ብመሰረታት ወይ ብሓጋግቲ ኣካላቱ፣ ዝተወሰነ ሕግታትን ዉሳኔታትን ከም መደብ ዕዮ ወሲዱ ንምፍጻሙ የዋሃህድን ይመርሕን። ውድባዊ ቅርጻ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ተመሊሱ ካብ ላዕሊ ንታሕትን ንጋድም ዝዝርጋሕን ዝማላለስን ዝማላላእን ኣብ ራኢን ዕላማን፣ ሲቪክ ተግባርን ዝተሰረተ ተዓጻጻፊ ብሊሕን ንጡፍን መሓውራት ዝውንን ቅርጻ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ውዳባዊ ቅርጻና ናይ ሲቪክ ሃገርን ህዝቢን ሃገራዊ መንነት ማእከል ገይሩ ንመላእ ህዝቢ ልዕላዉነት ዘልብስን ምሉእ ተሳትፎ ዘራጋግጽን ቅርጻ እዩ።


መሰረት ናይዚ ቅርጻ እዚ ናጻ ዉልቀ- ኤርትራዊ/ት ዜጋ እዩ/ያ። ካብ ቁሸት/ዓዲ/ከተማ ጀሚሩ ንወረዳ፣ ካብ ወረዳ ንኣዉራጃ፣ ካብ ኣዉራጃ ንሃገር ዝዝርጋሕ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ቅርጻ እዩ። እዚ ቅርጻ'ዚ ብባህርያቱ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል-ቅርጻ ከቢድ ስለዘይኮነ፣ ነቶም ነቲ ዕላማታት ዝትግብሩ ውለቀ ዜጋታት ናይ ምሉእ መሰላት ሓርነት ዘረጋግጽን፣ ንጡፍ ሲቪክ ሃገራዊ ዜግነታዊ ግቡኣት ዘተግብርን ቅርጻ እዩ። እዚ ቅርጻ እዚ ናይ ብነጻ ዝቖማ ናይ ዜጋታት ህዝባዊ ማሕበራትን፣ ብነጻ ዝቖማን ዝዕምብባን ሲቪክ ትካላት ኣካላትን መሰረታዊ ማእከሉ ዝገበረን፣ ንሲቪክ ዲሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን ኣካላትን ድማ ናይ ኣወሃሃዲን ተለኣኺን ግደ ዝህብ፣ ፖለቲካዊ ስልጣብ ብምልኣት ንሙሉኣት ዜጋታት ኤርትራ ዘረክብ ቅርጻ (inverted pyramid organizational structure) እዩ። ስለዝኾነ፣ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ኣካላትን ነጻ ናይ ዜጋትት ማሕበራትን ሲቪክ ትካላታን ዝህሉ ዝምድና ጋድማዊ ናይ ምትሕብባርን ናይ ምምዕባልን ዝምድና እዩ።


ሰለስተ መሰረታውያን ኣካላት ናይዚ ቅርጻ፡- 1. ነጻ ህዝባዊ ማሕበራትን (ደቂ ኣንስትዮ፣ ሓረስቶት፣ ሰራሕተይና፣ መንእሰያት...ወዘተ) ህዝባዊ ኣካላት ( ዓዲ፣ ወረዳ፣ ኣውራጃ፣ ሃገር) 2. ነጻ ሲቪል ትካላት (ብንጹርን ተግባራዊ መደባት ዝልለዩ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ፣ ናይ ምሁራትን ሞያውያንን ነጻ ሃገራዊ ማሕበራት፣ ናይ ከባቢ ዕቀባን ተጣበቕቲ ነጻ ትካላት... ወዘተ) 3. ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኣካላት እዮም። ስለስቲኦም ዓበይቲ ኣካላት ብሓባር ንናይ ሃገርን መጻኢኡን ዝተናውሐ ስትራተጂን መደብን ንምስኣልን ንምሕንጻጽን ናይ ሓባር ሰፊሕ ሲቪክ ሃገራዊ ዋዕላ ይቖሙ። ብሃገርን ዓለምለኸ ደረጃ፡-




ቀንዲ ሲቪክ መትከላትና ኣብ ፖሎቲካዊ ራእይና፣ ማሕበራዊ ፈልስታት ናይ ሲቪክ ሃገርን ሕብረተሰብን ኤርትራ ካብ ሕጂ ኣትሒዘን ክቦቕላን ክነጥፋን እዩ። እዘን ናጻ ደሞክራስያውያን ሃገራውያን ማሕበራት፣ ማሕበር ሰራሕተኛታት፣ ማሕበር መንእሰያት፣ ማሕበር ደቂ- ኣንስትዮ፣ ማሕበር ሓረስቶት፣ ማሕበር ስንኩላን፣ ማሕበር ሓርበኛታት ... ወዘተ ይጠቓልል። ንጻ ሲቪላዊ ትካላትን ኣካላትን፣ ማሕበር ኩሉ ዓይነት ሞያ፣ ማሕበር ጋዜጠኛታት፣ ማሕበር ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፣ ማሕበር ሓካይም፣ ማሕበር ናይ ሕጊ ኪኢላታት/ ጠበቓታት/ ማሕበር መማህራን፣ ማሕበር ነጋዶ፣ ፣ ማሕበር ስነ-ጥበባውያን፣ ማሕበር ድሕነት/ኣንጻር/ ብከላን ልምዓትን፣ ማሕበር ተጣበቕቲ ህጻናት፣ ማሕበር ረድኤትን ምትሕግጋዝን....ወዘተ ናጻን ርእሰን ኪኢለን ክነጥፋን ክዕንብባን ካብቲ ቀንዲ ዕላማና እዩ። ናጽነተን ንምሕላዉ ድማ ኣብ ክንዲ ኣብ ትሕቲ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስ፣ ዉድብን ሰልፍን ተቆሪነን ዝሰርሓ ወይ መሳሪሒ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስ፣ ዉድብን ሰልፍን ዝኾና፣ ርእሰን ኪኢለን ብነጻ ብዉሸጣዊ መደብ ዕዮን ሕግታተን መሪሒነታተን ክግዝኣ ስለዝግባእ ኣብ ክንዲ ቱኹላዊ ዝምድናታት ጋድማዊ ዝምድናታት ክህልወና ብመትከል ንኣምን።

ሲቪክ ሃገራዊ ዋዕላ፣ ንነጻነትን ምሉእ ሓርነት ናይ ውልቀ ኤርትራዊ/ት ዜጋ ብዘደንፍዕን ሃገራዊ ሓድነትን ስኒትን ብዘደልድልን መንገዲ፣ ንናይ ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት በደቂቕ ገምጊሙ፣ ናይ ብቑዕ ፍታሓት ስትራተጂን ስእለ-መንገዲን ይስእልን ይሕንጽጽን። ንሃገር ክመርሑን ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ይኹን ናይ ክፈለሃገር ወይ ወረዳ ዝወዳደሩ ሕጹያት ይመርጽን ይቕርብን። ንዝውሰኖ ውሳኔታት ዘወሃህድ ኣካላት ድም ይምዝዝ።ኩሎም ኣካላትን ኣባላትን ናይ ሲቪክ ሃገራዊ ዋዕላ፣ ንዝተወሰነ ስትራተጂን ናይ ሲቪክ ቃልሲ መደብ ዕዮኡን፣ በቲ ዝተሰርዕዎ ነጻ ህዝባዊ፣ ሲቪልን፣ ሲቪክ ፖለቲካዊ ኣካላትን፣ ነጻ ውልቀ ዜጋ ማእከሉ ዝገበረ ንጥፈታት የካይዱ። ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ሓደ መሰረታዊ ኣካል ናይ ሲቪክ ሃገራዊ ቃልሲ ስለዝኾነ ውድባዊ ቅርጹ እዚ ዝስዕብ እዩ፦ ብምንቅስቓስ ን ቦታ ደረጃ።-






<u>ትግባሬ ቅርጻ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣-</u>

- <u>ዋዕላ/ጉባኤ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስው ኤርትራ፡-</u>

    1. ናይ ዝሓለፈ ናይ ሲዲምኤ ስርሓት ጸብጻብ ይሰምዕ፣ ይግምግምን መዛዘሚ ይገብር፣
    2. ሃገራውን ዞናውን ኣህጉራውን ኩነታት ኤርትራን ህዝባን ይግምግም ፣
    3. ሓፈሻዊ መስመር ሲቪክ ሃገርን፣ ናይ ህልውን መጻኢን ሲቪክ ሃገራዊ ስትራተጂን ይውስን፣
    4. ብኣህጉራዊ ደረጃ ንሲዲምኤ ዘወሃህድ ቦርድ ይመርጽ፣

ኣብ ነጻ ዘጋ ዝተሰረተን ንነጻ ሲቪክ ዜጋታት ምሉእ ሓርነት ዘዳናጽፍ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ምንቅስቓሳቱ ብኣብ ምሉእ ዓለም ዝተዘርገሑ ምዕራፋት/ቻፕተራት ዝተወደብ እዩ። ናይ ሲዲምኤ ምዕራፋት/ቻፕተራት ኣብ ዝቖምዎ ሃገራት ከም ነጻ ኣካላት ሲድምኤ ብውሳኔን ንጥፈታትን ዜጋትት ይካየዱ። ስሩዕ ኮንፈረንስ ብምኪያድ ናይ ምዕራፍ/ቻፕተር መደብ ዕዮ ብምሕንጻጽ፣ ንዝውሰንዎ መደብ ዝትግብር ኣካያዲ ቦርድ ይመርጹ።

. **<u>ኮንፈረንስ ምዕራፍ/ቻፕተር፡-</u>**

5. ናይ ዝሓለፈ ስራሓት ጸብጻብ ይሰምዕን ይግምግምን፣
6. ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርን ብፍላይ ድማ ኩነታት ዞብኡ ይግምግም፣
7. ብመሰረት ኣህጉራዊ ሲቪክ ሃገራዊ መስመርን ሲቪክ ሃገራዊ ስትራትጂን ዞባዊ መደባት ይሕንጽጽ
8. ኣካያዲ ቦርድ ይመርጽ፣

- **<u>ቦርድ ናይ ሲዲምኤ ምዕራፍ/ቻፕተር፡-</u>**

1. ብመሰረት ውሳኔታት ኮንፈረንስ ቻፕተር መደብ ዕዮ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን፣ ናይ ቻፕተር ፖሊሲታትን መደባትን ይሕንጽጽ፣
2. ኣካያዲ ናይ ሲዲምኤ ምዕራፍ/ቻፕተር ይመርጽ፣
3. ኣካያዲ ሲዲምኤ፣ ምስ ኣባላት ቦርድ ብምርድዳእ፣ ንናይ ቦርድ ኣባላት ሓለፍቲ ክፍልታትን ንዘቐረቦም ሕጹያት የጽድቕ።

. **<u>ፈጻሚ ኣካል ናይ ሲዲምኤ ቻፕተር፡-</u>**

1. ብዳይረክተርን መራሕቲ ክፍልታት ቻፕተርን ይቐውም፣
2. ዝምድናታት ዳይረክተር ቦርድ ን ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ትኹላዊ ዝምድና ኮይኑ፣ ብመትከል ዉልቃዊ ሓላፍነት ይሕተት።
3. ኣብ ኩሉ ጽፍሒታት መሪሕነት መትከል ዉልቃዊ ተሓታትነት ኣብ ግብሪ ብምዉዓልን ብምውህሃድን ከም ሓደ ኣሃዱ ይሰርሕ።
4. ተግባራዊ ንጥፈታት ዞባዊ ሲዲምኤ ብባህርያቶም ሲቪክን ኣብ ናይ ነጻ ዜጋ መሰላትን ግቡኣትን ዝተሰረቱ ስለ ዝኾኑ፣ ኩሉ ንጥፈታትን ስርርዓትን ብግሉጽ መንገዲ ይኸውን።

ናይ ሲዲምኤ ቻፕተር ከከም እቲ ዝቕመሉ ዞባን ከባቢን ብዝተፈላለዩ ናይ ነጻ ዜጋታት ማሕበራትን ትካላትን ኣካላትን ዝቕመ እዩ። ነጻ ዜጋታትን ስድራቤታቶምን ዘቑምዎ ማሕበር/ኣካል/ትካል መሰረታዊ ኣሃዱ ሲዲምኤ እዩ።

እዚ ቅርጻ እዚ ንመሰረታዊ መትከላት ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ጉባኤታት ሲዲምኤ ክምዕብልን ክምሓየሽን ይኽእል።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

ክብርን ሞጎስን ንሰዉኣትና!

01/08/2011

**Copyright 2011** *Eritrean Civic Democratic Movement*. **All rights reserved. This material may be published, broadcast, or redistributed with proper citation of** *the Eritrean Civic Democratic Movement*, *eritreancdm@gmail.com*

# FOR OUR COMMON FUTURE!



2011-04-02

## For our common future!

**The current political situation creates a conducive atmosphere for progressive elements within the Eritrean opposition with national characters and agendas to cooperate or create a common platform.**

For our common future!

## E R I T R E A

The good thing about Eritrea and Eritreans is that almost everyone realised the fact that the regime in Asmara is de facto outright dictatorship.

Eritrea is neither a democracy nor in a transition to any form of democracy. To be frank, Eritrea has not even been close to be qualified as a semi-democracy, façade democracy, pseudo democracy, weak democracy, formal democracy, electoral democracy, partial democracy, illiberal democracy or virtual democracy. The regime is not in any grey zone, what we have in Eritrea is pure authoritarian regime. The regime is beyond any reasonable qualification of democracy.

These facts are daylight secrets that every Eritrean accepts without any sort of doubt. But the analysis would not be full-fledged unless accompanied by brief analysis of the existing political opposition. After a decade of observation, we believe it is fair to say that they have failed the Eritrean people and its cause. An opposition (or a coalition of interests), which neglects the important values of the Eritrean society for the sake of broader participation is destined to fail.

In the next few paragraphs we are going to try to briefly analyse the situation in Eritrea and as to why we should unite our common efforts. We believe the main problems of the Eritrean opposition camp are three dimensional, which embeds different factors:

• The lack of national political agenda:
Many have already argued that an opposition which lacks a political national character is not in a position to unite the opposition front let alone the Eritrean people.

• The lack of independent political agenda:
We have been observing with every coalition (KIDAN or old alliance) lack of independent political agenda. Every move of the Eritrean progressive elements within the coalition has been repulsed by political agendas that are instigated by foreign elements. The active engagement of Ethiopian and other stakeholders in Eritrean matters has handicapped the Eritrean opposition.

• The lack of understanding the institution and political cultures within Eritrea:
The traditional Eritrean opposition has lost the inside look of the Eritrean political landscape. In many cases, we can see an opposition group who rejects the already existing institutions within Eritrea and this understanding hinders them from a proper

analysis.

Despite these factors our country and its people are still hoping for a change. One can easily argue that due to PFDJ's abuse of the rule-of-law and human rights, accentuated with spiralling living expenses and domestic and international political mess, the vast majority of Eritreans are united in their desire to remove the regime. Our observation of the media campaigns of the Eritrean ministry of information has also clarified this position. The Eritrean people is eager to see change and the government is feeling it.

We tried to show briefly why the opposition is failing and we have also clearly stated that our people are eager for change more than ever. As a logical consequence, the next question that we ask ourselves is what we can do about it. The Eritrean Democratic Party strongly believe that cooperation and creating a forum of common expression among likewise Eritrean political forces could be a solution to help our people in engaging them in a popular revolution. But why us?

• An opposition or a coalition of opposition, that accepts government institution, political cultures and landscapes is the only way out of these hypocritical situation and hence it challenges the government and its institution with its own machinery. It is a tragic reality that the majority of Eritrean opposition neither accept nor acknowledge the institutions as such.

• We have already argued that opposition (especially- the Ethiopian manoeuvred movements) are caught in a complex web of external (Ethiopian) intricacies hence are not in a position to formulate an independent political agenda. The latest statement of the Ethiopian PM of "doing everything to remove the Eritrean government" is contrary to the new hope of African popular upraising and it might also be used as a pretext of diverting its own internal political pressures that might come/already exist. The Eritrean Democratic Party believes that it is the duty of all us to formulate independent, national programmes and campaigning to achieve it.

• The current situation have already arose the hope of all peace-, justice- and democracy loving people around the globe. It is our duty to keep the flame burning and help our people take fate in their own hands.

Hence we believe that the current political situation creates a safe haven for cooperation among likewise members of the Eritrean opposition!

By Mussie Ephraim

April 15, 2011

# 20 Years of PFDJ

This is not a research product: it is just to set the stage for a brain-storming session. We do not need to dig deep; we can base our evaluations on the glaring facts piling on the surface of the ground which are accessible to any ordinary observer. In order to size-up the performance of the regime, lets introduce some measuring variables in random order.

1) **Economic Performance:**

A) From the outset, a commandist economy was laid-out.
B) PFDJ formed parastatal institutions to dominate the meagre economy of our nation.
C) Private sector is highly frustrated and marginalized.
D) Nakfa started at 1-7, now it is 1-40, close to 600% devaluation.
E) Our biggest economic partner – Ethiopia, has been out of the picture for the last 14 years.
F) Fishery; our competitive advantage is not developed.
G) Remittance is over 50% of our GDP. Note: they call this self-reliance!!!!
H) The economy is militarized.
I) We have been suffering an arrested development for the last 60 years.
J) We are among the poorest polities in the world.
K) Promotes "self reliance" at the expense of starving the people.

2) **Politically**

A) Populist regime.
B) Some form of National Socialism.
C) The masses are under a very firm psychological control of a charismatic leader.
D) No precise or logically consistent ideology.
E) There is no concrete promise of the leader, but just a rag-bag of attitudes and values chosen, perhaps cynically, to appeal to alienated and deprived members of a mass society.
F) Attacks traditional symbols of prestige in the name of popular equality.
G) It is against a normal liberal democracy which requires accountability transparency -- civic liberties.
H) Populist rhetoric tends to be a collection of strands of both left and right wing thoughts with a heavy stress on leadership on one hand and popular

equality on the other. Often with a highly illiberal and intolerant position on traditional civic liberties.

I) Alienated and maladjusted regionally and internationally.
J) It is friendly with the oddest regimes like Iran and Libya.
K) Does not respect international norms and rules
L) Diplomatically bankrupt domestically and externally.
M) It is a demonized regime, which is dangerous to the survival of the nation.

**3) Socially**

A) Social synergy is at its lowest ebb.
B) Mistrust and fragmentation is prevalent.
C) Demoralizes the educated by indefinite suspension from work.
D) Kills the aspiration of the youth by indefinite conscription.
E) Fosters cultish "Hade Libe" propaganda. Dehumanizes anyone with open mind.
F) The family is deprived of its productive household.
G) Our nation is experiencing massive migrations of its productive demography.
H) Moral degeneration of the community.
I) Massive brain drainage. The regime cannot accommodate the intelligentsia.
J) Higher education is not among the regime's priority.
K) Highly paranoid and conflict-prone regime. Even though it claims to be the representative of the majority, (symbolically of course), it is afraid to hold election. Honestly, even if it would conduct an election every month, it would have won over 90%.

**4) General**

A) It is organized along personalistic and narrowly sectional lines; not along programmatic dimensions. Social cleavages are manipulated negatively.
B) PFDJ exploits our diversity; taking advantage of our heterogeneity and entrenching itself in power at the cost of our conflict-prone societal fact. Lack of consolidated nationalist political parties is the main reason for its perpetuation.
C) It uses the doctrine of *Nomenclature* to the maximum. A vital technique for insuring the control of power. It is not meritocracy but blind obedience and party affiliation that decides appointment of any level of government post.
D) The president has his own privy council to bypass and control information and authority.
E) The institutional design is one-man control favouring.

F) We could not make use of other failed states experience. We are exposed to the torturous road of trial and error.
G) It is a neo-communist model of the third world version.
H) There is no researched viable national strategy on many vital national issues. Impulsive, intuitive and shallow propaganda is the *modus operandi* (way of operating). Most of the state institutions are not fit for future use. They are crafted for that regime only.
I) The net-effect of all these above mentioned realities of Eritrea is that the nation is on the verge of collapse.

**5) Real World Implications**

A) It is not an easy task to unseat PFDJ.
B) It appeals to the traditional fear of Ethio or Arab domination of Eritrea in the absence of the regime.
C) Twenty years of politico-social fragmentation needs to be reversed towards consolidation and national unity to challenge PFDJ.
D) They (PFDJ) failed their very name.
E) Over 5000 members of its own government have been suspended.
F) The national service has been without any sun-set clause. Therefore, practically it's a forced labour and left the entire new generation without destiny, thereby creating confusion and desperation of the youth. Having to lose nothing, it is exposing itself to risky migration ventures with untold casualties.
G) The bottom line is what do we have at hand to rally a significant amount of our people around our national agendas?

By Kidane Hagos

# ኢትዮ-ኤርትራዊ ዝምድና

ህግደፍ፡ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ሃገርና ባይታ ከም እትዘብጥ ምግባሩ ኣይኮነን እቲ ዘሕዝን፡ ኣንታይ ደኣ፡ እቶም ነዚ ተቓወምቱ ኢና በሃልቲ፡ ሃገርና ንምድሓን፡ ዋላ ሓንቲ ክንገብር ዘይምኽኣልና፡፡ ኤርትራ ነጻ ካብ እትኸውን ዕስራ ዓመታ ትግበር እምበር፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዝምድና፡ ክሳብ ሕጂ፡ ንቡር ናይ ክልተ፡ ነጻ ልዑላውያን ሃገራት መልክዕ ክሕዝ ኣይከኣለን፡፡ እኳ ደኣ፡ እቲ ንዘመናት ብዘይ ዕረፍቲ፡ ዝሸይድ ዚነበረ፡ ንወለዶታት ዘፋለሰ፡ ካብ ደቡብ ንሰሜን ዚዋፈር ዚነበረ ወረራታት፡ ብሓዲሽ መልክዕ፡ ብናህሪ ክቕጽል ይረኤ። ፖሊሲ ናይታ ብወያኔ ትግራይ እትምራሕ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ፡ ካብ ናይ'ታ ብመሳፍንትን ነገስታትን ውልቀ-መለኽትን እትምራሕ ዝነበረት መስፋሕፍሒት ኢትዮጵያ፡ ብዙሕ ኣይተቐየረን፡፡ ገና ብዚተፈላለየ ኣገባብ፡ ኣብ ትሕቲ በብዓይነቱ ሽፋናት፡ ንልዕላውነትና ዚግህስ ተግባራት እናቐጸለ'ዩ። ዘመናውያን መስፋሕፋሕቲ ኢትዮጵያውያን ዝኸተልዎ ተግባራት፡ ብብዙሕ ሸነኻቱ፡ ከም ዘለዎ፡ ብጥሪኡ፡ ካብ ናይ ዝሓለፉ መስፋሕፋሕቲ ነገስታትን መሳፍንትን መራሕቶም ዝተቐድሔ'ዩ።

ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ብብዙሕ ምትሕልላኻት ሰጊሩ'ዩ። ዋላ'ቲ መራሕቲ ኢትዮጵያ ዘንቱ ዘይዓርፍሉ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ሓደ ሃገር ናይ ምጥርናፈን ከይተረፈ፡ ቅድም ብመልክዕ ፈደረሽን፡ ስዒቡ ኤርትራ ከም ሓንቲ ካብ ግዝኣታት ኢትዮጵያ፡ ተፈቲኑ'ዩ። እኩብ ድምር ውጽኢት ናይ'ዚ ተመክሮ'ዚ፡ ኢትዮጵያውያን ንኤርትራ ኣብ ምምራሕ፡ ኣብ ጊዜ ሃይለ ስላሴ፡ ስዒቡ'ውን ስርዓት ደርጊ፡ ብዘየወላውል ምፍሻሎም'ዩ። ድሕሪ መሪር ተጋድሎ ዚተበጽሔ ኤርትራዊ ነጻነት፡ ነዚ ጽሕፍቶ'ዚ መደምደምታ ክገብረሉ ፈቲኒ፡፡ እቲ ሓጢኣት ግን ኣብኡ ኣይውዳእን፡፡ ኤርትራ ንዝምድና ናይ ክልቲኡ ሃገራት፡ ከም ድላያ፡ ክትውለዖን ከተጥፍኦን እትኽእል ኣይኮነን። ንፍተዎ ንጽልኣዮ፡ ዝምድናና ምስ ኢትዮጵያ፡ ናይ ጉርብትና ዝምድና ከም ናይ ሶማልን ኢትዮጵያን፡ ጂቡትን ኢትዮጵያን፡ ሱዳንን ኢትዮጵያን ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ካብ'ዚ ዚፈልዮ፡ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምድና፡ ክሕባእ ዘይክእል፡ ብጋህዲ ዘንበልብል፡ ብዓቢኡ ስልጣኔኣዊ፡ ሲዒብውን ታሪኻውን ባህላውን፡ ኤትኒካውን ሸነኻት ኣለዎ፡፡ እዚ'ዩ ከኣ፡ እቲ ጽኑይ ምንጻል ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ንምርግጋጽ ዘሸግር፡፡

እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍኤ ሸነኻቱ ከኣ፡ ኤርትራ ነዚ ዝምድና'ዚ ኣብ ምምራሑ ዘለዋ ደረታት'ዩ፡፡ ቦታዊ ስፍሓት፡ ናይ ህዝባ ቁጽሪ ብዝሓት፡ ናይ ጸጋታታ ዓቕን፡ ኣብ ዓለም ዘለዋ ተሰማዕነትን ቦታን፡ ንኢትዮጵያ፡ ብብዙሕ ሸነኻት ፡ ኣብ ዝምድናኣ ምስ ኤርትራ፡ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንከባቢና'ውን፡ እንተ ብኣሉታ፡ እንተ ዘይኮነ'ውን ብእወንታ ክትጸልዎ ዝህልዋ ዓቕሚ ንምግርሑ ቀሊል ዘይምኧኑ'ዩ፡፡ ክሳብ ኢትዮጵያ፡ ናብ ሲቪካዊ ጎድና እተምርሕ፡ ንስልጣኔን ዘመናውነትን እትስለፍ፡ ኤርትራ፡ ጽሕፍቶ ናይታ ኣብ ጎኒ ዓጋም ዚቦቖለት ቆልቋል ዘጋጠማ እያ ትመስል። ሕጂ ሕጂ'ውን፡ ኢትዮጵያ፡ ብዘይትኣደነ ሸውሃት፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኣበርቲዓ ትሰርሕ ከም ዘላ ዘርእየና ገለ ካብ ዓማጺ

ተግባራት መራሕቲ ኢትዮጲያ ንምጥቃስ፡

1. ኤርትራ ገና ካብ ቀንዲ ኣጀንዳታት ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኮይና ትቕጽል፡፡ ብፍላይ'ቶም ኢትዮጵያውነቶም ኣብ ዕዳጋ ከረጋግጹ ዚግደዱ ሓይልታት፡ ብዋጋ ነጻነት ኤርትራ፡ "ሓርበኝነት" ክለብሱ የዕለብጡ፡፡ ምንጻግ ነጻነት ኤርትራ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ዕዳጋ ኢትዮጵያ፡ ገና ኣገዳሲ ሃላኺ ኣቕሓ ኢዩ።

2. ኢትዮጵያውያን፡ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ናይ ዘመናት ሃንቀውተኦምን ሕልሞምን ገና ኣይተጸንቀቕን፡፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ካብ ፍርቂ ዘመን ንላዕሊ ዘርኣይዎ፡ ዘይስልኪ፡ ናይ ባሕሪ መሕለፊ "መሰሎም" ገና፡ ብዋጋ ነጻነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ክበጽሕዎ ይጽዕሩ፡፡ እዚ ዘይተገርሔ ባህጊ፡ ተወሳኺ ናይ ሓድሽ ውግኣት ዕድል ዚሓዘለ'ዩ፡፡

3. ንማሕበራዊ ሓይልታት ኤርትራ ብትሕተ-ሃገራዊ መንነታቱ ብምስራዕ፡ ኣብ ምዕባይ ንዝርከብ፡ እኳ ደኣ፡ ካብ ናይ ብሄራትን ክልላትን ዝሰጎመ፡ ሃገራዊ ኣወዳድባ ኤርትራ ንድሕሪት ብምምላስ፡ ኤርትራ ብውሽጣ ናብ እትፍንጠሓሉ መንገዲ ክጸልዉዋ ብብርቱዕ ይሰርሑ።

4. ኣብ ትሕቲ ሽፋን ምውዳቕ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንኤርትራ ካብ ከባቢናን ዞናናን ዓለምን ንምንጻልን ንምድኻምን ዘይሕለል ዲፕሎማሲያዊ ቃልሲ የካይዱ፡፡ ናይ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዚተወስደ ናይ እገዳ ውሳኔ፡ ሓደ ካብቲ ዝገነየ ውጽኢት ናይ'ዚ ወፈራ'ዚ እዩ።

5. ኢትዮጵያውያን ህዝብና ብፍላይ ከኣ መንእሰያትና፡ ሃገሮም ገዲፎም ንኽስደዱ ዘተባብዕ ፖሊሲታት የዘውትሩ፡፡ መንእሰያትና ብብዝሒ ኣብ መደበራት ናይ ስደት ኢትዮጵያ እናኣከብካ ንምዕራብ ንምስፋሮም ዚካየድ ዘሎ መደባት ሓደገኛቱ ብሩህ'ዩ

6. ኣህጉራዊ ናይ ዶብ ኮሚሽን ዘሕለፎ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ንኸይትርጎም ብምሕንጋድ፡ ኣብ ትሕቲ ሽፋን ናይ ዶብ ምውጣጥ፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ንህዝብና፡ ንዓመታት፡ ኣብ ናይ ውግእ ኩነታት ንኽነብር ገዲዶሞ፡፡

7. ግሁድ፡ መንግስቲ ናይ "ምቅያር" ቀጥታዊ ኢድ ኣእታውነት ኣዋጃትን መደረታትን ብምስማዕ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ናይ ሻቕሎትን ስግኣትን ቅልውላው ፈጢሮም፡፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክህልው ዝነበሮ ዝምድና በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተቐሰ ኢትዮጵያዊ ወስታታት ጥራሕ ኣይኮነን ንቡር መልክዑ ካብ ምሓዝ ዚበርዓነ፡፡ ካብ ተግባራት ኢትዮጲያ ብዘይንእስ፡ ህግደፋዊ ፖሊስን ተግባራትን እውን ዚዓበየ ተራ ኣለዎ፡፡

1. ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፡ መራሕቲ ህግደፍ፡ ሰላምን ቅሳነትን ብዘረጋግጽ፡ ልዕላውነት ኤርትራ ንምኽባር ብዚሕግዝ ንዝምድና ናይ ክልቲኡ ሃገራት ክመርሕዎ ኣይከኣሉን፡፡ መራሕቲ ኤርትራ፡ ንረብሓ ሰላምን ስልጣኔን ዘመናውነትን ብዘገልግል ምስ ዝምልከቶም ሓይልታት ኢትዮጵያ ዘተኣማምን ዝምድና ኣብ ምውሓስ ፈሺሎም፡፡ ብኣምሳያኡ፡ ናብ ዕዋላዊ፡ ካብ ንቡር ኣህጉራዊ ዝምድናታት ዚገዝእ ወግዕታትን ልምድታትን ዚረሓቐ፡ ካብ ኣፍንጭኡ፡ ኣርሒቑ ዘይጥምት ተግባራት ብምውፋር፡ ብግስ ከይበለ ንዝምድና ናይ ክልቲኡ ነጻ ሃገራት ብኣሉታ ብምጽላው፡ ናብ ሓድሽ ናይ ምርሕሓቕን ምትፍናንን ኩነታት ከም ዚኣቱ ገበርዎ፡፡

2. ዝምድና ናይ ክልቲኡ ነጻ ሃገራት ኣንቆልቀኍሉ፡ ኩነታት ናብ ሓድሽ ውግእ እናምረሔ፡ መራሕቲ ህግደፍ፡ ዚኾነ ኣራሚ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ምሕንጋድ፡ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ድንቁርና ብዝተሓወሶ ትምክሕቲ ናብ ኾናት መርሑና፡፡

ህዝብና ንኣስታት 30 ዓመታት ብምቅላስ፡ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ብምስዓር፡ ዘረጋገጸ ሞራላዊ ልዕልነትን ወተሃደራዊ ጸብለልታን፡ ኣብ ሓንቲ ውግእ

ብምሕሻሾም፡ ህዝብናን ሃገርናን ከም ብሓድሽ ብኢትዮጵያ ከድፈርን ከህረምን

ኣሳጢሕዎ፡፡

3. ኣህጉራዊ ናይ ዶብ ኮሚሽን ዘሕለፎ ውሳኔ፡ ብዓቢኡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጲያን ብንጹር ምውሳኑ፡ ህዝብና ከም ዓወቱ፡ ክሪኦን፡ ውሳኔ ዝሃቦ ሞራላዊ ልዕልነት ተጠቒሙ፡ ንምትግባሩ ክደፍኣሉን ኣህጉራዊ ዝምድናኡ ከመሓይሸሉን ምተገብኤ፡፡ ብኣንጻሩ ግን፡ ብሰንኪ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን

ዘይብቕዓት መራሕቲ ህግደፍ፡ እዚ ስሕት ኢሉ ዘጋጥም ዕድል"ዚ፡ ህዝብና ከይተጠቐመሉ፡ ኣብ ሓጺር ጊዜ ባኺኑ።

4. ኣብ ክንዲ ነቲ ካብ ዓለም ናይ ምንጻልና መኸተ ናይ ኢትዮጵያ ብዝተጸንዔ ስትራተጂ ምምካት፡ መራሕቲ ህግደፍ፡ ናይ ብሕትውና ፖሊሲ ብምኽታል፡ ካብ ዞናውን ኣህጉራውን ውድበታት ኣባልነት ምስሓብ መረጹ። ምስ ናይ ወሰናስን ሃገራት ከም ሊቢያን ኢራንን ዝምድናታት ብምእታው፡ ንኤርትራ

ከም ንፍግቲ ሃገር ከም ኣትልለ ብምግባር ንናይ ኢትዮጵያ ናይ ምንጻልና ጻዕሪ ሓገዙ፡፡ ሑልፍ- ሓሊፉ፡ እታ ብዓረብነትን እስልማናን ካብ ምኽሳስና ዘይትዓርፍ፡ ኢትዮጲያ፡ ክሳብ ነቶም መሓዙትናን ደገፍትናን ከኾኑ ዚነበሮም የመንን ሱዳንን፡ ኣብ ኣክሲስ ኣሰሊፋ ኪትዋግኣና ዕድል ሃቡ።

5. ንዚተፈላለየ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸጥታውን ሽግራት ብምቅላዕ፡ መራሕቲ ህግደፍ፡ ማሕበራዊ ሓይልታት ኤርትራ ክበታተን፡ ህዝብና ናብ ስደት ከምርሕ ብምግባር፡ ኣብ ቅድሚ ዓለም ከም ሃገር ናይ ምቕጻል ዓቕምናን ኣኽእሎትናን ኣብ ሕቶ ዘእትው ኩነታት ፈጢሮም፡፡ እዚ ድማ ንኢትዮጵያዊ ሽውሃት ናይ ወረራ ዘተባብዕን ዘንህርን እምበር ዚጊትእ ኣይኮነን፡፡

6. ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት፡ ኤርትራ፡ ካብ ናታ ነጻ ስትራተጅን ፖሊሲን ኣብ ክንዲ ምብጋስ፡ መራሕቲ ህግደፍ፡ ኣብ ምስ ኢትዮጵያ ምትህልላኽን፡ ዘየድሊ ምውድዳርን ዚተመርኮሰ ፖሊሲ ብምኽታል፡ ንኤርትራ፡ ኣብ ዘይምልከታ ዞናውን ኣህጉራውን ምውጣጣት ነቑቶማ። ከም መቐጸልትኡ ከኣ፡ ኤርትራ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ቀዝሒ ከም ዝዓረቐ ሰብ ከተንከትክት ትርከብ፡፡

ኣብ ቅድሚ'ዚ ኩነታት'ዚ፡ ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ፡ ፍሉይ፡ ኩሉ ሸነኻዊ መጥቃዕትታት ኢትዮጲያ ብምምካት፡ ልዕላውነት ኤርትራ ዚዕቀበሉ፡ ሃገርናን ዞናናን ሰላምን ርግኣትን ዚረኽበሉ፡ ኩነታት ንምውሓስ ኣበርቲዖም ኪሰርሑ ከም ዘለዎም ንምርኣይ ኣሸጋሪ ኣይኮነን፡፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ምውጣጥ ብቐንዱ ምናልባት፡ ኣብ ዞናና ናይ መን መርሔ፡ መን ዓብለለ፡ ኮይኑ፡ እንተወሓደ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ንምርካብ ንግዝኣታዊ ሓደነት ኤርትራ ዚፈታተን፡ እንተተኻኢሉውን ንኤርትራዊ ነጻነት ናይ ምቕልባሱ ኢትዮጵያዊ ሃንቀውታ ዚተሓዋወሶ ኣዩ፡፡ ክሳብ ህግድፍ ኣብ ኤርትራ፡ ህወሓት ኣብ ኢትዮጲያ ኣብ ስልጣን ዚህልዋ፡ ምናልባት'ውን ኣብ ክልቲኡ ሃገራት፡ ደሞክራሲያዊ መስርሕ ክሳብ ዚተኣታቶ፡ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ምሉእ ፍታሕ ክረክብ፡ ንቡር ናይ ክልተ ነጻ ሃገራት መልክዕ ክሕዝ ኣሸጋሪ ምኳኑ'ውን ርዱእ'ዩ። ይኹንምበር፡

ኣብ ቅድሚ ሰፊኑ ዘሎ ኩነታት፡ ንሕጂ ይኹን ንሓዋሩ፡ ክግበር ዘለዎ ንምእማት ዚኣክል፡

1. ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራሕ ከይተወሰኑ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሰፊሑ፡ ተባዕ፡ ኣርሒቑ ዚጥምት፡ ሰላምን ርግኣትን ዘስፍን፡ ስልጣኔን ዘመናውነትን ዘሰስን፡ ስትራተጂ ብምሕንጻጽ ንጡፍ ግደ ክጻወቱ ኣገዳሲ'ዩ። ዋላኺ ውሽጣዊ ሽግራትና ዝያዳ ኣትኩሮ ዚሓትት፡ ብገለ ሸነኻቱ'ውን ህጹጽ ፍታሕ ዚጠልብ ባእታታት ከምዘለዎ ክዝንጋዕ እንተዘይብሉ፡ መብዛሕትኡ ካብቲ ዓበይቲ ሽግራትና፡ ዞናዊ ባህሪያት ከም ዘለዎ፡ ምርዳእ ብጣዕሚ ኣድላዪ'ዩ፡፡ ብፍላይ"ቲ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዚህልው ናይ ዝምድና ሽግራት፡ ወትሩ ንሰላምን ቅሳነትን ህዝብና ኪዝርግ፡ ንምዕብልናና ክግትእ ዓቢ ተራ ክህልዎ ምኽኑ ብምርዳእ ንምፍትሑ ዘኽእል ጻዕርታት ምክያድን ዝሕግዝ ዝምድናታት ምፍጣርን ክሰረሓሉ ዘለዎ

ኢዩ።

2. ካብ ፓርቲኣውን ወገናዊን ጸጊዓት ዚረሓቐ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዚተወደበ፡ ብቕዓቱን ኣድማዕነቱን ምስ ናይ ከባቢና ሃገራት ዚመጣጠን፡ ንልዕላውነት ሃገር ዘዕቁብ፡ ሃገር ናይ ምክልኻል ህዝባዊ ሸኽሚ (ሃገራዊ ኣገልግሎት) ዚኒኪ፡ ሞያዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ምህናጽ

3. ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝህልወና ጸገማት መፍትሒኡ ወተሃደራዊ ከም ዘይኮነ ምእማን፡፡ ግዳማዊ ፖሊሲና ካብ'ቲ ሕጂ ብዚገነነ ወተሃደራዊ ቃንኡ ዝለለ ፡ ናይ ሓይልን ዓመጽን ስልቲ፡ ናብ ሰላማውን ዲፕሎማሲያውን ኣገባብ ኣሰራርሓ ምስግጋር

4. ምስ ኢትዮጵያ ዝህልወና ዝምድና፡ ብውልቀ ይኹን ብውድብ ደረጃ ዝውሰን፡ ማሕበራዊ ሓይልታት ኤርትራ ብብውልቀን ከም ድላየን ዝቐያይረኦን ዚመርጸኦን፡ ንኢትዮጵያዊ ኢድ ኣእታውነት ኣብ ኤርትራ ዕድል ዝህብ፡

ዘዝኾረየ ምስ ኢትዮጵያ ኮይኑ ንሃገር ከጥቅዕ መንገዲ ዚኸፍት፡ ክኸውን ኣይግባእን። ኣብ ታሪኽና፡ ኣብ ጊዜ ፈደረሽን ሓደ ሸነኽ፡ "ንነጻነት ከዲኡ ምስ ኢትዮጲያ ክጽንበር ከም ዝመረጸ" ክኽሰስ ዚጸንሔ ሸነኻት፡ ሕጂ ምስ ኢትዮጵያ ኮይኑ፡ "'ነቲ ሓደ ሸንኽ" ከጥቅዕ ክፍትን ንዕዘብ። እዚ ናይ ተራን ቦታን ምቅይያር፡ ብፍላይ'ቲ ናይ ኢትዮጵያ ኢድ ኣእታውነት ሸነኻቱ፡ ንሓዋሩ ዚዓርፈሉ መንገዲ ክድህሰስ ኣለዎ። እዚ ድማ፡ ኤርትራ፡ ንዝምድናኣ ምስ ኢትዮጵያ ብዝምልከት፡ ሓደ ከም ህዝብን ሃገርን እትርዕመሉ፡ ናይ ኩሉ ሸነኻት ህዝብና ዕግበት ዚረጋገጸሉ፡ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ናይ ክልቲኡ ሃገራትን ኣህዛብን ዝተመርኮሰ፡ ሕድሕዳዊ ግዝኣታዊ ሓድነትን ልዕላውነትን ዘኽብር፡ ዝምድና ዝንጽር ሃገራዊ ስትራተጂ ከም ዚህልዋ ምርግጋጽ።

1. ኣብ ዓለማዊ ዝምድናታትና ዲፕሎማሲያዊ ስራሕትና፡ ካብ'ቲ ሕጂ ዘለዎ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ምውድዳር ዚተሞርኮሰ መበገሲታቱ ኣናጊፍካ፡ ኤርትራ ነጻ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሳ ስትራተጂ ዚተሰረተ፡ ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን ዘኽብር፡ ንረብሓ ሃገርና ዚምእዘዝ፡ ፖሊሲ ምምዕባል፡፡ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም ንዘለዋ ቦታ ክንወዳደሮን፡ መተካእታ ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክንከውንን ምፍታን፡ ኣብ ዘብጽሓና የብሉን፡፡ ዘዋጽኣና፡ ኣብ ከባቢ ክንቅይሮ ናይ ዘይንኽእል ኣህጉራዊ ዝምድናታት ከመይ ንሰርሕን ንረብሓና ዘገልግል ዚምድና ንፈጥርን ምጥማት'ዩ፡፡

2. ኣብ ትሕቲ ናይ ምቅዋም ባንዴራ፡ ጸረ ሃገራዊ ዝኾነ ርብሓ ግዳማዊ ሓይልታት፡ ብፍላይ ኢትዮጵያዊ ረብሓ ዘገልግል፡ ምድኻም ናይ ኤርትራ ከም ሃገር ከስዕብ ካብ ዚኽእል ተግባራት ምቑጣብ፡፡

3. ንህዝቢ ኤርትራ ዚሓሊ ዚመስል፡ ኣብ ትሕቲ ምቕያር ምሕደራ ኤርትራ ዝነፍስ መደባት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኤርትራ፡ መጀመርትኡን መወዳእትኡን ክግመት ዘይከኣል፡ ሰዓቤናቱን ሓደገኛነቱን ከቢድ ምዃኑ ምግንዛብ፡፡ ውሽጣዊ ሽግራት ኤርትራ፡ ንዜጋታት ኤርትራ ዚምልከት፡ ብዜጋታት ኤርትራ ክፍታሕ፡

ከም ዘለዎ ምእማን፡ ህያው ንምግባሩ ምጽዓር፡፡

4. ንሃገረዊ ሓድነት ህዝባና ዚዝርግ፡ ንምስዓም ሲቪካዊ ሃገርነት ኣብ ኤርትራ ዝዕንቅፍ፡ ብፍላይ ብወገን ኢትዮጵያ፡ ኣብ ናይ ሓሶት መሰል ብሄራትን ትሕተ-ሃገርዊ ጉጅለታትን ዝተመርኮሰ ኣይዲዮልጂ ናይ ምትእትታው ፈተነታት ምንጻጉ፡፡ ምስ ኢትዮጵያዊ፡ ዘመናዊ ሲቪካዊ ሓይልታት ምዝማድን ሓቢርካ ምስራሕን፡ ንዞናና ዚርምስ፡ ናብ ቀጻሊ ምብልላዕ ዚመርሕን ናይ ፕሮክሲ ውግኣት መዕረፊ ንኸንገብረሉ ምጽዓር።

5. ንኤርትራ ናይ ምንጻል ዚካየድ ኣህጉራዊ ጸለመታትን ሓሶታትን ኢትዮጵያ ምቅዋም። ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ ዞናውን ኣህጉራውን መድረኻት ብኹራን፡ ብምግቡዕባዕን ምስትምሳልን ካብ ምስሓብ ተቐጢባ፡ ሰጥ ኢላ፡ ብስልጡንን ልዙብን ስትራተጅን ሜላን ሃለውለው ዘይብሉ፡ ዓቕሙ ዚርዳእ፡ ተግባራዊ ምስ ኢትዮጵያ እንታይ ዝምድና ይህልዎም ብዘየገድስ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ጸጥታውን ሃገራዊ ረብሓ ብዘገልግል፡ ምስ ኩሉ ሸነኻት ከም እትሰርሕ ምርግጋጽ።

ብዳዊት ገብረመስከል

2011

## [ሓርፋፍ ኣፈናዊ-መጽናዕቲ ናይ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ጥንታዊ ዉርሻታትን ዘመናዊ መለለይ መንነት ዝድህስስ ጽሑፍ።]

**[መእተዊ፣-]**

ናይ ለዉጢ ሓይልን ነገርን ክንከዉን ዝድለ እንተሃልዩ፣ ብቀዳምነት ኤርትራዊ ጸገማት ብዓሚቕ ክንርድኦን ክንዉሱኖን ኣሎና። ጸገማትና ኣብ ኤርትራ ምልካዊ ስርዓት ምህላዉ ጥራይ ዝርዳኣና እንተኾይኑ፣ ኣዚና ዓያሹ ኢና። ብመሰረቱ ድማ

ናይ ለዉጢ ሓይልን ነገርን ኣይኮናን። ንኤርትራዊ ጸገማት ቡዙሓዉነቱ ዘንቕሎ ጥራይ ኣይኮነን፣ እንታይ ድኣ ሓድግታት ኤዉሮጳዊ መግዛእትን ከባብያዊ ስልጣኔኣዊ ናይ መንነት ጽልዋታት ዝፈጥርዎ ምትሕልላኻትን ምትእትታዉን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንሓይልታት መግዛእቲ ብዉዱቡን ሰላማዉን ኣጋባብ ክቃለሶ ኣብ ዝጀመረሉ እዋናት (1958) ካብ ጥንታዉን ዘመናዉን ማሕበራ ስነ-ኣእሙራዊ ኣቋዉማታቱ ዝነቀለ ሲቪክ ትሕዝቶ ኣዋዳድባን ዕላማን ባህርያት ዝሓዘ ብማሕበር ሸዉዓት ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ፣ ነቶም ብካልኦት መንነት ዝጽለዉ ጉጂለታት ሓደገኛ ስለዝነበረ ኣብ 1965 ቀጺሉ ኣብ 1970 ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብሓይሊ ብረት ተቀንጺሉ። ቀጺሉ ዝተራእየ ኩናት ሕድሕድን ምቅንጻላትን ዝደረኽዎ ቡዙሓት ሮቛሒታት ኣኳ እንተሃለዉ፣ ቀንዲ ካብቶም ቡዙሓት ሮቛሒታት ናይ መንነት ቅልዉላዉን ብትኪታትን እዩ ዝነበረ። ክሳብ ዛጊት ነዚ ሕቶ እዚ ብትብዓት ዝገልጾ እዉን ኣይተረኽበን።

ኩሉ ፖሎቲካዊ እምነትና ካብ ሓንቲ ኣገዳሲት ብዓይኒ ክትርኤ፣ ብኣእዳዉ ክትድህስስ ዘይትኽእል ናይ መንነት ፍሕሶ እያ ትልዓል፣ እቲ ምንታይስ ቃልሲ ክትቃለስ፣ ከም ሃገርን ህዝብ ክትቅጽልን ቀጻሊ ምዕባሌ ከተራጋግጽ መጀመርታ ሃገራዊ መንነትካን ሃገርነትካ ክትዉስን ኣሎካ። ሓንቲ ኤርትራን፣ ሓደ ኤርትራዊ መንነት ከንሱ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ዜጋታት ስነ-ኣእሙራዊ ቅኒት ግን ካብ 10 ንላዕሊ ኤርትራዊ መንነታት እዩ ዘሎ። ኣብ መንጎ ጽምዲ ጥንታዉን ኅሮቤታዊ ጽንፍታት መንነት ተቀርቂርካ ከሽፍኣካ ወይ ክጥዕመካ እንኮሎ፣ ንሓንሳብ ኤርትራዊ፣ ንሓንሳብ ኣፍሮ-ዓረባዊ፣ ንሓንሳብ ሓበሻዊ፣ ንሓንሳብ ሱዳናዊ፣ ንሓንሳብ ኢትዮጵያዊ፣ ንሓንሳብ እስላማዊ፣ ንሓንሳብ ክርስትያናዊ፣ ንሓንሳብ ትግርኛ፣ ንሓንሳብ ኩናማ...ወ.ዘ.ተ; ዝስማዓካን ምኻንካ እትጽዕድ እንተኾይኑ፣ ኤርትራዉያን ዜጋታት ዛጊት ሃገርነትና ኣይወሰነን ዘሎና ማለት'ዩ። ሃገርነትና እንተዘይወሲኑ ድማ; መንነትናን ኤርትራዊ ዘመናዊ መዓርፎ ኣይወሰነን ማለት'ዩ። ነዚ ቀዳድ (loop hole) ንሕብረተሰብ ብቀቢላ፣ ሃይማኖት፣ ኤትኒክ-ጉጂለ...ወ.ዘ,ተ ንትኹላዊ ምትፍናን ኣእትዩ ናይ ሓባር መንነት ዝፉሕቅ ንምልኻኹ፣ ኤርትራዊ ዘመነ ሃገራዊ ስልጣኔን መስርሓዊ ዑደታቱን ብምስትብሃል ሃገራዉነትና ክንዉስንን ከነነጽርን ኣሎና።

ከምኡ ስለዝኾነ ድማ።

ቀንዲ እምነ-ኩርናዕ ፖለቲካዊ ፍትወት-ልቦናናን እምነትናን ሲቪካዊ ሃገርነት'ዩ። እዚ ፍትወተ-ልቦናን እምነትን'ዚ ፊን ስለዘበለና ዝራዓምናሉ ዘይኮነስ ካብ ዉህሉል ማሕበራዊ ክብርታትናን ጸጋታትናን ዝመንጨወ እዩ። ናይ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ጥንታዊ ዉርሻታትን፣ ዘመናዊ መለለይኣን፣ ናይ ሰፊሕ ህዝባ ጅግንነታዊ ተጋድሎን ናይ ሲቪካዊ መንነታ መሰረት እዩ። ብተሳትፎ መላእ ህዝባ - ሲቪክ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብምህናጽ፣ ኤርትራዊ/ት ዜጋ ኣብ ሲቪክ ዘመናዊት ሃገሮም ዘይተሸርመመ መሰላቶምን ሓርነታቶምን ብምጉንጻፍ፣ ሲቪክ ግቡኦምን ግዲኦምን ንምብርካት፣ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ንቕሓትን ብቕዓትን ምጭባጥ ዓቢ ኣድላይነት ኣለዎ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣሎና።

በቲ ጥንታዊ ዉርሻታትን መሰረትን ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ ንምጅማር፣ ጥንታዊ ታሪኽ ከም ዝሕብሮ፣ ድሕሪ ምዉዳቕን ምንጻል ንግስነት ኣክሱም ኣብ መበል 7 ክፍሊ ዘመን፣ ካብ ምብራቕን ምዕራብን ዝነቕሉ ዝነበሩ ወረርት ንደሴታት ዳህላክን ምዕራባዊ ቆላታት ምድሪ ባሕሪ ክቛጻጸርዎ ክኣሉ። ቀጻሊ ወራራትን ኅቦጣን ናይ ወጻኢ ሓይልታት እንዳሃለወ

ከንሱ፡ ካብ 7ይ - 13 ክፍሊ ዘመን ኣብ ኤርትራ ሓሙሽተ ነጻ ስልጣናት ብ ናቕስ፣ ባቕላ፣ ባዜን፣ ጀረን፣ ቛጣ ዝባሃላ ከምዝነበራ እዉን ይትረኽ። እዘን ሓሙሽተ ናጻ ምምሕዳራት ናይ ገዛእ ርእሰን ዉሽጣዊ ሕግታትን፣ ምስ ጎረባብተን ብሰላም ዘንብረን ስምምዓትን ስለዝነበረን ዉሽጣዊ እንባጎሮ ኣየጋጠመንን ነይሩ፣ እቲ ዝፍጠር ዝነበረ ጸገማት ካብ ደገ ብወረርት ዝመጽእ እምበር፣ ካብ ዉሽጢ ዝነቕል ኣይነበረን።

ምድረ-ባሕሪ ምድረ-ኣግኣዝያን፣ ቅድሚ ኤርትራ ብዝብል ስም ምጽዋዓን ከም ዘመናዊት ሃገር ብሓይልታት ባዕዳዉያን ምኽታያን፣ ዝተፈላለዩ ኣካላታ - ኣብ ከበሳ ብባሕሪ ነጋሲታት፣ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ብደግለላትን ሽማግሌ ነታባት፣ ኣብ ምብራቃዊ ቆላታት ብናይባትን ስልጣናት ዝማሓደር እኳ እንተነበረ፣ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝማሓደረሉ ዝነበረ ሕግታት፣ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ኢድ ዘይነበሮን ብህዝቢ ዝተደብተረን ነበረ። እቶም ነቲ ሕጊ ዝትግብሩ ሽማግሌታትን ኣካየድትን ከኣ፣ ብህዝቦም ቆጽሊ ዝወደቖም፣ ብሽም ኣሕዋት ዝፍለጡ መራሕቲ ነበሩ።

መብዛሕትኡ ሕግታት እንዳባ ኣብ ከበሳታትን ሰንሒትን ካልእ ቦታታትን ቀንዲ ሕመረት ቀላሲኡ ሃይማኖት፣ ቀቢላ፣ ባህሊን ቛንቛን ዘይኮነስ፣ ዋንነት መሬት እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋናት እቲ፣ ዜጋ ወይ ወደባት ዓዲ ክባሃል እንተኮይኑ ጤሳን ዝሕረስ መሬትን ዘለዎ ስለዝኾነ፣ ዜግነቱ ምስ ትሕዞ መሬት ዝተኣሳሰረ'ዩ ዝነበረ። ክንድሰብ ወይ ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሔ ድማ ብርኩ ይሰብር፣ ማለት ሓዳር ይገብር ፣ ከምነብስ ወከፍ ኣባል ዓዲ ድማ ጤሳ ንመንበሪ ገዛ ዝኸዉን ዝሕረስ መሬትን ይዉሃቦ። ኣብ ምብራቃዉን ምዕራባዉን ቆላታት ምድረ-ባሕሪ ድማ ሰባት መብዛሕትኦም ኣብ ጓስነት፣ ምግፋፍ ዓሳታትን፣ ንግድን ዝተሞርከሰ መናባብሮ ስለዝነበሮም፣ ጥሪቶም መግሃጫ ዘበልዑሉን ቀንዲ ከም መነሃርያ ዝነቕሉሉ መቦቆል ዓዶም ፍሉጡን መንነቶም ብኡ ዝግለጽን እዩ ነይሩ።

ስለዝኾነ፣ ኤርትራዊ ስርዓተ-ሕግን ስርዓተ ምምሕዳርን ናይ ኩሎም ዜጋታት/ደቀባት ዋንነትን መለለይን ደኣምበር ናይ ሓደ ፍሉይ ስልጣን ዝጭበጠ ልዑል ወይ ንጉስ ትእዛዝ ወይ ንብረት ኣይነበረን። ንኩሎም ሕግታት እንዳባ ዋንነት ዝጽዕድ ወይ ዋና ኮይኑ ዝቐርብ ራእሲ፣ ደግለል፣ ሽማግሌታት፣ ነታባይን ሱልጣን ኣይነበረን። ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ተሰሚዑ'ውን ኣይፈልጥን።

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ካብ መበል 1212 ዓ.ም.ፈ. ኣትሒዙ፣ ኣብ ብራና ዝተጻሕፈ ድቡቱር ሕጊ ከምዝነበረ ታሪኽ ዝምስኩሮ ሓቕታት እዩ። እዚ ሓቕታት"ዚ ዝተፈላለየ ሃይማኖት፣ ዝተፈላለየ ባህሊ፣ ዝተፈላለየ ቓንቛ ዝተፈላለየ ኤትኒካዊ ክፍልታት ዝነበሮ ህዝቢ፣ ብለባማትን ወራዙትን ነዊሕ ግዜ ኣብ ጾምን ጽምዋን ተመኺሩሉ፣ ብመላእ ዜጋታት/ደቀባት ይርሓሰና ተባሂሉ ዝጸደቐን ህዝቢ ዝተሰማማዓሉን - ድቡቱር ሕጊ ተማእዚዙ ይኸይድ ከምዝነበረ እዩ ዝምስክር። ሕግታት ክልኤ መንሳዕ፣ ሕጊ ለጎጭዋ፣ ሕጊ ኣድከመ ምልጋእ፣ ሕጊ ሽውዓተ ዓንሰባ፣ ሕጊ ኣድግና ተገለባ ንሕጊ ሚዔ-ማሓዛ ዝተከኤ፣ ሕጊ ስሓርትን ላምዛን ወቐርትን ፣ ሕጊ ሃብተሱሉስ ገብረክርስቶስ ናይ ደቂ ተሸም ፣ ስርዓት ካርነሽም፣ ዋዕላ ት ዓንሰባ ዘማት ታሕታይ፣ሕጊ ዓጽሚ ሓርማዝ (እንገንእ)፣ ሕጊ ሲጋላ...ወ.ዘ.ተ ካብቶም ዝነበሩ ሰፋሕቲ ስርዓተ-ሕግታት እዮም። ንመረዳእታ ሕጊ ክልኤ መንሳዕ ይኹን ሕጊ ኣድግና ተገለባ ዝፍለጥ፣ ንደቀባት ትግረ ሳሆን ትግርይናን፣ ንኣመንት ክርስትናን እስልምናን ንዝተፈላለዩ ኤትኒክ ጉጂለታትን ጠሚሩ ብሰላም ዘማሓድር ስርዓተ

ምምሕዳር ምንባሩ ታሪኽ ምስክር'ዩ። ብትካላዊ ስርዓት ሕጊ ክትመሓደር ምኽኣልን፣ ነቲ ትማሓደረሉ ሕጊ ብተሳትፎ ህዝቢ ምጽዳቕምን ምድብታሮምን ቀንዲ መለለይ ሕላገት ናይ ሲቪክ መንነት'ዩ። ዓበይቲ ኣቦታትና ክፍክሩ እንክሎዉ እዉን ንሕና እኮ ደቂ ደብተር ኢና! ቢሎም እዮም ዝንየቱ። ኣብ ፈኸርኦም ከይተረፈ ሲቪክ መንነት፣ ሲቪክ ፈልሲን ሲቪክ ማሕበራዊ ክብርታትን ዝነበሮም እዮም።ኣብ ሕግታት ምዕራብ ኤዉሮጳ ሂወት ዘሕለፈ፣ ብሂወት ምሕላፍ ክቕጻዕ እንኮሎ፣ ብምልኣት እኳ እንተዘይኮነ ማለትና ሳሕቲ ደም ብደም ሒነ ይፍደ እንተነበረ፣ መብዛሕትኡ ኣብ ጥንታዊ ሕግታትና እንዳባ ግን ብጋርን ዳልን ገይሮም ሕቶ ቅትለትን ሞት ይፈትሕዎ ነይሮም።

ልዕሊ ኩሉ ግን እዚ ዝተፈላለየ ህዝብታት ኤርትራ ዝተፈላለየ ቅድመሱሩት-ደማዊዝምድናታት (primordial) እኳ እንተሃለዎም፣ ኣብ ናይ ነዊሕ ዘመናት ጊዝያት ነንሕድሕዱ ዝተዋሰበን፣ ኣብ ነንሕድሕዱ ዝምድናታት ዘለዎን'ዩ።

ንመረዳእታ፣- ካብ ሮራ ሳጊሞም ኣብ ዓላ-ባዚት ዝነብሩ ኣለዉ፣ ካብ ሓማሴን ሳጊሞም ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ትግሬ ኮይኖም ዝነብሩ ኣለዉ፣ ገሊኦም ድማ ኣሰራቶም ኣብ ዓድታት ከበሳ ሓዲጎም ናይ መጨረስታ መዕሬፊኦም ኣብ ሰንሒት ሳሕል ባርካ ዝወድኡ ኣለዉ። ዓድ-ተማርያም፡ ቤት-ኣስገደ፡ ሓለንጋ ዝብሃሉ እንዳታት ካብ ህዝቢ ከበሳ ከም ዝመንጨው መዛግብ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮነ ንሳቶም ባዕላቶም ዝኣምኑሉ ጉዳይ ኢዩ። ጽኑዕ መረዳእታ መታን ክከዉን እንዳ ሓለንገ መቦቕሎም ካብ ዓዲ ባሪ (ሕጂ ኣብ ሰራየ ዝርከብ ዓዲ እዩ፣ ቀደም ወራራት መሳፍንት ትግራይ ኣብ ዓዶም ዓዲ ባሪ መጽዮም ምስተዋግእዎም ሳጊሞም ንምዕራባዊ ቆላታት ወሪዶም ክሳብ መላእ ምብራቕ ሱዳን እዉን ተዘርጊሖም ኣለዉ። ካብ ዓዶም ዓዲ ባሪ ክድፍኡ እንኮሎዉ ቋንቕኦም ትግርኛ ሃይማኖቶም ክርስትና እዩ ዝነበረ። ኣብ ዝተሰድድሉ ቦታ ብካልእ ቋንቋ ብካልእ ሞሎኮታዊ እምነት ክርዕሙ ኪኢሎም ኣለዉ፣ ካብ ደማዊን ሞቦቆላዉነቶም ዝፈልዮም ጉዳይ ግን ኣይኮነን።

ኣብ ማእከል ቀቢላ ቢን-ዓምር ካብ ድሒሩ ብሓማሴን ዝብሃል ኣዉራጃ ዝልለ ንባርካ ወሪዶም ኣብ ማእከል ቢን - ዓምር ዝነብሩ ቀቢለት(እንዳ) ሓማሴን ዝባሃሉ፣ ዓድ-ቢጄል ዝባሃሉ ካብ ዓዲ-ቢደል ዝወረዱ፣ ካብ ሳሆ ዝመቦቆሎም ናብ ሓማሴን ዝወረዱ ደቂ-ሽሓይ ዝባሃሉ፣...ወ.ዘ.ተ ክርቖሕ ይከኣል። ተወሳኺ መረዳትታት ሓደ ኤትኒክ-ጉጅለ ወይ እንዳ ኮይኖም ብሞሎኮታዊ እምነታቶም ዝፋላለዩ እውን ጦርዓን ጽንዓደግለን፡ ጠዉቀን ቤት ተርቀ፣ኤትኒክ-ጉጇለ ትግረ ከንሶም መንሳዕ ክርስትያን...ወ.ዘ.ተ ሃይማኖት ዝፈላለዮም ኣሕዋት ምዃኖም እቲ ህዝቢ ዘረጋግጾ ሓቂ ኢዩ። ብታሪኽ፣ ብደም፣ ብመዉስቦ ብቛንቛ ዝተሓናፈጹን (cross-ethnics and cross lingustic hybrid)፡ ብሓባራዊ ሓርበኛዊ ክብርታት፣ ብናይ ሓባር ጸገማት፣ ብናይ ሓባር ቃልስታት...ወ.ዘ.ተ ንዘመናት ዝተኣሳሰሩ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ንዘዛሙዶ ሓያል ሰንሰለታት ክትበታትኽ ብቀሊሉ ዝከኣል ጉዳይ ኣይኮነን።

ንኤርትራ ከም ዘመናዊት ሃገር ዝገልጹ ኣድማሳዊ ዝኾኑ ሕጋዊ ታሪኻዊን ማሕበረ ምጣኔሃብታዊ መለክዒታት ኣለው። ብ1890 ኤርትራ ከም ግዝኣት ጥልያን ተወሲዳ፣ ናይ መሬታን ባሕራን ክሊ ኣየራን ፍሉጥ ዶባት ነይሩዋን ኣለዋን። ሃገረ ኤርትራ ብ1902 ብ1906 ብዓለም ደረጃ ሕጋውነታ ዝለበሰት፣ ብመግዛእቲ ጥልያን ዝተደኮነት ዘመናዊት ሃገር እያ። መግዛእቲ ጥልያን ተሰዒሩ ብምምሕዳር እንግሊዝ ምስ ተተከአ፣ ካብ 1941 ክሳብ 1952 ኣብ ዝጸናሓሉ እዋን፣ ናይ መጀመርያ መሰል ሰልፍታትን ፕረስን ስለዘፍቀደ፣ ኣብ ኤርትራ ዘመናዊ ሲቪክ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ተመኩሮ ተኣታትዩ።

ይኹን እምበር እንግሊዝ ትኹን ኣመሪካ ንዝነበሮም ረብሓ ብምቕዳም ብናይ ሕቡራት ሃገራት ውሳኔ፣ ኣብ ክንዲ ምሉእ ነጻነት፣ ኣብ ትሕቲ ንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጲያ ብፈደረሽን ክትቁረን ኣገደድዋ። ምስ ኩሉ ጸገማቱን ዘይፍትሓውነቱን፣ እዋን ፈደረሽን ሲቪክ ሃገራዊ መንነትን ተመኩሮን ዝሰስነሉ እዋን እዩ ኔሩ። ብስርዓተ ሕጊ ዝሰርሕ ስርዓትን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ፓርላማን ከኣ ነይርዋ።ይኹን እምበር፣ ወላ እታ ዝተሸርመመት ንእሽቶ መሰላ፣ ዳግም ተዘሚታ ኤርትራ ዳግም ናብ ምሉእ መግዛእቲ ኢትዮጲያ ክትርገጽ ተገዲዳ።

ኤርትራን ህዝባን ብሰለስተ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ሃገራት ካብ 1890 ክሳብ 1991 ንጻነታ እተረጋግጽ ን101 ዓመታት ታሪኽ መግዛእቲ ዘለዋ ሃገር፣ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ብኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ሕጋዊ መሰል ናጽነታ ዝተኣገደት ዘመናዊት ሃገር እያ። ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ንዝተጠቕሱ ሃገራዊ ሕጋዊ ፖለቲካዊ ማሕበራዊን ሓቅታት ከም ሓደ ክፋል ዘመናዊ መለለይታት ኤርትራ ይውሰዶም።

ኣብ ኣርበዓታትን ሓምሳታትን ዝተኻየደ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ፣ ናይ ሰላሳ ዓመት ብረታዊ ተጋድሎ ዝተፈጸመ ጅግንነት፣ ዝተራእየ ጽንዓት፣ ዝተሰግረ መሪር ኩነታት ተጻዋርካ፣ ብዲህካ ዕላማኻ ንምዕዋት ዝተኾስኮሱ ናይ ኣተሓሳስባ ሓድነትን ከም መሰረት ነጻነትናን ልዑላውነትናን ሕጋዊ መነነትናን ምኻኖም ኤርትራዊ ዘረጋግጾ ዓወት ታሪኻዊ ምስክርነት ዘድልዮ ኣይኮነን። እዞም ታሪኻዊን ሕጋውን ዓወታት፣ ብተሳትፎ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረጋግጹ እዮም። ተሳትፎን ጅግንነታዊ መስዋእትን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፣ ተሳትፎ ናይ ኩለን ሃይማኖታት፣ ተሳትፎ ናይ ኩለን ብሄራት፣ ተሳትፎ ናይ ኩለን ኣውራጃታት፣ ብጥሙር ሓድነት ንሓባራዊ ዕላማ ስለዝተቓለስና ከቢድ መስዋእቲ ከፊልና ተዓዊትና።ብቓልሲ ዝተኾስኮሱ ባህርያት፣ ዝተሃንጹን ዝተመስከሩን ባህሊ ጽንዓትን ተወፋይነትን ብጻይነትን ምክብባርን፣ ዝተራእየ ሓያል ሃገራዊ ሞራልን ሃገራዊ ንቕሓትን ሃገራዊ መንነትን ፈጢሩ። ከም ውጺኢቱ ከኣ ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ ጋህዲ ክትከውንን ሃገራዊ ነጻነታን ልዑላውነታን ክትጎናጸፍን በቒዓ።

ጅግንነታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ንዘጓነፉ ዓበይቲ ጉድለታት ተጻዊሩ፣ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ከረጋግጽ ምብቅዑ፣ መርኣያን ምስክርን ድልዱል ሲቪክ ሃገርነቱ እዩ።

እንተኾነ፣ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ንብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃን እስያን ካብ ዝመሓደራሉ ኣገባብን ዝጉዓዛሉ ዝነበራ ጎደና ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌን ኣላጊሱ፣ ናብ ገዛእቲ ዝረብሓሉ ማኣዝን ከምዝሕዛ ገይሩወን'ዩ። ኤርትራ ትኹን ካልኦት ሃገራት ኩልፈታት  ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌ ኣጋጢሙወን እንተዘይነብር፣ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ምዕባለ ክበጽሓን፣ ሲቪክ ሃገርነት ዝህቦ ኩሉ ሸንኻዊ ጸጋታት ሂወት ክስተማቕራን፣ ብፍትሕን ስኒትን ሰላምን ክምርሻን ምኽኣላ ነይረን።

ሲቪካዊ ሃገርነት ከም ፖሎቲካዊ ፍልስፍና ን ስርርዓዊ ኣምር ናቱ ኣማጻጽኣን መስርሕን ዘለዎ ኮይኑ፣ ብቀንዱ ምስ ምቛም ሓንቲ ፖለቲካዊት ስርርዕ ዘመናዊት ሃገርን ሃገርነትን ኣብ 16 ክፍሊዘመን ተቐልቂሉ። ብሓጺሩ ኣገባብ ኣማጻጽኡ ንምትራኽ፦ ማእከላይ ክፋል ናይ ኤዉሮጳ ኣብ ዉሽጡ ዝተፈላለዩ መሳፍንትን ነገስታትን ዘማሕድርዎ ክልል ቦታታትን ህዝብ እኳ እንተነበሩ፣ ነዞም ዝተፈላለዩ መሳፍንትን ነገስታትን ዝላዓለ ኣማሓዳርን ቀረጻት-ኣገባርን ቤተ ክህነት

ካቶሊካዊት ሮማ ነበረት። እቲ ከቢድ ተጽዕኖን ምሕደራ ማእከል ቤተ ክህነት ካቶሊካዊት ሮማ ዘስካሕከሖም ተጻያት ኣንጻር ቤተ ክህነታዊ ምሕደራ ተላዕሉ። ምልዕዓል ናይዞም ተጻረርት ካብ 1618–1648 ዓ.ም.ፈ ን30 ዓመታት ዝኣክል ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኲናት ተኻይዱ፣ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሂወት ኣህዛብ ምስለከመ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሃገር ጀርመን ዝርከብ ብዌስትፎልያ ዝጽዋዕ ቦታ ተራኺቦም፣ ብዋዕላ ዌስትፎልያ ወይ - ብስምምዕ ሰላም ዌስትፎልያ - ዝፍለጥ ስምምዕ ኣብ ሞንን ጉንበት-ጥቅምት1648 ተሰማምዑ። ከም ዉጽኢት ናይ ሰላም ስምምዖም፣-

1. ኲናት ኣብ መላእ ኤዉሮጳ ኣኺ እንተዘይኮነ፣ ኣብ መብዛሕትኡ ክፋላት ኣብቂዑ፣
2. ሓድሽ ስርርዕ ናይ ፖሎቲካዊ ስርዓት ተፈጢሩ (New system of political order)
3. ልዑላዊት ሪፓብሊክ ከምትፍጠር ገይሩ፣
4. ሕቶ ልዕላዉነት ሃገር፣ ሕቶ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታትን ሕቶ ቁዋማዊ ምሕደራን ቀሪጹ።
5. ካብ ሃይማኖታዊ ፖሎቲካዊ ምሕደራ ናብ ዕልማናዊ ዲሞክራስያዊ ስግሮ መኣዝን ኣትሒዙ።

ኣብ ፖለቲካዊ ምዕባለ ሕብረተሰብ ዓቢ ዝላ ኮይኑ፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ነቲ ኣቀዲሙ ዝስራሓሉ ዝነበረ ቀቢላዊ፣ እንዳዊ፣ ኣባታዊ፣ ሃይማኖታዊን ትዉፊታዊ ፖሎቲካዊ ሕብረተሰብኣዊ ስርርዕን ምሕደራን ቀየሮ። ነተን ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌኣን ብዘይኩልፈት ሃገራት ዝኾናን ኣህዛብን ከኣ፣ ኣብ ዑና ዝጸንሖም ኣዝዩ ጸቢብን ድሑርን ስርዓታት፣ ሓድሽ ሲቪክ ሃገርን ፖሎቲካዊ ስርርዕ ክድኩኑ ኣብቂዕዎም'ዩ።

ካብዚ ሕሉፍ ተሞክሮታት ዝግለጽ እንተሃልዩ፣ ሲቪክ ሃገራዉነት (ሊበራል ሃገራዉነት) ከም ፖሎቲካዊ ስነልቦናዊ-ፍትወት ካብ ጽልኢ ን ፍርሒታትን (Xenophobia) ፖሎቲካዊን ባህላዉ ትሕዞ ወጸተኛታት ወይ ገየሾ ሓራ ዝኾነ ቅርጻን ትሕዞ ሃገራዉነት ኮይኑ፣ ኣብ ናሓፍያዊ ክብርታት ናይ ናጽነት፣ ተጻዋርነት፣ ማዕርነትን ንዉልቀ-ዜጋ መሰላት ዘማእከለ'ዩ። ሲቪክ ሃገራዉነት ዝሙርከሰሉ ናይ ርትዓዉነት ትዉፊትን ንሓፋዉነት'ዩ። ኣባላት ወይ ዜጋታት ሃገር ድማ ብመንሕራይ ዝነብሩ፣ ብመንሕራይ ዜጋታት ዝኮኑ እዮም። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ቀንዲ መለለይ ባህርያቱ፣ ዜጋታት ብድሌት ብሓባር ምንባር (will to live together) ዘራጋግጸሉ'ዩ። እቲ ሓድነት ሓደ ሃገራዊ መንነትን ሉዕላዊት ሃገር ብምግዳድ ዘይኮነ፣ ብምርጫ ይራጋገጽ ማለት'ዩ። ስለዚ ሓድነት ምስ ቡዙሑነት (Unity in divorcity) ዘይኮነ፣ ቡዙሑነት ንሓድነት (divorcity within unity) ንምርግጋጽ ዝእንፍእት ፖሎቲካዊ ስነ-ሓሳብ'ዩ።

ኣብ ዓለምና መብዛሕትኣን ሃገራት ብክልተ መንገዲ እየን ልዑላዉነተን ዘረጋገጻ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፣-

1. እታ ካብ ዝነኣሰት ኣሃዱ ሕብረተሰብ ዝኮነት ስድራ-ቤት ጀሚራ፣ ማይቤት፣ እንዳ፣ ቀቢላ፣ ኤትኒካዊ ጉጅለ ካብ ዝታሓተ ናብ ዝላዓለ እንዳተሳጋገረት - ብሔር ክትከዉን ዝበቕዐት፣ ወይ ከኣ ዝነበረን ዝተፈላለየ ኤትኒካዊ፣ ብሔራዊ፣ ባህላዊ፣ ስነ-ኣእምራዊ፣ ማሕበራውን ህያው ናብ ሓደ መንነትን ሓደ ሃገርን ዝተወሃሃዳ፣ ብዘገምታዊ ምዕባሌ ኣብ ማሕበራዊ መምከኺ-ቁራፅ (melting pot) ሓደ ሃገር፣ ሓደ ህዝቢ ሓደ መንነትን ዝኾና፣ ናይ ገዛእ ርእሰን ልዑላውነትን መንግስትን ዝሰረታ ሃገራት (Nation) እየን።

2. ብሓያላት ናይ ኤዉሮጳ ሃገራት ወይ ድማ ካልኦት ኣህዛብ ከም ጉልቲ ርስቲ መሬትን ህዝብን ተቐራሪጸን ፣ብዘይ ርትዓዊ ኣካትያ ስነምድራዊ፣ ብቑዕ መንግስታዊ ትካላት፣ ዘይተመጣጠነ ኣዘረጋግሓ መንግስታዉን ህዝባዉን ትካላት፣ ኤትኒካዉን ሃይማኖታዊ ብዙሕነት ዝሓዘ ኣቓዉማ፣ ወይ ድማ ካብ መግዛእቲ ተገላጊለን ዝቖማ ሃገረ-ድዉላታት (nation-state) እየን። እዚ ዓይነት ኣማጻጽኣን ኣቃዉማ ዘለወን ሃገረ-ደዉላታት ከም ናይ ዜጋ ደውላ (citizen-state) ተባሂለን እውን ይጽወዓ እየን። ነቲ መሰረታዊ ብድሆ ህንጸተ-ሃገር ንምዕዋት፣ ዝኽተለኦ መሰመር ሃገርነት ከነጽራን ከትግብራን ከኣ ይህልወን።

## <u>ሃገርነት( **Nationalism**)</u>

ሃገርነት ፖሎቲካዊ ስነ-ሓሳብ'ዩ። ከም ሰነ-ሓሳብ፣ ሰባት ምስ ሃገር - ከም ፖለቲካዊ ኣካል ዘለዎም ጥቡቕ ዝምድናን ምትእስሳርን ከጠቓልል እንከሎ፣ ንሃገራዊ መንነቶምን መለለይኦምን ከኣ ይውስን። መንነት ግን ስነ ሓሳብ ወይ ፍልስፍና ኣይኮነን፣ እንታይድኣ ንሓደ ዉሱን ህዝቢ ዝጠምር ማሕበራውን ስነኣእሙራውን ህያው ናይ መንነት ፍሕሶ እዩ። ሃገርነት ቀንዲ ምንጪ ሓባራዊ መንነት ካብ ኮነ፣ ንኩሎም ደቂ ሃገር እምነቶም መብቆሎም ዓሌቶም ብዘየገድስ ብማዕረ ከሓቕፎምን ከጽልለሎምን ይግባእ። ካብ እቶም ዝተፈላልዩ መልክዓት ሃገርነት ንመላእ ደቂ ሃገር ብማዕረ ከጽልልን ከሓቁፍን ዝኽእል ሃገርነት ኣየናይ እዩ ዝብል ሕቶ ንምምላስ ንዓይነታት ሃገርነት ምምርማር የድሊ።

ቡዙሕ ዓይነታት ሃገርነት እኳ እንተሃለዉ፣ ኣብ ኤርትራዊ ፖሎቲካዊ ባይታ ምርኩስ ብምግባርን መጽናዕትና ኣፍራይ መታን ክኸዉን ንፖለቲካዊ ኣምራዊ ሽንኻቱ፣ ንተግባራዊ ጎንታቱ፣ ንህልውን መጻእን መኣዝኑ ኣብ ግምት ብምእታዉ ሕቶ ሃገርነት ንምዳህሰስ ነዞም ዝስዕቡ እስከ ንርአ፦

1. ሲቪካዊ ሃገርነት(Civic nationalism or liberal nationalism)፣
2. ኤትኒካዊ ሃገርነት(Ethnic nationalism)፣
3. ሃይሞኖታዊ ሃገርነት(Religious nationalism)፣
4. ሕሉፍ (ደውላዊ) ሃገርነት (Ultra nationalism)፣

2. <u>ሲቪክ ሃገርነት፤</u> መሰረታዊ መለለዩ ሲቪክ ሃገርነት በዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ረቛሒታት ይፍለጥ፣-

   2.1. ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ናይ ደውላ ካብ ንጡፍ ተሰትፎ መላእ ዜጋታት ናይ እታ ሃገር ይምንጩ።

2.2. ሲቪክ ሃገር - ኤትኒካዊ ሃይማኖታዊ ወይ ዓሌታዊ መብቆሎም ብዘየገድስ ንኩሎም ዜጋታት ሃገር የጠቓልል።

2.3. ሲቪክ ሃገር - ብሓርበይናዊ ክብርታት ዝተጠምረ ማሕበረ-ሰብ (community) ናይ ማዕረ ዜጋታት እዩ።

2.4. ሲቪክ ሃገር ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዘለዎ ሃገር ኮይኑ ንኩሎም ዜጋታቱ ልዑላውነት የልብስ።

2.5. ሲቪክ ሃገር ናይ ሕግን ፖለቲካዊ ተሳትፎን መስርሕ ምሕጋግን መሳርዕ-ስራሕ ብምፍጣር፣ ኣብ ሃገር ንዘጋጥሙ ፍልልይትን ጸገማትን ንምፍታሕ ዘኽእል መሓውራት ኣለዎ።

2.6. ስቪክ ሃገር ንዉልቃዊ ዜጋ መሰል መሰረታዊ ሓርነት'ዩ፣ ንብነጻ ዝፍጠር ጉጅለታትን ኣካላትን መሰል ናይ ምስስይ ሕቶ እዩ።

5. <u>**ኤትኒካዊ ሃገርነት፣**</u> መሰረታዊ መለለይ ኤትኒካዊ ሃገርነት በዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ረቛሒታት ይፍለጥ፣-

5.1. ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ደውላ ካብ ናይ ኤትኒካዊ ጉጅለ መበቆል ወይ ድማ ዕማም ምዕቃብ እቲ ጉጅለ ይምንጬ።

5.2. ኤትኒክ ሃገር ብዘለዋ ቃንቃ፣ ሃይማኖት፣ ባህሊ ወይ ልምዲ ትልለ።

5.3. ህዝቢ ኤትኒካዊ ሃገር ብሓባራዊ ፖለቲካዊ መሰላት ዘይኮነስ፣ ብዘለዎም ኤትኒካዊ መለለዪ ይተኣሳሰሩ።

5.4. ኤትኒክ ሃገር ኣብ ልዕሊ ህዝባ ግዱድ ሓድነት ብምጽዓን ብኤትኒካዊ ዓብላልነት ትግዛእ።

5.5. ሓንቲ ኤትኒካዊ ጉጅለ ኣንጻር ካልእ ኤትኒካዊ ጉጅለ ብውሽጣ ክትሓብር እካ እንተኽኣለት፣ ኣብ ውሽጣ ንዘርከብ ፍልልያት ናይ ጾታን ደርብን መፍትሒ ዝኸውን መሳርሒ የብላን።

6. <u>**ሃይማኖታዊ ሃገርነት፣**</u> መሰረታዊ መለለይ ሃይማኖታዊ ሃገርነት በዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ርቛሒታት ይፍለጥ፣-

6.1. ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ደውላ ካብ ሃይማኖታዊ ሕግታታን ቅጥዕታትን ይውለድ።

6.2. ሃይማኖታዊ ሃገር ብሃይማኖታዊ መለለይታታ ትፍለጥ።

6.3. ህዝቢ ሃይማኖታዊ ሃገር ኣብ ክንዲ ብሓባራዊ ፖለቲካዊ መሰላቶም፣ ብሃይማኖታዊ እምነቶም ይተኣሳሰሩ።

6.4. ሃይማኖታዊ ሃገር ግዱድ ሃይማኖታዊ ሓድነት ኣብ ልዕሊ ህዝባ ብምጽዓን ብሃይማኖታዊ ዕብለላ ትግዛእ፣

6.5. ኣብ ልዕሊ ጸታን ካልእ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ሂወት ንዝርከብ ጸገማት ኣብ ክንዲ ብፍትሓዊ ስርዓተ-ሕጊ ምፍታሕ፣ ናይ ገዛኢ ሃይማኖት መለኮታዊ ትእዛዛትን ሕግታትን ተተግብር።

ነቲ ነዊሕን ሃብታምን ባህላዊ ክብርታትን ልምድታትን ህዝቢ ኤርትራ በቲ ሓደ። ካብ ነዊሕ ዘመናት ኣትሒዙ ኣብ ሃይማኖት ዝተመርኰሰ ግጭታትን ኣድዎን ካልኦት ህዝብታት ድማ በቲ ካልእ ከተመዛዝንን ኣብ እትፍትነሉ። ህዝቢ ኤርትራ ስልጡንን ንሃይማኖታዊ ፍልልያትን ማዕርነትን ኣኽቢሩን ተጸዋዊሩን ዝነብር ህዝቢ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን፣ ሳላ'ቲ ኣብ ሃይማኖት ዝተመርኰሰ ኣድልዎን ህመሻን ዘየሳሲ ባህሉ ድማ። ንዘመናት ከም ህዝቢ ባህላዊ ፍሉይነቱ ዓቂቡ ንጹር መንነት ክውንን በቒዑ ይርከብ፣ እዚ ሃይማኖታዊን ኤትኒካዊ ምክብባርን ፍቕርን ስኒትን ድማ መሰረት ሓድነቱ ኰይኑ። ናጽነት ኣብ ምጕንጻፍን ሃገር ኣብ ምውሓስን ዝለዓለ እጃም ኣበርኪቱ፣ከም ትማሊ ንሎሚ፣ ከም ሎሚ ንጽባሕ ክሕሰብ ኣለዎ።

7. <u>ሕሉፍ ሃገርነት ወይ ደውላዊ ሃገርነት፣</u> በዞም ዝስዕቡ መለለይታት ይፍለጥ፣-

7.1. ኣብ መብዛሕቲኡ፣ፖለቲካዊ ቅቡልነት (legitmacy) ደውላ ብሰውራዊ ቅቡልነት ይብገስ።

7.2. ሕሉፍ ሃገርነት ወይ ደውላዊ ሃገርነት፣ ሃገር ናይ እቶም ነታ ደውላ ዝሕለቑን ዘሐየሉን ጥራሕ ትኸውን።

7.3. ህላዌ ህዝባ ከኣ ነታ ደውላዊት ሃገር ንምግልጋል ይኸውን።

7.4. "ኩሉ ነገር ኣብ ውሽጢ ደውላ" "ካብ ደውላ ወጻኢ ምንም ኣካል ኣይህሉን"።

7.5. "ንደውላ ዝቃወም ዝብሃል ብምንም ተኣምር ኣይፍቀድን" ብዝብሉ መለለይታት ይፍለጥ።

7.6. ንሕብረተሰብኣዊ ርኽክብ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ብመልክዕ ሰንሰለታዊ ጽምዳዊ ኣራእያ ምትፍናንን (heirarchical dualism & polarization) ይሰርዖ።

ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሃገርነት መሰረታዊ ፖለቲካዊ መለለይታትን፣ ባህርያትን፣ ተግባራዊ ጎንታትን፣ ናይ ህልውን መጻእን መኣዝን ጉዕዞን ብቐርጡው መንገዲ ድሕሪ ምርኣይ፣ ናይ ሃገረ ኤርትራ ጥንታዊ ውርሻታትን፣ ዘመናዊ መለለይን ጅግንነታዊ ተጋድሎን ምርኩስ ብምግባር ኤርትራዊ  ሃገርነት ንምንጻር ናይ ሃገረ ኤርትራ ምሰረታዊ መለለይታት እዞም ዝስዕቡ እዮም ዝብል እምነት ኣሎና፦

1. ብናይ መላእ ህዝባ፣ ብዘይ ኤትኒካዊን ዓሌታዊን ሃይማኖታውን ኣፈላላይ፣ ሓባራዊ መስዋእቲን ኣበርክቶን ኣብ መሪርን ነዊሕን ተጋድሎ ዝተኸፍለ መስዋእቲ  ዝተወልደት፣ ንእናተባራረየ ዝመጸ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምስዓር ህልውናኣ ጋህዲ ዝገበረት፣ ልዑላውነታን ነጻነታን ዘረጋገጸት ሲቪክ ሃገር እያ።

2. ብሓባራዊ ሓርበኛናዊ ሃገራዊ ክብርታት ዝተኣሳሰረት ሲቪክ ሃገር እያ።

3. ንዘበናት ኣብ ትሕቲ ስርዓተ-ሕጊን ስልጡን ባህልን ዝተናበረ ህዝቢ ዘለዋ ሲቪክ ሃገር እያ።

4. ዝተፈላለዩ ኤትኒካዊን ሃይማኖታዊን ክፍልታተ ሕብረተሰብ ንዘመናት ኣብ ሓደ ቁሸት ዝቕመጡላ ሲቪክ ሃገር እያ።

5. ኣብ ሓደ ጎሎጎል ሓሪሶም ኣብ ሓደ ሩብ ጥሪቶም ማይ ዘስትዩላን ብሰላምን ፍቕርን ምክብባርን ዝነብሩላ ሲቪክ ሃገር እያ።

6. ኣብ ሓባራዊ ክብርታት ፍትሒን ሰላምን ምክብባርን ዝኣምንን ዝነብርን ህዝቢ ዘለዋ ሲቪክ ሃገር እያ።

ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ሓቅታት ናይ ሃገረ ኤርትራን ኤርትራዉነትን ሲቪክ ትሕዝቶን መልክዕን ብዘየማትእ የነጽር። ይኹን እምበር፣ ብሰንኪ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍን፣ ብሰንኪ ኣብ ቀቢለ-ሃይማኖታዊ ፖለቲካ ናይ ምምቕቓል ዝስህሩ ጉጅለታትን፣ ክብርቲ ሲቪክ ሃገረ-ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ወዲቓ ትርከብ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ኣዝዩ ተአፋፊ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ብምህላዋን ካብ እዋን ናይ እዋን እናኸረረ ዝኸይድ ናይ ዞናና ዘይምዕሩይን ተባራዒ ኩነታትን ተደራቢ ስግኣታት ፈጢሩ ኣሎ። ንኣብ ልዕሊ ሲቪክ ሃገር ኤርትራ ተንጠልጢሉ ዝርከብ ውሽጣዊን ግዳማውን ሓደጋታትን ስግኣታትን ንምውጋድ፣ እቶም ንሲቪክ ሃገር፣ ሲቪክ መንነትን ሲቪክ ማሕበራዊ ክብርታት ኣብ ምድሓንን ግዲኦም ከበርክቱ ዝግበኦም ማሕበራውን ፖለቲካውን ሓይልታት ብኣድማዒ መንገዲ ክውደቡን፣ ን ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ንቡር መንገዳ ብምእታው፣ ኣብ ጎደና ሰላምን ቅሳነትን፣ ራህዋን ምዕባለን ንኽትምርሽ ንጡፍ ግዲኦም ክጻወቱ ትጽውዕ ኣላ። ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ናይ ሰፊሕ ሲቪክ ዘመናዊ ማሕበራውን ፖለቲካውን ሓይልታት ኤርትራ ተባዕ ተበግሶ እዩ።

ብመርእድ ዘርኡ ን ኣስሄል ብጻኣምላኽ

## ሓርፋፍ ኣፈና-ዳህሳስ ንቅዋም ብዝምልከት።

**ዕላማ፤** ነዚ ኣፈና መጽናዕቲ ክንድህስሶ እንኽሎና፣ ንሃልክታትትን ፍልልያት ምስ ካልኦት ፖሎቲካዊ ጉጂላታት ንምንዳይ ዘይኮነ፣ ብንጹር እቲ ተነዲፉ ከም ትሕዝቶን መሰረታዊ ደብተር ኣደ ሕግታት ጸዲቑ፣ የግዳስ ን14 ዓመታት ዝኣክል ጊዝያት ኣብ ከብሒ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተወሺቡ ዘይተተግበረ ቅዋም ኤርትራን፣ ብኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ ተነዲፉ ንኣባላቱ ክካትዕሉ ኣብ መራኸቢ ቡዙሓን ተዘርጊሑ ዘሎ፣ ብጭቡጥ እንታይ ትሕዝቶ ኣለዎ፣ ሓያል

ጎኑታቱን ድኹም ጎኑታቱን፣ ሕጋዉነቱ ፈሊጥና ዝተነጸረ መርገጺ ምንቅስቃስና ንከህልዎ ተባሂሉ ዝተኻየደ ዳህሳስ እዩ። እዚ ክልተ ሰነዳት'ዚ ፍጹም ክዋዳደር ዘይክእል እኳ እንተኾነ፣ ካብተን ኣብ ኤርትራ ዘለዋ ክልተ ቀንዲ ደብተራት ስለዝኾና ብተነጻል ከነጽንዔን ወሲና።

<u>መወከሲታት፣-</u>

1. <u>ቅዋም</u> ኤርትራ ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዓ.ም.ፈ ዝጸደቀ።
2. ንድፊ መሰጋገሪ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዝተነድፈ እየን።
3. ቃለ-መሕትት ምስ ቀንዲ ኣዳላዊ መራሒ ኮምሽን ቅዋም ኤርትራ ፕሮፈሶር <u>በረኸት ሃብተስላሴ</u>

<u>**መእተዊ፣-**</u> ጥቅምታትን ኣገልግሎታትን ቅዋማ ንነብሰወከፍና ርድኡ እኳ እንተኾነ፣ ንመዘኻኸሪ ንዝኣክል፣ ቅዋም ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ዝህሉ ዝምድናታት ብጹሑፍ ዝግበር ፖሎቲካዊን ማሕበራዉን ዉዑላት'ዩ ። ኣብዚ ድቡቱር ወይ ዘይድቡቱር ዉዑላት ናይ ሓደ ስርርዕ መሰረታዊ ሕግታትን መትከላትን ባህርያት፣ ንጥፈታትን ክትያታት ናይ ሓደ መንግስቲ ወይ ድማ ትካል ዘነጽር'ዩ። በዚ ደብተር ወይ ዘይድብቱር ቅዋም ኣቢሉ ድማ ህዝቢ ንቅዋማዊ መሰላቱ ን መንግስት ደረት ዘይብሉ ፖሎቲካዊ ስልጣን ወኒኑ ንህዝቢ ካይጭፍልቐ መቆጻጸሪ'ዩ። ብቀንዱ ግን ቅዋም ንግዝኣተ-ሕጊ መሰረት-እምነ ኩርናዕ ኮይኑ፣ ኣደ ኩሉ ሕግታት፣ድንጋጌታት፣ ዉሳኔታት፣ መትከላት፣ ፖሎቲካዊ ስርዓት ናይ ሓደ ሃገርን ህዝብ እያ።

<u>**ቅዋም ብከመይ ይንደፍን ይዉሰንን፣-**</u> ቅዋም ብዉልቀሰብ ወይ ፖሎቲካዊ ጉጂለ ተጻሒፉ ኣብ ሓደ ሃገርን ህዝብን ብቀሊሉ ዝትግበር ኣይኮነን። ቅዋም ንክንደፍ ክሓልፎም ዝግብኦ መስርሓት ቅድ መተከተላት (Principles of constitutional design) ኣሎዎ። እዚ ማለት ግን ዉልቀ ፈሊጣን ዓበይት-ዓዲ ሰባት ኣብ ምንዳፍ ቅዋም ዓቢ ግደ የብሎም ካየስምዕ ንምሕጸን።

ንድፊ ቅዋም ብዉልቀሰባት ተጻሒፉ ድሕሪኡ ክሓልፎ ዝግብኦ መስርሓት ቅዲ መትከላት ቅዋም ብኡኡ ክምስራሕ ይክኣል እዩ። እዚ ብልሓት'ዚ ካብ ቡዙሕ ፉሉይ ክኸዉን ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ግን ዝዉቱር ዝኾነ ኣጋባብ ኣናዳድፋ ቅዋም ሙብዛሕትኡ በዚ ዝስዕብ ኣጋባባት'ዩ፣-

ነቲ ዝንደፍ ቅዋም እትነድፍ ሽማግሌ ብዝተፈላለየ ኣጋባባት ክትምረጽ ትኽእል'ያ።

1.ካብ መላእ ህዝቢ ብዲሞክራስያዊ ኣጋባባት ተመሪጸ ሙሉእ ዉክልና ድምጽን ህዝቢ ወኒና ክትወጽእ ኣለዋ ወይ ድማ፣-

2.ብመላእ ህዝቢ እቲ ሃገርን ህዝብን ማሕበራዉን ፖሎቲካዊ ክብደታት ዘለዎም ፈሊጣን፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ መራሕቲ ህዝቢን ሃይሞናታት፣ ኣገልገልቲ ህዝቢ ብሓፈሻዊ መምዘኒታት ህዝቢ እታ ሃገር ቁቡላት ቡሉጻትን እሙናትን ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ቀዳምነት ዝሰርዑ ዜጋታት ብሕርያ እዉን ክትምረጽ ይክኣል'ዩ። መን እዩ እሞ ዝሓርዮም ዝብል ሕቶ ክልዓል ይኽእል እዩ። ህዝቢ እታ ሃገር ንኣታሓራርይእኦም ቀጥዕን መዕየሪታት ክሳማማዓሉ ኣለዎ ወይ ድማ ነዚ ቀጥዕን መዕየሪታት ዘካተተ ዜጋ ብመን ሕራይ ኣብ ምንዳፍ ቅዋም ክሳተፍ ብምዕዳም ክምረጽ ይክኣል'ዩ።

እዞም ብዝተፈላለየ ኣጋባባት ዝመጹ ሽማግሌ ነደፍቲ ቅዋም፣ ዝተፈላለየ ክብደት ስልጣናት ኣለዎም። ክልቲኦም ነቲ ዝነደፍዎ ቅዋም ኣብ ህዝቢ ኣዉሪዶም ዘካቱዑን ንድሌታትን ባህግታት፣ ንትጽቢታቱ፣ ንመጻኢ ምዕባሌታቱን

ምርጫታትን ዕግበታት ህዝቢ ሙሉእ ኣብ ግምታት ዘእተወ ከተግቡሩ ዝኽእሉ እኳ እንተኾኑ፣ ሽማግሌ ቅዋም ቁጽሪ ሓደ ግን ብቀጥታ ካብ ህዝቢ ተመሪጹ ዝመጸ ብምኻኑ፣ ብዝተዋህቦ ህዝባዊ ዉክልናን ድምጽን ነቲ ህዝቢ ይጠቕምዩ ዝበሎ፣ ህዝቢ ዘየልዓሎ ሕቶታት ኣብ ንድፊ እቲ ቅዋም ከእቱ ይኽእልን ንህዝቢ ድማ ንጹር መግለጺታት ገይሩ ከዕግብ ይኽእል'ዩ። ቅዋም ንህዝቢ ሲቪካዊ ኣስተምህሮታት እንዳተዋህበን፣ ንጸኒሓዊ ልምድታቱ፣ ጸኒሓዊ ሕግታት እንዳቡኡ፣ ዝዉቱር ስነምግባሩን ሞራላዊ ሕግታቱን መጽያኣዊ ራኢይታቱ  መላእ ግምት ዘእተወ ኮይኑ ምስተነድፈ፣ ናይ መጨረስታ መልክዑ ንምትሓዝን ነቲ ዝተነድፈ ቅዋም ከም ኣደ-ሕጊ ሃገር ህዝቢን መንግስት ኮይኑ ክሰርሕ፣ ካብ መላእ ህዝቢ ኣብ ዉሽጥ ሃገርን ወጻኢን ዝርከቡ ዜጋታት ብዲሞክራስያዊ ኣጋባብ ብህዝቢ ዝተወከለን ዝተሓርየን ቅዋማዊ ባይቶ ክቀዉም ኣለዎ። ኣዳለዉቲ ሽማግሌ ቅዋምን ቅዋማዊ ባይቶን ብሓባር ተኣኪቦም ድማ ብዝርዝር ተኻቲዖም ብድምጺ ዲሞክራስያዊ ኣጋባብ የጽድቕዋ ወይ ድማ ነቲ ዘጽደቕዎ መላእ ህዝቢ ዳግም ቡራኼኡ ክህበሉ ብሪፈረንደም መልክዕ ከድምጾሉ ይግበር እሞ፣ ኣብ ግብሪ ዝትግበረሉ ግዚየ መዓልትን ዕለት ይዉሰኑ። ካብዚ ኣቀዲሙ ብሓፈሻ ዝተጣሕመሰ መስርሓትን ሕዋማትን ወጻኢ ዝንደፍ ቅዋም ዘይሕጋዉን ንፖለቲካዊ ሃልኪታት ጥራይዝዓለመ እዩ።

<u>ሕጋዊነት ክንብል እንኮሎና እንታይ ማለትና'ዩ፣-</u>

ሕጋዉነት ክንብል እንኮሎና፣ ኩሎም ዝኽዱ መስርሓት ኣብ መትከላት ሕጋዉነት (principle of legality)ን ሕጊ ዝተመርኮሱ ምስ ዝኸዉን ማለትና እዩ። ካብ ቁቡሉን ጹሑፍ ሕግታት ወጻኢ ዝትግበር ኣብ ህዝብን ሃገር ብተዛማዲ ዘይሕጋዊ ክብሃል ይክኣል።

<u>**ፍልልያት ቅዋም፣-**</u> ቅዋም እንታይ ምኻኑ ኣብ ኑኡስ-ዛዕባ መእተዊ ተገሊጹ ስለ ዘሎ ኣኻሊ ኮይኑ፣ ዓይነታት ቅዋም ብብዝሒን ጽፍሕታት ተሳተፍቱ፣ ምንጭታት ፖሎቲካዊ ስልጣንን ዓይነት ፖሎቲካዊ ስርዓታት'ዩ ዝዉሰን፣-

<u>ምንጭታት ፖሎቲካዊ ስልጣን፣-</u>

1. ትዉፊታዊ ስልጣ፣ መንግስትን ቅዋም (traditional legitimacy)

2.ኣሁዳዊ ወይ ናይ ኤሊት ስልጣ፣ መንግስትን ቅዋም (charismatic legitimacy)

3.ሕጋዊን ርትዓዉ ስልጣ፣ መንግስትን ቅዋም Legal or rational form of legitimacy) እየን። ኣብ እዚ 3 ዓይነታት ስልጣን መንግስታት ዝተፈላለየ ዓይነታት ቅዋማት ክህሉ ከምዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ገለ ንምጥቃስ እንተተደልዩ፣- ዱቡቱርን ዘይድብቱሩ ቅዋም (Codified and Uncodified constitution)፣ ምስሉይ ቅዋም ምልካዉያን(Façade constitutions)፣ደረት ንጉሳዊ ስልጣን ዘንበረ ቅዋም (Constitutional monarchy)...ወ.ዘ.ተ.

ኣብዚ ዘለናሉ ዘመን ሙብዛሕትኡ ሃገራትን ህዝብታት ምርጫታት መንግስታዊ መሳርዓቱን ቅዋማቱን ናብ ክልተ ዝተፈላለዩ ፖሎቲካዊ ስርርዓት ከም ርእሰ-ቀስት ሓባሪ እንዳኾነ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ብኡ መሰረት ድማ እታ ሃገር ብደረጃ ፕረዚደንት ወይ ድማ ብደረጃ ቀዳማይ ሚኒስተር ክትማሓደር ምኻና ድሕሪ ምዉሳኑ፣ ኣሁዳዊ መንግስት (Unitary government) ወይ ድማ ዘይሙእኩል መንግስት (decentralized government) ምኻኑ ይዉሰን። ብመሰረት እዚ ዉሳኔ እዚ ሓደ ቅዋም ድዩ ክህሉ ወይስ ኣብ ሕቕፎ ሓደ ኣደ-ቅዋም ካልኦት ናይ ዞባታት ወይ ምምሕዳራት ቅዋም ክህሉ እዩ ይዉሰን። ሳልሳይ መገዲ እዉን ኣሎ፣ ንሱ ድማ ንክልቲኡ ኣጋባባት ኣጣሚርካ ፖሎቲካዊ ስርርዓትካ እተካንወሉ ብልሓት ኮይኑ ዘይምኩል ኣሁዳዊ ስርርዕ'ዩ።

**ቁልጡፍ ሰንጠረጃዊ መመዛዘኒ ኣሁዳዊ መንግስት (Unitary government) ንዘይሙእኩል መንግስት (Decentralized government)**

| | ኣሁዳዊ መንግስት | ዘይሙእኩል መንግስት |
|---|---|---|
| 1 | ዝምድናታት ፈጻምን ሓጋግን ኣካላት ብፈጻምት ኣካላት ዝተዓብለለ'ይ | ፈጻምን ሓጋግን ኣካላት ሚዛናዊ እዩ። |
| 2 | ዘይተወደነን ዘይተማጣጠነን ብዙሓዊ ናይ ምርጫ ስርዓት'ዩ። | ዝተወደነን ዝተማጣጠነ ዉክልና ኣለዎ። |
| 3 | ደረቕ ቅዋም ኣለዎ። | ተዓጻጻፊ ቅዋም ኣለዎ። |
| 4 | ጻዕቂ ናይ ሓደ ሰልፊ ኣባላት ኣብ ፈጻምት ኣካላት ኣለዎ። | ልፍንታዊ ካቢነን ዝተማኻርሒ ፈጸምት ኣካላት ዘለዉዎ'ዩ። |
| 5 | ብሓደ ሃገራዊ ባይቶ ይቀዉም (Unicameralism)። | ብክልተ ሃገራዊ ባይቶታት ይቀዉም (Bicameralism)። |

ብቀዳምነት ኣብ ኤርትራ ኣየናይ ስርዓት ፖሎቲካዊ ምሕደራ ይሕሸና ዝብል ሕቶ እዩ ዝልዓል። እዚ ሕቶ ብህዝቢ ዝምለስ ሕቶ እኳ እንተኾነ፣ ከምሓሳብ ግን ምስ ክዉንነት ኤርትራ ዝተዛመደ ክኸዉን ይግብኦ። ንሕና ኤርትራዉያን ኣብ መድረኽ ምኻን ሃገር ወይ ምህናጽ ሃገርን ሃገራዊ መንነት (nation-hood) ወይ ድማ ኣብ ምህናጽ ዘመናዊት ሃገርን ኤርትራዊ መንነት ስለእንርከብ፣ ምስ ኣቓዉማ ብዙሓዉነት ኤትኒክ-ጉጂለታቱን ሞሎኮታዊ እምነታቱ እዚ ሃገረ-ህዝቢ፣ ኣካታዕትን ወሰንትን ዝኾነ ሕቶታት ብመላእ ሃገራዉን ህዝባዉን ዕግበታት ዝዉሰኑሉን ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መዓልታዊ ሂወቱን ኣብ ዓበይቲ እስትራተጂካዊ ሕቶታት ኣብ ምዉሳን ዝሳተፈሉ ክኸዉን ኣለዎ። ንሙኻን ሃገር ዘቃላጥፍን ሓድነት ሃገርን ህዝብ ዘራጋግጽ ኣጋባብ ፖሎቲካዊ መስርሕ ስለዝኾነ ዘይሙእኩል ኣሁዳዊ ስርዓት (Decentralized Unitary State) እንተንመርጽ ዝሓሸ ምስኾነ ዝብል እምነት ኣሎና።

ስለምንታይ ዘይሙእኩል ኣሁዳዊ ስርዓት ምርጫ ዝብል ሕቶ ክልዓል ይኽእል እዩ። ሃገራት ዓለምና ብክልተ መልክዓት እየን ዘመናዉያን ሃገራት ንክኾና በቂዔን።

1.ብሓያላት ናይ ኤዉሮጳ ሃገራት ከም ጉልቲ ርስቲ መሬትን ህዝብን ተቓራሪጸን ብዘይ ርትዓዊ ኣካልላ ጂኦግራፊካዊ፣ ስንኩል መንግስታዊ ትካላት፣ ዘይተማጣጠነ ኣዛራጋግሓ መንግስታዉን ህዝባዉን ትካላት፣ ኤትኒካዉን ሞሎኮታዊ

እምነት ብዙሑነት ዝሓዘ ኣቓዉማ፣ ከም ሓደ ተቶካሲ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝቕበር ዝተፈላለየ ብገዛእቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝተጸምደ ዑቁር ግርጭታት ሒዘን ዝቖማ ሃገረ መንግስታት ኮይነን፣-

2.ንዘለወን ዝተፈላለየ ኤትኒካዊ፣ ብሔራዊ፣ ባህላዊ፣ ስነ-ኣእምራዉን ስምዒታዉን ማሕበራዉን ህያዉ ናይ ሓደ መንነትን ሓደ ሃገር ፍሕሶ ብዘገምታዊ ምዕባሌ ኣብ ሕብረተሰብኣዊ መምከኺ-ቁራፅ (melting pot) ኣመስርሔን ጥቃ ሓደ ሃገር፣ ሓደ ህዝቢ ን ሓደ መንነትን ዝኾና እየን።

ኣቓዉማ ሃገር መንግስት ኤርትራ ካብተን ኣብ ቅድመትከተል ቁጽሪ ሓደ ስለዝኾነት፣ ኤርትራ ምስ ዕድሎት ኣቃዉማኣ ዝትኣሳሰር ንምኻን ሃገር ሓያል ብዶሆታት ኣለዋ። ነዚ ብዶሆታት'ዚ ንምምካቱ እቲ እንኮ መፍትሒ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ በብጽፍሕታቱ ከሳትፍ ዝኽእል፣ ማዕረ ዕድላት ክፈጥር ዝኽእል፣ ኩሉ ዜጋ ኣብ ፖሎቲካዊ ምጣኔ-ሃብታዊ ማሕበራዉን ባህላዉን ሂወታቱ ብዕግበት ዉሳኔ ዝዉስነሉን እቲ ሕብረተሰብ ክጻወሮ ዝኽእል ጡዑይ ምሕደራ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዘንቃዕርር ኣብ እምነ ኩርናዕ ናይ ምትዕግጋብ ዲሞክራሲ (Consensus democracy) ዝተሰረተ ምፉካስን ዘይምእኩል ስልጣን ካብ ደንበ ጀሚሩ ንዓዲ፣ ካብ ዓዲ ንወረዳ፣ ካብ ወረዳ ንኣዉራጃ፣ ካብ ኣዉራጃ ንሃገር ዝዝርጋሕን ዘዉሕዝን ሰንሰለት ስልጣንን ዉሳኔታትን ምዝርጋሕ ዝሕመረቱ ብምኻኑ፣ ከስራሓናን ሓድነት ሃገርን ህዝብን ክዕቅብን ሙሉእ ምትእምማናት ኣብ መንጎ ኤርትራዉያን ዜጋታት ክፈጥር ዝኽእል ፖሎቲካዊ ስርርዕ ብምኻኑ'ዩ።

ስለምንታይ ኣሁዳዊ ወይ ዘይምእኩል ፖሎቲካዊ ስርርዕ ብምልኣት ዘይከዉን ንዝብል ሕቶ ንምምላሱ ፍጹም ኣሁዳዊ ንሓዉሲ ምልካዉነት ገጹ ስለዘምርሕ፣ ፍጹም ዘይምእኩል ድማ ምስ ክዉንነት ናትና ኣብዚ ጊዝያት ክትግበር ስለዘይክእል እዩ። ሰረት ካየንጸፍካ ገዛ ኣይስራሕን እዩ፣ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ነቲ ሰረት ከነንጽፍ ዝሓተና ጊዝያትን ምዕብልናታትን ኣሎ፣ ነዚ ሰረት ናይ ትህነጽ ሲቪካዊት ሃገር ድሕሪ ምንጻፍና ከም መቀጸልትኡ ኣብ ዝተናዉሔ ምስ ምምዕባል ሕብረተሰብ፣ ምጣኔ-ሃብታዊን ማሕበራዊ ኣካላዊ ትሕተ ቅርጻታትን ማሕበራዊ ጸጋታት ትሕዝቶ ኤርትራ ተኣሳሲሩ ዘይምእኩል ፖሎቲካዊ ስርርዕ ክትግበር ዝክኣል'ዩ።

<u>ፍልልይ ኣብ ሞንጎ ቅዋም ኤርትራ ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዓ.ም.ፈ ዝጸደቐን ንድፊ መሰጋገሪ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዝተነድፈ እንታይ እዩ?</u>

ከምቲ ኣቀዲመ ኣብ መእትዊ ዝጣሕመስክዎ ነዚ ክልተ ቀንዲ ሰነዳት'ዚ ንምዉድዳሩ ዘየኽእሎ እቲ ሓደ ቅዋም መስርሓት ሓሊፉ ጸዲቁ ኣብ ከብሒ ዝተወሸበ ክኸዉን እንኮሎ፣ እቲ ሕጂ ተነዲፉ ዘሎ ድማ ኣብ መጨረስታ መልክዓቱ በጺሑ ዘይጸደቀ ብምኻኑ'ዩ። ድሕሪ ጥቅምቲ 2011 ዓ.ም.ፈ ክርኤ ዝግብኦ እኳ እንተኾነ፣ ድንዕታቱ ሓደገኛ ምኻኑ ምግላጽ ግን ነዉሪ ኣይመስለንን። ኣብ ዝርዝራት ኣቲካ ዓንቀጽ ብዓንቀጽ ቡዙሕ ክዝርዘርን ክባሃል ዘለዎ ጉዳይ እኳ እንተኾነ፣ እቲ ዝርዝራት ባዕሉ ሰብ መታን ከለልዮ ብጥብቆ መልክዕ ይሰዶ ስለዘሎኹ ኣብኡ ተዓዘብዎ። ካብ ዘካየድክዎ ዳህሳሳት ብምንቃል ግን ኣብ ክልተ ቁልፊ ትሕዝቶታት ከተኩር እየ፣-

ንሕጋዉነቱ ዝምልከት።-

<u>1.ቅዋም ኤርትራ ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዓ.ም.ፈ ዝጸደቐን፣-</u>

እዚ ቅዋም'ዚ ድሕሪ ምቛም ግዝያዊ መንግስት ኤርትራን ሳልሳይ ዉድባዊ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ ንክንደፍ ኣብ ትሕቲ ሓደ ግንባር ባሕትነት ፖሎቲካዊ ስልጣንን ጽልዋ ዝተነድፈ ምኻኑ ዘካትዕ ጉዳይ ኣይኮነን። እዚ ቅዋም'ዚ ክንደፍ እንኮሎ ዋላ ብቑጽሮም ዉሑዳት ድኣ ይኹኑ እንበር፣ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ናጽነት ዝተቃለሱ ኤርትራዉያን ዜጋታት ብሰንኪ ዝነበሮም

ተጻይነት ፖሎቲካዊ መስመራት ህ.ግ.ሓ.ሌ ድሎ ካይትዕሎ ተባሂሉ ዘዋሰነ ምንባሩ እዉን ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ምምዛዝ ነደፍቲ ቅዋም ሽማግሌታት እዉን ብሕርያ ዋና ጽሓፊ ህዝባዊ ግንባር ዝተሓርዩን ዝተመዙን መብዛሕትኦም ጽልዋ ፖሎቲካዊ መስመር ህ.ግ.ሓ.ሌ ዝነበሮም ምኽኖም ዘሳሓሕብ ፍጻሜ ኣይኮነን። ነዚ ኩሉ ዘይሙዑሩይን ዘይንጹር ኣማሳርሓ ቅዋም ከትመዝን ኣብ እትህቕኑ፣ ንሕጋዉነት እታ ቅዋም ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ'ዩ። ብመንጸር'ዚ ብልክዕ ኣሃዛዊ ቁጽሪ ወይ ሕሳእ ከቕርብ እኳ ንጊዚኡ ሕጽረታት ሓቤሬታ እንተሃለወኒ፣ ብኣካል ዝርእዮ ዝነበርኩ ኣብ ዉሽጥ ኤርትራን ኣብ ደገን ብዝተፈላለየ መልከዓት ዝበዝሖ ህዝቢ ከምዝተሳተፈሉ ኩሉ ሰብ ዝኽሕዶ ኣይመስለንን። ንመረዳእታ ፡- ናይ ሪፈረንደም ኤርትራ ከቅርብ።-

**23-25** ***ሚያዝያ*** **1993** ***ሪፈረንዶም ንናጽነት ኤርትራ***

| | |
|---|---|
| ብዝሒ ዝተመዝገቡ | 1,173,706 |
| ብዝሒድምርኣድመጽቲ | 1,156,280(98.5%) |
| ብዝሒ ንጹር ድምጺ | 1,102,410 |
| ብዝሒ ዘይቡቁዕ ድምጺ | 328 |
| ብዝሒ ቡቁዕ ድምጺ | 1,102,082 |

| ውጽኢት ድምጺ | ቁጽሪ ድምጺ | % ናይ ድምጺ |
|---|---|---|
| "እወ ንናጽነት" ድምጺ | 1,100,260 | 99.83% |
| "ኣይፋሉን ንናጽነት" ድምጺ | 1,822 | 0.17% |

ኣብ 1993 ዲሞግራፊካዊ ህዝቢ ኤርትራ ኣስታት 3.5 ሚልዮን እዩ ነይሩ። ካብዚ 3.5 ዝብዝሑ ህዝቢ ንሪፈረንደም ከድምጽ ዝተመዝገበ 1,173,706 ነይሩ ዘድመጸ ድማ 1,156,280 ዝብዝሑ ህዝቢ ነይሩ። እቲ ድምጺ ካብ ዝተመዝገበን ካብ ዘድመጸን ንናጽነት ኤርትራ ወሳኒ ከምዝነበረ ርጉጽ'ዩ። ብቀንዱ ግን ሪፈረንድም ብሓደ ግንባር ዕብላልነትን መሪሕነትን ስለዝተመርሐ፣እቲ ብሪፈረንደም ዝተወሰነ ናጽነት ኤርትራ ሕጋዉነት የብሉን ዘብል ኣይኮነን።ናይ ቅዋም ድማ ልክዕ ከምኡ እዩ ክኸዉን።

ንናጽነት ሪፈረንደም እንታይ ኣዛሚድዎ ምስ ቅዋም ዝብል ሕቶ ክልዓል ይከኣል'ዩ። ኣብ ሪፈረንደም እዉን ብመንነት ወረቀት ህዝባዊ ግንባር ኣይነድምጽን፣ ሪፈረንደም እንታይ ኣድለየ፣ ከም ፖሎቲካዊ ጉጂለ ተፈሊጥና ብመንነት ፖሎቲካዊ ዉድብና ጥራይ ኢና ነድምጽ...ወ.ዘ.ተ እንዳተባህለ ዝሓንገዱን ነቲ ዝኸይድ ዝነበረ ሕጋዊ መስርሕ ክዓናቁፉ ዝፈተኑ ባእታታት ስለዝነበር እዩ። ኣብ ተሳትፎ ምንዳፍ ቅዋም እዉን ሰላሕታዊ ኣብያ ነይሩ እዩ። ንዝሓንገደ ለሚንካ ወይ ድማ ኣገዲድካ ከተሳትፎ ኣይክኣልን'ዩ። ሓቂ ክንዛረብ እንተተደልዩ ካብ 3.5 ሚልዮን ዝብዝሑ ህዝቢ 1.2 ሚልዮን ህዝቢ ሪፈረንደም ከድምጽ ካብተመዝገበ እቲ ዝተረፈ ብዝሒ 2.3 ሚልዮን ኣበይ ተሸሪቡ? ርድኡ እዩ ካብዚ ብዝሒ ዲሞግራፊ'ዚ ትሕቲ 18 ዓመታት ዝዕድሜኦም ንኡሳን ዜጋታት ብሕጊ ከድምጹ ዘይፍቀደሎም ዘየድመጹ ክህልዉ ከምዝኽእሉ፣ ምስ ምጣኔ-ወሊድ ኣብቲ እዋናት ግን ንብሙሉኡ ሙኹኑይ ዝኸዉን ኣይነበረን።

ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ሓደ ግንባር ይነደፍ ኣይነደፍ፣ ንጹር ቀጥዕታት ይሃልዎ ኣይሃልዎ፣ ዲሞክራስያዊ ኢዲሞክራስያዊ ይንበር ኣይንበር፣ ብብዝሒ ተሳተፍቱ'ዩ ዝዉሰን። ብተወሳኺ ነዚ ብዝሒ ተሳታፍነት ዘራጋግጽ ኣብቲ እዋንቲ እቲ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሮ ህዝባዊ ደገፍ'ዩ። ኣብ ዓመተ 1991-1997 ህ.ግ.ሓ.ኤ ንናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ መሪሑ ስለዘዕወተ ትርንዕ ዝበለ ህዝባዊ ደገፍ ከምዝነበሮን ብኣንጻሩ ን ፖሎቲካዊ መስመር ህዝባዊ ግንባር ዝጻረሩ ኣዝዮም ዉሑዳትን ድኹማትን ከምዝነበሩ መላእ ዓለምናን ህዝብና ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ነዚ ኩሉ ክዉንነታት ብምቕማር ኣብ ምንዳፍን ምጽዳቕን ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ብዝተፈላለየ መልክዓት ዝበዝሐ ህዝቢ ከምዝተሳተፈሉ ከግምገም ዝከኣል'ዩ። ካብኡ ዝሓሸ ብልሓት ዶ ነይሩ እወ ነይሩ የግዳስ ኣይተገብረን። ዉሃ ዘበለ ንኩሉ ዜጋ ዘሳተፈ ዶ ነይሩ? ኣይነበረን ክኸዉን ይግባእ ነይሩ የግዳስ ኣይተገብረን። እቲ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዝተጥቅመሉ መካኒዝም ኣናዳድፋ ቅዋም ጥዑይ ድዩ ነይሩ? ኣይነበረን ግን እቲ ኤርትራዊ ፖሎቲካዊ ክዉንነት ንሱ ስለዝነበረ ከምኡ ኮይኑ ኣሎ። ኩሉ ነገር ተዛማዲን ብተዛማዳዊነት'ዩ ዝርኤ እዩ።

እዚ ኮይኑ ካልእ ግን፣ ኤርትራ ንነዊሕ ዘመናት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጸኒሓ ንመጀመርታ ናጻ ልዑላዊት ሃገር ዝኾነት ብምንባራ፣ እቲ ብጽልዋ ሓደ ግንባር ዝተነድፈ ቅዋም ኣብ ግብሪ ተቶርጊሙ ነይር እንተዝኸዉን፣ ዓመታዊ ምስ ክዉንነትና እንዳማዕበለን እንዳተማሓየሸን ክኸይድ ዝኽእል'ዩ ዝነበረ።

ሃገራዊ ቅዋም ምስ ኩሉ ገስራጥ መስርሓታን ኣሉታ ጽልዋኣን፣ ዝተፈላለየ ምልክት ሕቶታት ሕጋዉነታ፣ እቲ ንክትንደፍ ዝገበረ መሪሕነት ግንባር እዉን ካየትግበራ ቡዙሓት ኩነት ቅድሚ ኩነታት'ዩ ፈጢሩላ ዘሎ። ዋላካ ኣብ ትሕቲ ሓያል ጽልዋታቱን ትእዛዛቱን ህ.ግ ትነደፍ፣ ነቲ ስርዓት እዉን ከም ሓደ ዝተተትዕት መሕነቂኡ ገመድ ስለዝርእያን ዝፈልጣ ንከየተግብራ ዕጭታ ሓርጊጡ ኣሎ።

ንሓድነት ህዝብናን ሃገርናን ንምሕላዉ ኤርትራዉያን ኣብ ፍርቂ መገዲ ወይ ድማ ናይ ሓባራዊ ዓወት ዓወት መገዲ ክንራኸብ ወሳኒ ጉዳይ'ዩ። ኣብ ማእከል ህዝቢ ኤርትራ ነዛ ቅዋም'ዚኣ ብክልተ ዝተፈላለየ ስሕበታዊ ዋልታት ኢና ንርእያ ዘሎና፣-

1.ብፍላይ እቲ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝተጋደለን ጽልዋታት ህዝባዊ ግንብር ዝነበሮ ዜጋ፣ብሓፈሻ ድማ ሓርበኛዉን ሃገራዉን ሓይልታት ኤርትራ ነዛ ቅዋም'ዚኣ ከም ዉጽኢት ናይ ቃልሱን ቀንዲ ህዝባዊ ሰነድ ገይሩ ይርእያ።

2.እቲ ንፖሎቲካዊ መስመር ህ.ግ.ሓ.ኤ ክጻረርን ብመንጽሩ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ካልኦት ዉድባት ክቃለስ ዝጸንሔ ዝተፈልየ ርእይቶ ወነኑ ዝጸንሔ ዜጋ፣ ነዛ ቅዋም'ዚኣ ፈጺማ ከምዘይትዉኩሎን ዘለዋ ትሕዝቶ ብዘይገድስ ክትጋሓፍ ከምዘለዎ ዝጠልብ ወገናት'ዩ።

ወትሩ ዝስማዕ ናህያ ኣሎ ንሱ ድማ ኣብ ኣመሪካ፣ ኤዉርጳ፣ ኣዉስትራልያ፣ ካናዳ፣ ማእከላይ ምብራቕ...ወ.ዘ.ተ ብናይ ካልኦት ሃገራትን ህዝብታትን መንነት እንዳነበርካ፣ ንሓደ ኤርትራዊ መንነት ዘለዎ፣ ኣብ ዉሸጥ ኤርትራ ዝነብር ህዝቢ ብትደልዮን ትሓልሞ ክቅየድ ምግዳድ'ዩ። ዋላ እዉን ኣብቲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ተሰዲድና እንነብረሉ ዘሎና ሃገራት ዘሎ ቅዋማት ሕግታት ዓይነት ፖሎቲካዊ ስርርዓት ስለዘድመጽናሉ ተሳትፎና ስለዝተራጋገጸ ኣይኮነን ብኡ ተቀይድና ንኸይድ፣ እንታይ ድኣ ዝበዝሓ ህዝቢ እንነብረሉ ሃገራት ስለዝተሳማማዓሉ እዩ። ሓደ ሰብ ዶ ክርክብ ይኽእል ነቲ ቅዋም ኣመሪካ ክጸድቅ እንኮሎ ዘይነበረ፣ ሕጂ ኣብ ኣመሪካ ዝነብር ዘሎ ኤርትራዊ ቅዋም ኣመሪካ ስለዘይድመጽክሉ ኪጋሓፍ ኣሎዎ ኢሉ ክጽዕድ ዝኽእል? ፍሉጥ እዩ ዋላዉን እንተሃለወ ትርጉም ዝዋሃቦ ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ዉሸጥ ኤርትራ ዝነብር ዝበዝሓ ህዝቢ ዝወሰኖ ዉሳኔ ዝኾነ ይኹን ሰብ ከፋኹሶ ወይ ክነጽጎ ትርጉም ዝዋሃቦ ጉዳይ ኣይኮነን።

ኤርትራዉያን ብሰላምን ቅሳነትን መታን ሓቢርና ክንነብር ተባሂሉ ኣብ ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ኣበይን ብከመይን ንነብር ብዘይገድስ፣ ኤርትራዊ ምቦቆል ዘለዎ ኣብ ጉዳይ ህዝቡን ሃገሩ ንክሳተፍ ከም ንያትን ልምዲን ቁቡል ንወስዶ'ዩ። ካብዚ ቁቡሉነት ብምንቃል፣ ነዚ ክልተ ኣዝዩ ተጻራሪ ፈጺሙ ክትዓረቕ ዘይክእል ዝመስል ሕሉፍ መርገጺታት ኣብ ክንዲ ብጸሓፈኣን ኣዳላዊኣን፣ ብትሕዝትኣ፣ ብዝጠፍኣላ ጊዝያት፣ ሰብኣዊ ጉልበትን ቡሉጽ ኣእምሮ፣ ፍይናንሳዉን ነገራዉን ዓቕምታት ኣብ ግምት ኣትዩ፣ ካብኣ ክንረኽቦ እንኽእል ሓያል ጎንታት ብዘይ ገለ ተጉላባነት ርዒምናሉ፣ ነቲ ኣሉታ ጎንታት ብዘይ ገለ ንሕስያ እንነጽገሉን ናይ ምእራም መካኒዝም ነታኣትወሉ ኩዉንነት ንክፍጠር ክንቃለስ ኣሎና።

ምስ ሉሉይ ድኽመታታን ሃጋፋታን፣ ብዓቢኡ ድማ ኣብ ግብሪ ን 14 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ግብሪ ዘይምትግባሩ። ኣብ ሙብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ክትዕ ተካይድሉ ብቅዋማዊ ባይቶ ዝጸደቀት ስለዝኾነት ከም ሕጋዊት ንብረት ህዝቢ ኤርትራ ክትታሓዝ ዝግብኣ'ዩ።

## 1.ንድፊ መሰጋገሪ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዝተነድፈ።-

ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት ንግንባሩ ዝጠምሮ ቻርተር ወይ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮ ክጽሕፍን ብኡ ክነጥፍን መሰሉ እዩ። ቅዋምን መሳጋገሪ ቅዋም ኣብ ስደት ኮይኑ ክጽሕፍን ብዘይ ገለ ሲቪካዊ ኣስተምህሮታት ጎስጋሳትን ወኸሰ ኣብ ዉሽጥ ኤርትራ ብምክያድ ኣመንጊጉ ንህዝቢ ከዉሕጥን መሰል የብሉን። ስርዓት ህግደፍ ንዝተኸተሎ መስርሕ ምንዳፍን ምጽዳቕን ቅዋም እናነቐፍካ፡ ካብኡ ዘይሓይሽ መስርሕ ምንዳፍን ምጽዳቕን ቅዋም ክትጥቀም ምፍታን፡ ንዕቀት ናይ ህዝቢ ዓሎቕን እንተዘይኰይኑ፣ ካልእ ትርጉም ክውሃቦ ዝከኣል ጉዳይ ኣይኰነን። ቅዋም ምንዳፍን ምጽዳቕን እምበኣር፡ ዘይቅ'ርመም፡ ዘይሽርመም መሰል ህዝቢ ምዃኑ ዝኾነ ዜጋ ክንርዕመሉ፣ ክንምእዘዞን ክንኣምን ይግባእ። ነዚ መሰል'ዚ፡ መሰጋገሪ'ዶ፣ መላግቦዶን ግዝያዊ'ዶ ብዝብሉ ሙቁራት ቃላት እናሸፋፈንካ፡ ወይ ህዝቢ ደሓር ከመሓይሾ ይኽእል'ዩ ዝብል ምድንጋራት እናፈጠርካ፡ ንስልጣን ናይ ህዝቢ ብታሕቲ ታሕቲ ምብሕዃግ ቅቡል ኣይኰነን። ሓቂ እንተሃልዩ ንምንታይ ድኣ ነቲ ሙብዛሕትኡ ህዝቢ ዝተሳተፈሉ ናይ 1997 ቅዋም ተቀቢሎም፡ ህዝቢ ደሓር ከመሓይሾ ኢዩ ኢሎም ዘይቅበልዎ? ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብ ዝበዝሔን፣ ኣርዑት ጭቆና ኣብ ክሳዱ ተጸሚድዎ ዘሎ ዘይሳተፎ፣ ኣብ ስደት ካብ ዝርከብ ህዝብና እዉን እንተኾነ ብምልኣት ዘይተሳተፎ፡ ብ ገለ ሰለስተ ኣማእት ዘይሓልፍ ብዝሒ ኣብ ዝተካፈሎ ጉባኤ'ዶ ወይስ ዋዕላ ብምባል፡ ህዝባዊ ቅዋም ክንሕንጽጽ ኢና ቢልካ ምሕሳብን ምትግባርን፡ ክትበልዖ ዝደለኻ ኣባጉንባሕ ዛግራ በሎ እዩ።

ኣብ ስደት ዝነብር ህዝብና ብመሰረት እቲ ተዓቂቡ ወይ ተራዒሙሉ ዘሎ ህዝብን ሃገርን ቅዋማት ተቀይዱ እዩ ዝነብር ዘሎ። እቲ ተግባራዊ ሓቂ ከምኡ ካብኮነ፣ስለምንታይ'ዩ ኣብ ስደት ንዝርከብ ህዝብንተቓውሞቱን ጫሌዳ ቅዋም ተደልዩ? ከም'ቲ ብገለገለ መራሕቲ ኮሚሽን ዝተባህለና፡ "ጽባሕ መራሕትና ከይዕብልሉና ካብ ሕጂ ጀሚርና ንኽንቈጻጸሮም ስለ ዝተደልየ እዩ"፣ ጽባሕ ንግሆ ከም ገለ ኢሉ እቲ ስርዓት እንተወደቀ ባዶነሽ ናይ ሕግን ፖሎቲካዊ ስልጣን መታን ካየጋጥም ቅድመ-ምቅርራባት ክግበር ስለዘለዎ'ዩ፣ እንዳተባህለ ምኽኒታት ወይ ድማ ወይስ ጽባሕ ንግሆ መታን ከይንሓቶም ቅድመ-ክፍሊት ናይ ሓላፍነታቶምን ሕጋውነት'ዮም ኣመንጊጎም ክውሕጡና ዝፍትኑ ዘለዉ? ህዝቢ'ዩ መሪጹና፡ ብቕዋም ዝተዋህበና ስልጣን'ዩ እናበሉ፡ ዝደልይዎ ንኽገብሩ ባይታ ክምድምዱ ዝፍትኑ ዘለዉ ናይ ዘየላ ዓለም ሓደሽት ፍላስፋታትኢዮም ። ብኸም'ዚ ኣገባብ ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ክዓርግ ዝደሊ ሓይሊ፡ መንነቱን፣ ፈተናታቱን መመኽነይታቱ ብዘየገድስ፡ ነቲ ንሱ ከተግብሮ ዝደሊ ፖሎቲካዊ ዕላማታት ዘይቕበል ዉልቀ ዜጋ ይኹን ፖሎቲካዊ ሓይሊ፣ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝብና፡ ንቕዋም ተጻሪሩ እናበለ ከም ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍዉርቂ ክሞቕሕ፣ ክቀትል፣ ከበሳብስን ከጽንትን ዝዋደድ ዘሎ ጎዲም ካራ እዩ።

ቅዋም ወይ መሳጋገሪ ቅዋም ምንዳፍን ምጽዳቕን ፖሎቲካዊ ስልጣን ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ብዓመጽ ስልጣን ህዝቢን ካብ መስርሕ፣ ተልእኮን መትከላትን ኣናዳድፉ ቅዋም ወጻኢ ይገብር ስለዘሎን ስለዝገበረን ፈጺሙ ሕጋዊ ኣይኮነን። ሕቶ ሕጋዉነትን ሓላፍነት ብቀዳምነት ክራጋገጽ ዝግብኦ'ዩ።

ንትሕዝትኡ ዝምልከት።-

2.<u>ቅዋም ኤርትራ ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዓ.ም.ፈ ዝጸደቀን፣-</u>

ብዓቢኡ ኤርትራ ብኣሁዳዊ ወይ ሙእኩል ፖሎቲካዊ ስርዓት ክትማሓደር ዝወሰነ ምኻኑ ስክፍታታትን ዘይዕግበታት ዝፈጥር ዓቢ ጉዳይ እኳ እንተሃለወ፣ ብትሕዝትኣ ዲሞክራስያዊት ብቅርጻ ድማ ሃገራዊት እያ። ንኤርትራዊ ሃገራዉነትን ኤርትራዊ መንነት ኣማእኪሉ፣ ንምህናጽ ዘመናዊት ሃገር ጽኑዕ ድርኹኺት ዘኽፍት ትሕዞ ኣለዋ። ድኽመታቱ ድማ ዝትግበረሉ ዕለት ዘይምጽሓፉ፣ ሕቶ ዕላዊ ቋንቋታት ኣዝዩ ኣብ ፖሎቲካ ኤርትራ ተኣፋፊ ጉዳይ ከንሱ ዘይምዉሳኑን ናይ ስራሓት ቋንቋ ኢሉ ምሕላፉ፣ ናይ ዝላዓለ ናይ ሞት መቕጻዕቲ (Capital punishment) ክህሉ ድዩ ካይህሉ ዘይምንጻሩ: ዋንነት ትሕዞ-መሬት ኣብ ትሕቲ መንግስት ንክኸዉን ምዉሳኑ'ዩ፣ ንፈጻሚ ኣካልን ፕረዝደንትን ዓቢ ዝዛዘወ ጉኑዖ ፖሎቲካዊ ስልጣን ምሃባ'ዩ።

2.<u>ንድፊ መሰጋገሪ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዝተነድፈ።-</u>

ቡዙሓት ኣብለጭለጭት ዲሞክራስያዉያንን ሓርነታዊ ሓረጋትን ዓንቀጻትን ዘስፈረ እኳ እንተኾነ፣ ንኤርትራዊ መንነት ብትኹላዊ መልክዓቱ ኣብ ክንዲ ብሓደ መንነት ብክልተ ዝጠመተ'ዩ። ኣጣማምትኡ ኣብ ሃይማኖት እምነ-ኩርናዕ ዝገበረ እዩ። ልዕሊ እዚ ንቅዋምን ኣብ ትሕቲ ቅዋም ዝሕንጸጹ ሕግታትን ፈላልዩ ይሪኢ። ነዚ ብጭብጢ ንምግላጹ ኣብ መእተዊ ቅዋም፡ ከምዚ ኢሉ ኣስፈሩ ኣሎ "

ኣህጉራዊ ውዕላትን መለኮታዊ እምነታትን ብዘቐመጦ መሰረት ንኽብሪ ወዱ ሰብን ብሰላም ክነብርን ዘለዎ መሰል ንኣምን።" ቀጺሉ ""ዒንቀጽ (7) ሓጋጊ ምንጭታት ምስ ሃይማኖት ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣሳሰሩ መለኮታዊ እምነታት፡ ስሩጽ ባህልታትን ልምዱታትን ከም ምንጪ ሕጊ ኮይኖም፡ ብደረጃ ማእከልን ዝባን ዜወጹ ሕግታት ከኣ ኣብኡ ዜተሞርኮሱ ይኾኑ።" ስለዚ ሕግታት ኣብ ቑርያንን መጽሓፍ ቁዱስ ዝምርኮሱ እምበር ኣብ ቅዋም ወይ ኣደ-ሕጊ ዝሙርኮስ ስለዘይኮነ ኩሉ እቲ ኣብለጭለጭት ዲሞክራስያዉያንን ሓርነታዊ ሓረጋት ንሃልኪ ተባሂሉ ዝተጻሕፈ እዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ንሃይሞናታዊን ፖሎቲካው ትኹላዊ ምትፍናን (polorization) ዝሸምም ትሕዝቶን ድንዕታትን'ዩ።

<u>መደምደምታ፣-</u>

ቅዋም ኤርትራ ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዓ.ም.ፈ ዝጸደቀ ብሕጋዉነቱ፣ ብትሕዝትኡን ዋንነቱ ቡዙሕ ዘካትዕ ጉዳያት ኣኳ ኣንተሃለዎ፣ ነዛ ቅዋም እዚኣ ቀንዲ ከም ቅዋም ኤርትራ ንክንቕበላ ዘገዱዱና ሮቛሒታት ክልተ መሰረታዉያን ፖሎቲካዊ ፍልስፍናን ፖሎቲካዊ ማሕበራዊ ክብርታት እየን፣-

1.ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ሕጊን ምሽምራር ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ስለዝፈርሆ፣ ነዛ ዋነት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ቅዋም ሃገር ካብ ምትግባር ዘይጠቕም ምስምሳት እንዳፈጠረ ዕጭ ሓርጊጡ ብምህላዉ'ዩ።

ብኣንጻሩ ናይ ለዉጢ ሓይልታት ኢና ብሃልቲ፣ ዝተፈላለየ ምስምሳት እንዳፈጠሩ ነዛ ዋንነት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ቅዋም ረጊጾም; ኣብ ስደት ኮይኖም ቅዋማት ክነድፉ ምፍታኖምይ'ዩ። እዞም ክልተ ጉራቑናት ብሕጊ ክቅየዱ ዘይደልዩ ንሶም ዝደልዩዎ ሕግታት እንዳታኣታተዉ (Rule by Law) ህዝቢ ክጭፍሉቁን፣ ንሃገር ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራ ንሓደገኛ መስቀላዊ መገዲ ከሳጥሕዎ ዝወሰኑ ኮይኖም፣ ኣብ ግዝኣተ-ሕጊ (Rule of Law) ፈጺሙ ረብሓታት ዘይብሎም ብምኻኖም እዮም።

ንሕና ግን ብኣንጻር እዞም ክልተ ተጻረርቲ ዝመስሉ ኣብ ትኹላዊ ግርጭታት ብመንጽር ህዝቢ ኤርትራ ዝስሩው ሓይልታት ከም ፖሎቲካዊ ፍልስፍናን ፖሎቲካዊ ክብርታት ተጻይ ናቶም ስለዝሰርዓና፣ ስልጣን ህዝቢ፣ ደረታትና ምፍላጥናን ምሕላዉናን፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊን ሕጋዉነት ምስራዕና፣ ልዕሉ ኹሉ ንግዝኣተ-ሕጊ ንምርግጋጽ ንቃለስ ምህላዉናን እዩ።
2.ቅዋም ኤርትራ ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዓ.ም.ፈ ዝጸደቀ ንሕቶ ዋንነት ብወግዒ ዘነጸረ ቀንዲ ሰነድ ብምኻኑ፣ ነዚ ሰነድ እዚ ከም ቀንዲ መወከሲ ሒዝካ ምቕላስ፣ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ምስላፍን ጫፍ ፈትሊ ማሕበራዉን ህዝባዊ ሰዉራ ምሓዝ ስለዝኾነ እዩ። ኲሉ ቃልስታት ካብ ሕቖፎ ሕግን ህዝብን እንተወጽዩ ሽፍትነት'ዩ ዝስዕርርን ዝነግስን።

ኣብዚ ግን ሓደ ክልዓል ዝግብኦ ኣግኣዚ ሕቶ ኣሎ! ኲሉ ሕቶታትና ኣብ ኤርትራ ንምርግጋጽ ግዝኣተ ሕግን ዘመናዊት ሲቪካዊ ደዉላ ንምህናጽን ንምርግጋጽ ንቃለስ እኳ እንተሃለና፣ እቲ ክንቃለሰሉን ክንጭሩሖን ዝግብኣና ሕቶ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ጨቢጥዎ ዘሎ ፖሎቲካዊ ስልጣን ክወርድ ብዘሎና ዓቕሚን ሕናን ምቕላስ እዩ። ብዓቢኡ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንቅዋም ከተግብር ርጉጽ ተኽእሎ ኣሎ ድዩ ዝብል ወሳኒ ሕቶ ክምለስ ዘለዎ'ዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ እጀታ ፖሎቲካዊ ስልጣን ንክቕጽል ክብል ኣብ መዕቀኒ ዘይብሉ ገበናት'ዩ ተደቒዲቑ። በዚ ዝፈጸሞ ገበናት መዕቀኒ ክትርእዮ ኣብ ትህቕነሉ ወቕቲ፣ ቅዋም ምትግባር ማለት ባዕሉ ዝተትዓ ገመድ ኣብ ክሳዱ ምእታዉ ስለዝኾነ ከተግብራ ኣይክእልን'ዩ ናብ ዝብል መደምደምታን ነቲ ተኹእሎታት ኣዝዩ ረቛቕ ይገብሮ።

ብኣንጻሩ ሕቶ ቅዋም ጥራይ እንተልዒልና፣ ብመሰረት ቅዋም ኤርትራ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ እዉን ንፖሎቲካዊ ስልጣን ክዋዳደርን ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ክቕጽል ስለ ዘይትእግዶ፣ ጽባሕ ንግሆ ዓቅሉ ምስ ጸበቦ ከም ኣማራጺ ቅዋም ከትግብር እየ ብምባል፣ ንዕኡ ብመትከልን ትሕዝቶን ዘይጻብእዎ ሓይልታት ኣብ ዉሽጥ ፈጢሩ ወይ ምስ ገለ ኣብ ደገ ዘለዉ ተማሳጢሩ ክቕጽል ክፍትን ምኻኑ ዘጣራጥር ስለዘይኮነ፣ ሕቶታትና ኣብዚ መድረኽ'ዚ ጽምዳዊ ኣግእዞታት ክሕዝ ኣለዎ። ንሳተን ድማ ግዝኣተ-ሕጊ ይተግበርን ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብፍጹም ካብ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ይዉረድ ዝብላ ክኾና ኣለወን።

ከም ፖሎቲካዊ ኣምር ንግዝኣተ-ሕጊን ቅዋምን ዝፈላልዮን ዘራኽቦን ነገራት እኳ እንተሃለወ ሕቶ ግዝኣተ-ሕጊ ድሕሪ ምፍራስ ምልካዊ ስርዓት ዝራጋገጽ ሕቶ ስለዝኾነ ቀዳማይ ኣቶኩሮና ኣብ ምእላይ እዚ ምልካዊ ስርዓት ክጽመድ ግድነታዊ'ዩ።

ብዛዕባ ቅዋም ኤርትራ ብቅዋማዊ ባይቶ ብ23 ግንቦት 1997 ዓ.ም.ፈ ዝጸደቀ ከም ሃገራዊት ቅዋም ተቀቢልና፣ ን14 ዓመታት ፈጺማ ኣብ ግብሪ ዘይተቶርጎመትን፣ ሕጋዊት ዋንነት ህዝቢ ኤርትራን ስልጣኑን ስለዝኾነት ንዘለዋ ሃጋፋትን ምስ እዚ ዘለናዮ ኩነታት ክትሰርሕ ትኽእል ዶ ኣይትኽእልን እንዳነጸርና ከም ቀንዲ መወከሲት ህዝባዊ ሰነድ (main reference document) እያ።

ምንጪ እዚ ሓሳባት'ዚ ካብ ክልተ-ጫሌዳታት ሓሳባት'ዩ ዝነቅል፣-

1. ናይ ምእራም ቅዋም መካኒዝም ርእሱ ዝኻኣለ ዓቢ ሕቶ ምኻኑን።
2. ቅዋም ክትግበር ኣለዎ ፣ ቅዋም ክዕረ ኣለዎ ዝብል እዉን ክልተ ዝተፈላለየ መካኒዝማትን ዝተፈላለየ መስራሓትን ብምኻኑ'ዩ።

እዛ ቅዋም እዚኣ ን 14 ዓመታት ኣብ ከብሕታት ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተወሺባ ምምራታ ዝፈጠሮ ዓበይቲ ቀዳዳት ርኡይ እዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ቅዋም ከተግብር ወይ ድማ ቅዋም ክዕሪ እዉን ድሉዉ ከምዘይኮነ ፉሉጥ'ዩ። ካብዚ ክልተ መሰረታዉያን ክዉንነታት ብምንቃል፣ ጽባሕ ንግሆ ለዉጢ ሩጉጽ ስለዝኾነ፣ እዛ ቅዋም'ዚኣ ክትማሓየሽ ድያ? ወይ ከምዘለታ ክትትግበር? ወይስ ካልእ ሓድሽ ቅዋም ክንደፍ? ንህዝቢ ኤርትራ ዝግደፍ ጉዳይን ስልጣን ስለዝኾነ፣ ንዉሳኔ ህዝብና ንሕደገሉ ኣብ ዝብል መደምደምታ እየ በጺሔ።
ነዚ በጺሔዮ ዘሎኹ መደምደምታ ወይ ድማ ሓሳብ ዘፋኽስ ወይ ዝጻረር ሓሳብ ክመጽእ ከምዝኽእል ዘጣራጥር ሕቶ ኣይኮነን። የግዳስ ንኹሉ ተጻራሪ ሕቶ ተጻራሪ መልሲ ኣለዎ።
ህዝብና ዛጊት እንታይ ዓይነት ፖሎቲካዊ ስርዓት ክተክል ከምዝደሊ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ክሳብ ዘይተፈልጠን ዘይወሰነን ብዛዕባ እዛ ቅዋም እዚኣ ወይ ካልእ ቅዋም ክንዛረብ ኣዝዩ ኣጻጋሚ ሰለዝኾነ ነታ ቅዋም ከም ቀንዲ ንብረት ህዝቢ ኤርትራ ሪኢና ንሳ ድያ ካልእ ቅዋም ክትግበር ድማ ንዉሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ዳግም ይታሓደገሉ ይብል ኣለኹ።

ኣብ ዑና ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝትከል መሳጋገሪ ወይ ጊዝያዊ መንግስት ከም ቀዳማይ ዕማማቱ መጀመርታ ሰላምን ምርግጋእን ኣብቲ ህዝቢን ሃገርን ምርግጋጽ ኮይኑ፣ ጎኒ ጎኑ ድማ ብዛዕባ ቅዋም ምጽዳቕ ወይ ምንዳፍ ስለዝኾነ፣ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ዝቀዉም መሳጋገሪ ወይ ጊዝያዊ መንግስት ብዝግበር ምርድዳኣት ዝኸይድ መካኒዝም ን ዝዉሰን ቀንዲ ዕማም እዩ።

ብመርእድ ዘርኡ

## ምህናጽ ቀጻልነትን ቅሳነት ዘለዎ ዝምድናታት ብፍላይ ምስ ጎሮቤት ሃገር ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ምስ ሃገራት ቀርኒ-ኣፍሪቃ፣-

## ዝምድና ኢትዮጵያን ኤርትራን፣-

ጽማቅ ረቂቕ ነጥብታት ንምሉእ መረዳእታን ጠንቅታትን መፍትሒታት ዝኣመተ፣

1_ካብቶም ቀንዲ መንቀሊታት ግርጭታት ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ፣ ብዘይካ እቲ ኣቀዲሙ ዝጸንሓ ናይ ገዛኢን ተገዛኢን ግርጭታት፣ ቀንዲ ምጣኔ-ሃብታዊ ረብሓታት'ዩ። ብካልእ ወገን ከምንርእዮ ምጣኔ ሃብታዊ ምንጭታት ኡግሚ ንሰላምን ምትሕብባርን ክኸዉን ከምዝኽእል ኮይኑ፣ ብጉቡእ ምርዳእ ግደ ን ዝምድናታት ምስ ካልኦት ናይ ለዉጢ ሓይልታት ኣገዳሲ'ዩ።

2_ግርጭታት ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ፣ ምጣኔ-ሃብታዊ ጽልዋታት ኣብ ዶባትን ስግረ-ዶባት ኣለዎ። እዚ ወሳኒ ጽልዋታት'ዚ ንዓበይቲ ክፋላት ናይ ዶባዊ ጸጥታን ልዕላዉነት ኣብ ሓደጋታት ኣዉዲቕዎ ኣሎ። ነዚ ሓደጋታት'ዚ ንምእላዩ ሓደ እንኮ መገዲ ጥራይ ኣይኮነን ዘለዎ፣ እንታይ ድኣ ብንግዳዊን ሕጋዉ ዝምድናታት ብምፍጣር ነቲ ህሉዉ ኣይኪናትን ኣይሰላም ኩነታት ንሰላምን ምርግጋእ ክቅይሮ እዉን ይኽእል እዃ እንተኾነ፣ ብዘይ ምክብባር ልዕላዉነት ዝፍጠር እቲ ዝምድናታት ረብሓታትን ኣብ ክንዲ ናይ ክልተ ተሻረኽቲ ከምዚ ናይ ጊልያን ወናኒ ጊልያ ዝዓይነቱ ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ክንዲ መፍትሒ ምዕናዊ'ዩ ዝኸዉን።

3_ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ግርጭታት መበገሲኡ ቀንዲ ምጣኔ-ሃብታዊ ሕቶ እኳ እንተኾነ፣ እዚ ሕቶ ዝቅልሶን ዝገዝኦን ፖሎቲካዊ ሕቶታት እዉን ዘለዎ'ዩ። ካብቶም ቀንዲ ሉሉያት መንቀሊታት ሕቶ ኣፍደገ-ባሕሪ፣ ሕቶ ጥሪት፣ ሕቶ-ጽዓት፣ ሕቶ ንግድን ሕጋዉነት፣ ሕቶ ባጤራን ምጣኔ-ሸርፍታቱ፣ ሕቶ ማይ-ከዖ፣ ሕቶ ድርቂ፣ ሕቶ መን ዓብለለ ኣብቲ ዞና፣ ሕቶ መን ተላኣኣኺ ናይ ሓያላት ሃገራት ኮነ ኣብቲ ዞና፣ ሕቶ መን ሃለወ ከም ቀንዲ መራሒ ናይቲ ዞና፣ ሕቶ ሕጋዊ ዋንነትመሬትን ሕቶ ካብ ደገ ካብ ዜጋታ ዝእከብ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣታዊታት ዘጠቃለለ'ዩ።

4_ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ቀዋምን መሰረታዉን ናይ ሰላምን ቅሳነት መስርሓት ክህነጽ እንተኾይኑ፣ ኣብ ዕታር-ልዑላዊ ክብርታት ማዕርነት፣ ተጻዋርነት፣ ናይ ሓባር ጥቅምታት ምርግጋጽ፣ ምትሕብባር፣ ልዕላዉነት መሬት ምኽባር፣ ኣብ ዉሽጣዊ ጉዳያት ዘይምትእትታዉን ሓድሕድዊ ምፍላጥ ኣብ ኡግሚ ናይ ትዉፊትዊ ትካላት ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራ ምስ ዝሙርኮስን፣ ኤርትራ ንዝምድናኣ ምስ ኢትዮጵያ ብዝምልከት፡ ሓደ ከም ህዝብን ሃገርን እትርዕመሉ፡ ናይ ኩሉ ሸነኻት ህዝብና ዕግበት ዚረጋገጸሉ፡ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ናይ ክልቲኡ ሃገራትን ኣህዛብ ዝተመርኮሰ፡ ሕድሕዳዊ ግዝኣታዊ ሓድነትን ልዕላውነትን ዘኽብር፡ ዝምድና ዘነጽር ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታ (National Security Strategy) ከም ዚህልዋ ምስ ምርግጋጽ እዩ። እዚ እንተሃልዩ፣ ነቶም ከም ቀንዲ መንቀልቲ ግርጭታት ኮይኖም ዘለዉ ፖሎቲካዊን ምጣኔ-ሃብታዉ ሮቛሒታት ኣወጊዱ፣ ንክልቲኡ ሃገራትን ኣህዛብ ዝረብሕሉ ቀጻልነት ዘለዎ ሰላምን ምርግጓእ ክፍጠር ይክኣል'ዩ።

ዝኾነ ፖሎቲካዊ ሓይሊ ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ለዉጢ ከምጽእ እየ ዝብል፣ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ቀዋምን መሰረታዉን ናይ ሰላምን ቅሳነትን ከረጋግጽ ዝኽእል ዝተነጸረ መደባትን ሜላታት እንተዘይኣዋዲዱ፣ ብርግጽ እቲ ከምጸ ዝሃቀኖ መሰረታዊ ለዉጢ ኣንካይዶ ኣብቲ ዞና ኣብ ዉሽጢ ሃገሩ ዉሑስ ከምዘይኮነ ክፍለጥ ኣለዎ።

ስርዓት ወያኔን ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ልክዕ ከምዚ ኣብ ሳዕሪ ዝደቀሰ ከልቢን፣ ሳዕሪ ክበልዕ ዝደለየ ኣድጊ እዮም። ከመይ ኢሎም ዝብል ሕቶ ክልዓል ይኽእል'ዩ፣ ስርዓት ወያኔ ነቲ ቀደም ኣቦታቶም ዝሃነጽሎም ድልዱሉን ፈጺምካ ብቀሊሉ ክርሕራሕ ዘይክእል ዝምድናታት ምስ ምዕራብ ሃገራት ተጠቂሞም ኣብ ለምለም ሳዕሪ ተዛንዮም ደቂሶም ኣለዉ። ነዚ ተዛንዮም ደቂሶምሉ ዘለዉ ለምለም ሳዕሪ ድማ ባህርያት ከልቢ ስለዘለዎም፣ ከልቢ ድማ ብባህሪኡ ሳዕሪ ስለዘይበልዕ፣ ንረብሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሙሉእ ብሙሉኡ ክጥቀምሉ ኣይክኣሉን፣ እወ ሓቂ እዩ; ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ኣቀጺልዎም፣ ንክቅጽሉ ድማ ፖሎቲካዊ ምጣኔሃብታዊ ሞራላዉን ነገራዉን ሓገዛት ኣርኪብዎም እዩ፣ ብመንጸር ረብሓታት ህዝቢ ኢትዮጵያ ግን ዋላሓንቲ ረብሓታት ኣይረኸበሉን። ብኣንጻሩ እቲ ህዝቢ ብሓለንግ ጥሜት እንዳተኮስተር እንከሎ፣ ስቡሕ መሬታቱ ንናይ ግዳም ኣዉፊርት ብሕታዊ ጉልቲ (real estate) መጋየጺ ዕንባታታት፣ ንመፍረይ መተካእታ ነዳዲ ዝኾኑ ዘርእታት፣ ንዉሕስነት መግቢ ካልኦት ህዝብታት ከም ብዓል ህንዲ ንሕጽረታት ዉሕስነት መግቢ ህዝቦም ንምዕባስ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ እኽሊ ኣፍሪኻ ንህንዲ ምዉሳድ፣ ዘኽታማት ህጻናት ኢትዮጵያ ንህዝቢታት ምዕራብ ምሻጥ፣ ወትሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ መዓላ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታዊ ረብሓታት ምዕራብ ኣብ ምርግጋጽ ኣዋፊርካ ኣብ ዘይረብሕሉ ኲናት ደቅዲቓ ምሁንካት...ወ.ዘ.ተ እዩ።

በዚ ከንቱ ረብሓታትን ዕድሎት ጻጋ ዝሰኸረን ዝቀንኤን ኣድጊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ድማ፣ ነታ ወያኔ ከም ሓደ ከልቢ ደቂስላ ዘሎ ለምለም ሳዕሪ ክበልዓላ ኢሉ፣ ኣእጋሩ ናብኣ ገጹ ተወዝ ከብል ምስ ጀመረ፣ ወያኔ ብነድሪ'ዩ ነቢሑ ምንጅር-ምንጅር ኣቢሉ በሊዑ ከቃብጾ ዝህቅን ዘሎ። ነዚ ናይ ምጽናት ህቀናታት እዚ መሳርሒ ዝኾኑ ሃገራዉን ዓለምለኻዉን ሕጋዉያን ትካላት ከም ብዓል ኢጋድ፣ ሕብረት ኣፍሪቃ፣ ሕቡራት ሃገራት ዓለምን "ዘይመንግስታዉያን ትካላት" ተባሂለን ዝፍለጣ ብዓቢኡ ድማ ሓያላት ናይ ምዕራብ ሃገራት ዘለዉዎ'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ እዩ ድማ ነቲ ኩነታት ብሳታይር መልክዕ ስርዓት ወያኔን ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ልክዕ ከምዚ ኣብ ሳዕሪ ዝደቀሰ ከልቢን፣ ሳዕሪ ክበልዕ ዝደለየ ኣድጊ እዮም ቢልና ንገልጾም ዘሎና።

ዝኾነ ናይ ለዉጢ ሓይሊ ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ ካብ'ዚ ዋህምን ስነ-ኣእሙራዊ ቅኒት ዝተናገፈን ናይ 1000 ማይልስ ርሕቀት ዝግመት ንመጻኢ ዝሓሰበ ክኸዉን ኣለዎ። ጽግዕተኛ ኣታሓሳስባ ናይ ከልቢ ወይ ኣድጊ እንተኾይኑ፣ ኣብ ከንዲ ፍታሕ ባዕሉ ክፍታሕ ዘለዎ ጸገም ኮይኑ ሱዑር ዉደባን ኣታሓሳስባን'ዩ።

ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ዘሎ ግርጭታት ብዋህምን ስነ-ኣእሙራዊ ቅኒትን ወያኔ ወይ ህ.ግ.ደ.ፍ  ምስ ሓዲኦም ወይ ምስ ክልቲኦም ተጸጊዕና ክንፈትሖ ንኽእል ኢና ዝብል እምነት እንተሃሊና፣ ዝተፈልየ ዉደባ ጌርካ ዘይኮነስ፣ ኣብ ዉሽጢ ዉደባ ወያኔ ወይ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣቲኻ ነቲ ክራጋገጽ ዝድለ ዘሎ ዕላማ ምርግጋጽ'ዩ። ኣይፈሉን ዝባሃል እንተኾይኑ ድማ ካብ ኣታሓሳስባታትን መደባትን እዞም ክልተ ጉራቁናት ዝኾኑ ፖሎቲካዊ ስርዓታት ናይ ኣታሓሳስባ ሳጹን ወጺኢ ዝኾነ ተሉእኾ፣ ራኢይ፣ መትከላት፣ ክብርታትን መሰረት-ሓሳባት ወኒንካ ንጹር ዕታር-ኡግሚ ሜላታት ሒዝካ ንምህናጽ ቀጻልነትን ቅሳነት ዘለዎ ዝምድናታት ብፍላይ ምስ ጎሮቤት ሃገር ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ምስ ሃገራት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ምስራሕ እዩ።

ስርዓት ኣዲስ ኣበባን ስርዓት ኣስመራን በዚ ዝኸተልዎ ዘለዉ ናይ ኢደ-ኣዙር (Proxy war) ዉሽጣዉን ግዳማዉን ፖሎቲካዊ ጸቕጥታት ኣብ መጻቡቡ ስለዝኣተዉ ዘይቕጥታዉን ሚስጢራዉን ኣካላዉን ርክባት የካይዱ ከምዘለዉ ዞርቓታት ሓቤሬታታት ኣሎ። እዚ ሓቤሬታታት እዚ መርትዖታት ዘለዎ ኮይኑ፣ እንታይ ፍታሓት ክፈጥሩ እዮም ግን ገና ዝተብጽሔ ነገር የሎን። ናይ ሓድሕዳዊ ርክባቶም ካብ መትከል ዘተ ዘይኮነ፣ ካብ ጭንቐትን ወጥርታትን ስለዝነቕል እቲ ዝግበር ፍታሕ ንስርዓታቶም ንክቕጽል ጊዝየ፣ እስትንፋስ ንምዕዳግን፣ ንበብወንኖም ዝድግፍዎም ተቃወምቲ ናይ ክልቲኡ ሃገራት ንሓደጋ ምስጣሕ ክኸዉን ከምዝኽእል እዉን ዝግመት እዩ። ፕራይም ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ምስ ኣሰና ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ "ብዝኾነ ይኹን እዚ ዶብ ይትሓንጸጽ" ክብል እንኮሎ ትም ኢሉ ዝበሎ ጉዳይ ከምዘይኮነ ቡሩህ እዩ። ምስኡ ኣጎዝጊዙ ማዓር ዝተለበጠ (sugar-coated) "ዉሕስነት ንሰላም ዘራጋግጽ እንተኮይኑ" ክብል እንኮሎ ድማ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ፣ ሕቶ ንቡሩነትን ሕቶ መጽያዊ ዕድላት ተጋሩ ዘጣቃለለ ምኽኑ ንጹር እዩ። በዚ ብሚስጢር ተሓቢኦም ዝገብርዎ ዘለዉ ዘተታት እንታይ ፍታሓት ክመጽእ እዩ ቀስ ኢልካ ንመጻኢ ዝርኤ ምዕባሌታት ምክትታል ከድሊ እዩ።

<u>ተሉእኾ፣ ራኢይ፣ መትከላት፣ ክብርታትን መሰረት-ሓሳባትና ኣብ ምንታይ ሮቓሒታት ክምርኮሱ ይግብኦም።-</u>

1. ብናይ ኣልጀርስ ሓባራዊ ውዕል ናይ ስርዓታት ኤርትራን ኢትዮጵያ መሰረት፣ ናይ ሄግ ዓለምለኻዊ ናይ ሽምግልና ቤት ፍርዱ ሕጋዊ ውሳኔ ዶብ ብይን ሂቡ'ዩ። ንውሳኔ ናይ ሽምግልና ቤት ፍርዱ ሄግ ግብራዊ ኣተራጋጉማ ዝምልከት፣ ክሊቱኡ ስርዓታት ዝሓረይዎም ብማሕበር ሕቡራት ሃገራት ቁቡል ዝኾነ፣ ናይ ዶብ ሕጋዊ ኮሚሽን ቖይሙ ነይሩ። ሕጋዊ ኮሚሽን ዶብ ናይ መወዳእታ ሕጋዊ መዕልቢ መስርሑ ማለት ኣካላዊ ምምልካት ዶብ ካየትግብር ስርዓት ኢትዮጵያ ስለዝሓንገደ: ከም መቀጸልታ ዉሳኔኡ ኣብ ወረቀት ዶብ ክልቲኡ ሃገራት ሓንጺጹ (virtual demarcation) ጸብጻባቱ ንክልቲኡ ሃገራትን ዝምልከቶም ማሕበረሰብ ዓለም ኣረኪቡ'ዩ። ካብዚ ኩሉ ዝሓለፈ ሕጋዊ መስርሓትን ስምምዓት ሕቶ ዶብ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጅርስን ዉሳኔ ሄግን ናይ መጨረሽታን ቀያድን ስለዝኾነ፣ ብዘይ ገለ ዉዓል ሕደር፣ ብዘይ ገለ እንካን ሃባን፣ ብዘይ ገለ ቅድመ-ኩነት ኣብ ባይታ ተተግቢሩ፣ ልዕላዉነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብክልቲኡ ሃገራትን ስርዓታትን ክኽበር ኣለዎ። ሕቶ ልዕላዉነት መባደሊ ዝኾነ ምጣኔ-ሃብታዊ ፖሎቲካዊን ዲፕሎማስያዊ ረብሓታት ክኸዉን ብሕግን ሞራል ቁቡል ኣይከዉንን።
2. ብኢትዮጵያ ክልኣት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃን ንኤርትራ ናይ ምንጻልን ምድኻም ዚካየድ ዓለምለኻዊ ጠቀነታት ሓሶታትን ናቱ ንመጻኢ ኣዝዩ ሓደገኛ በሰላታት ስለዝሓድግ ብትሪ ምቅዋምን ነቲ ሓቅታት ምቅራብ። ብመንጽር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተታሒዝዎ ዘሎ ፖሎቲካዊ ሜላታት ብምንጻግ፣ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ዞናዊን ዓለምለኻዊ መድረኻት ሃናጺ ምጣኔ-ሃብታዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያዊ፣ ጸጥታዊን ሃገራዊ ረብሓኣን መሻርኽታን ብዘርብሕ፡ ምስ ኩሉ ወገናት ከም ክትሰርሕ እትደሊ ብንጹር ምርግጋጽ።
3. ኣብ መላእ ዓለማዊ ክፍጠር ዝግብኦ ዓለምለኻዊ ዝምድናታትና ዲፕሎማሲያዊ ስራሕት፡ ካብ'ዚ ሕጂ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘለዎ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ምውድዳር ዚተሞርኮሰ ሜላታት ንዓለምለኻዊ ዝምድናታት ሽምሪርዎ ዘሎ መንቀሊ.ታቱ ኣናጊፍና፡ ኤርትራ ብጽእቲ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሳ ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታን ሜላታትን ዚተሰረተ፡ ንግዝኣተ-ሕጊ፣ ዓለምለኣኻዊ ሕግታትን ውዕላትን እተኽብር፡ ንረብሓ ሃገርናን ህዝብና ዚምእዘዝ ዝተነጸረ ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታታትን ሜላታትን ንክተማዕብል ምቕላስ፡፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ዓለምለኽ ንዘለዋ ቦታ፣ ቁቡልነትን ተማራጽነት ከነሕድግን ክንወዳደርን፡ መተካእታ ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምለኽን ክንከውን ምፍታን ከምዚ ምስ ከዉሒ ብግንባር-ርእሰኻ ምጉናጽ ስለዝኾነ፡ ኣብ ከባቢ ክንቅይሮ ናይ ዘይንኽእል ዓለምለኣኻዊ ናይ ፍሉያት-ረብሓ ዝምድናታትት ምትእስሳራት፣ ብከመይ ንሰርሕ ንረብሓና ዘገልግል ዝምድና ንፈጥር ምጥማት ከድሊ'ዩ፡፡ እዚ ከምዘድሊ እንተድኣ ፈሊጥና ኣብ ክንዲ ነቲ ኣብ ዓለምና ን ዞናና ኣቀዲሙ ተኣሊሙ ዝጸንሔ ሰክዔት-ዝምድናታት ንሱ ክገዝኣና፣ ኣብ ክንወጸሉ ዘይንኽእል መጻወድያ ሰኪዔት-ዓሳ ዘእትወና፣ ንሕና ከመይ ጌርና ብኣእምሮን ኣፍልጦን ንገዝኦ ምፍላጥ የድሊየና'ዩ።
4. ከም ስዓብቲ ስነሓሳብ ሲቪክ ሃገርነት ኣብ ዕልማናዊ ማሕበራዊ-ፖሎቲካ ክልሰሓሳብ (secular socio-political theory) ዝተሞርከሰ፣ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብሓፈሻ ኣብ ዞናናን ዓለምናን ብፍላይ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸተልት እዚ ስነ-ሓሳብ ከምዘለዉ ምፍላጥ። ብፍላይ ብወገን ኢትዮጵያ፡ ኣብ ናይ ኤትኒክ-ሃገራዊነት ዝተሞርከሰ ፈደራላዊ ፖሎቲካዊ ስርርዕ ኣሎ። እዚ ፖሎቲካዊ ስርርዕ'ዚ ኣብ ስነሓሳብ ኤትኒክ ሃገራዉነት ስለዝኣምን፣ ነዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ንኤርትራ ይኹን ካልኣት ጎሮባብቲ ሃገራት ክዝርቐ ክፍትን ምኻኑ ዘጣራጥር ጉዳይ ኣይኮነን። ብመርትዖ ድማ ናይ ኤትኒክ ኩናማ፣ ዓፈር፣ ብሌን፣ ሳሆ...ወ.ዘ.ተ ባዕሉ ዝፈብረኾም ምኻኑ ርድኡ'ዩ። ብወገን ሱዳን እዉን እቲ ዘሎ ስርዓት ኣብ ስነ-ሓሳብ ሃይሞኖታዊ ሃገራዉነት ስለዝኣምን ብስም ጂሃድ ንኤርትራ ዝፍለጡ ክሕግዝን ከውቁብን ጸኒሑ እዩ። ነዚ ዘይነበረን ዘየሎን ሕማም-ቢዲዶ ንምቁጻዩ፣ ብመንጽር ንሕና ምስ ኣብ ኢትዮጵያዉያንን ሱዳናዉያን ዘለዉ ስዓብቲ ስነሓሳብ ሲቪክ

ሃገርነት ምንቅስቓሳትን ዜጋታትን ስጡም ዝኾነ ዝምድናታት ምፍጣርን ኣብ ከርሲ እዚ ናይ ኤትኒክ-ሃገራዊነትን ሃይሞናታዊ-ሃገራዉነት ዝኸተል ስርርዕ ከምዝዓብዩ ናይ ምግባር ስነሓሳባዊ ግቡኣትና ስለዝኾነ፣ ዝተነጸረ ሜላታት ዝምድናታት ክህልወና ኣለዎ።

<u>ኢትዮጵያን ኤርትራን ሓባራዊ ረብሓታት ኣለወን ዶ?</u>

ኤርትራን ኢትዮጰያ ልዕሊ ኩለን ጎሮባብቲ ሃገራት ዝተኣሳሰር ጥንታዊ ስልጣኔን ናይ ቀጻሊ ምዉራርን ኣብ መጨረስታኡ ብሓገዝ ናይ ምዕራብ ሃገራት ናይ ገዛኢትን ተገዛኢት ዝምድናታት ዝነበረን ሃገራት እየን። ልዕሊ ኩለን ሃገራት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ድማ ናይ ሓባር ረብሓታት ኣለዎን። ኣብ ዓለምለኻዊ ፖሎቲካ ነባሪ ጸላኢ፣ ነባሪ ፈታዊ ዝባሃል ጉዳይ የሎን። ኩሉ ናይ ረብሓታት ጉዳይ'ዩ። ነዘን ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት ብትዕድልቲ ባህርያዊ ኣቐማምጣ መሬት ንዘላኣለም ጎሮባብቲ ኮይነን ክነብራ ባህሪ ወሲንዎ'ዩ። ነዚ ኩሉ ክዉንነት ርኢኻ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገማት ቁኑዕ መፍትሕን መዕልቦን ረኺብካ፣ እዚ ክልተ ሃገራት ብሓባር ሰላምን ቅሳነት ዘስተንፍሰሉ፣ ብሓባር ዝምዕብለሉ፣ ብሓባር ዝረብሓሉ ባይታታት ከተናዲ ሞንታዊ ግድነት'ዩ። ብቀንዱ ሰላምን ምዕባሌን ኣብዚ ዞና እዚ ክራጋገጽ፣ ኣብ ክልቲኡ ሃገራትን ህዝብታት ሲቪክ ሃገራዉነት ከምኣታሓሳሰባን ግብሪን ክራጋገጽ ኣለዎ። ነዚ ኣታሓሳሰባታት እዚ ንምዕባይን ተቀባልነት ንምርካብ ድማ ኣዝዮ ጥዕና ዘለዎ ንጥፈታትን ቃልስታት ክካየድ ኣለዎ። እዚ ሲቪካዊ ሃገራዉነት ከምኣታሓሳሰባን ግብሪን ኣብ'ዚ ዞና እዚ መፍትሕን ተካኢ ኣታሓሳሰባ ምኻኑ ቀዳምነት ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቀጺሉ ንማሕበረሰብ ዓለም ከተእምን ኣሎካ። ከተእምን ድማ ዝተንጸረ መርገጺታት፣ ዝተነጸረ ሜላታት፣ ዝተነጸረ ምትካል-ዋልታ ክህልወካ ኣለዎ።

ኣብ ገለ ዜጋታት ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓዳዊ ሃገር ዝያዳ ረብሓ ዘሎዋ እዩ ዝመስሎም፣ገለ ኤትዮጵያዉያን ካብ ኤርትራ ዝኾነ ረብሓ ስለዘይብልና ዋላ ዝምድናታቶም ይትረፈና ብሃልቲ ኢዮም። ገለ ኤርትራዉያን ድማ ኢትዮጵያ ዓዲ 83 ሚልዮን ህዝቢ ኣፍደገ ባሕሪ ስለዘይብላ ንሳ ጥራይ ረብሓ ዘለዋ ዝመስሎም ኣለዉ።ብርግጽ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዘይተደነ ረብሓታት ኣለዋ። ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዘይተደነ ረብሓ ስለዘለዋ ምጣኔ-ሃብታዊ ዉጥናታ ኣብ ኢትዮጵያ ጸሚዳ ሜላታታ ክትቅይስ ግን ፍጹም ጌጋ'ዩ፣ ብመንጹሩ ኢትዮጵያ እዉን። ረብሓታት ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታ ጉዳይ እዩ፣ ንኢትዮጵያ እዉን ከምኡ'ዩ። ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ናይ ኤለክትሪክ ጽዓት፣ መዓልታዊ ኣድለይት ቀረባት ብዉሽጣዊ ዕዳጋ፣ ናይ ወደብ ኣገልግሎት ክፍሊት...ወ.ዘ.ተ ክትረክብ ትኽእል፣ ኢትዮጵያ ድማ ዝሰለጠን ዝሓሰረን ወደባዊ ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል።

ሓደ ኣቀዲሙ ክንጸር ዝግብኦ ሓቂ ኣሎ፣ ንሱድማ ኢትዮጵያ ብዘይ ኣፍደገ ባሕሪ ክትነብር ኣይትኽእልን እያ ዝብል ሓሳብ'ዩ። ንምጥፋእ ዘይተደነ ገንዘብ ኣይትበለሉ ድአ እንበር፣ ኢትዮጵያ ወደብ ምጽዋዕን ዓሰብ ስለዘይተጠቐመት ብጎሮርአ ተሓኒቃ ትመዉት ኣይኮነትን። ካሊእ ኣማራጺታት ከምዘሎ ብግብሪ ቡሩህ እዩ። እቲ ተወሲዱ ዘሎ ኣማራጺታት ግን ኣዝዩ ኩቡሩን ዘየዋጽን'ዩ። ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ሓንቲ ካብተን ኣዝያ ድኻታት ሃገር ዓለም ብሓያላት ሃገራት እንዳተመወለት ትነብር ሃገር እያ። ኣብ ዘካይድዋ ምህናጽ ሃገርን ንግዲታትን ዓቢ ጸቕጥታት ስለዝፈጥሮሎም ኽርጥ ዝበለ ዓቅሊጽበታት ህሉዉ እዩ።

ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኢትዮጵያ ወደባት ክጥቀሙሉ ፈጺሙ ኣይከልከለን። ኣብ ጉዳይ ዶብ ፍርዲ ዝዋሃበሉ ዝነበረ እዉን ኣብ ሄግ ናይ ምጥቃም መሰል ወደብ ከምዘለዎም ኢትዮጵያዉያን ጽዒዶም እዮም፣ ብወገን ወከልት ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ እዉን፣ ንሕና ዶ ወደብ ኣይትጠቀሙሉ ኢልናኩም ኢና፣ ደይ ባዕልኹም ወደብኩም መእሰሪ ኣግማል ተጠቀሙሉ

ኢልኩም ዝራሕራሕኩሞ ኢሎም መሊሰምሎም። ቀጺሉ እዉን ንፈተነ ይኹን ንሓቂ፣ ዓለምለኻዊ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራት ሬዴኢት ንኢትዮጵያ ንምእታው ብጅቡቲ ይኽብረናን ጊዝየ ይቀትለልና ስለዘሎ ንትግራይ ብምጽዋዕ ንማእከል ኢትዮጵያ ድማ ብዓሰብ ክኣቱ ከምዘለዎ ኣብ መራኸቢ ቡዙሓን ምስተዛረቡ፣ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም ዝብል መልሲ እዩ ሂቡ። ስለዚ ስርዓተ ህ.ግ.ደ.ፍ ልዕላዉነት መሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ እንኮሎን፣ ወያኔ ንዉሳኔ ኮምሽን ዶብ ምትግባር ሓንጊዶም እንኮሎዉ፣ ወደባት ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ ክጥቀቡሉ ዝኾነ ይኹን ተጻብኦ የብሉን።

እቲ ዉግእ ብዶብ ተሳቢቡ ኣብ ግንቦት 1998 ምስ ጀመረ፣ ዳርጋ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ዝህብዋ ዝነበሩ ኣገልግሎት ቴለኮሚኒከሽ፣ ኣገልግሎት ናይ ሲቪል-ነፋርት ምብራር፣ ኣገልግሎት ፖስጣ...ወ.ዘ.ተ ን ተገልጋልነት ወደባት ምጽዋዕን ዓሰብ ባዕሎም ደዉ ኣቢሎም። ብቀንዱ እቲ ምሕንጋድ ናይ ወያኔ እዩ። ነዚ ዝኸድዎ ዘለዉ ከቢድ ዋጋ እንዳኸፈሉ ምጣኔ-ሃብታዊ ዓቕምታት ህ.ግ.ደ.ፍ ተሸምሪሩ ድዋዕ ክብል ይድልይዎ ነይሮም፣ ህ.ግ.ደ.ፍ ድማ ህዝቡ እንዳበልዔ ኣይበለን። በቲ ኣቀዲሞም ዝወጠንዎን ዝቀመርዎን ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ስለ ዘይወደቀ፣ ድሕሪኡ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ጉዳይ'ዩ ከሳብ እዛ ጽሕፍቲ ዝጻሐፈላ ዘሎ ዕለት፣ ንስርዓተ ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ዓለም ከንጽሉን ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ዓትዒትዎ ዘሎ ፖሎቲካዊ ስልጣን ክኣልዩ ዘይካሕኩሕዎ ኣፍደገ፣ ዘይጠርነፍዎ ሰዑር ሓይልታት፣ ዘይሃደድዎ ታህዲድ፣ ዘይፈተንዎ ፈተነ የሎን ክባሃል ይከኣል። ካብቲ ዓቢ ዝተዓወትሉ ጉዳያት ድማ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ማዕቐብ ከምዝንበር ገይሮም እዮም። እዚ ማዕቀብ'ዚ ናይ ኣጽዋር ምእታዉን ምዉጻእን ተኽእሎ ስለ ዝእግድ፣ ኤርትራ ናይ ነብሰ-ምክልኻል ዓቕምታታ ባይታ ከምዝዘብጥ ዝገብር እዩ፣ ብመንጸሩ ኢትዮጵያ ህዝባ ብሓለንግ ጥሜትን ድርቅን እንዳተሳቐየ እንኮሎ 200 ናይ ኪናት ታንክታት ሕጂ ኣእትዮም ከምዘለዉ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ሓቕታት'ዩ።

እቲ ኮይኑ እዚ፣ ኢትዮጵያ ወደባት ኤርትራ ንክትጥቀም፣ልዑል ምጣኔ-ሃብታዊ ረብሓታት ኣለዋ፣ በዚ መርትዖታት ተምኽንዩ ድማ እቲ ክዉቃዕ ዝድለ ዘሎ ዕላማ ናይ ኣፍደገ-ባሕሪ ሕቶ ድኣ እንበር፣ ካልእ ከምዘይኮነ ሙኹኑይ ክግበር ይከኣል። ነዚ ሓቕታት'ዚ ንምፍላጥ ዝስዕብ ኣሃዛዊ ሰሌዳን ዝርዝር ትንተና ንበብ።

<u>ርሕቀት ብኪ.ሜ ኣብ መንጎ ናይ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ወደባትን ኣዲስ-ኣበባ ዘሎ፣</u>

| | | |
|---|---|---|
| ኣዲስ ኣበባ - ሞምባሳ | | 1804 |
| ኣዲስ ኣበባ- ፖርት-ሱዳን | | 1696 |
| ኣዲስ ኣበባ- ሞቓዲሾ | | 1520 |
| ኣዲስ ኣበባ - በርቤራ | | 943 |
| ኣዲስ ኣበባ-ጂቡቲ | | 910 |
| ኣዲስ ኣበባ- ዓሰብ | | 624 |
| ኣዲስ ኣበባ–ታጁራ | ኣስታት | 935 |
| ኣዲስ ኣበባ– ዘይላ | ኣስታት | 1000 |

ዳርጋ 90% ኢትዮጵያ ንደገ ትልእኾምን፣ ንዉሽጥ ሃገር ተእትዎም ቀረባት፣ ጥረነገራትን መሳርሒታትን ብወደብ ጅቡቲ ኣቢሎም ይኣትዉን ይወጹን። እቲ ልዕሉ ኩሉ ኣሸጋሪ ኮይኑ ተረኺቡ ዘሎ፣ ኢትዮጵያ ብወደብ ጅቡቲ ኣቢላ ንመላእ ኢትዮጵያ ቀረባት፣ ጥረነገራትን መሳርሒታትን ከተእቱን፣ ካብ ዝተፈላለየ ከፋላት ኣኪባ ሰደዳት ክትሰድድ ዓቢ ብድሆ'ዩ። ምናልባሽ ንምብራቃዊ ክፍላት ኢትዮጵያ ወደባትጁቡቲ፣ ታጁራን ባርባራን፣ ንደቡባዊ ክፋላት ኢትዮጵያ ድማ ብዘይላ ወይ ሽቤለን ሞምባሳን፣ ብወገን ሰሜንን ምዕራብ ኢትዮጵያ ድማ ዓሰብን ምጽዋዕን ክጥቀሙ እንተዝኽእሉ፣ ገጢምዎም ዘሎ ብድሆታት ምስተቃለለን እተን ኣገልግሎት ዝህባ ወደባት እዉን ኣብ ዉድድር ስለዝኣትዋ መጠን-ክፍሊት ናይ ኣገልግሎታትን ቀረጻት ባይታ ዘቢጡ፣ ኣገልግሎት እዉን ኣዝዩ ጽፉፉን ቁልጡፉ ምስኮነ፣ ልዕሊ ኩሉ ግን ነቲ ዝልእኽን ዝቅበልን ህዝቢ ጊዝያት ምስ ቆጠበ ነይሩ። 90% ብሓደ ወደብ ዝኣቱን ዝወጽን እንተኾይኑ ግን ሽግራት ከምዘሎ ርድኡ እዩ።

ነቲ ዝኣቱን ዝወጽእን ንብረት ብዉሑዱ ኣዲስ ኣበባ ማእከል ኢትዮጵያ ስለዝኾነት፣ እስከ ብኡ ራሕቂ ንገምቶ፣ ካብ ዓሰብ ንኣዲስ ኣበባ 624 ኪ.ሜ እዩ፣ ካብ ጅቡቲ ንኣዲስ ኣበባ ድማ 910 ኪ.ሜ እዩ፣ ናይ 286 ኪ.ሜ ፍልልይ ኣሎ። ንሓንቲ ንብረት ብዘይካ ወጻኢታታ ንወደባዊ ኣገልግሎት ቀረጽ ዝያዳ ናይ መጎዓዓዚ ናይ 286 ኪ.ሜ ይኸፈላ ማለት እዩ። ብንግዳዊ ቅመራ ክትጥምቶ ኣብ ትፍትን ሓንቲ ንብረት ክሳብ ወደብ ጅቡቲ ትበጽሕ ዋግኣ $10 ዶላር እንተነይሩ፣ ኣዲስ ኣበባ ምስ በጽሔት $15 ዶላር ክትከዉን እያ፣ ቀጺላ ንትግራይ እንተኸይዳ $20 ዶላር ክትብጽሕ እያ። ህዝቢ ትግራይ ምስ ዘለዎ ዓቕሚ እቶት ብ 20 ዶላር ዓዲጉ ክጥቀመላ ይክእል ድዩ? ከምዚ ዓይነት ኩነታት ንግዳዊ ቀረብን ጠለብን ስለዘማሓድግ ኣብ ፍጹም ምጣኔ-ሃብታዊ ቅልዉላዋትን ሃምን ከምዝእቱ እንዳተፈልጠ ከንሱ፣ ናይ ነገር እንኪሒራነትን ህልኽ ናይ ምሕሳም ስጉምቲ ን 10 ዓመታት ቀጺሉ ኣሎ።

ብገምጋም ኢትዮጵያ ዓመታዊ ኣስታት 5 ሚልዮን ቶን ዝግመት ተእቱን ትልእኽን፣ ነዚ ድማ ንወደብ ጅቡቲ ዓስቢ ኣገልግለቱ $722.5 ሚልዮን ዶላር ክትከፍል እያ። ኢትዮጵያ ቅድሚ ኪናት ዶብ ምጅማሩ ንቀረባት ነዳዲ ጭቃ ነዳዲ እንዳዓደገት ንዓሰብ ብምእታዉ፣ ኣብ መጻረይ ነዳዲ ዓሰብ ተጻርዩ 4/5 ንኢትዮጵያ፣ 1/5 ድማ ከም ዓስቢ ኣገልግሎት ናይ ምጽራይ ነዳዲ ንኤርትራ እንዳተማቓርሔ ይሰራሕ ነይሩ። ሕጂ ኢትዮጵያ ብዉሑዱ ንሓደ መዓልቲ 33000 በራሚል ነዳዲ ከም ቀረብ የድልያ፣ ነዚ ድማ ዝተጻረየ ነዳዲ ከተእቱ ኣለዋ። ዝተጻረየ ከተእቱን ብዓልኻ ከተጻርን ዋጋ መጋዓዓዚ ርሕቀትን ደማሚርካ ዋጋ ሊትሮ ነዳዲ ሰማይ ዓሪጉ፣ ንመረዳእታ ሕጂ ኣብ ኣዲስ ኣበባ 1ሊትሮ ቤንዚን ብ 21 ብር ትዕደግ ምጣኔ ሸርፊ $1.00=17.00 ብር እዩ።

ምስ'ቲ ኢትዮጵያ ሕጂ ተታሒዘቶ ዘላ መደባት ህንጻን ልምዓት ብተወሳኺ ብ ወጻተኛታት ዝካየድ ዘሎ ናይ ብሕታዊ ጉልቲ (real estate) ወፍሪታት ኢትዮጵያ ካብ ደገ ተእትዎን ካብ ውሽጥ ትልእኾ ካብ 6-7 ሚልዮን ቶን ክበጽሕ'ዩ። ኣብዚ ዝተገመተ ብዝሒ እንተበጺሑ፣ ኢትዮጵያ ንኣገልግሎት ወደብ ጅቡቲ ጥራይ ንዓመት ክሳብ $ 1.4 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ክሓታ እዩ። ከመይ ገይራ ሓንቲ ሃገር $5.7 ቢልዮን ዶላር ወይ ድማ 77.2 ቢልዮን ብር ዝዓመታዊ ባጀታ $1.4 ቢልዮን ዶላር ክፊላ ንብረት ተእቱን ተዉጽእ ንሓሳቢ ይጭነቅ ተባሂሉ ዝተርፍ ጉዳይ'ዩ።

ካብዚ ከቢድ ምጣኔ-ሃብታዊ ጸቕጥታት ን ኣቀዲሙ ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ቅኒት ኢትዮጵያዉያን ዝጸንሓ ኣምር ናይ ራሕቂ ሃገራዉነት (Abyssinianfundamentalism) ዝነቀለ ፣ ኢትዮጵያ ንወደባት ኤርትራ ክጥቀመሉ ከምትደሊን ኣፍደገ-ባሕሪ ኤርትራ ከምዘዋጽኣ ፈጺሙ ዘሳሓሕብ ጉዳይ ኣይኮነን። ዝሳሓሕብ ኢትዮጵያ ብከመይ ክትጥቀመሉ ከምትደሊ'ዩ። ካብ ዓለምለኻዊ ናይ ኣፍደገ-ባሕሪ ኣጣቃቅማ ሕግታትን ስምማዓት ወጻኢ ትሓስብ እንተሃልያ ኣጸጋሚ

ጉዳይ ክኸዉን'ዩ። ብዓለምለኻዊ ናይ ኣፍደገ-ባሕሪ ኣጣቃቕማ ሕግታትን ስምምዓት ብዝምእዙዞ ክጥቀመሉ ትብል እንተኾይና ግን፣ ኤርትራ ንኢትዮጵያ ንምሕጋዝን ኣፍደገ-ባሕሪ ኤርትራ ንክጥቀሙሉ ንምትብባዕ ኣብ መጠን ክፍሊት ኣገልግሎትን ቀረጻትን ብፍሉይ ተራእዩ፣ ቀጻልነትን ዉሕስነት ዝህብ ፍሉይ ሜላታት ክትሕንጽጽ፣ ናይ ክልቲኡ ሃገራትን ህዝብታት ረብሓ ዘራጋግጽ እዩ። ስለዚ እዚ ክልተ ሃገራት ኣብዚ ዛዕባ'ዚ ዘለዎ ናይ ኣጋባብን ተግባራት ቅደ-ሓሳብ ለዉጥታት (paradigm shift) ከጥሪ ኣለዎ።

ስርዓት ወያኔ፣ ተቃወምቱ ዝኾኑ ናይ ኢትዮጵያ ሓይልታትን ዓበይት ፈሊጣኖም፣ ንሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ከም ፖሊሲን ዳይነሚክስ ምንቅስቓሳቶም ገይሮም ዘንህይሉ ከምዘለዉ እዉን ፍሉጥ እዩ። ነዚ ነቲ ከባቢ ሓላሊኽዎ ዘሎ ጉዳይ ንጹር ርእይቶን መፍትሒታት ከነዋድደሉ፣ ረብሓ ክልቲኡ ሃገራትን ኣህዛብ ኢዩ። ሓደ ጊዜየ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓደ ናይ ምዕራብ ኤዉረጳ ክብደት ዘለዎ ዲፕሎማስየና ሰብ፣ ንመለስ ዜናዊ "ካብ ኤርትራ እንታይ ኢኻ ትደሊ ዘሎኻ ቢሉ ምስ ሓተቶ ቁጽሪ 1. ዓሰብ፣ ቁጽሪ 2. ዓሰብ፣ ቁጽሪ 3. ዓሰብ ኢሉ ምስ መለሰሉ፣ እቲ ዲፕሎማሴና ዓሰብ ድኣ ልዕላዉነት ወደብ ኤርትራ እኳ እያ ምስ በሎ፣ ምኣስ ከም ንብረት ወይ ዋንነት ልዕላዉነት ወደብ ኢትዮጵያ ንክትከዉን ይደልያ ዘሎኹ፣ ዉሕስነትን ቀጻልነት ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ባይታ እያ ዝደሊ ዘሎኹ" ኢሉ መለሰለይ ይብል።

ኣብቲ ኣብ ግንቦት-ሰነ 2000 ሳልሳይ ገጽ ዝተኻየደ ኪናት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ብኹሉ ናይቲ እዋን ዝነበረ ግንባራት እኳ እቲ ዉግእ እንተተኻየደ፣ ቀንዲ ወትሃደራዊን ፖሎቲካዉን ዕላማ ወያኔ ምቁጽጽር ዓሰብ ስለዝነበረ፣ ግንባር ቦሬን ዓሰብን ወሳኒ ናይቲ ኪናት ምርብራብ'ዩ ዝነበረ። ወያኔ ንወደብ ዓስብ ተቛጻጺሩ ኣብ ፍጹም ምብርኻኽ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ከእትዎ ንጹር ወትሃደራዉን ፖሎቲካዉን መደባቶም'ዩ ነይሩ። ብሳላ ኣብቲ ግንባር ተሰሊፎም ዝነበሩ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ግን ሰንካም መደባት ወያኔ ንዓሰብ ክቃጻጸራ 37 ኪ.ሜ ምስ ተረፎም ብከቢድ ማህሰይትን ብፍጹም ስዕረትን ተጸፊያም ንኢትዮጵያ ከምዝምለሱ ተገይሩ እዩ። ወያኔ ኣብቲ እዋን'ቲ ንዓሰብ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ኣእቲዋ እንተዝነብር፣ ልክዕ ከምዚ ንባድመ ን10 ዓመታት ሒዙ ድላዩ ዝገብራ ዘሎ፣ ከምኡ እዉን ምስኮነ ነይሩ ዕድላት ወደብ ዓሰብ ማለት እዩ።

<u>ስርዓት ወያኔ ካብ ሕቶ ኣፍደገር ባሕሪ ወጻኢታት ካልእ ጥሙሓት ዶ ኣለዎ?</u>

እዚ ከም ወሳኒ መራሒ ኤሊት ፈደራላዊት ኢትዮጵያን ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ኮይኑ ፖሎቲካዊ ስልጣን ጨቢጡ ዝመርሕ ዘሎ ፖሎቲካዊ ስርዓት ክልተ-መሰረታዉያን ራእይታት ኣብ ዉሽጥ ስነ-ኣእሙራዊ ቅኒቱ እንዳጋማድሔን ብግብሪ እዉን ነዚ ጽምዲ ራእይታቱ እንዳሰርሓሉ መጽዩም እዮም።

1. ዓባይ ሪፓፐሊክ ትግራይ ንምፍጣር ዝፈለመ ቃልሱ ኣብ ቀዳማይ ማኒፌስትኡ ብ1976 ብእዉጅ መገዲ ዝቃለሰሉ ዝነበሩ እዩ።
2. ኤርትራዉያን ብሃይማኖት ኣስላማይ ክስታናይ ተባሃሂሎም ኣብ ዉሱን ዓመታት ንትኹላዊ ምትፍናን ክኣትዉ ስለዝኾኑ፣ ዉዒሎም ሓዲሮም ገለ ክፋላቶም ናባና ክጽግዑ ይኽእሉ እዮም ዝብል ቅድመ-ቅመራታት ስለ ዝነበሮም፣ ነዚ እዉን ብዕትበት ክሰርሕሉ ጸኒሖም እዮም።

እዚ ክልተ ሓደገኛ ራእይታት እዚ፣ ኤርትራ ብሕጋዊ መገዲ ልዑላዊት ሃገር እኳ እንተኾነት፣ ፈርከስከስ ኢላ ጽግዕተኛ ናቶም ወይ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ-መግዛእቲ (neocolonialism) ክቆርንዋ ቀጥታዊ ድንዕታትን ተግባራዊ ስርሓትን

ዝናጣጠፍሉ ዘለዉ እዩ። ረብሓታቶም ከራጋግጹ ንኤርትራ ህዝባን ገንሸል-ኣፋሲጋ ክገብርዎ ስክፍታታት ዘለዎም ኣይመስሉን። እዚ ኣታሓሳስባታት እዚ ካብ ኣቦታቶም ኣባሓጎታቶም ዝወረስዎ እምባሮጦራዊ ባህርያት፣ ንኢትዮጵያን ህዝቢ ኢትዮጵያን ንኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ሰላምን ቀጻሊ ምዕብልና ከንብሮም ዝኽእል ኣይኮነን። ዋላ እኳ ንሳቶም ረብሓታቶም ንምርግጋጽ እንተሰርሕሉ፣ ብዝላዓለ መልክዓቱን ዓቀኑን ንኢትዮጵያ ንሓደጋ ዘሳጥሕ ራእይን መደባትን እዩ።

ንኤሊት ወያኔ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣንን ኣብ ልዕላዉነት መሬት ኤርትራ ስለዘለዉ ፣ ሕልምታት ማኒፌስቶ ደደቢት ኣብ ግብኣተ መሬት ከምተቀብረ እዉን ዝተረድኦም ኣይመስለኒን። ዘዳናግሮም ዘሎ ድማ ኣብ ልዕላዉነት መሬት ኤርትራ ብሓይሎም ከምዘለዉ ስለዝመስሎም እዩ። ንፈደራላዊ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕላዉነት መሬት ኤርትራ ን11 ዓመታት ክህልዉ ዝገበሮም።-

1. ፍጹም-ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ እዩ። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ንምጽናሕ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓድነቱ ስለዝተፋታቶኖን ብኣንጻሩ ድማ ብትሕተ-ሃገራዊ ዝንባሌታት ዝናጣጠፉን ዝስህሩን ኤርትራዉያን ነቲ ሓደገኛ ፖሊሲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ሙሱሉያት-ተጻያት ተመሲሎም ሓሸዋ ስለ ዝወሰኹሉ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ግንባር ንከይስለፍ ይገብርዎ ስለ ዘለዉ እዩ። እዚ ግን ንቀጻሊ ዝኽይድ መስርሕ ወይ ከምቲ ፕራይም ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ኣብ 1990 ዝሓሰቦን ዝዛረቦን ዝነበረ ክቅጽል ወይ ክዕወት ኣይኮነን። ንግዚኡ ሓርጎጽጎጻት ከምዝፈጥር ዘጣራጥር ኣይኮነን። ቀደም ኣብ 1950 ታት 1960 ታት 1970 ታት 1980ታት 1990 ታት ዝተሳዕረ ፈተነ ስለዝኾነ ሕጂ እዉን ብሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክስዓር እዩ።
2. ዓለምለኻዊ ን ጂኦ-ፖሎቲካዊ ረብሓታትን ፖሎቲካዊ ኩነታትን ኣብ ጸግዒ ፈደራላዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ስለዘሎ እዩ። እዚ ክዉንነት እዚ ከምዚ ኢሉ ንዘላኣለም ዝቐጽል ስለዘይኮነ። ብዓቢ ሚዛንን ኣብ ሓጺር ጊዜየ ክቃየየር እኳ ዝክኣል ኣንተዘይኮነ፣ ብተዛማዲ ፖሎቲካዊ ሕግታትት ኩዉንነት ዞናናን ዓለምናን ዝገዝኦ ክቅየር ከምዝክኣል ተፈሊጡ ብሱጡም ምቅላስ ከድሊ'ዩ።

<u>ንሕና ከም ስነ-ሓሳብ ሲቪክ ሃገራዉነት ስዓብትን ሓሰብቲ፣ እንታይ ሓሰባት ወይ መደባት ናይ ሰላምን ምርግጋጽ ኣሎና?</u>

ምንቃፍን ምንሻዉን ኣዝዩ ቀሊል'ዩ፣ መተካእታ መርትዖዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ምቅራብ ከቢድ እኳ እንተኾነ፣ ንሕና ግን ዘሎና ኢና። ካብዚ ኩሉ ኣቀዲሙ ዝተጣሕመሰ ኩነታት፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ግርጭታት ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታ ሕቶ ምኻኑ የገንዘበና። እዚ ሕቶ'ዚ መዕልቦ ክርከበሉ ዝድለ እንተኾይኑ፣ እቲ ዝበለጸ ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ሲቪክ ሃገርነት ኣታሓሳስባን ፍልስፍናታት ዘለዎም ሓይልታት ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን መጽዮም፣ ክልቲኦም ንናይ ሓባር ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታ ምስዝሰርሑን ምስዝሳማሙዑን እዩ። ከምዚ ዓይነት ዕድላት ግን ኣብ ሓደ ጊዜየ ዝርከብ ጸቢብ ተኽእሎ ስለዝኾነ፣ ብዘይ ከምኡ እዉን ክልቲኡ ሃገራትን መንግስታታት ልዕላዉነቱ ተኻባቢሩ፣ ብዝታሓተ ኣብ ንግድን ምጣኔሃብታዊ ምልዉዋጥን ምትሕግጋዝ ኣትዩ፣ ከም ክልተ ልዕላዉያን ህዝብታትን ሃገራት ንምጣኔ-ሃብታዊ ምምሕዝዛዉን ምዉህሃድን ክነቅል ይኽእል እዩ። እዚ ንቅሎ እዚ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት ስለዝሙርኮስ፣ ክልቲኡ ሃገራት ብዘገምታ ናብ ዝላዓለ ጥርዝታት ናይ ምዉህሃድን ብሓባር ምስራሕን ክዓርግ ዘኽእሎ ስሑል መገዲ'ዩ። እዚ ሱሑል መገዲ ከነቕል፣ ክራጋገጽ ዝግብኦ ቀዳማይ ሕቶ ኣሎ፣ ንሱ ድማ ልዕላዉነት ኤርትራን

ኢትዮጵያን ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ክራጋገጽ ኣለዎ። እዚ ማለት ድማ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኢትዮጵያን ኤርትራ ዝወሰኖ ዉሳኔ ናይ መጨረስታን ቀያድን ስለዝኾነ ኣብ ባይታ ብዘይ ዉዓል ሕደር ኣካላዊ ምምልካት ዶብ ክካየድ ኣለዎ ዝብል መርገጺ ክንሕዝ ክንኣምነሉ ፍልስፍና ስነሓሳብ ሃገርን ህዝብ የገድደና'ዩ፣ በዚ ዝራዓምና እዉን ኢና።

ልዕላዉነት መሬት ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ እንተድኣ ኣኽቢራቶ፣ ዝኾነ ይኹን ስርዓት ኣብ ኢትዮጵያ ይሃሉ ንዓና ኤርትራዉያን ቡዙሕ ኣገዳሲ ሕቶ ኣይኮነን። ከም ክልተ ልዕላዉነቱ ዝካባበር ሃገራትን ኣህዛብ፣ ኣብ እምነ-ኩርናዕ ልዕላዉነት ምክብባር ነቲ ዝሓሸከረ ዝምድናታት ናብ ንቡር ንምምላስ ርጉጽ ተኽእሎ ከምዘሎ ንኣምን። እዚ እምነታት'ዚ ትም ኢሉ ካብ ሃዋህዉ ወይ ዘየሎ ሕልምታት ዝነቀለ ኣይኮነን፣ እንታይድኣ፣-

1. ንኹሉ ኩነታት ብኣንኩሮ ዝመዘነን ዝዳህሰሰን'ዩ።
2. ስርዓት ኢትዮጵያ ንግዝኣተ-ሕጊ ጥሒሱን ሓንጊዱ፣ ብዘለዎ ዲፕሎማስያዊ ጸጋታት ተጠቂሙ፣ ንልዕላዉነት ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ምጣኔ-ሃብታዊ፣ ፖሎቲካዊ፣ ማሕበራዉን ዲፕሎማስያዉ ጸቕጢ ፈጢሩ ንወደባት ኤርትራ ብንዑ ጥራይ ብዘርብሓ መገድታት ከፈጽም ይጽዕር ምህላዉን፣ ነዚ ንምዕዋት ድማ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይን ዓይነት ቁጡዕ መገድ ብምኻዱ፣ ንሰላምን ርግኣትን ናይ ሓባር ጥቅምታት ከሳሲ ዝኽእል ጭቡጥን ሃናጽን መደባት ስለዘይብሉ እዩ።
3. ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ እዉን እንተኾነ፣ ዋላ እኳ ሕቶ ሉዕላዉነት ከም ሕቶ የልዕሎ፣ ዉሳኔ ኮምሽን ዶብ ይቀበሎ፣ ገለ መሬት ልዕላዉነት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፈደራላዊ መንግስት ኢትዮጵያ ተገቢቱ እንኮሎ፣ ምጣኔ-ሃብታዊ ዓቕምታቱ መታን ካይሸምረሮ ኢሉ፣ ፈደራላዊ መንግስት ኢትዮጵያ ቅድሚ ልዕላዉነት ኤርትራ ምኽባሮም፣ ኣፈደገ-ባሕሪ ክጥቀሙሉ ዘፍቀደን ዘፍቕድ ዘሎ'ዩ። ስለዚ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ምስሉይ ሃገራዊ እዩ። ወያኔ ግምታትን ባህግታት ስርዓተ ህ.ግ.ደ.ፍ ስለዝፈለጥዎ፣ መታን ምጣኔ-ሃብታዊ ዓቕምታቱ ካይስስን ተባሂሉ 10 ዕጽፊ ውጻኢታት እንዳኸፈሉ ናይ ካልኦት ሃገራት ኣፈደገ-ባሕሪ ክጥቀሙ ወሲኖም እዮም። ስለዚ ስርዓተ ህ.ግ.ደ.ፍ ሕቶ ልዕላዉነት ፈጺሙ ዘይግድሾ ስነ-ሓሳብ ሕሉፍ (ደውላዊ) ሃገርነት (Ultra nationalism) ዝኽተል ስለዝኾነ፣ ንሕና ከም ኣመንት ስነ-ሓሳብ ሲቪክ ሃገርነት(Civic nationalism)፣ ብመሰረቱ ቀንዲ ስነሓሳባዊ ፍልስፍናና ድማ ብፍላይ ሕቶ ልዕላዉነት ብሓፈሻ ድማ ሕቶ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታትን ሕቶ ቁዋማዊ ምሕደራን ቀንዲ ክራጋገጽ ዘለዎ ዛዕባታት ብምኻኑ እዩ።
4. ኣዘምነዉቲ ናይ ተቃዉሞ ሓይልታት ኤርትራ ድማ ንሕቶ ኣብ ሓደጋ ወዲቁ ዘሎ ልዕላዉነት ኤርትራ፣ ከም ሕቶ ጊዝያዊ ሕቶ ኣይኮነን ኢሎም እዮም ዝኣምንሉ፣ ንገሊኦም ካብ ሕቶ ልዕላዉነት ኤርትራ ሕቶ ኤትኒክ ጉጂሊኦም፣ ሕቶ ሞሎኮታዊ እምነቶም፣ ሕቶ ቀቢልኦም፣ ሕቶ ፖሎቲካዊ ጡማሓቶም፣ ቀዳምነት ስለዝሰርዕዎ፣ ሕቶ ልዕላዉነት ከም መዋገይ ቀዳማይ ጡማሓቶም'ዩ። ስርዓት ወያኔ ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሱዑራት ሓይልታት ኤርትራ ሒዚ'ዩ ሕቶ ልዕላዉነትን ሕቶ ኣፍደገ-ባሕርን ክፈትሕ ዝህቅን ዘሎ። ዋላ እዉን እቶም "ንሕና ሃገራዉያን ንሕና ዲሞክራስያዉያን" ኢና ኢሎም ዝጽዕዱ ናይ ተቃዉሞ ሓይልታት ኣብ መርገጺታቶም ዓንደፍደፍ ክብሉ እዮም ጸኒሖም። ንሓንሳብ ሕቶ ልዕላዉነት የልዕሉ፣ ንሓንሳብ ነቲ ሓሙሽተ ናይ ሰላም እማሜ ተባሂሉ ኣብ 2004 ብወያኔ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ንዉሳኔታት ሄግ መባደሊ ዝኾነ ኣርሒቦም ዝቕበሉ እዮም። ስለዚ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፣ ስርዓት ወያኔ፣ ተቃወምቲ ሓይልታት ኤርትራን ኢትዮጵያ ዘለዎም ትሕዞን ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታ ንምህናጽ ቀጻልነት ቅሳነት ዘለዎ ዝምድናታት፣ ብፍላይ ምስ ጎሮቤት

ሃገር ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ምስ ሃገራት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ባዶሽ'ዩ። ኣብ ክንዲ ፈታሕቲ መሊሾም ነቲ ዘሎ ኩነታት ዘባሩዑ፣ ነቲ ስሂሮም ዘባርዑዎ ግርጭታት እንዳኣማሓደሩ ዝነብሩ ናይ ጥፍኣት ሓይልታት እዮም።

**መዘዘሚ፣-**

ከም ኣመንት ስነ-ሓሳብ ሲቪክ ሃገርነት፣ ከም ሓሰብቲ ዘመናዊ ኣታሓሳስባ፣ ሕቶ ልዕላዉነት ንኣና ቀንዲ እምነ-ኩርናዕ እምነትናን ቃልስታትናን'ዩ። ኣብ እንኽተሎ ፖሎቲካዊ ሜላታት (policy) ድማ ብፍላይ ጎሬቤት ሃገርና ኢትዮጵያ፣ ብሓፈሽ ድማ ሃገራት ዓለም፣ ከም'ቲ ኣብ መትከላት ራኢናን ዕላማታትናን እንኣምነሉ፣ ሃገራዊ ዞናዉን ዓለም-ለኻውን ምንቅስቓስ ብምኻኑ፣ ከምኡ'ዉን፣ ብጹእን ካብ ጽግዕተኛነት ሓራ ዝኾነ (Non-Aligned movements) ፖሎቲካዊ መስመር ክንክተል ስለ እንደሊ፣ ዝምድናታትናን ምትእስሰራትና፣ ምስ ሃገራትን ኣህዛብ ዓለም ዝህልወና ዝምድና፣ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ንምዕዋት ዝዓለመ ክኸዉን ይግባእ። ብፍላይ ድማ፣ ምስ ጐረባብትና ሃገራት ኢትዮጵያ፣ ሱዳን፣ ጅቡትን የመንን ዝህልወና ዝምድና፣ ንናይ ሓባር ዕብየትናን፣ ሓባራዊ ናይ ሃገራዊ ጸጥታ ምትካል-ዋልታና ኣገዳሲ ግደ ክጻወት ስለ ዝኽእል፣ ምስ ኩለን ሃገራት። ካብ ሻርነት ዝወጸ፣ ፖለቲካዊን ምጣኔ-ሃብታዉ ስርርዓተን፣ ወይ ዓይነት መንግስታተን ብዘየገድስ፣ ካብ'ዚ ዘይዕጸፍ መትከላት ዲፕሎማስያዊ ሜላታትና ብምንቃል። ምስ ጎረባብትና ሃገራት፣ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታትን ምትሕግጋዛትን ዝሙርከስ። ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎ፣ ንሰላምን ቅሳነትን ዝመርሕ ዝምድናታት ፍሉይነት ሂብና ንክንሰርሓሉን፣ ልዑላውነት ሕድ-ሕድ ኣኽቢርና፣ ኣብ ናይ ሓድ-ሕድ ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ከይተኣታተና፣ ንቐጻሊ ሰላምን ምጣኔ-ሃብታዊ ምዕባሌን ብሓባር ክንረብሓሉ ዝእንፍት ንጹር ኣሻማዊ ዘይኮነ መትከላት ክምዘለና ነራጋግጽ። ብሓጺር ኣዛራርባ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ክፍጠር ዝድለ እንተኾይኑ፣ ድሕሪ ምርግጋጽን ሓድሕድ ምክብባርን ልዕላዉነት ሃገርን ህዝብን እዩ።

ብመርእድ ዘርኡ

17/07/2011

## ሃገራዊ ዕርቂ

**መእተዊ፡-**

ወዲ-ሰብ ኩሉ ጸዕሩታቱን ቃልስታቱ ቀንዲ መንቐሊታቱን ናይ መጨረስታ ክዉቓዕ ዝደልዮ ዕላማታቱ፣ ኣብ ዉሽጡ ይኹን ምስጎራባቡቱን ዓለም ብሓባር ብሰላም ንምንባርን (peaceful coexistence) ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዝዓለመ'ዩ። ነዚ ንዓለምለኻዊ ሕብረተሰብ ቀንዲ መንቐሊታቱን ናይ ምጨረስታ ክዉቓዕ ዝድለ ዕላማታት ንምርግጋጽ ካብ ዉሽጣዊ ኩነታትካ ክትነቕል ይግብኣካ። ከምኡ ስለዝኾነ፣ ኣብ ዝሓለፉ 40 ዓመታት ኣብ ሳልሳይ ክፋላት ዓለም፣ ማለት ኢስያ፣ ላቲን-ኣመሪካን ኣፍሪቃን ልዕሊ 30 ሃገራትን ኣህዛብ ኣብ መስርሕ ምስልሳል ሃገራዊ ዕርቂ (National

Reconciliation) ይርከቡ። ናይ ነፍስ-ወከፍ ህዝብን ሃገርን ዝተፈላለየ ዳይነሚክስ እኳ እንተሃለዎ ንኩለን ሓደ ዝገብረን መሰረታዊ ሮቛሒታት።-

1) ኣብ ትሕቲ መለኽትን ምልክን ዝጸንሓ ብምኻነን፣
2) ኣብ ኪናት ሓድሕድ ተኣሊኽን ብምንባረን፣
3) ኣብ ትሕቲ ዓሌታዊ ፖሎቲካዊ ስርርዕ: ናይ ፍሉይ ረብሓ ጉጅለ፣ ሕሉፋት ሃገራዉነታዉያን፣ ኤትኒክ-ጉጂለ ሃገራዉነታዉያን፣ ሃይሞኖታዊ ሃገራዉነታዉያን ባታታት ብምጽንሔን፣
4) ብሰንኪ ዝፈሸለ ፖሎቲካዊ ስርርዓተን; ናብ ናይ ሕንፍሽፍስ (Anarchic) ሃገራት፣ ደም ዋሕዲ (anaemic) ዘጥቕዔን ሃገራት፣ ምልኣኩሞት (phantom) ሃገራት፣ ዝፈሸላ (aborted) ሃገራትን ዝተማረኻ (captured) ሃገራት ምስ ዝኾና፣ ናብ ንቡር ቀስተ ማኣዝነን ንምምላስ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎ መስርሓት እዩ።

ኤርትራ ብኪናት ሕድሕድ ዝሓለፈት፣ኣብ ትሕቲ ምልክን ፈጺሙ ዝወደቀ ፖሎቲካዊ ስርዓት ስለ እትርከብ፣ መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ፣ እቲ እንኮ መንገዲን ሕዋም ንኤርትራዉያን ናብ ንቡር ሂወት ክመልሰና ዝኽእል መስርሕ እዩ ኢልና ንኣምን። ዋላእዉን ናይ ቀደም ኣቦታትና ካብ 19940-1950 ብዝተፈላለየ ፖሎቲካዊ እምነታቶም ኣብ ሓያል ህልኻትን ዕንወታትን ወዲቆም ንኤርትራ ካብ ፍርቃ ምስ ሱዳን። ፍርቃ ምስ ኢትዮጵያ ምጽንባር እኳ እንተኣድሓንዋ፣ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ናጻ ልዕላዊት ሃገር ትኸዉን ኣብ ትሕቲ ኢምባሮጠራዊት ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ምስተጸምደት፣ ንሕሉፍ ታሪኾም ክመዝኑን፣ ናይ መጻኢ ጉዕዝኦም ክቕይሱ መታን፣ ኣብ ናይ ኣስመራ ሲናማ ኢምፐሮ ኣስታት 4000 ህዝቢ ብዉሽጥን ብግዳምን ብምእካብ ብ31 ታሕሳስ 1950 ናይ ሰላም-ጉባኤ ኣካይዶም እዮም። ዉጽኢት ናይዚ ጉባኤ እዚ ንኤርትራዉያን ሓደ ገይርዎም ክም ሳዕቤኑ ድማ ማሕበር ሸዉዓተን ተ.ሓ.ኤ ንሓንቲ ናጻ ኤርትራ ከምንቃለስ ገይርናዩ።

<u>ሃገራዊ ዕርቂ እንታይ ማለትዩ?</u>

ሃገራዊ ዕርቂ ማለት፣ መስርሕ ንሓድሽ ፖሎቲካዊ ባህሊ ዘሳጋግር፣ መሰረታዊ ተሓድሶ ንሓድነት: ማዕርነትን ፍትሒ ህዝቢ ናይሓንቲ ሃገር ኣራጋጊጹ ብግብሪ ኣብ ፖሎቲካዊ ምጣኔ-ሃብታዊ ማሕበራዊ ባህላዊ መሰረታዊ ምቅይያራት ኣብ ሂወት እቶም ዜጋታት ሃገር ዘራጋግጽ: መስርሕ ሓድሕድ ምቅብባል: ጣዕሳ: ይቕረ-ይኹንካ: ካሕሳ: ምሕዋይ በሰላ: ደበስ: ሕሉፍ ታሪካዊ ገምገማ ዘካይድ መስርሕ እዩ። ኣብ ሰብኣዊ መሰላትን መዝነታትን: ኣብ ዲሞክራስያዊ ምዕባሌ ሲቪላዊን ሲቪክ ሕብረተሰብ: ኣብ ክንክን ዉሑዳትን ዉጹዓት ናይ ሕብረተሰብ: ኣብ ሳላማዊ ኣጋባብ ኣፋታትሓ ግርጭት: ኣብ ማዕርነት ብዛዕባ ኣረጊትን ሓድሽ ወለዶ ኣቶኪሩ ድማ ንምርምራቱ ንግብራዊ ሓቂ ወይ ጋህዲ ንምግባር ዝካየድ መስርሕ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ክብሃል እንኮሎ ንጹር ብደረጃ ሃገር-ለኸ ጠቀስን ሓቆፍ ዝሳላሰል እዩ።

ብመሰረቱ ግን እቲ ዕርቂ ካብ ክልተ ቡኡሳት ሰባት ጀሚሩ ብደረጃ ስድራ: ማይቤታት: እንዳ: ቀቢላ: ኤትኒክ ጉጅለታት ክህልወን ዝኽእል ናይ መሬት ሕቶ: ናይ መግሃጫ ከብትን መጭዓና ሕቶ: ናይ ማይ ዋሓዚ ሕቶ: ናይ ባህርያዊ ሃብትን ምምቅርሑ ሕቶታትን : ናይ ፖሎቲካዊ ስልጣን ሕቶ: ናይ ጥዑይን ሓባራዉን ምምሕዳር ሕቶ ፣ ናይ ሲቪክ መሰላት ሕቶ ካልኦት ዘይተጣሕመሱ ግርጭታት ንምፍታሕ ዝሳላሰል መስርሕ ሰላማዊ ኣጋባብ መስርሕ እዩ።

ሃገራዊ ዕርቂ ኣዝዮም ሓያላት ሰባት ወይ ጉጂለታት ንካልኦት ንምዕብላል ዝካየድ ማሕበራዊ ናይ መፍጠሪ ሰላም መስርሕ ኣይኮነን፡ እንታይድኣ ብኣንጻሩ ፖሎቲካዊ ስልጣን ናብ ናይ ምቁጽጻር ህዝቢ ዘሳጋግር፡ ንመሰረታዊ ሽግር ህዝቢ ኣለልዩ ነባሪ ፍታሕ ዘምጽእ፡ ንሽጉራት ኣፍደገ ራህዋ ዝኸፈተሉ፡ ጹቁጣት መሰሎም ዝራጋገጸሉ፡ ውሕዳን ብቡዙሓን ካይ ጽቀጡን ካይዕብለሉን ዘይ ስገር ቀይሕ መስመር ደረታት ዘቀምጥ፡ ብዱላት ዝካሓስሉን ዝድበስሉን፡ ገበነይናታት ብሕጊ ዝሕተትሉ ወይ ምሕረት ዝዋሃቡሉ፡ ካብ ምዉጣጥ ናብ ምትሕብባር፡ ካብ ምንዕዓቅ ናብ ምክብባር፡ ካብ ምንጽጻግ ናብ ምቅብባል፡ ካብ ሽርሕን ሚስጥራዉነት ናብ ግሉጽነት፡ ካብ ዘይሓላፍነታዊ ናብ ሓላፍነታዊ፡ ካብ ምጥርጣር ናብ ምትእምማን፡ ካብ ዜሮ ተጻዋርነት ናብ ሙሉእ ተጻዋርነት ዘሳጋግር ማሕበራዊን ፖሎቲካዉ መስርሕ እዩ።

ኣብ ዓለምና ኣብ ማእከል ዘተፈላልዩ ኣህዛባት፡ ሃገራት፡ ፖሎቲካዊ ምንቅስቓሳት፡ መንግስታት፡ ሃገራዉን ዞናዉን ዓለምለኻዊ ማሕበራት፡ ትካላት፡ ዝተፈላለየ ዋዕላታት ንዝተፋላለየ ዕላማን ማዓላታትን ቀጻሊ እዮም ዝካየዱ። ብተዛማዲ ድማ ሃገራዊ ዕርቅታትን ክልትኣዊ (bilateral) ወይ ቡዙሓዊ (multilateral) ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ንነባሪ ሰላምን ሓበራዊ ፖሎቲካዊ ምጣኔ ሃብታዊ ማሕበራዊ ባህላዊ ምዕብልናታት ንምርግጋጽን ማሕበራዊ ፍትሒ ማዕርነታዊ ሽርክነት ንምንጋስ ተባሂሎም ከምዝካየዱ ሩጉጽ ጉዳይ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ከም ዛዕባ፡ ከም ፖሎቲካዊ ኣምር፡ ከም ጭርሖ፡ ከም መስርሕን ትግባሬን ኣዝዩ ዓቢ ናይ ምትካል-ዋልታ ሕቶ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ክብሃል እንኮሎ ናይ ዝተፈላለያ ፖሎቲካዊ ዉድባት፡ ሰልፍታትን ማሕበራትን በይናዊ ወይ ቡዝሓዊ ፖሎቲካዊ ልፍንት ወይ ዕርቂ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ናይ መላእ ሃገር ሕጋዉያን ተወከልቲ ህዝቢ፡ ንጡፋት ፖሎቲከኛታትን ፖሎቲካዊ ምንቅስቓሳት፡ ሲቪል ወይ ሲቪክ ማሕበራት፡ ወራዙትን መራሕት ልዑል ህዝባዊ ትካላት፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ጉጅለ፡ ፈሊጣን፡ ተዓዘብትን ሓሳብ ኣሃብተምትን ወጻኢተኛታት ኣድማዒ ተሳትፎን ዉሳኔን ዝሓትት ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ነዊሕ መስርሕ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ዋዕላ፡ ኣኼባ፡ መጋባእያ፡ ልፍንታዊ ስራሓት ማለት ኣይኮነን።

ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ህሉዉ ኩነታት ጥራይ ኣይኮነን እዉን ዝሙርከስ። ሃገራዊ ዕርቂ ነቲ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ሕሉፍ ታሪኽ እቲ ሕብረተሰብ ብታሪኽ፡ ብማሕበራዊ ፍትሒ፡ ብሕጊ፡ ብሰብኣዉን ስነምግባራዉን መዓቀኒታት ንፍጻሜታት እንዳመዘነ ፍርድታቱ የቀምጠሉን፣ ንዉሳኔን ኣፋታትሑኡን ዝምልከት ድማ ናብ ህዝቢ ብምዉራድ፡ ብባህግታት ህዝቢ ዕግበት ይዉስን። መላእ ህዝቢ ዝተሳማማዓሉን ዝዓገበሉን ሕሉፍ ታሪኻዊ ገምጋማት ምስገበረ፡ ቀጺሉ ንህልዉ ኩነታት እቲ ሃገርን ህዝብን ይመዝን፡ ኣብ መጨረሽታ ድማ ንመጻኢ እቲ ሃገርን ሕብረተሰብን ብሓባር፡ ብማዕረ፡ ብምክብባር፡ ብሓድነት፡ ብምዕባሌ ከንብሮ ዝኽእል ካብ ፍጹም ማሕበራዊ ጺጋታት እቲ ሕብረተሰብ ዝመንጨወን ተመሊሱ እዉን ንኡኡ ዝኩስኩስ ጡዑይ ዓንደ መንግስት፡ ጥዑይ ፖሎቲካዊ ስርርዕ፡ ጡዑይ ድሌት ህዝቢ ዘዕግብ ምጣኒ ሃብታዊ ፡ ጡዑይ ፍትሓዉን ምዕሩይ ማሕበራዉን ጥዕናዉን ኣገልግሎት፡ ጡዑይ ማሕበራዊ ፍትሕን ሰብኣዊ መሰላት ዘራጋግጽ፡ ጡዕይ ዘቤታዉን ግዳማዉን ሜላታት ዝትልም፡ ብዓቢኡ ድማ ባህላዊ ትንሳኤ ዘራጋግጽን ንሃገራዉን ህዝባዉን ናይ ጸጥታ ምትካል-ዋልታ ዘዉሕስ ባይታ ዝፈጥር መስርሕ እዩ;;

ሃገራዊ ዕርቂ ብባህሪኡ ኣብ ዝተወሰነ ፖሎቲካዊ ማሕበራዊ ምጣኔ ሃብታዊ ባህላዊ ዛዕባታት ዝተደረተ ኣይኮነን፣ ኩሉእንትናዊ ሃለዋት ሂወት እቲ ሃገርን ህዝብን ጠቀስ ዳህሳሲ እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ካብ ዉልቀ ሰብ ዜጋ ጀሚሩ ስድራቤት፡ እንዳ፡ ቀቢላን ኢትኒክ ጉጅለ ክሳብ መላእ ሃገር ኣብ ኩሉ እንትናዊ ሃለዋት ሂወቱ ማለት ኣብ ሰብኣዉነቱ፡

ሰብኣዊ መሰላቱን ጉቡኣቱን፡ ስነምግባሩ፡ ፖሎቲካዊ ማሕበራዊ ምጣኔ ሃብታዊን ባህላዉን ሂወቱ ዝምርምርን፡ እዚ ገበን እዚ በደል እዚ ከምዚ ክከዉን ይግባእ እንዳበለ ካብ ዝደቀቀ ክሳብ ዝዓበየ ጉዳይ እቲ ህዝቢ ርትዓዉን ሂወት ሶኻዕን መዕልቦ ኣናዳይን እዩ።

ሃገራዊ ዕርቂ ብባህግታት ወይ ዊንታታት ጥራይ ዝካየድ መስርሕ ኣይኮነን። ነዚ ዊንታታትን ባህግታትን ክዉን ክገብሩ ዘኽእሉ ጼኑዓት ዓንድታትን ባይታታት ክህሉዉ ኣለዎም።

እቲ ዓንድታትን ባይታታት እንብሎ ዘለና፡-

ቀዳማይ ኣብ ዉሽጥ ሃገር፣ ብሙሉእ ተሳትፎ ህዝቢ ዝካየደሉ ባይታ ክራጋገጽ ኣለዎ።

ካልኣይ ብህዝቢ ተወኪላ ዝተመርጸት ናይ ሃገራዊ ዕርቂ ሓቀኛ ናይ ሃገራዊ ዕርቅን ሰላምን ኮምሽን ክትምዘዝ ኣለዋ።

ሳልሳይ ነታ ኮምሽን ልዕላዊ ስልጣን ዘወንን ግዝኣተ-ሕጊ ወይ ቕዋም ክህሉ ኣለዎ።

ራብዓይ ናይ ሃገራዊ ዕርቂ ናይ መወከሲ ዕማም ኮሚቴታት ብደረጃ ዓዲ ወረዳ ኣዉራጃ ሃገር ክቖማ ኣለወን፡ ኣብ ትሕቲ ኮምሽን ዕርቂ ዝማሓደራ ናጻ ናይ ታሪኽ ተማራመርቲ፡ ፍርዳዊ ትካል፡ ሲቪክ ኣብያተ ትምህርት፡ መርመርት፡ ናይ ፖሎቲካዊን ምጣኔ-ሃብታዊ ፖሊሲታት ሓንጸጽት ኪኢላታት፡ መራኸቢ ቡዙሓን ዝሓቆፉ ትካላትን ካልኦት ዘይተጣሕመሱ ክህሉ ኣለዎ።

ሃገራዊ ዕርቂ ክባሃል እንኮሎ ገለ ሰባት ጥራይ ንምምቅርራሕ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዘጣጥሕ፡ ንተቃወምትን ገዛኢ ስርዓትን ዝተዓርቅሉ፡ ሓደ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስ ኣብ ልዕሊ ካልእ ዝዕወተሉ፡ ንምልካዊ ስርዓት ኣሊኻ ስልጣን ትጭብጠሉ፡ መሳርሒ ንዋት ገይሮም ዝወስድዎን ነዚ ንምትግባር ዝንቃሳቀሱ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ፍጹም ጌጋ ኣራዳድኣን ፈተነን እዩ። ሃገራዊ ዕርቂ ናይ መላእ ሃገርን ህዝብን ኮይኑ፡ እቲ ህዝቢ ሕሉፍ ተሞክሮታቱ ሓሊኹ ንቅድሚት ከምዘይስንም ኣብ ዝኾነሉ እዋናት፡ ካብዚ ፈንጢሱ ዝወጸሉ መስርሕ ሰላማዊ ኣጋባብ መስረታዊ ለዉጢ ሕብረተሰብን ፖሎቲካዊ ስልጣን ህዝቢ ዝርከበሉ እዩ።

<u>ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ዕርቂ የድሊ ዶ?</u>

ገለ ኤርትራዉያን ነዚ ሕቶ'ዚ ክምሉሱ እንከለዉ፣ ኣብ ኤርትራ ብሃይማኖት፣ ብኤትኒክ-ጉጂለ፣ ብዓዲ፣ ብኣዉራጃ ደረጃታት ሓድሕዳዊ ደም ምፍሳስ ወይ ድማ ንትኹላዊ ምትፍናንን ተኣትዩ ኪናት ሕድሕድ ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ነንሕድሕዱ ስለዘይተኻየደ ሃገራዊ ዕርቂ ኣየድሊን እዩ ቢሎም እዮም ዝምልስዎ። ብምቅጻል ኣብ ኤርትራ ነዞም ኣብ ቀንዲ ቁልፍታት ፖሎቲካዊ ስልጣን ህ.ግ.ደ.ፍ ዘለዉ ሰበ-ስልጣን ኣብ ኣዝዩ ኣድማዒን ቱኩር ብብልሽዉናታት ዘይተተንከፈ ቤት ፍርዲ ብምቅራብ ጸገም ህዝቢን ሃገርን ክፍታሕ ይኽእል እዩ፣ ዝብል ግምታት ዘለዎም እዉን ኣይሳኣኑን እዮም። ኣብ ዘጥረይዎ ግምታት ህጉፈት ናይ ቁኑዕ ግምታት ዘየትሓዞም፣ ጉድለታት ቶሞክርኦምን ብዕምቆት ዘይምግንዛብ እኳ እንተኾነ፣ ማዕረ ክንደይ ብተራጻሚ ሰዉራ ዝሓለፈ ህዝብን ሃገርን ከም ሳዕቤኑ ድማ ፍጹም ምልካዊ

ስርዓት ዝተተኸለሉ ሕብረተሰብ፣ ብእኪይ ተግባራት መለኸቲ ከም ሓደ ብቫይረስ ዝተለኸፈ ጭዋዳታ ንሙሉእ ሰብነት ከምዝትንከፎ ዘይምግንዛብ'ዩ።

ሃገራዊ ዕርቂ ጥራይ ደምምፍሳስ ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ነንሕድሕዱ መስኣጋጠመ ዝካየድ መስርሕ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ኸ ኩናት ሕድሕድ ኣይተኻየደን ድዩ? ኣብ ዓመተ ምህረት 1972-1974 ን1980-1981 ኣብ መንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተኻየደ ኲናት ሕድሕድ ከ ጉቡእ ምዕልቦ ተገይርዎ ዶ? ክትሃድሙ ሓሲብኩም ተባሂሎም ዝተቀጥሉ ዜጋታት የለዉናን ድዩ? ዶብ ብዘይሕጋዊ ኣጋባብ ትሰግር ኣለኻ ተባሂሉ ብጥይት ዝተቆልቡ ዜጋታት የብልናን ድዩ? ብጥርጠራን ጸለመን ተኣሲሮም ኣብ ቤት ማእሰርት ዝሞቱ የብልናን ድዩም? ሃለዋቶም ዘጥፉን ዝተሸርቡን ዜጋታት የብልናን ድዮም? ብሰንከ ፖሎቲካዊ መርገጺታቶም ዝተቀንጸሉ ዜጋታት የብልናን ድዮም? ብሰዉራ ኤርትራ ዝተበደሉ ህዝቢ የብልናን ድዮም? ኣኽረርቲ ክርስትያን ወይ ኣስላም ተባሂሎም ዝተቀንጸሉ የብልናን ድዮም? ናይ ተ.ሓ.ኤ። ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ፣ ናይ እስላማዊ ምንቅስቃስ፣ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ደገፍት...ወ.ዘ.ተ ተባሂሎም ግዳይ ናይ ጽልእን ቅርሕንትን ዝኾኑ ዜጋታት የብልናን ድዮም? ካልኦት ዘይተጣሕመሱ ሕቶታት ክልዓል ይክኣል'ዩ። ኣብ 21 ክፍሊ ዘመን፣ "ዓይኒ ብዓይኒ፣ ኢድ ብኢድ" ("the law of retaliation.") ብዝብል ጥንታዊ ሕግታትን ሕዋምን ክንፈትሖ ከምዘይንኽእል ክንግንዞቦ ዝግብኣና ጉዳይ'ዩ።

ምናልባሽ ገለ መናፍቃን፣ ንናይ ሒነ ምፍዳይ ሕጊ ምንጻጉን ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ምእማንን፣ ናብ ዉሽጥ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘለዉ ገበነኛታት ንምክልኻል እዩ ዝብል ዘይረብሕ መመኸነይታታት ክቀርብ ይኽእል እዩ፣ ገበነኛታት ኣብ ወጻኢን ኣብ ማእከል ተቓዉሞ ሓይልታት ከምዘለዉ ክዝንጋዕ የብሉን። ይዕበ ይንኣስ ገበን ገበን እዩ። ግን መን ኢሉዎም ሃገራዊ-ዕርቂ ንገበነኛ ኣይቀጽዕን'ዩ? ዋላሓደ የሎን። ስለዚ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ንመቕጻዕቲ ዝግብኦም፣ ካብ መቕጻዕቲ ዘናግፍን ዝካላኸልን ከምዘይኮነ ክፍለጥ ኣለዎ።

ሓደ ሃገርን ህዝቢ ቀስተ-ማኣዙኑ ስሒቱ ናብ ዘይተደልየ መስመርን ኣንፈት ምስሓዘ ናብ ንቡር መገዱ ንምምላስ ዝካየድ ናይ ተሓድሶ (rehabilitetion) መስርሕ'ዩ።

ብሕጽር ዝበለ ኣጋባባት እተን ክልተ ዘዉትር ዝላዓላ ፖሎቲካዊ ኣምራትን ትሕዞ ኣጣቃቅምኣን ካብተገንዘብና ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ዕርቂ የድሊ ዶ ኣየድልን ዳርጋ ምሉስ ሕቶ እዩ። ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ዕርቂ የድሊ እዩ።

ኣብ መስርሕ ፖሎቲካዊ ኣምራዊ ትንተናታትን ኣታጋባብርኡ፣ ብገለ ክዝረብን ክትንተንን እንክሎ ኣዝዩ ዱንጉርን ላህመታዊ ኣፍልጦ ከምዘለዎምን፣ ብኣንጻሩ ብስምዒትን ባህግታትን ዝተንጀርበበ ምኻኑ ደሚቁ ይርኤ። ንልፍንታዊ ስርሓት ፖሎቲካዊ ምንቅስቓሳት፡ ንስሙር ግንባር ዝተፈላለያ ፖሎቲካዊ ዉድባት፡ ንጸቢብን ከፋላዊ ፖሎቲካዊ ምጥርናፋት፡ ንዋዕላ ሃገራዊ ኮምሽን ዲሞክራስያዊ ለዉጢ፣ ንምጥርናፍ ትሕተ ሃገራዊ ፖሎቲካዊ ዝንባሌታት፣ ከም መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ዝካየድ ዘሎን ዝተኻየደን ኣምሲልካ ምግላጻት እዉን ይስማዕ እዩ። ብመሰረቱ እዚ ጉጉይን ዘይፖሎቲካዊ ብልሓት ኣታናትና ሃገራዊ ዕርቂ እዩ።

ኤርትራዉያን ዕላማና፡ ብዲሞክራስያዊ ማሕበራዊ ፖሎቲካዊ ሰዉራ ወይ ብሃገራዊ ዋዕላን ዕርቂ ኣቢልና ማሕበራዊ ፍትሕን ሰላምን ዝነገሶ ሕብረተሰብን ሲቪክ ሃገር ሃገራዉነት ንምህናጽ ዝድለ እንተኮይኑ፣-

1) ኣቀዲምና ኣብ ሕሉፍ ታሪኽና ተዛማዲ ሓቅነት ዘለዋ፣ ንኩላህና ዝጠምር ምርምራት ከነካይድ ሓባራዊ-ገጽታ ታሪኽ ንሕዘሉ ባይታ ክንፈጥር ኣለና። መብዛሕትኡ እዋናት ዕዉታት ንታሪኽ ስለዝጽሕፍዎ፣ ኣብ ክንዲ ንመላእ ሕብረተሰብ ዝዉክል ታሪኽ፣ ንኣታቶም ዝንእድን ኣብ ሙቹኡ ሕዙእ ቦታ ዘስፍሮም ስለዝኾዉን።
2) ካብ ሕሉፍ ታሪኽና ገምጊምና፣ ብንጹር ንጽባሕን ድሕሪጽባሕን ክንወቕዖም ንደሊ ምትካል-ዋልታታት ክንፈልጥ ኣለና።
3) ገና ኣብ ምህናጽ ሃገርን ሃገራዉነት ከምዘለና ብልክዕ ከነለሊ ኣለና። ንዘመናዊ ሲቪክ መንነት፣ ሃገራዉነት፣ ሕብረተሰብን ደዉላ ንምህናጽ ዝሕግዘና ራኢን መርሓ-ግብራዊ ሓሳባት ዝተኣናግድ ክኸዉን ኣለዎ።
4) ኣዝዩ ዱሑርን ሕቡኡን ጉጂላዊ ፖሎቲካዊ ረብሓታት ዘራጋግጽ ኣጀንዳታትን ስልትታት ክንስንድዎን ኣብ እንካን ሃባን ክንኣቱ ክንበቅዕ ድሉዋት ክንከዉን ኣለና።
5) ሰናይ ድሌት፡ ግሉጽነት፡ ተሓታትነት፡ ርእሰ ረብሓዊ መስዋእት ክነጥሪ ኣለና።
6) ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ከባቢናን ዓለምናን ዝካየድ ዘሎ፡ ብሕጂ ክካየድ ዝኽእል መስርሕ ምድቃቅ ህዝብን ሃገርን ዲሞክራሲ ኣብ ዓለምና ዓንኬል ዘጓጥም ዘሎ ጸገማት ብከመይ ክንካላኸሎን ንዉጉኖን መጽናዕትታት ምክያድ ንኤርትራዉያን ኣዝዩ ኣገዳስን ጠቃምን እዩ።
7) ሃገራዉነትናን መንነትና ክንዉስን ኣሎና።

መብዝሓትኣን ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ካብ ኣብ ዉሽጠን ዘሎ ጸገማት ንላዕሊ፡ እቲ ንጸገማተን ንምፍታሕ ዘለወን ተበግሶታት ብናይ ግዳም ሓይልታት ጸቅጥታት ክድረኽን ክግታእን እንከሎ ይዓቢ። ዓለማዊ መስርሕ ንጥፈታት ፖሎቲካዉን ምጣኔ ሃብታዊ ንህላዌ ስነሓሳብ ህዝብን ሃገርን ብጽምዳዊ ኩርናዓቱ ስለዘጻቡቡልና ዘለዉ፡ ንዘለዉና ጸገማት ንምፍታሕ ዝህልዉና ተበግሶታት ብግዳማዊ ፖሎቲካዉን ምጣኔ ሃብታዊ ምትካል-ዋልታ ሓያላን ሃገራት ስለዝጽሎ፣ እቲ ተበግሶታታት እንዳሃለወ ክንሱ ርእስኻ ኪኢልካ ጸገማትካ ንከይትፈትሕ ን ካይተማሓድርን ዝግበር ማሕለኻታትን ጸቕጥታትን ኣዝዩ ዝሓየለን ዝዓዘዘን ብምኻኑ እዩ።

ኣምር ሃገራዊ ዕርቂ ብንጹርን በቲ ዝጠበቐ ትርጉሙ ድኣ ኣይኹን እንበር፡ ሓደ ብሰላማዊ ኣጋባብ ተሳላስሎ ሱር ነቀላዊ ማሕበራዊ ፖሎቲካዊ ሰዉራ እዩ። ሕመረት ሃገራዊ ዕርቂን ኣገዳስነት ፖሎቲካዊ ምርጫታትና ቀንዲ መናዓዓቢ ናይቲ መስርሕን፡ ምግላጽ ናይቲ ዘይክማህ ፖሎቲካዊ ባህግታትና፡ ናይ ኣማራጺታት ህልዉ ብዶሆታትናን ተሞክሮና፡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታትን ንኩሉና ዘገዱስና ጉዳያት ብንጥፈት ምዝታይ ምርዓምን ምንጻግን ዘጣቃለለ እዩ። ነዚ ንምስልሳል ድማ ዘቤታዉን ግዳማዉን ሮቋሒታት ዘተኣናግድዎ ክፍጠሩሉ ኣለዎም።

ንሃገራዊ ዕርቂ ንኣጋባባት ቃልሲ ብዝምልከት ዝተደርሰ፡ ዝተቶርጎመ፡ ዝትኣመመ እማሜታት ኣዝዩ ቡዙሕ እዩ። እቲ ኣብ ኤርትራ ንክኻየድ ንሓስቦ ዘለና መስርሓት ንሓንሳብ ምስ ፈረንሳ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ በኒን፡ ሊባኖስ፡ ኣልጀርያ..........ወ.ዘ.ተ፡ ተሞክሮታት ብምዝማድ ክግለጽን፡ ነቲ ኣብኡ ዝተጠቅምሉ ብልሓት ብቀጥታ ኣብ ኤርትራ

ክትግበር ከምዝኽእል ዘተንብህ ጹሑፋት መጽናዕታት ነቢብና ኢና። ኣንቱም ሰባት እንበር ዶ ንኤርትራ ይፈልጥዋ እዮም ወይስ ካልእ ኤርትራ ትባሃል ሃገር ኣላ ዝብል ሕቶ እዩ ዝመጸካ። ምክንያቱ እማሜኦም ንኤርትራዊ ባይታን ኤርትራዊ ኣህጉረ ጥንታዉን ዘመናዉን ስልጣኔን ኣብ ባዕላዉን ዉድዓዉን ክስተታት ዝተመስረተ ብዘይሙኻኑ እዩ። ከምቲ ኣቦታትና ዝምስልዎ "ሕማቕ መምህር የደንቁር፡ ሕማቕ ሓኪም ዓይኒ ሰብ የንቁር" ከምዝባሃል፡ ሓደ ካብቲ ርኡይ ጸገማት ናይዘም ፈሊጣዉያን ዝኾኑ ዜጋታት፡ ነቲ ኣብ ከባቢ ዝነብሩሉ፡ ዘንበብዋ፡ ዝተዓዘብዎ ካብ መግዛእቲ ይኹን ከባቢኦም ዝወረስዎ ኣፍልጦታት ብዘይ ዜቤታዊ ዉኸሳ ከምዘለዎ ብዘይ ገለ ምልዉዋጥ ከተኣታትዉዎ ይህቅኑን ይናጣጠፉን። ርዱእ እዩ ኣብ ዓለምና ተዛማድነትን ፍሉይነትን ናይ ህዝብታት ሃገራት ኣቋዉማ፡ ተሞክሮ፡ ጸገማት፡ ግርጭታት፡ ጽፍሒ ምዕባሌ፡ ድሌታት፡ ማሕበራዊ ጸጋታት..... ወ.ዘ.ተ. ከም ዘሎ። ነዚ ድማ ብምዉድዳር ሰንጠረጅ ሰሌዳ ኣብቲ ዝቀርብ መሰረተ ሓሳባት (hypothesis) መወከሲ ዘለዎ ጭብጥታት ከሰንዮ ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ፈረንሳ ጋቲማላ በኒን ደቡብ ኣፍሪቃ ስለዝበልካ መፍትሒ ናይቲ ህሉው ጸገማት ኤርትራ ማለት ኣይኮነን።

ንባዶሽ እማሜታቶም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ቁቡል ክገብሩ ኣዳለዉቲ ናይቲ እማሜ ብዶክተር፡ ብፍላስፉ፡ ብዳይረክቴር፡ ብኢምባሳደር ማዓርግ ትምህርት ዝዉንኑ ፈሊጣን ከምተጸንዐ ሰሊሞም ይዝርግሕዎ።

ሙጉትና ኣገልግሎት መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ንፖሎቲካዊ ባህልና ንምቅያር ዝካየድ መስርሕ እዩ። ምክንያቱ መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ብቀዳምነት ስነ-ሰብኣዊ፡ ስነ-ኣእሙራዊ፡ ገብረገብነታዊ፡ ስነምግባራዊ ቕሩቡነትን ኣብ ፖሎቲካዊ፡ ምጣኔ ሃብታዊ፡ ሕብረተሰብኣዊን ባህላዉን ሱር ነቀላዊ ለዉጥታን ንምምጻእ ዝካየድ ማስርሕ ማሕበራዊ መስርሕ ብምኻኑ እዩ። ስለዚ እቲ ቀንዲ መወከሲታት (reference) ናይዚ መስርሕእ'ዚ ንምክያድ እቲ ባዓልቤታዊ ዉድዓዉን ምልከታት ኮይኑ፡ እቲ ግዳማዊ ኩነታት ድማ ከም ካልኣዊ ሮቛሒታት ክበስል ክበቅዕ ስለዘለዎ እዩ።

<u>ሃገራዊ ዕርቂ ብከፊልን ካብ ሃገር ወጻኢ ቡኩራት ዝበዝሑ ዜጋታት ሕብረተሰብናን ኣባላት ህሉው ስርዓት ዘለዎ ክካየድ ዶ ይክኣል?</u>

ኣይፋሉን ኣይክኣልን እዩ። ስለምንታይ ዘይክኣል ቡኩራት እቲ ምልካዊ ስርዓት ስለዘለዎ ድዩ? እወን ኣይፋሉን ዝብል መልስታትን ክልዓሉ ይኹሉ እዮም። ኣብዚ ሓደ ንጹር ሙጉት ክመጽእ ይኽእል እዩ። ንሱ ድማ እቲ ሃገራዊ ዕርቂ ንኣባላት ህሉዊ ስርዓት ኣይምልኮቶምን ድዩ? ይምልከቶም እባ፡ የግዳስ ህሉዉ ስርዓት ኣብ ፖሎቲካዊ ዘተ ስለዘይኣምንን ብዓቢኡ ድማ ገበነይና ስለዝኾነ ንኡኡ ንጽበየሉ ምክንያት የሎን፡ ካብቲ ስርዓት ወጻኢን ተቃወምትን ዘለና ጥራይ ሃገራዊ ዕርቂ ኣካይድና ዓቅምታትና ጠርኒፍና ኣንጻሩ ደዉ ምባልን ካብ ሱሩ ባሕጊካ ምእላይን ጥራይ እዩ እቲ እንኮ ምርጫ ክባሃል ይክኣል እዩ። ሕጂ'ዉን እዚ ብመገዲ ሃገራዊ ዋዕላ ዝተበጽሕ፡ ስሙር ግንባር ወይ ልፍንቲ እንበር ሃገራዊ ዕርቂ ኣይኮነን።

ብዓቢኡ ግን ነቲ ስርዓት ክትሓድጎ ክትብል፣ ነቲ ንሱ ዛጊት ዝቋጸጸሮ ዘሎ ሰለስተ ርብዒ ብዝሒ ዘለዎ ኣካላት ሕብረተሰብና ንተሳታፍነቱ ክትርሕርሕን ክትሕርምን እንተኾንካ፣ እቲ ዕርቂ ትብሎ ኣብ ክንዲ ዕርቂ ንዕርቂ ከሕልፍ

ዘይክእል ዓጽሚ ጎሮሮ ወይ ሕማም መንሸሮ ክኸዉን እዩ። ምኽንያቱ ሃገራዊ ዕርቂ ማለት ናይ ፖሎቲካዊ ዉድባት ወይ ናይ መራሕቲ ፖሎቲካዊ ዉድባት በይንኣዊ ዕርቂ ወይ ክኣ ናይ ሓደ ዋዕላ ወይ መጋባኣያ ፍጻሜ ስለዘይኮነ'ዩ። እቲ ሓቂ ንሱ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ዝተፈላለያ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳት ዝግበር መድረኻዊ ስምምዓት ዉህደታት ምትሕንፋጻት ፖሎቲካዊ መድረኻዊ ልፍንት፡ ስሙር ግንባር ወይ ድማ ስምረት ናይ ፖሎቲካዊ ዉድባት ጥራይ እዩ ክብሃል ዝክኣል።

እቲ ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ኤርትራ ክከይድ ዝድለ እንተሃልዩ ሓደ ፈጺሙ ክስገር ዘይክኣል ቅድመ ኩነት ኣሎ ንሱ ድማ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክእለ ወይ ብቀዳምነት ቅዋማዊ ፖሎቲካዊ ስርዓት ክህሉ ኣለዎ። ንኹልኻ ዝቕይደካን ዝዳንየካን ግዝኣተ ሕጊ ካይሃለወ መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ብፍጹም ክካየድ ከምዘይክእል ክፍለጥ ዘለዎ እዩ።

***መዛዘሚ።-***

ሕቶ ሃገራዊ ዕርቂ ብዝተፈላለዩ ፖሎቲካዉያን ተቃወምቲ ኤርትራዉያን ተላዒሉን ብዛዕቡኡ ቡዙሕ ተጻሒፉን እዩ። ሓቀኛ ፖሎቲካዊ መትከላቶም ስለዘይኮነ ግን ተራሕሪሑን እቲ ፖሎቲካዊ ኣምር ጋዕዙዩን ዝተራሕርሔ ሕዋም'ዩ። ነዚ ፉቱን መድሃኒት ሕብረተሰብን ሃገርን ዝኾነ ሕዋም ራሕሪሕካ፣ ኣቃራጭ መገዲ ወይ ብልሓት ዝባሃል ጉዳይ ከምዘየሎ ድማ ብድምቀት ከንስምረሉ ንደሊ። ዋላ እዉን ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ ኤርትራ ኣብ መርሓ-ግቡሩን መሳጋገሪ ቅዋሙን ነዚ ሕቶ"ዚ ካይሞሎሶ ሓሊፉ ኣሎ። ካይተፈልጠ ዝተሓልፈ ወይ ሸለል ተባሂሉ ዝሓለፈ ጌርና እዉን ኣይንወስዶን።

ኣብዚ እዋን'ዚ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ዝርዝር ቴክኒካዊ ቅድመተከተል ናይ ሃገራዊ ዕርቂ መስርሓት ክእምምን ክዉስንን መሰሉን ኣድላይን ኣይኮነን። እቲ ሓደ ክገብሮ ክእምቶን ዝኽእል፣ ሕቶ ሃገራዊ ዕርቂ ኩሉ እንትናዊ ፖሎቲካዊ ዛዕቡኡ፣ መትከሉን ዕማሙ ምኻኑ እዩ። ምንቅስቃስና ብዘይ መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ንሃገርን ህዝብን ዘድሕን ሕዋም (formula) የሎን ኢልና ንኣምን። መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ፣ ንሕቶ ሕሉፍ ታሪኽና ፣ ንፖሎቲካዊ ባህልና፣ ንተሳትፎ ህዝቢ፣ ንናይ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ንሕቶ መሬት፣ ንሕቶ ዝተበደሉ ወገናት ህዝብና፣ንሕቶ ዘይሙዕሩይነት ምዕብልናታትና፣ ንሕቶ ቋንቋ ን ሕቶ ዉሑዳን (minority) መምዩ ሱርነቐላዊ መዕልቦታትን ፍታሓትን ከተግብር መስርሕ ተሓድሶ ሕብረተሰብን ሃገርን ስለዝኾነ ድሕሪ ዉድቀት ፍጹም-መላኺ ስርዓት (totalitarian rule) ህ.ግ.ደ.ፍ መስርሕ ሃገራዊ ዕርቂ ንክሳላሰል ንቃለስ።

ብመርእድ ዘርኡ

11/08/2011

<u>ንሕቶ ዕላዊ ቋንቋታት ኣብ ኤርትራ ዝተጻሕፈ ዝተፈላለየ ጽሑፋትን መደረታትን ኤርትራዉያን</u>

<u>መእተዊ፡-</u>

ኣብ ኤርትራ ሕቶ ዕላዊ ቋንቛታት ኣካታዒ ሕቶ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ብዓሚቕ ኣትየ ክትንትን ኣይኮንኩን፣ እቲምንታይ ብዛዕባ እዚ ዛዕባ'ዚ እዚ ዝተባህሉን ዝተጻሕፉን ኣዝዮም ቡዙሓት እዮም። ኣብ 2009 ብፕሮፌሶር ጋይም ክብርኣብ ኣብ መራኽቢ ቡዙሓን ፓል-ቶክ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ነይሩ፣ ኣብ ኤርትራ ዓረብን ትግርኛን ዕላዊ ቋንቛታት ክከዉን ዝጽዕድ እዩ ነይሩ። ቀጺሉ ብኣቶ ሳልሕ ቃዲ፣ መምህር ኣማረ ገብረማርያምን ኣቶ በረኸትኣብ ሃብተማርያም ዝቀረበ ጽሑፍ ፣ ኣብ ታሕቲ ኣሎ ክትዉከስዎን ክትነብዎን ትኽእሉ ኢኹም።

ሕቶ ቋንቋ ክልዓል እንኮሎ ሕቶ መንነት እዩ ዝልዓል ዘሎ። ሕቶ መንነት ድማ ብሃገራዉነትካ እዩ ዝዉሰን። ኣብ ኤርትራ ካብ ጊዝያት ናይ ምሕደራ ሞግዚትነት ዓባይ-ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ጀሚሩ ንሕብረተሰብ ኤርትራን ዘመናዊት ሃገር ኤርትራን ኣብ ክልተ ተተፋነንት ግንዓት-ሕብረተሰብ፣ ሃገርን መንነትን ከምዘሎ ኣምሲሉ ከርኢ ዝኽእል ስነ-ኣእሙራዊ ቅኒትን ኣቓዉማን እዩ ሰሪሑ። መንግስት እንግሊዝ ነዚ ክሰርሕ ቀንዲ ዘድለዮ ዕላማ "ንኤርትራ እቲ ከበሳዊ ሸነኻት ምስ ኢትዮጵያ፣ እቲ ምዕራባዊ ቆላታት ድማ ምስ ሱዳን" ኣብ ክልተ ከገንዓ መደብ ስለዝነበሮ እዩ።

ነዚ ሰንካም መደብ ዓባይ-ብሪጣንያ ብጂግንነት ኣቦታትና ተበዲሁ፣ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ናብ ክልተ ሃገራት ትምቀል፣ ሓንቲ ኤርትራ ብጥርንፍታ ብፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከምትጽመድ ኮይና እያ።

ናይ ምዕራብ ሃገራት ዓለም ዝዘርእዎ ሕማቕ ፈልሲ ክሳብ ሕጂ ከም ሕዳር ሕማም ንሕብረተሰብ ኤርትራ ብጽምዳዊነት የሳቕዮን ንዘመናዉነት ካይስጉም ሓሊኹ ሒዝዎ ኣሎ። ኣብ ኤርትራ ክልተ ህዝቢ፣ ክልተ ቛንቛ፣ ክልተ ባንዴራ፣ ክልተ ሃይማኖት፣ ክልተ ዞባታት ቆላታትን ከበሳን፣ ክልተ ስነ-ኣእሙራዊ ማሕበራዊ ኣቓዉማ፣ክልተ መንነት፣ ክልተ ቀንድ ፖሎቲካዊ ዉደባን ዝንባሌን...ወ.ዘ.ተ ከም ቁቡልን ዘሎን ተወሲዱ ብስነ-ኣእሙራዊ ናይ ጽምዳዉነት ሕማም ህዝብና ከም ዝድገስ ገይርዎ ኣሎ።

ሕቶ ቛንቛ ሕቶ መንነትን ሕቶ መራኽቢ ካብ ኮነ፣ ስለምንታይ እዩ ማዕረ ክንድዚ ከም ቀንዲ ፈላላይን ኣታፋናንን ክኸዉን ዝኽእል ዘሎ ዝብል ሕቶ ብቡቁዕ ክምለስ ዘለዎ እዩ።

ብዝተገርሔን ብዝሓጸረን መገዲ ጠንቂ ናይዚ ሽግር ኣብ 1945 ብመንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ ዝተሃንደሰ ምኻኑ ኣቀዲሙ ካብተጣሕመሰ፣ ካብ ጠንቁ ሳዕቤናቱ እዩ ነቲ ጉዳይ ዝሓላልኾ ዘሎ።

ሳዕቤናቱ ምስቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ መንነታት ስለዝታኣሳሰር እዩ። ኣብ ከባቢና ክልተ ዓበይቲ ናይ መንነት ጽልዋታትን ምፍሕፋሓትን ኣለዋ። ንሳተን ድማ፡-

1. ኣፍሮ-ዓረባዊ መንነት።
2. ሓበሻዊ መንነት እየን።

እዘን ክልተ መንነታት ኣብዚ ንነብረሉ ከባቢታት መን ዓብለለ ንዝብል መስርሓት ስለዝኸዳ፣ ኤርትራዉያን ኣብ ክንዲ ናይ ገዛ ርእስነ ብዓጽምን ደምን ከስኪስና ዝሃነጽናዮ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ርዒምና ንዕኡ ከንዕብዮን ከነማዕብሎን እንህቕን፣ ገለ ገለ ናይ መንነት ቅልዉላዉ ዘለዎም ዜጋታት እናሻዕ ምስ ኣፍሮ-ዓረባዊ መንነት፣እናሻዕ ምስሓበሻዊ መንነት፣ እናሻዕ ምስ ሃይሞኖታዊ መንነት ክሕዉሱናን ከጋማድሑናን ይስሙዑን ይራኣዩን እዮም።

ነዚ ብናይ ማንነት ጸገምን ጥብቆነት ኣፍሮ-ዓረባዊ መንነትን ሓበሻዊ መንነት ዘለዎም ዜጋታት ዝላዓል ጽዕዶታት፣ ቁቡል ወሲዶም ከመክንዩሉን ሓቂ ምኻኑ ከራጋግጹ ዝህቁኑ ፈሊጣን ኢና ባሃልቲ እዉን ኣለዉ። እዚ ንጎኒ ኣወንዚፍና፣ እቲ

ሕቶ ሕቶ መንነት ህዝቢ ሲቪክ መሰላትን ኤርትራዊ መንነት እዩ። ሕቶ መንነት ህዝቢ ኤርትራ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ክዉሱኖ ስለዝግባእ ንህዝቢ ኤርትራ ክሕደግ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ መጀመርታ ሰብኣዊ ሓርነቱ እሞ ይራጋገጽ ድሕሪኡ ዓረብን ትግርኛን፣ ትግረን ትግርኛን፣ እንግሊዝን ዓረብን...ወ.ዘ.ተ ዝመረጾን ዝደለዮን ዕላዊ ቛንቛታት ክዉስን ይኽእል እዩ።

ንመሰረታዊ መግለጺ መንነት ዝኾነ ናይ ኣደ-ቋንቋ ብምንም ምኽንያታት ብስም ዕላዊ-ቋንቋ ክህረምን ክዳኸምን ምፍቃድ ብመንነት ካልኦትን ሲቪክ መሰል ደቂ ሰባት ምልጋጽ ስለዝኾነ ደረት ዝኾነ ጽዕዶ ኣብ ትሕቲ ቀንዲ ሲቪክ-መሰል ክሳሰ (accommodate) ይግባእ። እዚ ክብል እንከሎኹ ዕላዊ ቋንቋታት ኤርትራ ዓረብን ትግርኛን፣ እንግሊዝን ዓረብን፣ ትግረን ትግርኛን...ወ.ዘ.ተ ክኾኑ የብሎምን ንማለት ዘይኮነ፣ ዝኾነ ንክኸዉን ሲቪክ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ ንህዝቢ ክዉስን ይተሓደግ ንምባል እዩ። ዝኾነ ዉልቀ ሰብ ወይ ፖሎቲካዊ ጉጇለ ብዝደለዮን ብዝኣምነሉን ንህዝቢ ብዘይኮነ መብጽዓታትን ፉቡሩኽ መንነታትን ኣደንዚዝካ ብምድቃስ (hypnosis) ንህዝቢ ግዳይ ናይ ድንጉር ሕልምታትካ ክትገብሮ ምድናዕ ገበን እዩ።

ከም ናይ መሰረታዊ ለዉጢ ሓይልታት ብወገና ክግበር ዘለዎ ጉቡኣት ኣሎ፣ ንሱ ድማ ጹሩይ ዘይቡኩል ሓሳባት ንህዝቢ ኤርትራ መጊብካ ማሕበራዊ ስነ-ኣእሙራዊ ኣቋዉምኡ ብዝመርሖ ሲቪክ ሃገራዉነቱ ከም ዝዉሱን ብንቅሓትን ጽኑዕ ሓቤሬታታት ምሕያሉ እዩ።ህዝቢ ኤርትራ ብምንጻግ ወይ ብምርዓም ሲቪክ ሃገራዉነቱ እንተወሲኑ ብኡ መሰረት መንነቱ ክዉሱን እዩ። መንነቱ እንተወሲኑ ድማ ቛንቛ መሰረት መግለጺ ናይ መንነት ስለዝኾነ ቋንቋኡ ክዉስን ምኻና ዘይስሓት ሞጎታዊ ሓቕታት'ዩ።

መርእድ ዘርኡ

27/10/2011

**tig.asmarino.com**[http://tig.asmarino.com/tig/articles/983-2011-09-29-00-51-30](http://tig.asmarino.com/tig/articles/983-2011-09-29-00-51-30)

ብዛዕባ ወግዓውያን ቋንቋታት ኤርትራ

ብዛዕባ ወግዓውያን ቋንቋታት ኤርትራ?

**July 1, 2011**

**Language and Religion In Eritrean Politics - By Saleh Gadi Johar**

(The following was presented at a panel discussion under the theme "Eritrea's Path towards Democracy: Dialogue on Constitutional Issues". The event was held at the Universities at Shady Grove, Rockville, Maryland, on June 25, 2011; the organizers of the event assigned the topic to the presenter.)

I didn't choose the topic; and though it seems like a dispassionate intellectual topic, I believe it is specific: language and religion as it relates to Eritrea. It is even more specific than that—for religion, read Islam and for language, read Arabic. Both remain in trial indefinitely, and the latter is treated like a suspect that needs to prove and reprove, and reprove once more that it is Eritrean. I intend to do that, for the umpteenth time not forgetting that Arabic has been in the land long before the name Eritrea entered our memory.

I will tell you a story that I probably told a dozen times because this subject keeps re-emerging in old garb and its presenters think it is original: the same tired objections, the same cynical suspicion of Islam and Arabic, and by extension, that of half the Eritrean population. I have no other way but to tell the same story over and over again. I will only stop that when the arguments change, otherwise, it will always be there.

A drunken violinist, a Wata, had an excellent day in Asmara and was returning to his village in the outskirts. On his way, he arrived at a roaring river, which he could not cross. Since the main job description of a Wata is showering everyone with songs of praise, he pleaded to the river to slow down and enable him to cross to the opposite bank. He sang: Oh dear mighty river, my honorable river, please be gracious, slow down for a while and allow me to cross! The river didn't yield. Another stranded man noticed the Wata singing to the river and told him: "the portion that you praised moves on and a new portion follows it; you have to focus on one portion and run alongside it, singing, until it stops for you to cross!"

Like the violinist, some are doomed to repeat the same argument to new portions of the flood, new comers to the debate. It is exhausting, but no one is giving up.

And since the topic is old and politicized, I am aware that some portions of my presentation is recycled material; I cannot help but do just that.

**Arabic and Muslims in "Abyssinia"**

The countries known as Ethiopia and Eritrea today, are close neighbors to the Arab world. In fact Eritreans have been closer than most people would like to admit. For Muslims, they know that their Kur'an itself is called mesHaf, a word borrowed from Geez[1], metsHaf.

There is a wealth of material that explains the relations of Axumites with Arabia well before the prophet Mohammed, and it was natural for that to continue after the advent of Islam. Twenty out of the 132[2] Muslim refugees who fled Mecca to Abyssinia were Abyssinians or of Abyssinian ancestry. Among them was the Abyssinian Baraka Um Aymen[3], the prophet's mother (by breast feeding, "wet nurse.") The refugees lived in Abyssinia for 16 years and 14 of them died and were buried there. So, don't be surprised if an Eritrean says that someone from those Arabs who lived in Abyssinia for 16 years is their ancestor.

The Abyssinian-Arab relations means a lot to Muslims: the maternal grandmothers of both Omer Bin Alkhatab, the second Khelifa and Omer Bin AlAas, the conqueror of Egypt, were Abyssinians. Again, Khelifa Omer was killed by an Ethiopian in Medina and so was Hamza, the prophet's uncle who was killed by Jahash. Abyssinian are not strange to the history of Arabia, even before Islam—Abraha and the "people of the elephant" (asHab alfil) the story that is told in a surra of the Kur'an that Muslims memorize by heart. Bilal the Abyssinian and Luqman AlHakim[4] (Luqman the wise) are just two of the tens of prominent Abyssinians in Islamic history.

To this day, the inner security of the Ka'aba is entrusted to people most of whom are descendants of the erstwhile Abyssinians, who until recently were eunuchs (I am not sure if they are so now.) In short, Islamic history is full of Abyssinian personalities of high stature—in the military, trade, craftsmanship, literature and Abyssinians are generally associated with beauty, piety, singing, dancing, bravery, etc. And Yemen has its long relation with Abyssinia; the migrations and cross migrations are well chronicled.

The crescent-like area extending from the Zeila (an old port around today's border between Djibouti and Somaliland) all the way to Southern Shoa had flourished under Muslim Sultanates—seven of them are well known—and it is believed that the word Jeberti comes from one of those Sultanates of that area. Many people from those Sultanates joined Imam Ahmed Gragn in his conquest against the highland kings of Abyssinia.

Today, we find most of the suspicion of Muslims and rejection of Arabic by Eritrean Christians based on what I mentioned above—specially the conquests of Ahmed Gragn that remain alive in the psyche of many Christians though it happened six-hundred years ago. Why?

Isn't the anti-Christian onslaught of Gragn more than matched by the anti-Muslim excesses of Prince Wube, King Tedros and King Yohannes? And if Christian Abyssinians don't feel the need to apologize for the deeds of those kings, why should Muslims be made to feel of dual loyalty or suspect for the excesses of Gragn? And if Christian Abyssinians could move around and settle anywhere in the Eritrean and Ethiopian highlands why is the word "settler" only reserved for Muslims?

In the 19th century, the population of the Eritrean highlands was less than 300,000, most of whom were settlers who came with the waves of the invading Abyssinian armies from the South. Many villages and regions in present Eritrea are descendants of Amhara and Oromo armies sent to the Eritrean highlands to protect the trade and caravan routes from Massawa to the hinterland or to fight one war or another, or to invade and plunder. Many villages were established by followers of the many generals who raided the highlands and who remained and established themselves in present day Eritrea. Alula, Yohannes' general, is said to have enforced many legislations to enable his soldiers and those before him, to acquire land rights. The Seraye is settled by many warrior families from Tigray and their retainers and followers. There are villages whose ancestral origin is Dembia, Gondar and Tigrai[5]. But, amazingly, "settler from Tigray," is reserved only to Muslims.

Speaking of language and religion: Are the Jeberti in Eritrea originally from Tigray? Some are. Others have been there since time immemorial. And yes, some even came with Ahmed Gragn or were converted by him 600 years ago. There are Jeberti from every conceivable race in the region, including Arabia and beyond. That is why they try to tell people that Jeberti is not a race, but an amalgam of people with countless racial background: anyone from any place who is a Muslim and embraces the local culture is easily assimilated. It is not a race; it is a nation—again, that is why they object to being baptized Tigrigna by a government Fiat issued on the whims of Isaias and his ideologues.

But here is the biggest problem that Eritrea faces. The Beni Amer, and the Hedareb, have no problem in recognizing their cross-border relations with their kinsmen in Sudan. The Danakil tribal confederation doesn't have a problem recognizing their kinship, the Afars in Djibouti and Ethiopia. The Bet Asghede tribes of Sahel do not have a problem recognizing their kinship with their brethren across the border in Sudan or their ancestry in Abyssinia proper. It is only in the Eritrean Highlands that people seem to have a problem recognizing their

relations to Tigray and Amhara. Not the Jeberti, not the Saho speaking tribes, not the Erob and not many people who live on the border regions of the area. But as you move further from the border, you have a never-ending attempt to differentiate one's self and to severe the racial, linguistic, and religious ties with Abyssinia, specially with Tigray!

And there is another problem caused by a twisted logic: the elite of the highlands want to decide the race, ethnic name, division, and retroactively moulding of Eritreans as per their whims. No one objects when Eritrean Highland Christians claim ancestry from personalities who lived a thousand years ago; yet never does a Muslim mention an Arab ancestry without a belittling chuckle from those same Eritreans. But let's see: the Assawerta claim ancestry from Asawr; the TroAa from Suleiman Al-Arabi; a small section of the Jeberti claim affinity with the Arab Mekhzumis, Moroccans, and still others from Osman Bin Afan; the Beni Amer from several Arab ancestors; the Ad Mualim and Ad Shek claim Hashimi (prophets tribe) ancestry. The name Hedarb is a corruption of the word Hadarem[6] from Hadramot in Yemen. The Artega section of the Beni Amer claim ancestry from Mohammed Jemalladdin (and beyond him), an Arab who first settled in Saukin[7], and there are many more such ancestries.

**Arabic Pre-dates Eritrea**

"The Arabic language has not been a language of religion only, but it is also a language of life in this world, and many documents that go back to centuries, and which was kept in the Archives of the court in Massawa and Keren, attest to this fact since it was written in Arabic[8]."

There is ample proof to indicate that Arabic was a ligua franca in Massawa. Documents of inheritance, endowments (Awqaf), marriage, commercial dealings, etc, all conducted in Arabic in Massawa in the 18th and 19th centuries[9]. There are old Arabic engravings in gravestones in Dahlak Kebir, etc. It was common in Muslim towns to see inscriptions or embosed writings on top of the doors and gates of the affluent: adkhuluha bslamin amneen[10], or, ya dakhil albab sely Alanebi[11], etc.

There is also a misconception that Arabic is the choice of the Muslim elite. That is not correct, it is the choice of all Eritrean Muslims not just Muslim elites.[12]

Whatever education Eritrean Muslims were getting in pre-modern Eritrea (namely khelwa, or Kur'anic studies) was in Arabic. Muslim literacy in pre-colonial Eritrea was essentially Arabic literacy. The Khelwa tradition has continued to this day. Basically, every Muslim child in Eritrea, prior to going to regular school, attends kur'anic school[13]. Modern education started less than a century ago; Eritreans have been around in that land quite a few centuries before that. That should establish the fact that Arabic, (since no one is objecting to Tigrinya) has been an indigenous Eritrean language forever. The founding fathers of modern Eritrea agreed and designated Arabic and Tigrinya as official languages of the country. That treaty is sacrosanct—any violation of that agreement bears grave consequences.

The shariaa courts (family laws), and all documentation were (and are) performed in Arabic. Since time immemorial, Muslims conduct their rituals, death, marriage, inheritance, business transactions, etc. Therefore, Arabic is not limited to religious affairs as some wrongly assume.

Even in religious affairs, in a country where Muslims belong to every linguistic group in the country, there was no practical way of duplicating communications and Friday sermons in all the languages. Muslims adopted Arabic as a solution to their multi-lingual reality, not because they hate their languages, but because every Muslim has a basic knowledge of Arabic from a young age ; it is therefore practical tool for their unity.

Arabic was part of life of Eritrea and Ethiopia for centuries and not just for Muslims. Unless crowned by the patriarch of Alexandria, who speaks Arabic, no Ethiopian king was considered legitimate. This is supported by the fact that the seal of many Abyssinian emperor carried Arabic inscriptions: melk mululk AlHabasha. Ras Alula is pictured wearing An Arab garb. Much of the Ethiopian religious literature was translated from Arabic. The kings' envoys to the region and their trading emissaries were Abyssinian Muslims who were fluent in Arabic.

When the Italians came to Eritrea, they brought with them Arabic translators and spoke with the locals in that language. When a Portuguese delegation passed through Massawa in 1520, the Captain General met the chief of Hergigo and "had conversation which they held by interpreters, the Captain speaking Arabic well…"[14]. The priest of the embassy who accidentally became its registrar, refers to the local populations he met on the shores of the Red Sea as Moors. This is indicative of the fact that he didn't see any different between them

and the Arabs (Moors) who ruled the Iberian Peninsula. As recently as when I was growing up, we referred to the people from the countryside of Western Eritrea as Arab.

It is not true to say that Arabic is advanced by Muslim elites. But it is very true to say that Arabic is denied by EPLF/PFDJ elites. And the EPLF/PFDJ elites don't even have to be highlanders or Christians to deny the historic role of Arabic in Eritrea.

In 1996, in a debate over the constitution provisions, Mussa Naib, a PFDJ functionary whose very last name is an Arabic title (similar to Viceroy, or deputy) stated to me that Arabic is a British invention in Eritrea, and we know the British came to Eritrea in 1941. Mussa was a member of the constitution commission of Eritrea that was touring the world to promote the idea of adopting mother languages (never mind the PFDJ had already decided that.) Someone asked a question: "In what language did your ancestors, the Naib's of Massawa, correspond and in what language did they gain their primary education?" Of course, Mussa brushed the questions off. But the answer was, Arabic, and that was centuries before the British set foot in Eritrea but poor Mussa was only pushing the official PFDJ line.

For instance, let's take the name Rasahida. In its social reengineering exercise, the PFDJ divided Eritreans into nine linguistic groups. It baptized every group by the name of the language it speaks except the Rashaida who kept their racial reference, Rashaida. This is done just to avoid referring to them as Arabs. Of course, the PFDJ wouldn't call them Arabs when it is engaged in a futile attempt to eradicate Arabic from Eritrea.

**Prejudiced Energizers**

The prejudice against Arabic has its roots; Europeans missionaries and zealots have played a destructive role in the region, specially the Portuguese[15] and Jesuits. The damage can be traced to ignorant priests like Alvarez.

Many Ethiophiles after Alvarez continued the damage, and one of them wrote that the, "Tigre speakers are very largely illiterate, and those who have pretensions to literacy find Arabic a more useful means of communication." And "The decision of the Eritreans government, in 1952, declaring Tigrnya and Arabic official languages of Eritrea is significant and augurs ill for the future of Tigre."[16]

A respected Ethiopian scholar writes, "[the ELM] was soon eclipsed by the Muslim dominated ELF."[17] Though it is an established fact that both the ELM and the ELF were started by Muslims with national agendas and programs, but the anti Muslim die was already caste a long time ago.

Such are the "scholarly" inputs that the PFDJ feeds from and adds its bigotry, exclusionary and dangerous policies that have relegated Muslims to the inferior citizenship status. It has happened in the fifties[18], and it is happening now[19].

**Polarized Society**

When the British proposed the idea of dividing Eritrea between Sudan and Haile Sellassie's Ethiopia, it was the Muslims who fought that proposal and caused its failure. The Muslim dream for a united, peaceful Eritrea, and their commitment to it, is just there for anyone to see, provided there is honesty.

Recently, I have noticed a growing frustration among Muslims, especially those who were born or raised in the refugee camps of Sudan. Just a few weeks ago I met one of them and he was cursing Ibrahim Sultan and his colleagues who aborted the British proposal of partitioning Eritrea. The refugee told me, "what is the difference, myself and my family have been living in Sudan as refugees since 40 years, at least we would have been Sudanese and we wouldn't have been kicked off our land." However one tries, it is difficult to put yourself in his shoes and I felt like crying in despair. I didn't even manage to utter enough words to console him, I felt helpless. "They betrayed us", he said. I don't know who he meant by THEY, but I felt as guilty as they, whoever they are.

The main culprit for the continuation and exasperation of the polarization is the PFDJ designs which was unfortunately not corrected by the constitution commission[20] when it had a chance. In its attempt to eradicate Arabic, the PFDJ has always avoided designating official languages. The result is what we see today in Eritrea: it is a unilingual, hegemonic state and "the domination of the Eritrean state by the Tigrigna ethnic is not subject of question. This is the fact and only those suffering from self-delusion can deny it."[21]. If you do not know Tigrigna, you have no chance of getting a public employment or advancement in position

regardless of the set of skills and certificates that you hold. And this fact can be illustrated by a story of another frustrated Eritrean I met in Dubai in the nineties.

A lawyer by training, he eagerly raced back to Eritrea to live there for good; no one could patronize him for not joining the struggle because of his young age. He applied for a job and was asked to take an exam for a public job; he did. One Sunday morning, he wanted to check if he passed the exam before traveling to Western Eritrea to be with his relatives for an occasion. He went to where they put the list of those who passed the exam and looked at the list on the wall. But he couldn't read the names, it was written in Tigrigna. He stood there for a while until he saw a child of about twelve passing by. He asked him if he could read the list for him. The child went through the list and told him, yes, this is your name. He was supposed to be happy; but he was not. "That was the day I discovered I was illiterate by PFDJ standards though I carried a university degree." He said to me with bitterness. He left Eritrea for good—even if he stayed, what awaited him was a job as an elementary school teacher like many graduates from the Middle East who can only get a teacher's job, teaching Arabic to elementary school students simply because they do not know Tigrigna and could not be absorbed in the public employment positions. That is why after twenty years of independence, the diversity in the PFDJ employee list is warped. Worse, some people do not like Muslims complaining about that. What should they do? Keep quiet and die in agony?

**The UNESCO Doctrine**

I am not sure how UNESCO describes its goals and missions, but in the Eritrean context, in relation to the mother-tongue policy, I am taking the liberty to define it as follows: a doctrine that fiercely promotes the equality of languages. It promotes mother tongues as both a governing policy and as a means of education. Unwavering believers defend the doctrine as any fanatic would defend his faith.

One of the mistrust of the constitution commission by most Muslims is because they believed it will endorse the PFDJ policies. Those who should have known didn't object, those who didn't know the reality of Eritrea, those who never ventured outside their villages to know the rest of Eritrea, considered the issue an intellectual exercise and trampled over the rights of others[22]. As planned, the adaptation of the mother-tongue policy neither benefited the non-

Tigrigna speakers, nor the Muslims who have always opted for Arabic. And the entire country is still going through a damaging journey.

After twenty years of misrule in Eritrea, we all know the language issue is not theoretical any more. The UNESCO doctrine is just another useless acrobatics.

**Idris Aba-Arre**

The language topic cannot be discussed without mentioning the brave Idris Aba-Arre who warned about the risks of the irresponsible and mischievous language policy. In 2001, the regime threw him in jail for his views and he disappeared in the dungeons of Isaias. Aba-Arre challenged the elite that should have known better, that exclusion of Arabic is detrimental to the cohesion of Eritreans and vital to social justice. They didn't heed his advice. Just as he predicted, almost twenty years of mischievous application of the mother-tongue policy produced two generation of illiterate adults (about 8% high school attendance only.) The policy also effectively barred those whose educational background is Arabic from employment in the public sector.

And look around you, Muslims are excluded (or exclude themselves) because of this polarizing factor. Decade ago, just like now, individuals tried to silence people from discussing their grievances, as usual, Muslims never abandoned their call for dialogue, tirelessly they tried to explain their issues which were discouraged because the issues were considered polarizing—those who oppose Arabic with passion fail to notice that their patronizing posture is the only polarizing factor.

**What Is In Arabic?**

Many fail to remember that Eritreans launched an armed struggle to reinstate the official languages, flag and other symbols of Eritrean sovereignty that Ethiopia violated—the violation of Arabic was one of the main reasons. No one has the right to make a choice on behalf of anyone—paternalist posture is anti-democratic and every bleeding-heart democrat should be aware of this fact. In a free country, citizens are equal and they have equal choices.

The elite of our society has always been in the middle of all political and social unrest and today's unelected rulers of Eritrea perpetuate the prejudices and paternal attitudes of the past.

What emboldens the rulers to continue to punish the people with impunity? Why are Eritrean citizens so weakened that they cannot resist tyranny? Eritreans are so confused to strengthen mutual trust among themselves and be able to wage an effective combined national struggle to rid themselves of their present predicament.

The intensity of the regime's obsession with systematically excluding Arabic from Eritrea is in direct contrast to the intensity with which Eritreans are determined to defend their choice. That choice should be viewed as a national, cross denominational and patriotic choice for the wellbeing of Eritrea and for keeping a genuine unity of its people.

No. I am not an Arab. But Arabic is part of the social bond that the founding fathers of Eritrea made a covenant on; and to reject or marginalize it is akin to forfeiting a bonding contract.

Thank you

**Saleh Gadi Johar**

Saleh Gadi Johar, founder and publisher of awate.com, author of 'Of Kings And Bandits'. You can also read his 2010 article on the language issue at: http://awate.com/like-an-aged-wine/

**Source: http://awate.com/**

**ዓጅብ! ሳልሕ ቓዲ።**

እዚ ዓንቀጽ እዚ፡ ነቲ 'ቋንቋን ሃይማኖትን ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ' (Language and Religion in Eritrean Politics) ብዝብል ኣርእስቲ፡ ኣቶ ሳልሕ ቓዲ ብዕለት 29 ሰነ 2011 ኣብ ዓዋተ ወብሳይት ዘቕረቦ ጽሑፍ ምርኩስ ብምግባር ዝተጻሕፈን፡ ነቲ ኣቶ ሳልሕ ቓዲ ንኣገዳስነት ዓረብኛ ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ምጉት ዝነጽግን ኢዩ። ኣብ ካልኣይ ክፋል ጽሑፈይ ድማ፣ ኣየኖት ቋንቋታት ወግዓውያን ኪኾና ኣለወን ንዝብል ገና ዘይተመለሰ ሕቶ መልሲ ንምርካብ ኣብ ዘሎ ዝግበር ፈተነ፡ ኣበርክቶይ ከስፍር እየ።

ቅድሚ ዝኣገረ ግን፣ ዓረብኛ ዕላዊ ቋንቋ ኤርትራ እዩ ወይስ ኣይኮነን ኣብ ዝብል ክትዕ ክምጉት ከምዘይደሊ ኪፍለጥ እደሊ። ምኽንያቱ ዓረብኛ ነተን ብሓደ ተደሚረን ተገዚዐን ዘለዋ ቋንቋታት ኤርትራ ዝውክል ወይስ ዘይውክል ምኳኑ ዝውስኑ ተዛረብቲ ናይተን ብቛንቋ ዓረብ ተወኪለን ዘለዋ ቋንቋታት ጥራይ ኢዮም። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ቋንቋ ዓረብ ንቛንቋታት ትግረ፡ ዓፋር፡ ሳሆ፡ ብሌን፡ ናራ፡ ኩናማ፡ በጃ ወኪሉ ወግዓዊ ቋንቋ ኤርትራ ኪኸውን ኣለዎ ዝብል መርገጺ፣ ተዛረብቲ ናይዘን ዝተጠቕሳ ቋንቋታት ብዘሕልፍዎ ድምጺ ዝውሰን ኮይኑ፤ ግን ከኣ ኩሉ ኤርትራዊ ርእይቶ ኪህበሉ

ዝኽእልን ዝግባእን ኣርእስቲ እምበር ብዝፈቐደ ዝኾነ ሰብ ተላዒሉ ዘጉባዕባዕሉን ካልኦት ንኸይዛረቡ ዘፈራርሃሉን ጉዳይ ኣይኮነን ኢለ እየ ዝኣምን። ኩኖኡ ግን፣ እዚ ኣርእስቲ'ዚ ብትሒም ትሒም ዝልዓልን ሰባት ብቓልዕ ዘይዛረብሉን ብምኽኑ ጸጸኒሑ ዝግንፍል ዘሎ ስለዝኾነ፣ ከም ውጽኢት ድማ ምስ ስምዒታት እንዳተኣሳሰረ ንሰባት ዘነሃህርን ዘረሓሕቕን ዘሎ ብምኽኑ ብጋህዲ ኪፍለጥን ክንዘራረበሉን ኣለና ዝብል መርገጺ ኢዩ ዘለኒ። ስለምንታይ፣ 'ሓባእ ቁስሉ፡ ሓባእ ፈውሱ' ስለዝኾነ። ካብዚ ወጻኢ፣ ግርጭት ዘባልሑ ድሑራት ስምዒታት ተጠቒምካ፡ ጓል መንገዲ እንዳፈጠርካ፡ ኣብ ክንዲ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ንድሌት ውሑዳት ጥሩፋት ዘገልግሉ ኣማራጺታት ጥራይ ምድላይ ናይ ሓደ ንጹይቂ ዝተፈጥረን ብዝኸሓነ ጽልኢ ኣምሮኡ ዝተበላሸወን ሰብ ሕልሚ እምበር፣ ብጉዳይ ሃገር ናይ ዝሓሙ ምሁራትን ለባማትን ስራሕ ኣይኮነን እብል። ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዝኾነ ንሃገርን ህዝብን ዘርኢ ኣርእስቲ ኪዛረብ፡ ኪጽሕፍ መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ፣ ዋላ ኣጉባዕባዕቲ ይሃለዉ ድማ፡ እዚ መሰል'ዚ ዝሕከኽ ኣይኮነን። ነዚ መሰል'ዚ ተጠቒመ እምበዓርከስ፣ ዕላዊ ቋንቋታት ኤርትራ ብዝምልከት ዘለኒ ርእይቶ፡ ብልዙብ መንገዲ ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ከፍስስ ክፍትን ኢየ። ናይ ዓንቀጸይ መበገሲ ግን ናይ ኣቶ ሳልሕ ቓዲ ጽሑፍ ስለዝኾነ፡ እስኪ ብእኡ ከጅምር፦

ኣቶ ሳልሕ፡ '<u>ዓረብኛን ኣስላምን ኣብ ምድረ-ሓበሻ</u>' (Arabic and Muslims in Abyssinia) ኣብ ዝብል ንኡስ ኣርእስቱ እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ኣስፊሩ ኣሎ፦

- ዝምድና ኣኽሱማውያንን ምድረ-ዓረብን ቅድሚ ነብዪ መሓመድ ዝነበረ፣ ሰዓብቲ ነብዪ መሓመድ ካብ ምደረ-ዓረብ ሃዲሞም ኣብ ትሕቲ ንግስነት ኣኽሱም ን16 ዓምታት ዝኣክል ከም ዝተዓቕቡ፣
- ተራ ሓበሻ ኣብ ታሪኽ ምስልምና ብዙሕ ኣዎንታዊ መረጋገጺታት ከም ዝርከበሉ፤
- ኤርትራውያን ክርስትያን ንቛንቋ ዓረብ ምስ'ቲ ቅድሚ 600 ዓመት ዘጋጠመ ናይ ኣሕመድ ገራኝ ወራር ስለዘዛምድዎ ንቛንቋ ዓረብ ከም ዝነጽጉ፤
- ካብ'ቲ ኣሕመድ ግራኝ ኣብ ልዕሊ ህዝበ-ክርስትያን ዝፈጸሞ፡ እቲ ብመሳፍንትን ነጋውስን ኢትዮጵያ ማለት ብውቤ፡ ሃጸይ ቴደሮስን ሃጸይ ዮውሃንስን ኣብ ልዕሊ ኣስላም ዝተፈጸመ ግፍዒ ስለዝዓቢ፣ ክርስትያን ሓበሻ ንግፍዒ ናይዞም ዝተጠቕሱ ነጋውስ ኢትዮጵያ ካብ ዘይውጉዙ፡ ኣስላም ብተግባራት ግራኝ ዝስከፍሉ ምኽንያት ከም ዘየለ፤
- ኣብ መበል 19 ክ.ዘበን ኣብ ከበሳ ኤርትራ ዝነበረ ህዝቢ ካብ 300,000 ዘይበዝሕን ሙብዛሕትኡ ድማ ናይ ሰራዊት ኣምሓራን ኦሮሞን ተረፍ-መረፍ ከም ዝነበረን፣ ስለ'ዚ እውን እዚ ህዝቢ'ዚ ናይ መንነት ቅልውላው ከም ዘለዎ፤
- በዚ መንጽር፡ ጀበርቲ ንጹር መበቆል ዘለዎ፣ ገሊኡ ካብ ትግራይ ዝመንጩወ ገሊኡ ግን ካብ ደቡባዊ ምብራቕ ኢትዮጵያን ጅቡቲን ኣትሒዝካ ክሳብ ምድረ-ዓረብ ዝበጸሕ ሰረት ዘለዎን ናይ ዝተፈላለዩ ብሄራት ሕንፋጽ ዝኾነን፣ ስለዚ'ውን ከም ብሄር ዘይኮነስ ከም ሃገር ክርአ ዝግባእ ህዝቢ ምኻኑ፤
- ብዘይካ እቲ ኣብ ከበሳ ዝነብር ህዝቢ ካልእ ብመበቆሉ ዝደናገር ህዝቢ ከም ዘየለ። በኒ-ዓምር፡ ሕዳርብን ቤት-ኣስገደን ምስ ኣብ ሱዳን ዝርከቡ ኣሕዋቶም፣ ዓፈር ምስቶም ኣብ ኢትዮጵያን ጅቡቲን ዝርከቡ ዓፈር፣ ሳሆ ካብ ዓረብ፡ ሕዳርብ ከኣ ካብ የመን ከም ዝምንጭዉ ከም ዝፈልጡ፤ ስለዚ እውን ናይ መበቆል ቅልውላው ዘለዎ እቲ ኣብ ከበሳ ዝቕመጥ ህዝበ-ክርስትያን ጥራይ ምኻኑ....ወ.ዘ.ተ.

እንሆ እምበዓር፡ '<u>እዛ ብርኩታ እምኒ'ላታ</u>' ከም ዝበሃል፣ ወዮ '<u>ኣነ ንዓሊ ሳሊም ኣይድግፍን ኢየ፡ ለዘብተኛ (moderate) ኣስላማይ እየ፡ ኣብ ልዝብ (reconciliation) እየ ዝኣምን፡ ካብ ኣስላም ንላዕሊ ዝኣምኖም ክርስትያን</u>

አዕሩኽ ኣለዉኒ…ወ.ዘ.ተ.' እንዳበለ ከብዱ ዝጸቕጦ ዘይብሉ ከሀተፍትፍ ዝቐነየስ፣ ኣብ ውሽጡ ዝሰፈረ ጋኔን ኣዕበድቢደዎ መንነቱ ከቃልዕ ጀሚሩ። ትማል ትማሊ: ዓሊ ሳልም ብዝብል ናይ ጉለባብ ስም ተጠቒሙ ከምዚ ክብል ከም ዝጸሓፈ ድማ ይዝከር፡-

"The only time Lowlanders will ever have the appetite to think about development policies and legal grounds is when every Land Grabber and Exclusionist is chased out of their proximity" ('The Language of Land Grabbers', Awate, Jan 22, 2010) (ትርጉም፡- 'ደቂ መታሕት፡ ብዛዕባ ልምዓትን ሕጋዊ መሰረትን ንምሕሳብ ሸውሃቶም ዝኸፈት ነቶም ገበትቲ መሬትን ወገንትን ካብ ቦታኦም ምስ ዘባርሩ ጥራይ ኢዩ'። 'ናይ ገበትቲ መሬት ቋንቋ' ብዝብል ኣርእስቲ፣ ኣብ ዓዋተ፡ ብ 22 ጥሪ 2010 ዝተጻሕፈ።)

"Eritrean Highlanders are more united in substance today (under the PFDJ or its ghosts) than they were in the 1950s when the whole Eritrean existence was at stake. It is unimaginable that the people who united under a unanimous consensus to sell their own dignity and national identity to cheap Amharan and Tigrayan masters in the 1950s should be expected to stand up today for the dignity and national pride of others." 'Hade Hizbi – Kil'te Libi (Awate, Jul 02, 2009) (ትርጉም፡- 'ደቂ ከበሳ፣ ካብቲ ህላዌ ኤርትራ ኣጠራጢሩሉ ዝነበረሉ ናይ 50ታት ጊዜ፡ ሎሚ ኣብ ትሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ሓድነቶም ዝያዳ ተሪሩ ይርከብ። እቶም ኣብ 50ታት፡ ብስሙር ድምጺ፡ ሃገራዊ ክብሮምን መንነቶምን ንሕሱራት ጎይቶት ኣምሓራን ትግራይን ዝሸጡ፣ ሎሚ ንመሰልን ሃገረዊ ክብርን ካልኦት ደው ክብሉ ኢልካ ኪሕሰብ ዘይከኣል ኢዩ'። 'ሓደ ህዝቢ፡ ክልተ ልቢ' ብዝብል ኣርእስቲ፣ ኣብ ዓዋተ፡ ብ 02 ሓምለ 2009 ዝተጻሕፈ።)

"Today is like no other day. Lowlanders are threatened with their very existence and very soon they will be roaming Gypsies with no place to call home and there is no time to weigh the options." ንኹሎም ደቂ መታሕት ድማ ከምዚ ኢሉ ይጸውዕ "unite against the common enemy of ethnic fascists. ('Hade Hizbi – Kil'te Libi (Awate, Jul 02, 2009))" (ትርጉም፡- 'ሎሚ መዘና ዘይብላ መዓልቲ እያ። ህላዌ ደቂ መታሕት ኣጠራጣሪ ኮይኑሉ ዘሎ እዋን ብምዃኑ፣ ጽባሕ ዓደይ ዝብልዎ መሬት ስኢኖም ከም ጂፕሲ ኣብ ኩሉ ፋሕ ቅድሚ ምባሎም ብቕልጡፍ ኪውስኑ ይግባእ።' ድሕሪ ምባሉ 'ኣንጻር እቲ ብሄራዊ ፋሺስት ብሓባር ተለዓሉ' ኢሉ ብምጽዋዕ ኣብ ሞንን ህዝቢ ኤርትራ ኵናት ጽልእን ንኺትከል ይዕድም። 'ሓደ ህዝቢ፡ ክልተ ልቢ' ብዝብል ኣርእስቲ፣ ዓዋተ፡ 02 ሓምለ 2009።) *

ካብዚ ንላዕሊ እንታይ መረጋገጺ ኣሎ? ወዮ ትማሊ፣፤ 'መታሕተታይ ኣናጻር ከበሳ ተልዓል፡ መሬት ዘይብልካ ኪገብሩኻ ኢዮም፡ መንነትም ሸይጦሞ ኢዮም፡ መንነት የብሎምን'…ወ.ዘ.ተ. ዝብል ዘነበረ፣ ሎሚ 'ብዘይካ ህዝቢ ከበሳ ካልእ

ብመንነቱ ዝጠራጠር ሰብ የለን' ምባሉ ፍልልይ ኣለዎዶ? 'ሓባልስ መጠመቲኣ ትኳሓል'፣ ዓሊ ሳልም፡ ሳልሕ ቓዲ ኢዩ፣ ሳልሕ ቓዲ ድማ ዓሊ ሳልም ኢዩ።

ምስ ዝሃውተተ ምህውታት መቸም ጽላለ ኢዩ፣ ግዳ 'ተናጊሮም የናግሩኻ' እንድዩ፡ እስቲ ነተን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ነጥብታቱ መልሲ ክህበለን፦

• ኣኽሱማውያን ቅድሚ መሓመድ ምስ መሬት ዓረብ ዝምድና ነይርዎም፣ ሓበሻ ኣብ ታሪኽ ምስልምና ኣዎንታዊ ተራ ነይርዎም…ወ.ዘ.ተ. ንዝብሉ ነጥብታት…

- እዚ ናይ ጽቡቕ ታሪኽ ምስክርነት ስለዝኾነ ንኹላትና ደስ የብል። እቲ ዝገርም ግን ነቲ 'ትማሊ ጽቡቕ ተራ ነይርዎ' ኢልካ ዝገለጽካዮ ህዝቢ፣ ነቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣስላም ኣሕዋቱ ዝወርድ ዝነበረ ግፍዒ ኣቕጢዕዎ ኣብ ጎድኖም ኮይኑ ዝተቓለሰን ህይወቱ ዝኸፈለን ህዝቢ፣ ነቲ፡ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብደሙ ዘመስከረ ህዝቢ ተገምጢልካ ' ህዝቢ ከበሳ ጸላኢኻ ኢዩ፡ መሬትካ ኪዘርፍ ዝመጸ ኢዩ፡ ኣንጻሩ ተልዓል' እንዳበላካ ኩናትን ጽልእን ምስዋር ካበይ ይብገስ? መልሱ ኣንባቢ ይመራመረሉ። ግዳ፡ እዚ ናይ ሓደ ሰብ ኣጀንዳ ከም ዘይኮነ ጥራይ ኪፍለጥ ኣለዎ።

• ክርስትያን ኤርትራ ንቛንቛ ዓረብ ምስ ታሪኽ ኣሕመድ ገራኝ ከም ዘዛምድዎ፣ መሳፍንቲ ኣምሓራን ትግራይን ኣብ ልዕሊ ኣስላም ዝፈጸምዎ ግፍዒ ከም ዝዛይድን ብዛዕባ ዝብሉ ነጥብታት…

- እቲ 'ክርስትያን ንዓረብኛ ምስ ታሪኽ ኣሕመድ ገራኝ ስለዘዛምድዎ' ዝብል ክሲ ጻዕዳ ሓሶትን ጸለመን ኢዩ፤ ጭብጥታት ከየቕረብካ ንህዝቢ ምኽሳስ ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ዘለካ ጽልኣት ንምግላጽ እምበር ካልእ ዕላማን መበገስን የብሉን። እኳ ድኣ ኣሕመድ ገራኝ ኣስላማይ እምበር ዓረበታይ ስለዘይነበረን፡ ዓረብኛ'ውን ይዛረብ ስለዘይነበረን ንጸለመ ዝተሃነደሰ ምዝማድ ምኽኑ ርኡይ ኢዩ። ግዳ፡ ኣሕመድ ገራኝ ትማሊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክርስትያን ኤርትራ ዝፈጸሞ ግፍዒ ትማሊ ዉጉዝ ኢዩ፡ ሎሚ ዉጉዝ ኢዩ፡ ጽባሕ'ውን ዉጉዝ ኢዩ። እንተ እቲ መሳፍንቲ ኣምሓራን ትግራይን ኣብ ልዕሊ ኣስላም ዝፈጸምዎ ግፍዒ ዝተባህለ'ሞ፣ ምዓስ ንዓና ንህዝበ-ክርስትያን ኤርትራ ዝምልከት ጉዳይ ኮይኑ። ሳልሕ ቓዲ ሓቂ እንተልይዎስ፡ ምስ ቀ.ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ክምስምስ እንዳበለ ኪራኸብ እንከሎ ሽው ሰለምንታይ ዘየልዓሎ? ሕጂ'ውን ከም ኣመሉ ናብ ኣዲስ ኣበባ ኪኸይድ እንዳኣሉ፣ መልሲ ካብኣታቶም ኢዩ ዝረክብ እምበር ንሕናስ እንፈልጦን ዝምልከተናን ጉዳይ ኣይኮነን።

• ኣብ መበል 19 ክ.ዘ. ህዝቢ ከበሳ 300,000 ከም ዝነበረን ተረፍ መረፍ ወተሃደራት ኣምሓራን ኦሮሞን ከም ዝኾነን፣ ህዝቢ ጀበረቲ መበቆሉ ዝፈልጥ ህዝቢ ምኻኑ፣ ብዘይካ ህዝቢ ከበሳ ካልእ ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎ ህዝቢ ከም ዘየለ…ወ.ዘ.ተ.ብዛዕባ ዝበሎ…

- መቸም እዚ ወዲ ጥዕና ዘለዎ ኣየኮነን፤ ሰብ እንተለዎ እንዳ ጋብር ክልተ ሸውዓት ክሕጸብ ኣለዎ'ምበር ጥዑይ መሲሉ ከዋዳኣና ኢዩ። ብዝኾነ ግን፡ ሓቂ ይሓይሽ ኣብ መበል 19 ክ.ዘ. ኣብ ከበሳ ኤርትራ ይኹን ኣብ ካልኦት ቦታታት ኤርትራ ክንደይ ዝኣክል ህዝቢ ይቕመጥ ከም ዝነበረ ዝፈልጦ ነገር የብለይን፤ ሽው ናይ ህዝቢ ቁጽሪ ዘመልክት ሰንሰስ (ስታቲስቲክ) እውን ዝነበረ ኣይመስለንን። እዚ ጠፋሽ ፈላስፋ ነቲ ኣሃዝ ካበይ ከም ዘምጽኦ ግን ገሪሙኒ ኣሎ። ግን፡

'ዴይ ሒዶት ኢኽን' ንምባልን ንዕቀቱ ንምግላጽን ዝተሰኹዐ ኣሃዝ እምበር ካልእ ፋይዳ'ኮ የብሉን። ስለምንታይ፣ ቁጽሪ ህዝቢ ንመሰል ናይ ሓደ ህዝቢ ዝውስን ሰለዘይኮነ። ብዛዕባ ሓደ ህዝቢ ክንዛረብ እንከለና፡ መሰሉ እምበር ብዝሑ ኣይኮነን እኮ ዘገድስ። ብወገነይ፡ ምናልባት ሳልሕ ቓዲ እምበር፡ ብመንነቱን ብመቦቆሉን ዘይኾርዕ ሰብ የለን፣ ህዝብስ ይትረፍ። መቦቆል ዘይብሉ ህዝቢ እሞ ኸኣ ካበይ ከመጽእ? እንተ እቲ ህዝቢ ከበሳ ተረፍ መረፍ ወተሃደራት ኣምሓራን ትግራይን ኢዮም ዝተበሃልናዮ ድማ፡ እንታይ ኮይንና ኢና ተረፍ መረፍ እንኸውን? ከም ወለዶ ሴምን ዘርኢ ኣኽሱማዊ ንግስነትን መጠን ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘለና ዝምድና የኹርዓና እምበር ምዓስ የሕፍረና። ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ምዕሩግ ታሪኽን ግሩም ባህልን ዘለዎ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ካብኡ ምፍራይና ክብሪ እምበር ናይ መንነት ቅልውላው ዘስዕብ ኣይኮነን። እኳ ድኣ ንመንነትና የነጽርን የጉልሕን።

- እዚ ጠፋሽ ፈላስፋ ብዛዕባ መበቆል ህዝቢ በኒ-ዓምር፡ ሕዳርብ፡ ቤት-ኣስገደ፡ ሳሆ፡ ዓፈርን ኣብሪሁ፣ ንህዝቢ ከበሳ ድማ ታሪኽን መበቆልን ዘይብሉ፡ ካበይ ከም ዝመጸ እውን ዘይፍለጥ ህዝቢ ኢዩ እንዳበለ ገሊጽዎ። ብዛዕባ መቦቆል ህዝቢ ትግረን ቢለንን ድኣ ረሲዕዎ ድዩ ወይስ ዘፍሽል ሓቂ ስለዝኾኖ እዩ ጎስዩዎ? መቸም፡ 'ኣድግስ ንኣመሉ ከይጸዓንካዮ ይጠርጥ' እንድዩ፣ ሎሚ ንዓና ጸሪፉና ኣሎ፡ ጽባሕ ከኣ ንዓታቶም።

ናብቲ ዝተረፍ ክፋል ናይ'ቲ ጽሑፉ ከተኩር፤ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ከኣ ይርከብዎ።

1. ኣብ መበል 18ን 19ን ክ.ዘ. ዓረብኛ ናይ ህዝቢ ቋንቋ ከም ዝነበረ ዘመልክቱ ከም ናይ ውርሻ፡ መርዓ፡ ንግዳዊ ዉዑላት ዝኣመሰሉ ሰነዳት ኣብ ምጽዋዕ ከም ዝርከቡ፣ እዚ ድማ ዓረብኛ ናይ ምሁራት እስላም ምርጫ ጥራይ ከምዘይኮነ ዘመልክት ምዃኑ፤

2. ትምህርቲ ዝቐሰመ ዘበለ ኣስላማይ ኩሉ መጀመርታ ብናይ ቁርኣን ትምህረቲ ኣቢሉ ዓረብኛ ከም ዝምሃር፣ እዚ ከኣ ዓረብኛ ካብ ቀደም ያታዊ ቋንቋ ኤርትራ ምዃኑ ከም ዘረጋግጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ቀዳሞት ኣቦታትና እውን ንዓረብኛን ትግርኛን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ ንኺኾና ዝኣተውዎ ውዕል ምስ ዝግሃስ ሳዕቤኑ ኣስጋኢ ምዃኑ፤

3. ሽሪዓ ብዓረብኛ ከምዝካየድ፤ መሳጊድ ኣብ ዕለተ-ዓርቢ ዘካይድኦ ጸሎት'ውን ከምኡ ብዓረብኛ ጥራይ ከም ዝካየድ፣ እዚ ኸኣ እቶም ዝተፈላለያ ቋንቋታት ዝዛረቡ ኣመንቲ ምስልምና ብሓደ ቋንቋ ምእንቲ ኪረዳድኡ ኢሎም ዝፈጠርዎ ብልሓት ከም ዝኾነ፤

4. ዓረብኛ፡ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንመዋእል ዝተሰርሓሉ ቋንቋ ምዃኑ፣ ነጋውስ ኢትዮጵያ በቲ ዓረብኛ ዝዛረብ ናይ ኣለክሳንድርያ ፓትርያርክ ክምረቑ እንከለዉ 'መሊክ ሙላክ ኣልሓበሽ' (ርእሰ-ነጋውስ ሓበሻ) ዝብል ማሕተም ሒዞም ይምለሱ ከም ዝነበሩ፤

5. ኣብ 1520 ፖርቱጊዛውያን ናብ ምጽዋዕ ምስ መጹ ዓረብኛ ዝዛረብ ሹመኛ ከም ዝረኸቡ፣ ጣልያን ናብ ኤርትራ ኪመጹ እንከለዉ እውን ዓረብኛ ዝፈልጥ ኣስተርጓሚ ሒዞም ከም ዝመጹ፤

6. ኣብ 1996 ሳልሕ ቓዲ ንሙሳ ናይብ ከዕልሎ እንከሎ፡ ዓረብኛ እንግሊዝ ዝፈጠሮ ሽርሒ ምንባሩ ሙሳ ከም ዝገለጸሉ፤ ኣብቲ ሙሳ ናይብ ከም ኣባል ኮምሽን ቅዋም ኮይኑ ኣብ ወጻኢ ኣኼባታት ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ከኣ፣ ሓደ ሰብ "ኣቦታትካ ናይባውያን በየናይ ቋንቋ እዮም ዝተማህሩ በየናይ ቋንቋ እዮም'ከ ዝሰርሑ ነይሮም"? ኢሉ ምስሓተቶ፣ እቲ መልሲ ዓረብኛ'ኳ እንተኾነ፡ ሙሳ ነቲ ሕቶ ከምዘይሰምዖ ጎስይዎ ከም ዝሓለፈ፤

7. ቃልሲ ኤርትራ ዝተጀመረ ከም ቋንቋን ባንዴራን ንዝኣመሰሉ ዝተጣሕሱ ክብርታት ሃገር ንምምላስ ምንባሩ ዝረስዑ ሰባት ከም ዘለዉን፡ ምድምሳስ ዓረብኛን ድማ ሓደ ጉዳይ ከም ዝነበረ፤ ማንም ሰብ ንኻልኦት ኪውስነሎም ከምዘይእልን፡ ኣባታዊ መርገጺ ከኣ ጸረ-ዲሞክራሲ ምዃኑን፣ ስለዚ ኣብ ሓደ ናጻ ሃገር፡ ሰባት ማዕረ ምዃኖምን ማዕረ ናይ ምምራጽ መሰል ከምዘለዎምን፤

8. እዞም ብህዝቢ ዘይተመርጹ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ነቲ ናይ ቀደም ኣባታውን ዙምቡዕን ኣተሓሳስባ ከም ዝኽተሉን፣ ህዝቢ ኤርትራ ተዳኺሙ፡ ተደናጊሩን ሕድሕዳዊ እምነት ኣጥፊኡን ስለዘሎ ድማ ጸገማቱ ንምውጋድ ናይ ሓባር ቃለሲ ክካይድ ከም ዘይክእል፤

9. ሳልሕ ቓዲ ዓረባዊ ከም ዘይኮነ፣ ግዳ ዓረብኛ፡ መሰረትቲ ኣቦታትና ዝኣተዉዎ ቃል ኪዳን ስለዝኾነ ንዕኡ ምትንካፍ ነቲ ቃል ኪዳን ምፍራስ ከም ዝሕሰብ።

መቸም፡ ጽሑፍ ኣቶ ሳልሕ ቓዲ ክሳብ ክንደይ ዝሮ-ምሮ ምዃኑ ንምርዳእ ነቲ ብእንግሊዝኛ ዘቕረቦ ጸሑፍ ምንባብ ኣደላዪ ኢዩ። ወዮ ድኣ እቲ ዓዋተ ዝብሃል ውብ-ሳይት ኣብ ኢዱ ኮይኑ ኢዩ እምበር፡ ሎምስ መርፍእን ጡጥን ኣላጊብካን ካብ ሓደ ነጥቢ ናብ ካልእ እንዳዘለልካን ዝዳሎ ጽሑፍ ምንም ተቐባልነት የብሉን፣ እተን ናይ ኢንተርነት ጋዜጣትት'ውን እኮ ክብረን ስለዝሕልዋ ኣንቺ-መንቺ ክቕርባ ኣይደልያን ኢየን። ብዝኾነ ግን፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ እውን መልሲ እስክ ክህበሎም። ንኣንበብቲ ከይስልቹ ድማ፡ ብቐዳምነት ኣብ ቁጻሪ 1,4,5 ን 6 ን ንዝቐረቡ ብሓባር ክምልሰሎም፡-

- ኣብ መበል 18 ን 19 ን ክ.ዘበናት ብዓረብኛ ዝተጻሕፉ ሰነዳት ኣብ ምጽዋዕ ምህላዎምን፡ ኣቦታት ሙሳ ናይብ ብዓረብኛ ዝተማህሩን ዝሰርሑን ምንባሮምን ዝምስክሮ ነገር እንተልዩ፣ ኣብቲ እዋንቲ ግብጺ ንኤርትራ ትገዝእ ከም ዝነበረት ጥራይ ኢዩ ዝገልጽ። ከም ኩሎም ገዛእቲ ስርዓታት ድማ፡ ግብጺ እውን ቋንቋኣ ስለ ዘተኣታተወት፣ ኩሎም ሰነዳት ብቋንቋ ዓረብ እዮም ዝትሓዙ ነይሮም። ኣብ ጊዜ መንግስቲ ጥልያን ብጣልያንኛ፡ ኣብ ጊዜ ምምሕዳር እንግሊዝ ብእንግሊዝኛ፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢዮጵያ ድማ ብኣምሓርኛ ሰነዳት ይትሓዙ ነይሮም። ኣብ መበል 18 ን 19 ን ክ.ዘበናት ሰነዳት ብቋንቋ ዓረብ ይትሓዙ ስለዝነበሩ "ዓረብኛ ቋንቋና ኢዩ" ምባል ግን ጣልያንኛ፡ እንግሊዝኛ ከምኡ'ውን ኣምሓርኛ ቋንቋታትና ኢዮም ጥራይ እዩ ዘስምዕ። ህውተታን ሕጊ ጽሑፍ ዘይኽተል ዝላን።

- ብተመሳሳሊ፡ ናይባት ምስሌነታት ስርዓታት ቱረከን ግብጽን ስለዝነበሩ፡ ብዓርብኛ ከምሃሩን ብዓረብኛ ኪሰርሑን እኮ ግድን ኢዩ ዝነበረ። ናብ ኣሕልቐም ግብጻውን ዝሰድዎ ዝነበሩ ጸብጻባት ድኣ ብምንታይ እሞ ክጽሕፍዎ? ብትግረ? ናይ ሳሕል ኣመሓዳሪ ዝነበረ ዑመር ቋቕ እውን እኮ ብኣምሃርኛ እዩ ዝሰርሕ ነይሩ።

- ብተወሳኺ ግን፣ እቲ ሙሳ ናይብ "ዓረብኛ ብምምሕዳር እንግሊዝ ዝተኣታተወ ሸርሒ ኢዩ" ዝበሎ ዘረባ ሓቅን ፈረቓን ኢዩ። ምምሕዳር እንግሊዝ፡ ሃይማኖትን ድሑራት ስምዒታትን ተጠቒሙ፡ ንኤርትራ ናብ ክልተ ዓውድታት ከመቅልን፣ ንኽበሳ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንመታሕት ድማ ምስ ሱዳን ክጽንብርን መደብ ከም ዝነበሮን፤ በዚ መሰረት ድማ ንኹሎም እቶም ብምስልምና ዝኣምኑ ብሄራት ብቋንቋ ዓረብ ከም ዝውከሉ ብምግባር ጋዜጣታት፡ ህዝባዊ ምገለጺታትን (Public Notice) ሕግታትን ብዓረብኛን ብትግርኛን ጥራይ ከም ዝሕተሙ ከም ዝገበረ መቸም ኣቶ ሳልሕ ዝኽሕዶ ኣይመስለንን። መረጋገጺ እንተደልዩ፡ ኣብ ታሕቲ ንዘለዉ ናይ ምርምር ጽሑፋትን ካልኦትን ክውከስ እምዕዶ፣ ግን ሓቂ ከይዓበጠ። ልክዕ፡ ዓረብኛ ቅድሚ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ይስራሓሉ ከም ዝነበረ እቲ ኣብ ላዕሊ ገሊጸዮ ዘለኹ መረጋገጺ ዘብርሆ እዩ። ግን ከኣ፣ ካብ መግዛእቲ ጣልያን ናጻ ድሕሪ ምኧና ንምሉእ ናጽነት እትቀራረብ ኣብ ዝነበረት ሃገረና፣ ዓረብኛ፡ ከም ወግዓዊ ቋንቋ ዝተሰርሓሉ ኣብ ጊዜ ምምሕዳር መንግስቲ እንግሊዝ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ እንግሊዝ ንኤርትራ ኪመቅል ንዝነበሮ መደብ ምእንቲ ከገልግሎ ዝኣለሞ ሸርሂ ኢዩ። ኣብዚ ሓደ ኪምለሽ ዘለዎ ጉዳይ እንተልዩ ግን፣ ኣቶ ሳልሕ ምስ ሙሳ ናይብ ተራኺቡ ነይረ ኣብ ዝበሎ እዋን (1996)፡ ምስ መርገጺ ሙሳ ናይብ ተሰማሚዑ'ዶ ወይስ ተቓዊምዎ?

- ኣብ ቁ. 4 ን 5 ን ዘለዉ ነጥብታት ንመመቀሪ ዝኣተዉ ኢዮም። እቲ ቀዳማይ እኳ ንነጋውስ ኢትዮጵያ ስለዝምልከት መለስቱ ኣለውዎ፣ ዶስ፡ ኣቶ ሳልሕ 'ኤርትራ'ውን ኢትዮጵያ ኢያ ነይራ' ክብል ኢዩ ደልዩ። እንድዒ፡ ዘይብሎ እኮ የብሉን። ብዛዕባ እቲ ፖረቱጋላውያንን ጣልያንን ዓረብኛ ዝፈልጥ ሰብ ኢዮም ሒዞም መጺኦም ዝተባህለ ድማ፡ ኤርትራ እኮ ኣቐዲማ ብቱረኪ ቀጺላ ከኣ ብግጺ ኢያ እትግዛእ ዝነበረት። ቱርኪ ንግብጺ ውክልና ሂባ ትገዝኣና ለዝነበረት ድማ፡ ኣብቲ እዋንቲ ንመንግስታዊ ዋኒን ዘገልግል ዝነበረ ቋንቋ ዓረብኛ እዩ። ዓረብኛ ኣብ ዓለም ዝተፈልጠ ቋንቋ ብምንባሩ፡ ፖረቱጋላያን ይኹኑ ኢጣልያውያን ዓረብኛ ዝኽእሉ ሰባት ኣብ ኤርትራ ምርካቦም ንስራሖም ዘሳልጥ ዓቢ ብልጫ ኢዩ ነየሩ፤ ብዝተረፍ ቋንቋ ትግረ ክፈልጡ ግድን ምነበረ። ካብዚ ተበጊስካ ግን፡ ዓርብኛ ህዝባዊ ቋንቋ እዩ ነይሩ ምባል 'ክትበልዓ ዝደለኻ ኣባጉምባሕስ፡ ዛግራ' ጥራይ ኢዩ ዘስምዕ።

- ኣብ ቁ. 2 ን 3 ን፡ ኩሉ ዝተማህረ ኣስላማይ ትምህርቱ ብቁርኣን ስልዚ'ውን ብዓረብኛ ከም ዝጅምር፣ ሸሪዓ ብዓረብኛ ከም ዝካየድ፣ መሳጊድ ጸሎተ-ዓርቢ ብዓረብኛ ጥራይ ከም ዝህባን እዚ ድማ ምርጫ ናይ ኩሎም ኣስላም ከም ዝነበረን፡ ብዛዕባ ዝብሉ ነጥብታት፣ ኣብ ኣል-ኣዝሃር ዩኒቨርሲቲ ናይ ፋትዋ ሓላፊ ዝነበሩ ሸኽ ዓጥያ ሳቕር ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ ዝሃብዎ ኣስተምህሮ እስከ ንመልከት፡-

"the translation of the Qur'an can never be considered as a Qur'an in itself, in its rulings and sacredness. The reason for this is that translation is not the word

of Allah which was revealed to the Prophet (peace and blessings be upon him); but it is human words offered to explain the Devine Revelation." ( ትርጉም፡- 'ብኻልእ ቋንቋ ዝተተርጎመ ቁርኣን ንመንፈስን ሕግን ቁርኣን ኣይውክልን፣ ምኽንያቱ እቲ ኣምላኽ ንነቢዩ መሓመድ ዝተገልጸሉ ቃል እቲ ናይ ቁርኣን ቋንቋ ስለዝኾነ። እቲ ናይ ትርጉም ቋንቋ ነቲ ሰማያዊ ክስተት ንምርዳእ ዝሕግዝ ናይ ሰብ ቋንቋ ኢዩ።')

እዚ ኣበሃህላ'ዚ ንትርጉም ዝእግድ ኣይኮነን፣ ቁርኣን ቃል በቓሉ ኪትረጎም ከምዘይከኣል፡ እቲ ዝበለጸ ድማ ኩሎም ኣስላም ዓረብኛ ከም ዝፈልጡ ምግባር ከም ዝኾነ ግን ይሕብር። ኮይኑ ድማ፣ ኣብ 884 ድ.ል.ክ. ቁርኣን ኣብ ፓኪስትን፡ ድሕሪኡ ድማ ናብ ቋንቋታት ኣፍርቃ፡ እስያን ኣውሮጳን ከም ዝተተርጎመ ዝሕብሩ ጽሑፋት ኣለዉ። ኣብ ኤርትራ ድማ፡ ቁርኣን ናብ ያታውያን ቋንቋታት ኤርትራ ስለዘይተተርጎመ ብዓረብኛ ኪስበኽን ናይ ቁርኣን ትምህርቲ'ውን ብዓረብኛ ኪውሃብን ግድን ኮይኑ። ሽሪዓ እንተኾነ እውን፡ ኣብ ቁርኣን ዘሎ ሕጊ ከም ምዃኑ መጠን ብዓረብኛ ጥራይ ኢዩ ኪግለጽን ኪንበብን ዝከኣል።

<u>'ሓሲኻ ኣይቅየሕ፡ ኣብ እምኒ ደይብካ ኣይንዋሕ'</u> ተባሂሉ። ብዘይካ ብሄር ትግርኛ፡ ኩለን እተን ዝተረፋ ኣብ ክንዲ ቈቋንቋኤን ዓረብኛ ምስ ዝመርጻ፣ ምርጫኤን ስለዝኾነ ነኽብሮ። ብዝተረፈ፣ ንቋንቋ ዓረብኛ ብሃይማኖት ኣመኽኒኻ፡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ኣጻሊእካ፡ ቁርኣን ናብ ቋንቋታት ኤርትራ ንኸይትረጎም ኣስላም ወሲኖም ኢዮም ኢልካ ሓሲኻ ዝግበር መጎት ብቕንዱ ንውሳኔን ድልየትን ኣስላም ዝዕምጽጽ ስለዝኾነ ጸረ ህዝቢ ኢዩ። ምስልምና ድማ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሑ ዝርከብ ሃይማኖት ኢዩ፣ ኮይኑ ግን ኣብ ኛይጀርያ፡ ኢንዶነዝያ፡ ቱረኪ ወ.ዘ.ተ. ዝርከቡ ኣስላም በብቋንቋታቶም እምበር ብዓረብኛ ኣይኮነን ዝዛረቡ። ሓቀይ'ዶ?

- ኣብ ቁ. 7 'ማንም ሰብ ንካልኦት ኪውስነሎም ኣይክእልን ኢዩ' ዝበሎ፡ ሓቂ ኢዩ፣ኩላትና ከኣ ንሰማማዓሉ። 'ተሓጓማይ ከሎስ፡ ተሓዝ ልቢ ይጠርጥ' ከም ዝበሃል ግን፣ኣቶ ሳልሕ ድኣ'ሞ ኣብ ክንዲ መን ኢዩ ዝጸረፍ ዘሎ? እንተድኣ ብዲሞክራሲ ዝኣምን ኮይኑ፡ እቲ ጉዳይ ንዝምልከቶም ይሕደገሎም። ኣብ መወዳእታ፡ ዓረበታይ ኣይኮንኩን ኢሉ። 'ኣዲኣ ገዲፋስ፡ ሓትኖኣ ትናፍቕ' ከም ዝበሃል ግን፣ ኣቶ ሳልሕ ናይ ቋንቋ ዓረብ ተጣባቒ ኮይኑ ካብ ቀረበ፡ እቲ ፍራንዝ ፋኖን "Black faces and white masks" ('ጸሊም ገጽም፡ ጻዕዳ ማስኬራኦም') ዝበሎ'ኸ ዘልቕለቕ'ዶ ይብሎ?

***<u>መደምደምታ፡-</u>***

**<u>እዚ ኹሉ ጸረፍን ምጉዕባዕን ግን ስምንታይ? ስለምንታይ'ከ እዚ ኹሉ ሓሶት? ዕላማኡ'ኸ ብሄረ ትግርኛ ድዩ? ኣይመስለንን።</u>**

ዕላማ ናይቲ ጽሑፍ፡ እተን በብቛንቃኤን ክዛረባን ክጽሕፋን ዝመረጻ፣ እተን ብዓረብኛ ዘይኮነ ብግእዝ ወይ ከኣ ብላቲን ዝጽሕፋ ዘለዋ ብሄራት ትግረ፡ ኩናማ፡ ዓፋር፡ ሳሆ፡ ብሊን፡ ሕዳርብ፡ ናራ ምዃነን እኮ ብሩህ ኢዩ። እዘን ብሄራት

እዚኣተን ንግዕረትን ሓሶትን ኣቶ ሳልሕ ቓዲ ግብራዊ መልሲ ሂበናሉን፡ ብቐጻሊ'ውን ይህባሉ ኣለዋ። ኣቶ ሳልሕ ይኹን ካልእ መደናገሪ ብቐጥታ 'ኣይፋልክንን፡ ዓረብኛ ኢዩ ዝሕሸክን' ኢሉ ከደናግረንን፣ 'ዓረብኛ ዝትንከፍ ኣይኮነን፡ ቀደም ተወሲኑ ኢዩ' ኢሉ ከፋራርሀንን ክሳብ ዘይደፈረ ድማ፣ ስቕ ኢልና ባህልታተንን ቋንቋታተንን ከማዕብላ ምምራጸን ናይ ለባማት ምርጫ ኢዩ፤ ምኽንያቱ፡ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ነገር ምእታው ንዓታተን ዘርብሕ ስለዘይኮነ።

ስለምንታይ ድኣ ኢዩ ኣቶ ሳልሕ ንብሄረ ትገርኛ ዝወቅዕን ዘጥቅዕን ዘሎ? ንዓይ ከምዝመስለኒ፡-

• እቲ ኣብ ሞንጎ ብሄረ-ትግርኛን እተን ዝተረፋ በሄራት ኤርትራን ዘሎ ናይ ሃይማኖት ፍልልይ ፍቱን መሳርሒ ስለዝኾነ፤ ነዚ መሳርሒ እዚ ብምጥቃም ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክልተ ክትገምዖ፡ ወይ ከኣ ኣብ ሞንጉኡ ቀጻሊ ምፍሕፋሕ ክትፈጥርን፣ በእኡ ኣቢልካ ድማ ንዓረብኛ ከም ወካሊ ካልኦት ብሄራት ከተቕርቦን፡ ንጻዕሪ ናይተን በብቛንቋኤን ዝዛረባን ዝጽሕፋን ዘለዋ ቋንቋታት ኤርትራ ድማ ከተፍሽልን ምፍታን፤

• ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፣ ንህ.ግ.ደ.ፍ. ከም ወኪል ብሄረ-ትግርኛ ቀቢእካ፡ ኣብ ልዕሊ ብሄረ-ትግርኛ ደረት ኣልቦ ጸለመ ምፍናው ስለዝከኣልን፣ በዚ ድማ ከም ተጣባቒ ናይተን ዝተረፋ ብሄራትና መሲልካ ንምቕራብ ምፍታን፤

• ኣብ ኤርትራ ናይ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ጾታ ፍልልይ ዘይብሉ ስርዓት ኪትከል ኣለዎ ዝብል ጭርሖ፡ ናይ ኩሉ መሰል ተሓልዩን ኩሉ ሰብ ድማ ነብሱ ኣትሒቱን ሕልፊ ካልኦት ከይደለየን ዝነብረሉ ኩነታት ንምፍጣር ዘገልግልን ዝድርኽን ብምዃኑ፣ ከም ኣቶ ሳልሕ ዝኣመሰሉ ትምክሕታውያን ዘይከስቡሉ ስለዝኾነ፤

• ብሓፈሻ ኸኣ፣ ኩሎም 'ኣለና…ኣለና' ዝብሉን፡ ናይ ህዝቢ መራሕትን ተጻዋዕትን ኮይኖም ክቐርቡ ዝደልዩን ሰባት፣ እንትርፎ ህዝቢ ብምንቛትን ምግምማዕን፡ ህዝቢ ብምትዕራቕን ሓድነቱ ብምትራርን ኪዓዪ ርኢና ስለዘይንፈልጥ።


<u>መውከስ፡-</u>

1. http://wiki.answers.com/Q/Why_can_the_Quran_not_be_translated#ixzz1TJM4UUjC. "Why can the Quran not be translated?"

2. Brenner, Luis and Murray Last. "The Role of Language in West African Islam", In Journal of the International African Institute, Cambridge University Press, U.K., 1985.

3. Pool, David. From Guerrillas to Government: The Eritrean People's Liberation Front. Athens, Ohio: Ohio University Press, 2001.

4. Bereketeab, Redie. Eritrea: The Making of a Nation, 189-1991. Uppsala: Uppsala University Press, 2000.

5. Habte-Selassie, Bereket. Eritrea and the United Nations. Trenton: Red Sea Press, 1989.

6. Yohannes, Okbazghi. Eritrea: A Pawn in World Politics. Gainesville, U.S.A.: NIVERSITY OF Florida Press, 1991.

7. Tafla, Bairu. "Eritrea in Perspective: An Excerpt from the Memoirs of Fitewrari Mikael Hasama Rakka." Africa, 60:1 (2005): 1-64.

* ብሰፊሑ ከተንብቡ ንእትደልዩ፡ "Wonder Why?" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ብ 30 ሰነ 2010 ኣብ አዝማሪኖ ንዘቕረብኩዎ ጽሑፍ ተመለከቱ።

**መእተዊ፡-**

ሳልሕ ቓዲ፡ ነቲ 'ዓረብኛን ትግርኛን ጥራይ ኢዮም ወግዓውያን ቋንቋታት ኤርትራ' ዝብል መርገጺኡ ንምድጋፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክርስትያን ኤርትራ ዝጸሓፎ ዘለፋን ጸለመን፣ ከምኡ እውን ኩሎም ኣስላም ደገፍቲ ዓረብኛ፡ ኩሎም ክርስትያን ድማ ተቓወምቲ ዓረብኛ ከም ዝኾኑ ኣምሲሉ ንዘቕረቦ ዝምቡዕን ፈላላይን ጽሑፍ፣ ኣብ'ቲ ኣብ 2 ነሓሰ 2011 (August 02, 2011) ዘቕረብኩዎ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፈይ ዝግባእ መልሲ ሂበሉ ኣለኹ። ክሳብ ሕጂ፡ ነዚ ስዒቡ ዘሎ ካልኣይ ክፋል ዘየቕረብኩሉ ምኽንያት ድማ ንሳልሕ ቓዲ ናይ ምምላሽ ዕድል ንምሃብ ኢዩ ዝነበረ። ሳልሕ ቓዲ ግን በቲ ዕድል ዘይምጥቃሙ ኣየገረመንን፣ ኣይተጸበኹዎን እውን። ኩላትና እኮ ፖለቲካዊ ጌጋታት ንፍጽም ኢና፣ እቲ እንፍጽሞ ጌጋ ድማ ናይ ጽሑፍን ናይ ዘረባን ክሳብ ዝኾነ ኣየኽስስን፤ ግዳ ከም ጌጋ ዝርሳዕ ኣይኮነን። እንፍጽሞ ጌጋ፡ ከከም ደረጃኡን ከከም በሃሊኡን ይምዘን። ኣብ'ዚ፡ ታሪኽ ኤርትራ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ተኣፋፊ ኮይኑሉ ዘሎ ጊዜ ዝፍጸም ፖለቲካዊ ጌጋ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ይኹን ብዙሓት ክፋላት ናይቲ ህዝቢ ዘንብሮ ሃስያ ቀሊል ስለዘይከውን ድማ ከይተረስዐ ይነብር ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንኻልኦት (ምናልባት እውን ስምዒታውያን) ምኽንያታት መበገሲ ኪኸውን ይኽእል። በሃሊኡ ኣገዳሲ ሰብ ምስ ዝኸውን ድማ፡ እቲ ከም ሳዕቤን ዝርኤ ግብረ-መልሲ (ጽልኢ፡ ምጥቕቓዕ፡ ምውንጃል ወ.ዘ.ተ.) ዝኸረረ ይኸውን። ከም'ዚ ዝበለ ናብ ምፍሕፋሕ ገጹ ዝድይብ ጠንቂ፡ መበገሲኡ ስሒቱ ወገናዊ ኣንፈት ስለዝሕዝ ድማ ንምፍትሑ ኣጸጋሚ ወይ ከኣ ዘይከኣል ይኸውን።

ነዚ ነጥብ'ዚ ከቕርብ ዝደረኸኒ ምኽንያት እቲ ዝተጠቕሰ ጌጋ ዘይኮነ፡ እቲ ጌጋ ብሓደ ኣገዳሲ ሰብ ስለዝተፈጸመ ኢዩ። ሳልሕ ቓዲ፡ ኣብ'ዚ ንኩነታት ኤርትራ ብዝምልከት ብዙሓት ሓሳባት ዝመላለሱሉን ዝጻረዩሉን ዘለዉ መድርኽ ኣገዳስን ኣዎንታውን ተራ ዘበርከተ ሰብ ምዃኑ፡ ኩሉ ተኸታታሊ ኣዝማሪኖን ዓዋተን ዝምስክረሉ ሓቂ እዩ፣ በዚ ተራኡ ድማ ኪምስገን ይግባእ። ኮይኑ ግን፡ ብፍላይ ንሓደ ብሄር ዝውንጅልን ንህዝብታት ኤርትራ ዝመቓቕልን ጸሑፍ ኣቕሪቡ ጉድለታቱ ከልዕል ዘይምፍታኑ ዘሕርቕን ዘቐይምን ጉዳይ ኢዩ። ግደ ሓቂ፡ ታሪኽ ክብሃል እንከሎ ናይ ዉሑዳት ሰባት

ታሪኽ እዩ፣ እኒ ገብረን እኒ ዓብዱን ደሚርካ ዝመጽእ ታሪኽ የለን። ብኡ ምኽንያት ኢዩ ከኣ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክንዝክር እንከለና ንዓብደላ እድሪስ፡ ንመልኣከ ተኸለን መሰልቶምን፣ ንህዝባዊ ግንባር ክንዝክር እንከለና ድማ ንኢሳያስ፡ ንሸሪፎን መሰልቶምን እንጠቅስ። ኣብቲ ናይ 30 ዓመታት ቃልስና እጃም ዘበርከቱ ሰባት ድኣ ኣመና ብዙሓት እንድዮም፡ ግን እቶም ዉሑዳት እምበር እቶም ቡዙሓትስ ኣይዝከሩን ኢዮም፣ እንትርፎ ብሓንቲ ሽምዓ። ስለ'ዚ ኢዩ ድማ ታሪኽ ኣገዳሲ ዝኸውን፣ ናይቶም ፍሉይ ተራ ዝተጻወቱ ውሑዳት ሰባት ጽቡቕን ሕማቕን ተግባራት ስለዝምዝግብ።

ኣብ ዓለም ወጹእ ህዝቢ የለን። ኩሉ ብሃይማኖት፡ ብቐቢላ፡ ብእንዳ ነንሕድሕዱ ዝተኸፋፈለን ዝፈሓፋሑን ኢዩ፣ ናትና ድማ ከምኡ። ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዉ ህዝብታት ከኣ፡ ከምቲ ነንሕድሕዶም ዝከፋፈሉን ዝፈሓፍሑን፣ ይለማመዱ፡ ንግዳዊ ልውውጥ ይገብሩ፡ ብቋንቋን ባህልን ይረዓዓሙ፡ ይዋሰቡ...ወ.ዘ.ተ.፣ ብሓፈሻ ብሰላምን ፍቕርን ንምንባር ዘለዎም ምርጫ የሐይሉ። ከም'ዚ ኮይኑ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ህዝቢ ዝርከቡ ኣገደስቲ ባእታታት ኣዎንታዊ ወይ ኣሉታቲ ተራ ኪጻወቱ ይኽእሉ። ተራኦም ኣዎንታዊ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ህዝቢ ካብቲ ዝነብረሉ እዋን ሰጊሩ ንርሑቕ መጻኢ ኣማዕድዩ ስለዝጥምት፣ ታሪኹን ናይ ልምድን ባህልን ቅርስታቱን ዓቒቡ፣ ኣተሓሳስባኡ፡ ንቕሓቱ፡ ፍልጠቱን ናይ ምንባር ሜላኡን በብግዜኡ እንዳቐየረን እንዳኣማዕበለን ይጉዓዝ፤ ውህሉል ሃብትታቱ ድማ ንወለዶታት የሰጋግር። ተራ ኣገደስቲ ሰባት ኣሉታዊ ምስ ዝኸውን ግን ናይ'ቲ ህዝቢ ኣተሓሳስባ በቶም ኣብ ጊዜኡ ዝርከቡ ሽግራትን ግርጭታትን ስለዝውሰን፣ ኣብ ክንዲ ርጉእን ሚዛናውን፡ ቁጡዕን ስምዒታውን፣ ኣብ ክንዲ ክፉትን ፍትሓውን፡ ዕጹውን ወገናውን ይኸውን፣ ኣብ ክንዲ ልዝብን ምውህሃብን ዝቕበል ድማ ኣንነታውን ዓቃባውን ጠባይ የማዕብል።

ኣብ መወዳእታ ድማ ግዳይ ናይቶም ንስምዒታቱ ዝምዝመዙ ሰባት ኮይኑ ኣብ ቀጻሊ ህውከት ይነብር፣ ታሪኹ፡ ባህሉ፡ ንዋታውን መንፈሳውን ሃብቱ በብቑሩብ ይጠፍእ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ይዳኸም፡ ምናልባ'ውን ይጸንት። ኣብ ዞባና ናይ እዚ ኣብነታት መሊኦም ኣለዉ፣ ካብ ሱዳን፡ ኮንጎ፡ ሩዋንዳን ምሕላፍ ድማ ኣየድልየናን። ኣብዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ንዘንተ-እለት ዘይዓርፍ ህውከት፡ ኩናት፡ ምብትታንን ድኽነትን ክህሉ ዝኸኣለ ብናይ'ቲ ህዝቢ ምኽንያት ዘይኮነስ፣ ኣብ ውሽጡ ኮይኖም ጽልእን ህልኽን ዘሳውሩ ሰባት ብዝፈጠርዎ ዘለዉ ጠንቂ ኢዩ። ብኣንጻሩ፡ ኣውሮጳውያን ብዓሌት ከይተረፈ ዝተፈላለዩ ክነሶም ነቲ ንዘበናት ዝሕምሶም ዝነበረ ኩናት ኣወጊዶም፣ ስኒትን ምርድዳእን ዝመሰረቱ ናይ ሓባር ህይወትን ስልጣኔን ብምቕያስ ኣብ ዓለም መሪሕ ተራ ሒዞም ይርከቡ። ከምኣታቶም ዘይንኾነሉ ምኽንያት ድማ ዘሎ ኣይመስለንን።

እቲ ምርጫ ናትና ኢዩ። እቲ ህዝቢ ናብ ሓደነትን ፍቕርን፡ ናብ ብልጽግናን ልምዓትን ገጹ ንክምርሕ ዲና እንሕግዞ ወይስ ነንሕድሕዱ ንክራጸምን ናብ ምብትታንን ምትህንኺትን ገጹ ንክጉዓዝን? ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ሃገራዊ መስርሕ ተራ ዘበርከቱ ኣገደስቲ ሰባት ዓበይቲ ጌጋታት ካብ ምፍጻም ኪቖጠቡ፣ ጽሑፋቶምን መደረታቶምን ንህዝቢ ዘረሓሕቕን ዝነጻጽልን ንኸይከውን ክጥንቀቑ፣ ካብቶም ገጢሞምና ዘለዉ ኣካታዕትን ተኣፈፍትን ጉዳያት ወጺኦም ኣብ መጻኢ ንዝህሉ ስኒትን ራህዋን ከመልክቱ እሞ ብእኡ ኣቢሎም ከኣ ከም ዕርቅን ምውሕሓጥን ዝኣመሰሉ ሃነጽቲ ጠባያት ኣብቲ ህዝቢ ከም ዝሰረጹ ኪጽዕሩ ይግባእ። ከምዚ ዝገብር ሰብ፡ ኲኖ ዘበኑ ዝጥምትን ኩሉ ጊዜ ናይ ህዝቡ ጽቡቕ ዝደልን ሰብ ኢዩ'ሞ፡ መራሒ ከኣ ይብሃል። ብዝተረፈ፡ ዝኾነ ገረወላዕ (jack and hurry) ዝሓስቦ ዝልፍልፍ ሰብ መራሒ ኣይኮነን፡ ኪብሃል'ውን ኣይግባእን።

እምበኣር፡ ናብቲ ዝቕጽል ኣርእስቲ ማለት ኣብ ኤርትራ ኣየናት ቋንቋታት ኢዮም ወግዓውያን ኪኾኑ ዝግብኦም፣ ወይ ድማ ሓደ ቋንቋ ወግዓዊ ወይ ዘይወግዓዊ ንኪኸውን ዝውስን መን ኢዩ ናብ ዝብል ሕቶ ክሰግር። ሕጂ'ውን ኣቐዲመ ከም ዝገለጽኩዎ፡ ዓረብኛ ወግዓዊ ቋንቋና ኢዩ ወይስ ኣይኮነን ኣብ ዝብል ምጉት ክካታዕ ኣይደልን እየ። ንዓይ ዘጽሕፈኒ ዘሎ ጉዳይ፡ ዓረብኛ ብሓቂ ነተን ብእኡ ተወኪለን ዘለዋ ቋንቋታት ኤርትራ ይውክል ድዩ? ቋንቋ ዓረብ፡ ነቲ እተን ናይ ብሄራት ቋንቋታት ዝህብኦ ኣገልግሎት ኪትክእ ይኽእል ድዩ? ስለምንታይ ኢዩ ወግዓውያን ቋንቋታትና ኣብ ክልተ ጥራይ ከም ዝውሰን ዝተገብረ? ስለምንታይ እዩ'ኸ እዚ ንኺይቅየር ሰባት ዕንቅፋት ዝፈጥሩ ዘለዉ? ዝብሉ ሕቶታት ኢዮም። ብእምንቶይ፡ እቲ መሰል ናይተን ብዓረብኛ ተወኪለን ዘለዋ ብሄራት ስለዝኾነ፣ ንሳተን ምስ ተሓተታ ኢዩ እቲ ውሳኔ ዝብጻሕ። ኣፍልጦና ምእንቲ ኪሰፍሕ ግን፡ ብቐዳምነት ንኣገዳስነት ናይ ኣደ ቋንቋን፡ ብኻልእ ቋንቋ ምስ ዝትካእ ዘኸትሎ ሳዕቤንን፣ ቀጺለ ድማ፡ ስለምንታይ ዓረብኛን ትግርኛን ጥራይ ወግዓውያን ቋንቋታት ኮይኖም ኣብ ዝብሉ ነጥብታትን ካልኦትን ርእይቶይ ከፍስስ ኢየ።

ከምቲ ደጋጊም ዝገለጽክዎ፡ ወነንቲ ናይ'ዚ ጉዳይ'ዚ እተን ብቛንቋ ዓረብ ተወኪለን ዘለዋ ብሄራት ስለዝኾና፣ ኣባላተን፡ ብፍላይ ከኣ ምሁራት ኣባላተን ሓሳባቶም ከቕርቡ፣ ካልኦት ናይ'ዚ ዓውዲ'ዚ ኪኢላታት እውን ትዕዝብትታቶም ክልግሱ ብስም ኣንበብቲ እሓትት። እቲ ጉዳይ ብዝተፈላለዩ ኩርናዓት ምስ ዝጥመት፡ ፍልልያትና ንምጽባብን ናብ ሓደ ናይ ሓባር መደምደምታ ንምብጻሕ ዝህልወና ተኽእሎ ኣዝዩ ዝሓሸ ኢዩ ዝኸውን፡፡ ብዉሑዱ ድማ እቲ ጉዳይ ተሸፊኑ ኣብ ክንዲ ዝሓልፍ፡ ንካታዓሉ ምናልባት'ውን ኩላትና ንዓግበሉን ንሰማማዓሉን።

**ኣገዳስነት ናይ ኣደ-ቋንቋ፡-**

ሓደ ቆልዓ ምስ ተወልደ ብቐዳምነት ዝምስርቶ ዝምድና ምስ ኣዲኡ ኢዩ፣ በብቑሩብ ድማ ምስቶም ዝተረፉ ኣባላት ናይታ ስድራ-ቤት ይላለ። ጸኒሑ ድማ ቃላት ይፈልጥ፡ ቃላትን ሓረጋትን እንዳተጠቕመ ከኣ ሓሳባቱን ድልየታቱን ይገልጽ፡ ምስ ከባቢኡ ድማ ይዋሳእ። ናይ ቋንቋ ምልከቱ እንዳተመሓየሸ፡ ኣካሉ እንዳዓበየን እንዳደልደለን ምስ ከደ ድማ ኣብቲ ስድራ-ቤትን ከባቢኡን ዝካየዱ ነገራት ይምዝግብን የስተማቕርን።

ንኣብነት ናይ ኣቡኡን ኣዲኡን ዕለታዊ ተራ፡ ከምኡ'ውን ናይ ኣሕዋቱ ይዕዘብ፣ ኣብ ከባቢኡ ዝርኣዩ ነገራት ከም ለይትን መዓልትን፡ ሓጋይን ክረምትን፡ ዓበይትን ንኣሽቱን፡ ስራሕን ዕረፍትን፡ ሞትን መርዓን፡ በዓላትን ወ.ዘ.ተ. ዝኣመሰሉ ነገራትን፣ ምስ እዚኣቶም ዝተተሓሓዙ ሓሳባት፡ ኣባሃህላታት፡ ልምድታት፡ ስነ-ምግባራት (norms) ናይ ሰባት ምንቅስቓሳትን ይፈልጥ። ኣፍልጦኡ ካብ ናይታ ጸባብ ስድራ-ቤት ወጺኡ ምስ ቤተ-ዘመዱን ከባቢኡን ይላለ፡ ኣዕሩኽ ይምስርትን ይጻወትን፡ ይምሃር፡ ይዓቢ....ከምኡ ኢሉ ክንዲ ሰብ ምስ ኮነ ድማ ኣብ ምሉእ ህይወት ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ይዋሳእ፣ ሓደ ክፋል ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ድማ ይኸውን።

ኩላትና ናይ ቀደም ክንዝክር እንክለና ማለት ስድራ-ቤትና፡ ዝዓበናሉ ቦታ፡ ናይ ሽዑ ደርፍታትን ላህያታትን (ኣወሎ፡ ድጓ፡ ጨፈራ ወ.ዘ.ተ.) ናይ ንእስነት ዕርክነትን ጸወታታትን፡ ዘሕለፍናዮ ፍቕርን ዋዛታትን ወ.ዘ.ተ. ክንዝክር እንክለና ንሕጎስ፡ ንሓዝን፡ ጦብላሕታታት (ትዝታ) ይዝከሩና፡ ነዛሚ (ብድምጺ፡ ብፋጻ) ንናፍቕ ወ.ዘ.ተ። ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ናይ ባህልና (ኣብነት ትግርኛ) ደርፊ ክድረፍ እንከሎ ብወኒ ተንሲእና ንስዕስዕ። እቲ ምንታይ፡ ውጽኢትን ክፋልን ናይቲ

ባህሊ ስለዝኾንና፤ እቲ ባህሊ ብዘይካና፡ ንሕና ድማ ብዘይካኡ መግለጺ ወይ ህላዌ ስለዘይብሉ። እዚ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰብ ዝሰረጽ፡ ምስኡ ዝዓብን ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ብዝገብሮም ንጥፈታትን ዝምድናታትን ዝሰፍሕን ዝዓሙቕን ባህሊ፡ ልምዲ፡ ስነ-ምግባር ወ.ዘ.ተ. እንዳተባህለ ዝግለጽ ረቂቕ ነገር ብዘይካ ቋንቋ ኪግለጽ ኣይከኣልን፣ ንሱ'ውን ብዘይካ እቲ ናይ ኣደ-ቋንቋ። ልክዕ ሓደ ሰብ ምስ ዓበየ፡ ምስ ተማህረን ኣብ ካልእ ሃገር ምስ ሰፈረን ካልኦት ቋንቋታት እውን ይመልኽ ኢዩ፣ ግን ነቲ ሓድሽ ከም'ቲ ናይ ኣዲኡ ቋንቋ ጌሩ ኪመልኮ፡ ኪዛረበሉ፡ ኪዋዘየሉ ወ.ዘ.ተ. ኣይክእልን። እስኪ፡ ንኣብነት ኣንበብቲ ብቛንቋ ናይ'ቲ እትነብሩሉ ቦታ ንደቂ እቲ ዓዲ ዋዛ ክትነግሩ ፈቲንኩም'ዶ ትፈልጡ? ዋዛኹምከ የስሕቕ'ዶ? እንትርፎ ገለ ፍሉያት ኣብነታት (ምናልባት ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ኣብቲ ከባቢ ዝዓበዩ ሰባት) ናይ ዝበዝሕ ሰብ መልሲ ኣይፋሉን ኢዩ። ይትረፍ ብዘይ ቋንቋኻ ዋዛ ክትነግርስ፡ ብቋንቋኻ ምስ ሓደ ወዲ ዓድኻ ዘውጋዕካዩ ዋዛ'ኳ ብኻልእ ቋንቋ ንዝዛረብ ሰብ ክትትርጉመሉ ገደል ኢዩ።

ስለ'ዚ እዩ ድማ ናይ ኣደ-ቋንቋ ኣገዳሲ ዝኸውን። ኣገዳስነቱ ድማ ብዋዛ፡ ብደርፊ፡ ብኣዘራርባ፡ ብዛንታን ጽዋታትን ወ.ዘ.ተ. ጥራይ ዝግለጽ ኣይኮነን፤ ነቶም ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ (ስድራ-ቤት፡ ከባቢን ጎረባብትን፡ ስራሕ ...ወ.ዘ.ተ.) ዘጋጥሙ ፍጻሜታት ንምግላጽ ጥራይ እውን ኣይኮነን ዘገልግል። እቶም ብትምህርቲ ወይ ብስራሕ ኣቢሎም ዝኽሰቱ ሓደስቲ ኣምራት (concepts) ብናይ ኣደ-ቋንቋ ኣቢሎም ክግለጹ እንከለዉ ዝበለጸን ዝሰፍሐን ተገንዘቦ (cognition) ይህቡ፤ ብኣንጻሩ ድማ እቶም ኣምራት ብናይ ወጻኢ ቋንቋ (ኣብነት እንግሊዝኛ) ምስ ዝግለጹ ክሳብ ኣብ ኣእምሮ ናይቲ ዝምሃር ሰብ ዝሰርጹ ግድን ኪደጋገሙ ኣለዎም፣ እቲ ተመሃራይ'ውን ክሳብ እቶም ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኡ ቦታ ዝሕዙ ኪሸምድድ ኣለዎ። ከም ኣብነት ናይ'ዚ ካልኣይ ነጥቢ ነቲ ብቛንቋ እንግሊዝኛ (ፈረንሳ፡ ዓረብ ወ.ዘ.ተ.) ዝውሃብ ትምህርቲ ምስ እንርኢ፣ እቲ ካብ 5ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዝውሃብ ዓይነት ትምህርቲ በብቑሩብ ከም ዝፈላለ ንዕዘብ። ንኣብነት 'ታሪኽ' እንተወሰድና፡ እቲ ኣብ 7ይ ክፍሊ እትምሃሮ ካብቲ ኣብ 5ይ ክፍሊ ዝተመሃርካዮ ብዙሕ ኣይፍለን፣ ብተመሳሳሊ ኣብ 12 ክፍሊ እትምሃሮ'ውን ካብ'ቲ ኣብ 11 ክፍሊ ዝተመሃርካዮ እምብዛ ኣይፍለን። እቲ ኣብ ውሽጢ'ዚ መስርሕ'ዚ ዝርኤ ምድግጋም እምበዓርከስ ብምኽንያት እቲ ሓድሽ ቋንቋ ምኻኑ ኢዩ። ነቲ ኣምራት ብናይ ኣደ-ቋንቋ ኣቢሎም ኪግለጹ እንከለዉ ዝበለጸ ውጽኢት ይህቡ ዝብል ቀዳማይ ነጥቢ ንምርዳእ ድማ፡ ነዚ ዝስዕብ ግሩም ዝኾነ ኣብነት እስከ ንመልከት። ኣብ ቤ/ትምህርቲ ካድር ህዝባዊ ግንባር ዝውሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ብትግርኛ እዩ ዝውሃብ ዝነበረ።

ኣብ'ቲ ቤት-ትምህርቲ ንምስታፍ ዝሕሩይዩ ዝነበሩ ተጋደልቲ ከኣ ብውድባዊ መዐቀኒታት እምበር ብደረጃ ትምህርቶም ኣይነበረን። እቲ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ካብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸላእትናን ፈተውትናን፡ ቀዳማይን ካልኣይን ግርጭታትን ኣፈታትሓኡን ዝብሉ መሰረታውያን ጉዳያት ተላዒሉ፣ ንሰውራ ሩስያ (ቦልሸቪክ፡ መንሸቪክ፡ ኣህጉራዊ ማሕበርነትን ትሮትስኪን) ኣህጉራዊ ቃለሲ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ናይ ማኦ ክልሰ-ሓሳብ ቃልሲ (መሬትን ሰብን በብቑሩብ ናጻ ምግባር) ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ዘካየዳኦ ቃልሲ ዝትንትን፣ ካብ'ዚ ሓሊፉ ድማ ብካርል ቮን ክላውስዊዝ (Prussian military general and theoretician) ንዝተጻሕፈ ዝተሓላለኸ ክልሰ-ሓሳብ ኩናትን፡ ብካርል ማርክስ ንዝተደርሰ 'ካፒታል' (capital) ከይተረፈ ዝገልጽን ዘረድእን ኢዩ ዝነበረ።

እቲ ኣዝዩ ዘገርም ጉዳይ ድማ፡ ዩኒቨርሲቲ ዝበጽሑን ፊደል ዝቖጸሩ ገባሮን ብማዕረ እዮም ነቲ ትምህርቲ ዝማሃርዎ ነይሮም። ምናልባት ፍልልያት ኣይነበሩን ኪብሃል ኣይከኣልን፣ ግዳ ብኣጠቓላሊ ኩሎም ተመሃሮ (ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ዝቐሰሙን ተራ ዓሶትን ሓረስቶትን) ዳረጋ ብማዕረ ይኪታተልዎን ይርድእዎን ነይሮም። ምናልባት'ውን ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከምኡ ዝኣመሰለ ተመኩሮ ተሓሊፉ ይኸውን። እዚ ዝጠቐስኩዎ ብእንግሊዝኛ ወይ ብኻልእ ናይ ወጻኢ ቋንቋ እንተዝውሃብ ነይሩ ግን፡ እቶም ተመሃሮ ብዉሑዱ ናይ 12 ደረጃ ትምህርቲ ኪፍጽሙ ግድን ምኾነ፤ ግዳ ብናይ ኣደ ቋንቋ ስለዝተዋህበ እቲ ሓሳብ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ ጥራይ ዘይኮንስ፣ ኣብ ሓደ እዋንን ብደረጃ ትምህርቲ ኣዝዮም ንዝፈላለዩ ሰባትን ኪውሃብ ተኻኢሉ። እዚ ግብራዊ ተመኩሮ'ዚ ከኣ ንጸብለልትነት ናይ ኣደ-ቋንቋ ካብ ምርግጋጽ ሓሊፉ፣ ኣብ ትምህርቲ ናይ ኣደ-ቋንቋ ምጥቃም ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ሓጋዚ ተራ ከም ዝጻወት የረድእ።

**ናይ ኣደ-ቋንቋን መንነትን፡-**

ኣብ ላዕሊ፣ ንናይ ኣደ-ቋንቋ ምስ ባህሊ፡ ልምዲ፡ ስነ-ምግባር…ወ.ዘ.ተ. ኣተሓሒዘ ኢየ ገሊጸዮ።እቲ ባህሊ፡ ልምዲ ወይ ስነ-ምግባር እንዳተባህለ ዝተጠቐሰን ሕጂ'ውን ዝጥቀስ ዘሎ ናይ ሓደ ከባቢ ወይ ናይ ሓደ ብሄር መግለጺ ምዃኑ ኪዝከር የድሊ። ስለ'ዚ፡ እዞም ዝተጠቐሱ ረቀቕቲ ሓሳባት ምስ'ቲ ናይ'ቲ ቦታ ቋንቋ ዘለዎም ምትእስሳር ኣዝዩ ዓሚቑ ብምዃኑ፣ ብኻልእ ቋንቋ ንምግላጾም ምስ ዝፍተን፡ እቲ ፈተነ ላዛ ዘይብሉ ወይ ህዋሳዊ ስምዒት (sensation) ከመሓላልፍ ዘይክእል ደረቕ ነገር ይኸውን። ባህሊ ንኣብነት ብመርዓ ኪምሰል እንከሎ፡ ንኹሉ እቲ ካብ ሕጻ ጀሚርካ ክሳብ ስነ-ስርዓት መርዓን ሕጽኖትን ዝግበር ንጥፈት ትገለጾ እሞ ናይ መርዓ ባህልና ከም'ዚ ኢዩ ኢልካ ትዛረብ። ከምኡ'ውን ባህሊ ብሞት ኪግለጽ እንከሎ፡ ካብ ሞት ክሳብ ዓሱርን ተስካርን ዘሎ መስርሕ ይግለጽ። ነዞም መስርሓት እዚኣቶም ብኻልእ ቋንቋ ምግላጽ ይከኣል ኢዩ። ብተግባር ግን፡ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ መርዓ ወይ ሞት ምስ ዘጋጥም፣ እቲ ኩነት ንሓደ ወድ'ቲ ከባቢ ከሐጉሶ ወይ ከሕዝኖ እንከሎ፡ ንሓደ ወጻእተኛ ግን ከመሓላልፈሉ ዝኽእል ስምዒት የብሉን። እቲ ወድ'ቲ ከባቢ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ይሃሉ ድማ፡ ናይ'ቲ መርዓ ወይ ሞት ወረ ምስ ዝሰምዕ ተኻፋሊ ናይ'ቲ ሓጎስ ወይ ሓዘን ይኸውን።

ብኣንጻሩ፡ እቲ ወጻእተኛ ኣብ'ቲ እቲ ኩነት ዘጋጥመሉ ቦታን ጊዜን እኳ እንተተረኽበ ዝስምዖ ፍሉይ ደስታ ወይ ሓዘን የልቦን። ከም ዝኾነ ትዕዝብቲ መዝጊብዎ ኢዩ ዝሓልፍ። ናይ ኣደ-ቋንቋ እምበዓርከስ ናይ ሓደ ከባቢ ታሪኽ፡ ባህሊ፡ ዝምድናታት፡ ቅቡልን ዘይቅቡልን ጠባያት፡ ዘሰንብድን ዘሐጉስን ወይ እውን ዘሕርቕን ዝህድእን ነገራት፡ ልምድታትን (ኣበላልዓ፡ ኣከዳድና ወ.ዘ.ተ.) ስነ-ምግባራትን (ኣብ እንዳ ሓዘን እነርእዮ ጠባይ፡ ምስ ዓበይቲ ዝህልወና ኣቀራርባ ወ.ዘ.ተ.) ዝስንድ መዝገብ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ሓደ ሰብ ምስ ስድራ-ቤቱ፡ ኣዝማዱ፡ መሓዙቱ ዝራኸበሉን ኣብ ጉዳዮም ዝዋሳኣሉን፣ ፍቕርን ስድራን ዝምስርተሉ፣ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ተማሕቢሮም ዝመሓደሩሉ (ንኣብነት ሕጊ እንዳባ)፣ ማለት፡ ኩሉ እቲ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝህሉ ንጥፈትን ህላዌን ወድ-ሰብ ዝስነደሉ መዝገብ ኢዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ናይ ኣደ-ቋንቋ፡ ኩሎም ዉህሉላት ቅርስታት (ናይ ታሪኽ፡ ባህሊ፡ ወለዶ፡ ልምዲ ወ.ዘ.ተ.) ናብ ሓድሽ ወለዶ እነሰጋግረሉ መሳርሒ ኢዩ። ሓደ ቆልዓ ኪዓቢ እንከሎ ናይ ኣቡኡን ናይ ኣዲኡን ዘርኢ ክሳብ ሸውዓተ ወሎዶታት ከም ዝቖጽር ይግበር፣ ትርጉሙ ድማ መበቆሉን መንነቱን ከም ዝፈልጥ ንምግባር ኢዩ። እቲ ቆልዓ ኪዓቢ እንከሎ ንባህልታትን ልምድታትን ዘውርሱ ካብ ኣቡኡን ኣዲኡን፡ ካብ ስድራ-ቤቱ፡ ኣዝማዱ፡ ከባቢኡን ዝመሃሮምን ዝወርሶምን ብዙሓት

ነገራት ኣለዉ። ንኣብነት ሓንቲ ጓል ናይ ገዛ ምሕደራ (ባልትና) ካብ ኣዲኣ ኢያ እትምሃሮ። ኩሉ'ዚ ነገራት'ዚ ከኣ ብናይ ኣደ-ቋንቋ እዩ ዝመሓላለፍ።

ስለ'ዚ፡ ናይ ኣደ-ቋንቋ ታሪኽና፡ ባህልና፡ ልምድና፡ ክብርታትና፡ ፍቕርናን ጽልእናን፡ ሓጎስናን ሓዘንናን፡ ደርፍናን ጻዕርናን...ወ.ዘ.ተ. እንገልጸሉ፣ 'ንሕናን ንሳቶምን' እንበሃሃለሉ፣ መበቆልናን መንነትናን እነረጋግጸሉ ቀንዲ መሳርሒ እዩ። ንኣብነት ንሓደ ሳሆ ናብ ሞቓድሾ ወሲድና ንቐምጦ፣ ወይ ንሓደ ትግርኛ ናብ ዓዲ-ሃገራይ ወሲድና ነቐምጦ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ካብ ናይ'ቲ ከባቢኦም ህዝቢ ዝፈልዮም እንታይ ነገር ኣሎ? ዋላ ሓንቲ። ስለዚ፡ ሓደ ሳሆ 'ኣነ ሳሆ ኢየ' ክብል እንተኾይኑ ቋንቋ ሳሆ ዝዛረብ፡ ናይ ሳሆ ባህሊ ዝፈልጥን ዘስተማቕርን፡ ከም ሳሆ ዝሓስብን ኪኸውን ኣለዎ። ሓደ ኣብ ኣሜሪካ ተወሊዱ ዝዓበየ እሞ ናይ ሳሆ ቋንቋ ይኹን ባህሊ/ልምዲ ዘይቀሰመ ሳሆ፡ 'ኣነ ሳሆ ኢየ' ክብል'ኮ ከጸግሞ ኢዩ፣ ምኽንያቱ፡ ምስቲ ናይ ሳሆ ሕብረተ-ሰብ ዘተኣሳስሮ ናይ ሓባር መለለዪ ስለዘይብሉ። እስኪ ነዞም ኣብ ኣወሮጳን ኣብ ኣመሪካን ተርዒሞም (adopted) ዝዓብዩ ሰባት፡ ምስ ዓበዩ ዘጋጥሞም ሽግር ንርአ። ናይ መንነት ጸገም እኮ ኢዩ። እዚ ናይ ብሓቂ ንኣእምሮኦም ዘናውጽ ሽግር ስለዝኾኖም ድማ ናይቶም ብህጻንነቶም ዝሓደግዎም ዘይፈልጥዎም ስድራ-ቤት ሃለዋት ንምርግጋጽ ናብቲ ዝመንጨዉሉ ሃገር ይኸዱ፣ ደሃይ ስድራ-ቤቶም የጣይቑ፣ ዝዕወቱ ግን ብዙሓት ኣይኮኑን።

ስለዚ፡ ሓደ ሰብ ዓረብኛ ወይ እንግሊዝኛ ስለዝተማህረ ዓረበታይ ወይ እንግሊዛዊ ኣይከውንን ኢዩ፣ መበቆሉ ኪቕይር ኣይክእልን ኢዩ። ሽሕ ጊዜ ነቲ ናይ ባዕዲ ቋንቋ እንተመለኾ ድማ ከም'ቲ ዓረበታይ ወይ ከም'ቲ እንግሊዛዊ ኪስሕቅን ከስሕቕን፡ ኪጨርቕን ኪዋዘን፡ ኪምስልን ኪምጉትን፡ ክጻረፍን ኪውድስን፡ ኪምዕድን ኪሽምግልን፡ ከረድእን ኪግስጽን፡ ላህጃታትን (dialects) ብሂላትን (slangs/jargons) ናይ'ቲ ቋንቋ ኪፈልጥ ወ.ዘ.ተ...ኣይክእልን ኢዩ። ካብኡ ናብኡ'ኳ፡ ሓደ የመናዊ ንሓደ ግብጻዊ፣ ሓደ ሊብናናዊ ድማ ንሓደ ሞሮካዊ ኪትክኡ ኣይክእሉን ኢዮም። ግን ሓደ ሰብ፣ 'ዓረብኛ ተማሂረ እየ፡ ነቲ ቋንቋ ኣዐርየ እየ ዝፈልጦ'ሞ ቋንቋይ ዓረብኛ እዩ' እንተበለ'ኸ? ዝኾነ ሰብ ከምኡ ኪብል ይኽእል ኢዩ፣ ግን ኣብ'ቲ 'ንሕናን ንሳቶምን' ዝብሃለሉ እዋን ምስ መኖም እዩ ኪሰራዕ?

**ናይ ኣደ-ቋንቋን መባእታዊ ትምህርትን፦**

ኣብ ላዕለዎት ደረጃታት ዘሎ ትምህርቲ ብናይ ወጻኢ ቋንቋ (ንኣብነት እንግሊዝኛ) ኪውሃብ ግድን ኢዩ፣ ንስርዓተ-ትምህርትና ብቐሊሉ ምስ ኣብ ዓለም ዘሎ ምዕባለ ንምትሕሓዝ ዝከኣል ድማ ከምኡ ምስ ዝግበር ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ፣ ብናይ ወጻኢ መጻሕፍትን ንጥረ-ነገራትን (ማተርያል) ንምጥቃም፣ ዝህብትምን ዝሰፍሕን መርበብ ኣብያተ-መጻሕፍቲ ንምምስራት፣ ናይ ወጻኢ መማህራንን ኪኢላታትን ዓዲምካ ኣስተምህሮታት ንምሃብ፣ ኣብ ወጻኢ ዝህሉ ምዕባለ ብቐሊሉ ንምቕዳሕን ንምእትታውን (ንኣብነት ኣብ ዓውዲ ሕክምና፡ ኮመርስ፡ ኢንዱስትሪ፡ ሓበሬታዊ ተክኖሎጂ-IT)፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ነቲ ኣብ ሃገርና ዝርከብ ስርዓተ-ትምህርቲ ብፍሉጥ ኣህጉራዊ መዐቀኒ ከም ዝምራሕ፣ ምስ ናይ ኣውሮጳን ኣመሪካን ስርዓተ-ትምህርትታት ከም ዝታኣሳሰርን ናታተን ተቐባልነት ከም ዝረክብን ንምግባር ...ወ.ዘ.ተ. ይምችእ። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ንትምህርቲ እንግልገለሉ ቋንቋ ነዞም ዝተጠቕሱን ካልኦትን ብልጫታት ንምርካብ ዘኽእለና ምእንቲ ኪኸውን ድማ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ እንጥቀመሉ ቋንቋ ንጹር፡ ኣብ ሃገራዊ ጠቕሚ ዝተመስረተን

ንዕኡ ዘድምቕን፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ካብ ስምዒት ናጻ ዝኾነን ብምርምርን መጽናዕትን ዝተሰነየን መርገጺን ውሳኔን የድልየና።

ኣብ ናይ መባእታ ደረጃ ግን፡ እቲ ቆላዓ ብናይ ኣዲኡ ቋንቋ እንተተማህረ ዝበለጸ ውጽኢት ከም ዝህብ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝተኻየዱ ምርምራትን ፈተነታትን የረጋግጽዎ። ናይ ኣደ ቋንቋን ትምህርቲ-መባእታን ፈጺሞን ዘይፈላለዩ ክልተ ኣገደስቲ ባህርያት ናይ'ቲ ሓደ ቆልዓ ዝዓብየሉ መስርሕ (child development) ኢዮም፤ ምኽንያቱ፡ እቲ ቆልዓ ኣፉ ዝኽፍተሉ ቋንቋ እቲ ናይ ኣዲኡ ቋንቋ ስለዝኾነ፡፡ እቲ ቖልዓ ነቶም ፊደላት ናይ'ቲ ቋንቋ ምስ መለኸ ድማ፣ ብእኦም ኣቢሉ ኣብ ከባቢኡ ምስ ዝርከቡ ህይወታውያንን ዘይ-ህይወታውያንን ነገራትን፡ ምስ ረቀቕቲ ሓሳባትን ኣምራትን ብቐጥታ ይላለ። ካልኣይ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ እቲ ቆልዓ ዝሓቶም ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። ሙብዛሕትኦም ነገራትን ሓሳባትን ስለዝገርምዎን፣ ነብሰ-ምትእምማን ከሕድርን ክመራመርን ክሳብ ዝጅምር ድማ እቶም ዝመሃሮም ነገራት፡ ሓሳባት፡ ኣምራት ኣብ ውሽጡ ሰሪጾም ስለዝርብሽዎን ወትወትቲ ሕቶታት የልዕል። ንሕቶታቱ ጽን ኢሎም ዝሰምዑን ተገዲሶም ዝምልስሉን ኣቡኡን ኣዲኡን ምኻኖም ስለዝፈልጥ ከኣ ንኣታቶም ይሓትት። ስለ'ዚ እውን፣ እቲ ኣቦን ኣደን ንደቆም ክከታተሉ፡ ሕቶታቶም ክምልሹ፡ ዕዮ-ገዛ (home work) ኪውሃቦም እንከሎ ድማ ኪሕግዝዎም ኣለዎም ዝብሃል መትከል ትምህርቲ ትርጉም ይረክብ። እቲ ቆልዓ ካብ ስድራ ቤቱ ሓሊፉ ምስ ናይ ቀረባ ኣዝማዱ፡ ጎረባብቱ፡ ኣዕሩኽ ስድራ-ቤቱ ወ.ዘ.ተ. ኪራኸብን ንዓታቶም ኪሓትትን እንከሎ ሓገዝ ኪረክብ ይኽእል። ስለ'ዚ፡ ብውሕዱ ኣብ'ቲ ናይ መባእታ ደረጃ ዝውሃብ ትምህርቲ ብናይ ኣደ-ቋንቋ ምስ ዝኸውን ብዙሕ ረብሓ እዩ ዝህብ፣ ንገለ ካብኣታቶም ንምጥቃስ ድማ፡-

• እቲ ቖልዓ ኣብ ኣቡኡን ኣዲኡን ዘህልዎ እምነት ይጸንዕ፡ ፍቕሩ ድማ ይድልድል። እቲ ቖልዓ ብዓረብኛ ምስ ዝምሃር ግን፣ ነቶም ኣብ ከተማታት ዝቕመጡ ውሑዳት ምሁራት ገዲፍካ እቲ ኣብ ገጠር ዝቕመጥ ህዝብና፡ ኰኖ ኣሌፍ-ባእ-ታእን መሰረታዊ ናይ ቁርኣን ትምህርትን (ንሱ'ውን ኣብ ምስማዕን ምድግጋምን ዝተመስረተ) ናይ ዓረብኛ ቋንቋ ኣፍልጦ ኪህቦ ዝክእል ትምህርቲ ስለዘይቀስም፣ ንደቁ ኣብ ትምህርቶም ኪሕግዘሉ ዘብቅዖ ፍልጠትን መሳርሕን ኣይህልዎን። እቲ ቖልዓ ድማ፡ ካብ ስድራኡ ዝጽበዮ ምትሕግጋዝ ስለዘስእን፣ ኣብ መወዳእታ ይንዕቆም፡ ኣብኣታቶም ዝህልዎ እምነት የጥፍእ፡ ብሰንክ'ዚ ድማ ፍቕሩ ይልሕልሕ። እዚ ሓቅ'ዚ ድማ፡ ብፍላይ ነቶም ካብ ኤርትራ ወጻኢ (ኣብነት ኣብ ኣውሮጳ፡ ኣመሪካን ማእከላይ ምብራቕን) ዝነብሩ ስድራ-ቤታት ፍሉይ ጦብላሕታ ከም ዘሕድረሎም ዝከሓድ ኣይኮነን።

• ብኻልኣይ ደረጃ፡ እቲ ከባቢ (ዘመድ፡ ጎረቤት ወ.ዘ.ተ.) ኣብ ህይወትን ልምዓትን ናይ'ቲ ቆልዓ ብቐጥታ ስለዝሳተፍ እቲ ቖልዓ ተቐባልነት ይረክብ፣ ነብሰ-ምትእምማን የሕድር፣ ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ ዝህልዎ እምነትን ፍቕርን ይድልድል፣ ኣብ ሞንጎ ወሎዶታት ዝህሉ ዝምድና ድማ ይተርር። እቲ ቖልዓ ምስ ዓበየ ዋላ'ኳ ንዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ወይ ስራሕ ናብ ካልእ ሃገር እንተኸደን ኣብኡ እንተተቐመጠን፣ ባህሉ፡ ስድራ-ቤቱ፡ ኣዝማዱ፡ ዝዓበየሉ ከባቢን መተዓብይቱን ኣይርስዕን። ኣብ ኣፍሪቃ፡ ናይ ብዙሓት ህዝብታት ህይወት መመሊሱ እንዳኸፍኤ ዝኸደሉ ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት እኮ፡ እቶም ዝተማህሩን ዝሃብተሙን ሰባት መምስ ሓለፈሎም ነቲ ዘዕበዮምን ዘምሃሮምን ህዝቢ ስለዝርስዕዎ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብተን ብፈረንሳ ብእንግሊዝ ወ.ዘ.ተ. ዝመሓደራ ዝነበራ ሃገራት ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ (sub-Saharan

Africa) ዝውሃብ ናይ መባእታ ትምህርቲ ብናይ ኣደ-ቋንቋ ዘይኮነስ፣ በቶም ናይ ባዕዲ ቋንቋታት (እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ ወ.ዘ.ተ.) ስለዝኾነ ኢዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ነቲ ሕበረተ-ሰባዊ ምትእስሳር የላሕልሖ፡፡

• ትምህርቲ መባእታ ብዓረብኛ ወይ ትግርኛ ኣብ ዝውሃበሉ ጊዜ፡ ህላወ 'ብቑዓት' መማህራን (ብመሰረት እቲ ዝጸንሐን ሕጂ'ውን ዘሎ ኣተሓሳስባ፡ ብቑዓት ተባሂሎም ዝግለጹ መማህራን ካብ ናይ መማህራን መሰልጠኒ ኮለጅ ዝተመረቑ ምዃኖም)፡ ብግቡእ ዝተሃንጸ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ዝተዳለዉ መጻሕፍቲ ካልኦት መሳርሒታትን (ንኣብነት ናይ ስፖርት) ወ.ዘ.ተ. ምህላው ይሓትት። ከም'ዚ ዝበለ መደብ በብዓዱ ንምቛም ዓቕሚ ስለ ዘይርከብን፣ ኣብ ሓደ ዓዲ ዝህልዉ ቖልዑ ድማ ዉሑዳት ስለዝኾኑን፣ እቲ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ንብዙሓት ዓድታት ዝጥርንፍ ማእከላይ ቦታ ኢዩ ዝምስረት። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ እቶም ቆልዑ ብህጻንነቶም ኪሎ ሜተራት ኪጉዓዙ ይግደዱ፣ ከም ሳዕቤኑ ይደኽሙን ይጠምዩን፣ ኣብ መንገዲ ምስ ዝሓሙ ወይ ሓደጋ ምስ ዘጋጥሞም ኣላዪ ይስእኑ፣ መካይዶም ዝኾኑ ቖልዑ ምስ ዝሃርምዎም ዝጠርዑሉ ስለዘይብሎም ልኡማትን ተገናሕትን ይኾኑ፣ ብሰንኩ ድማ ትምህርቲ ይጸልኡ። ስድራ-ቤታቶም ድማ ከከም ዓቕሞም እኳ ጠዓሞት እነተስነቕዎም፣ ናይ ድኻን ሃብታምን ስድራታት ጠዓሞት ፍሉጥ ስለዝኾነ መቀናንኢ ኢዩ ዝኸውን።

• እቲ ናይ መባእታ ትምህርቲ ብናይ ኣደ-ቋንቋ ምስ ዝከውን'ከ? መጀመርታ፡ እቲ ትምህርቲ ናይ ዓረብኛ ወይ ናይ ትግርኛ ምልከት ስለዘይሓትት ማእከላይ ዓቕሚ ብዘለዎም መማህራን (ማለት፡ ግድን ካብ ናይ መማህራን መሰልጠኒ ኮለጅ ዘይተመረቑ) ኪዕመም ይከኣል። እቲ ንመማህራን ብቑዓት ንምግባር ዝውሃብ ፕሮፈሽናል ስልጠና (ንኣብነት ስነ-ፍልጠት ወይ ቁጽሪ ንምምሃር) ከኣ በብቑንቁኦም ሰለዝኸውን፡ ብቐሊሉን ኣብ ሓጺር ጊዜን መማህራን ንምስልጣን ይከኣል። ስለዝኾነ ድማ፣ ንኣብነት ሻሙናይ ክፍሊ ንዝወድኡ ተመሃሮ ሓጺር ናይ ስልጠና ኮርስ ድሕሪ ምሃብ ኣብ መባእታ ከም ዝምህሩ ኪግበር ይከኣል። እዚ ከኣ ኣብቲ ከባቢ ስራሕ ስለዝፈጥር መነባብሮ ከባቢ በብቑሩብ ይመሓየሽ። በብእዋኑ ሓጸርቲ ኮርሳትን ዎርክ-ሾፓትን ብምድላው ድማ ዓቕሚ መማህራን ንምምሕያሽ ይከኣል። ንቤት ትምርቲ ከምኡ'ውን ንመማህራን ዝኸውን ህንጻ ምድላው ድማ ኣድላዩ ኣይከውንን፣ ኣብ'ቲ ዓዲ ዝርከብ ምቕልል ዝበለ ገዛ ከም መምሃሪ ክፍሊ ከገልግል ይኽእል፤ እቲ ዓዲ ወይ ከባቢ እውን እኮ መጠነኛ ሓገዝ እንተረኺቡ ባዕሉ ገዛውቲ ከዳሉ ይኽእል እዩ።ንኣብነት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኬንያ ብዙሓት ተመሃሮ ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ ኮይኖም ይምሃሩ ኣለዉ። እዚ ድማ ኣብ ከባቢታትና ብዝርከቡ ነገራት ክንጥቀም ኣገዳሲ ምኻኑ እዩ ዝሕብር። ናይ'ዚ ኣገባብ ኣመሃህራ'ዚ ብልጫታት ብዙሓት ስለዝኾኑ፡ ንምጽብጻቦም ነብሱ ዝኸኣለ ምርምር ምክያድ ከድሊ እዩ፤ ነቲ ስራሕ ንኣንበብቲ ገዲፈ ከኣ እስኪ ነቶም ኣገደስቲ ዝብሎም ክጠቅስ፡-

1. መማህራንን ስድራ-ቤታትን ብቐረባ እንዳተራኸቡ ናይ ተመሃሮ ገምጋም ኪገብሩን

ኪመያየጡን ይኽእሉ፤

2. ቖልዓ ምስ ዝሓምም፡ ምስ ዝጽልኦ ወይ ዝህከ ብቐሊሉ ናብ ገዛኡ ኪምለስ ይኽእል፣

ስድራ-ቤታት እውን ሃለዋት ደቆም ኪገብሩ ይኽእሉ፤

3. ቐልዓ ኣርሒቑ ስለዘይወፍር ጠዓሞት ምድላው ኣየድልን፤

4. ናይ መዋእለ-ህጻናት ትምህርቲ በብዓዱ ንኪጅመር የተባብዕ፣ ከም'ቲ ኣቐዲሙ

ዝተገለጸ ድማ እዚ'ውን ኣብቲ ከባቢ ተወሰኽቲ ስራሓት ይፈጥር፤

5. ናይ ዓበይቲ ትምህርቲ ንምሃብ ይከኣል፤

6. በብዓዱ ብዝሒ ዝተማህረ ሰብ እንዳወሰኸ ስለዝኸይድ ከኣ ንጽሬትን ጥዕናን፡

ኣገልግሎት ኣደን ህጻንን፡ ኣጠቓቕማ ማይን መሬትን፡ ግረባ፡ ካልኦት ናይ

ልምዓት መደባትን ብዝምልከት ዝዓለዉ ኣስተምህሮታት ንምሃብ ይከኣል።

ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነጥብታት እቲ ዝለዓለ ኣድህቦ ዝግብኦ ግን እቲ ንምዕቃብ ባህሊ፡ ወይ ከኣ ንምዕቃብ ብሄራትና ዝምልከት ጉዳይ ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ፣ ዶ/ር ፓታንያክ፡ ኣብ'ቲ "Mother tongues: the problem of definition and the educational challenge" ዝብል ጽሑፉ ነዚ ዝስዕብ ይጠቅስ፡-

"If parents are not able to transmit easily their values, their beliefs, their views or their philosophy about the meaning of work, personal responsibility or the significance of ethics and individual morality, then the integrity of families and of the societies in which they live will disintegrate. The disappearance of the only language in which parents can communicate with their children leads gradually to the erosion of intimacy between the generations." p.30

"ስድራ-ቤታት ክብርታቶም፡ እምነታቶም፡ ብዛዕባ ትርጉም ስራሕን ውልቃዊ ሓላፍነትን ወይ እውን ብዛዕባ ኣገዳስነት ስነ-ምግባርን ሞራልን ዘለዎም ኣረኣእያን ፍልስፍናን ብቐሊሉ ከመሓላልፉ እንተ ዘይኪኢሎም፣ ህላወ ስድራ-ቤታትን ዝምረኮሱሉ ማሕበረ-ሰብን ይሃስስ። ምህሳስ ናይ'ቲ ስድራ-ቤታት ምስ ደቆም ኪራኸብሉ

ዝኽእሉ እንኮ ቋንቋ ድማ፡በብቑሩብ ነቲ ኣብ ሞንጎ ወሎዶታት ዘሎ ምትእስሳር

ይድምስሶ" (ትርጉም ናይ ጸሓፊ)።

**ናይ ኣደ ቋንቋን ትምህርቲ ዓበይትን፡-**

ካብ 1783-1872 ዝነበረ ኤን. ኤፍ. ኤስ. ግሩንቪ (N.F.S. Grundtvig) ዝተባህለ ደንማርካዊ ቀሽን ገጣማይን፣ ትምህርቲ ንኹሉ ህዝቢ ኪውሃብ ኣለዎ ዝብል ርእይቶኡ ብግጥምታቱ፡ ጽሑፋቱን ስብከቱን ኣቢሉ ንህዝቢ ይዝርግሕ ነበረ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝውሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ኣብ ላዕለዎት ጽፍሕታት ናይ'ቲ ሕ-ሰብ (መሳፍንትን ቡረጅዋታትን) ዝተወሰነን፡ ብፍላይ ከኣ ንናኣሽቱ ደቂ-ተባዕትዮ ጥራይ ዝውሃብን ኢዩ ዝነበረ። ግሩንቪ ግን፣ ትምህርቲ ጾታ ይኹን ዕድመ ከይፈለየ ንኹሉ ሰብ ኪውሃብ ኣለዎ ኢዩ ዝብል ዝነበረ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ'ቲ ሃገር ኣተሓሳስባ ኣዝዩ ድሑር ስለዝነበረ፣ ብሓፈሻ ድማ፡ ገባሮ ትምህርቲ ኪቕበል ዝክእል ዓቕሚ የብሎምን ዝብል እምነት ሰፊሕ ተቐባልነት ስለዝነበሮ ናይ ግሩንቪ ሓሳብ ሰማዒ ኣይረኸበን። ድሕሪ ግሩንቪ፣ ክርስትያን ፍሎር ዝተባህለ ሰብ ንኣተሓሳስባ ግሩንቪ ብምኽታል፡ ኣብ 1844 ናይ መጀመርታ ቤት-ትምህርቲ ንዓበይቲ መስሪቱ። እዚ ብፎልክ ሆይስኮለ (People's High-school) ዝፍለጥ ቤት-ትምህርቲ ክጅመር እንከሎ ንደቀ-ተባዕትዮ ጥራይ ኢዩ ዝውሃብ ዝነበረ፣ እንተኾነ ድሕሪ ሓደ ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ'ውን ከም ዝሳተፍኦ ተገይሩ።

እዚ ብፍላይ ንዓበይቲ ዝውሃብ ትምህርቲ'ዚ ኣብ መስርሕ ብዙሕ ለውጥታት ከም ዝገበረ እኳ ዝግመት እንተኾነ፣ ዕላማኡ፡ ምሉእ ህዝቢ ደንማርክ ናይ ትምህርቲ መሰል ከም ዝረክብ ንምርግጋጽን፣ ዋላ እቲ ብዕድመ ዝደፍኤ ሰብ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ንክምሃር ዕድል ንምኽፋትን ኢዩ። እቲ ዝዓበየ ዕላማ ናይ'ዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ተመሃራይ ተገዲሱ ከም ዝምሃርን ከም ዝካታዕን ንምግባር ስለዝኾነ መርመራ የብሉን። ተመሃሮ ምእንቲ ርእሶም እዮም ዝምሃሩ፣ ብፍላይ ኣብ ከባቢኦም ናይ ዝረከቡ ነገራት ድማ ንጹር ፍልጠት ከም ዝሕዙ ይግበር። ኣብ'ቲ ዝተጀመረሉ ጊዜ ምጽሓፍን ምንባብን፡ ግጥሚ፡ ታሪኽ፡ ጆገራፍ ዝኣመሰሉ ዓይነታት ትምህርቲ ይውሃቡ ነይሮም፣ ሎሚ ድማ ከም ስእሊ፡ ሙዚቃ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ድራማ፡ ስነ-ፍልጠት፡ታሪኽ፡ ጆግራፍ፡ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት…ወ.ዘ.ተ. ኣዝዮም ዝውቱራት ኣርእስታት ኮይኖም ኣለዉ። ቀጺሉ'ውን ክፉት ዩኒቨርሲቲ (Open University) ተባሂሉ ዝጽዋዕ መደብ ኣሎ። ኣብ'ዚ ድማ ሓደ ነቶም ቅጥዕታት ዘማልእ ሰብ፡ ብዘይ ክረዲት (ብዘይ ነጥቢ) ኣብ ዝመረጾ ዓውደ-ትምህርቲ ምስቶም መዓልተዊ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ተሰሪዑ ትምህርቱ ይከታተል፣ ናይ ምቕጻል ድልየት ምስ ዝህልዎ ድማ፡ ንዝውሃቦ መርመራ ሓሊፉ ምሉእ ተመሃራይ ዩኒቨርሲቲ ኮይኑ ትምህርቱ ይቕጽል። እዚ ኣገባብ እዚ ኪጅመር እንከሎ ዝነበሮ ዕላማ ነቶም ፊደል ዘይቆጸሩ ዓበይቲ ንምስትምሃር እዩ ዝነበረ።

ሎሚ ግን፡ ኩሉ ሰብ ብሕጊ ክሳብ 9ይ ክፍሊ ስለዝምሃር፣ ኣብቲ ሃገር ዘይተማህረ ዝብሃል ሰብ የለን። ስለ'ዚ ከኣ እዩ እቲ ናይ ፎልክ ሆይስኮለ ዕላማ ተቐይሩ ክሳብ ደረጃ ዩኒቨርሲቲ ዝበጽሕ ትምህርቲ ከም ዘጠቓልል ኮይኑ ተቐሪጹ ዘሎ። እዚ፡ ነቶም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ትምህርቶም ኪቕጽሉ ዘይከኣሉ ዓበይቲ ዕድል ንምሃብ ዝተገብረ ብልሓት ኢዩ። ናይ'ዚ ኣገባብ'ዚ ኣዝዩ ዘገድስ ረቛሒ፡ እቲ ትምህርቲ ብዳንሽ ዝውሃብ ምዃኑ ኢዩ። ናይ ሃገርና ኣብነት እንተ ተደልየ ድማ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ብትግርኛ ዝውሃብ ዝነበረ ናይ ኣጋር ሓኪም ትምህርቲ ኣደነቕቲ ዝኾኑ ውጽኢታት ከም

ዝነበሮ ሓካይም ይምስከሩ። ሎሚ፣ በዚ ኣገባብ'ዚ ዝሰልጠኑ ሰባት ብቑዓት ነርስታት ኮይኖም ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሚኒስትሪ ጥዕና ግቡእ ኣገልግሎት የበርክቱ ኣለው።

እዚ ዘመልክቶ እምበዓርከስ፡ ናይ ኣደ-ቋንቋ ከም መምሃሪ ምስ እንጥቀመሉ ቆልዑ ንምምሃር ጥራይ ዘይኮነ ዓበይቲ ንምምሃር እውን ከም ዘገልግል፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ብናይ ኣደ-ቋንቋ ዝውሃብ ትምህርቲ ሃገር-ለኸ ዝኾነ መስርሕ ለውጢ ንምጅማርን ዘኽእል ኣገዳሲ መሳርሒ ምዃኑ እዩ። ከም ውጽኢት ድማ፡ በብቛንቋኡ ዝተፈላለዩ መጸሕፍትን መጽሄታትን ይዳለዉ፣ ጋዜጣታትን ናይ ረድዮን ቲቪን ፕሮገራማት ኣብ ኩሉ ቦታ ይተኣታተዉን ይዝርግሑን፣ እተን ኣብ ርእሰ-ከተማ ጥራይ ተወሲነን ዝርከባ ኣብያተ-ማሕተማት ኣብ ኩለን ከተማታት ይዝርገሓ፣ ምሽታዊ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ቦታ ይህሉ …ወ.ዘ.ተ.። እዚ ከይዲ'ዚ (progress) ከኣ ብግዴኡ እንዳተባዝሑን እንዳተራብሑን ዝኸዱ ስራሓትን ወፍርታትን ይፈጥር። እቲ ብናይ ኣደ-ቋንቋ ዝውሃብ ትምህርቲ እምበዓረከስ፣ ኣብ ገጠር ንዝነብር ህዝብና ተሳታፊ ሃገራዊ ልምዓትን ብልጽግናን ንኪኸውን ዝሕግዞ እንኮን ወሳንን መሳርሒ ኢዩ።

**ናይ ኣደ ቋንቋን ሃገራዊ ቁጠባን፡-**

ገለ ካብቶም ነዚ ሓሳብ'ዚ ዘይቅበሉ ሸነኻት ዘቕርብዎ ሞጎት፣ ናይ ኤርትራ ባጀት ካብ ክልተ ቋንቋታት ንላዕሊ ኣይጻወርን ኢዩ ዝብለ ኢዩ። ከም ኣበሃህላኦም፡ መንግስቲ ብኹለን ቋንቋታት ምስ ዝሰርሕ መማህራን፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መጻሕፍትን ካልእ ዕጥቅን በብቛንቁኡ ንምድላው፣ ጽሑፋት፡ ኣዋጃት፡ ሕግታት፡ ምልክታታት ወ.ዘ.ተ. መንግስቲ ብኹሎም ቋንቋታት ንምሕታምን ምዝርጋሕን፣ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ፡ ኣብያተ-ፍርዲ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ምስ ህዝቢ ርክብ ዘለዎም ምምሕዳራት መንግስትን ትርጁማናት ንምቑጻር፣ ጸባጸባት ንምድላውን ምዕቃብን፣ ሰሚናራት፡ኣስተምህሮታት፡ ዎረክ-ሾባት፡ ምርምራትን ብኹለን ቋንቋታት ንምክያድ፣ ምስ ህዝቢ ዝራኸቡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ (ጠበቓታት፡ ሓካይም፡ ፖሊስ ወ.ዘተ.) ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ከም ዝመልኩ ንምርግጋጽን ወ.ዘ.ተ. ዝሕተት ባጀት ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ሃገራት ኣይክእልኦን እየን ይብሉ።

ብቐዳምነት፡ ሓንቲ ሃገር ብቡዙሓት ቋንቋታት ክትሰርሕ ምስ እትመርጸ ዝሕተት ባጀት ቀሊል ከም ዘይኮነ ፍሉጥ ኢዩ። እንተኾነ፡ ናይ ሓደ ሃገራዊ ባጀት ኣመዳድባ በቲ እቲ መንግስቲ ዝኽተሎ ቀደምትነታት (Priorities) ስለ ዝውሰን፣ ብቐዳምነት ነቶም ዝስርዑ ቀደምትነታት ምርኣይ የድሊ። መጠን ናይ ሓደ ሃገራው ባጀት ብናይ እቲ መንግስቲ ዝህልዎ ኣታዊታት ዝዕቀን እዩ። ግን መንግስቲ፡ ኣታዊታቱ ብቐዳምነት ነቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ መዳባት ከም ዘገልግሉ ገይሩ ናይ ምስራዕ ሓላፊነት ከኣ ኣለዎ። እዚ ማለት፡ እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ መደባት ኪዕመሙ እንከለዉ፣ ገለ ካብቶም ኪዕመሙ ተሓሲቦም ዝነበሩ መደባት ድማ ከይተዓመሙ ይተርፉ ማለት ኢዩ። ዋላ ኣብተን ሃብታማት ዝብሃላ ሃገራት እኳ ከይተዓመሙ ዝተርፉ ስራሓት ኣለዉ። ኣብ ሃብታማት ሃገራት ዝርኤ ካልእ ጸገም ዕቤትን ምስኡ ዝመጽእ ብልሸውናን እዩ። እቲ ዕቤት ናይ ምውህሃድን ምቁጽጻርን ጸገም፡ ምድርራብ ስራሓት፡ ምብኻን ጊዜን ንዋትን (ገንዘብ፡ ሰብኣዊ ሓይሊ፡ ፍልጠት) ነንሕድሕዱ ዘይሳነ (ኣብ ውድድር ዝተጸምደ) ክፉላት መንግስቲ፡ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ኣሰራርሓ፡ ጉዳያት ህዝቢ ዘየሳልጥ ኣገልግሎታት (ኣዝዩ ነዊሕ መሳልል)፡ ኬላታት (red-tape) ካልኦት ተመሳሰልቲ ሽግራትን ይፈጥር፤ ከም ሳዕቤን ናይ'ቲ ዝተሓላኸ ኣሰራርሓን ልሕሉሕ ቁጽጻርን ድማ ብልሽውና ይዕምብብ። እዚ፡ ኣብ እተን ዘይማዕበላ ሃገራት እውን ብሰፊሑ ይርአ እዩ፤ ጠንቁ ግን ሃብትን ብሃብታማት ዝምራሕ ቁጠባን ዘይኮነስ፣ ስርዓት-

ኣልቦ ዝኾነ (system less)፡ ብሕጊ ዘይምራሕ፡ ብቑለ ናይ ሓደ ኣምባ-ገነን መራሒ ዝመሓደር መንግስቲ ስለዝህሉ ኢዩ።

ስለዚ ድማ፡ ቅርጡው (lean) መንግስቲ፡ ዓቕሙ ዝፈልጥን ምስ ዓቕሙ ዝጓዓዝን መንግስቲ ምህላው ልዕሊ ኩሉ ዘገድስ ነገር እዩ። ቅርጡው መንግስቲ ማለት ከኣ ብሕጊ ዝምእዘዝን (ባጀት ኪህሉ እንተኾይኑ ሕጊ ኪህሉ ኣለዎ) ናይ ህዝቢ ትጽቢት ንምምላእ ዝሰርሕን መንግስቲ ኪህሉ ኣለዎ ማለት ኢዩ። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንመለከት። እዚ ስርዓት'ዚ ክሳብ 350 ሽሕ ዝኣክል ሰራዊት ኣለዎ። ዋላ ብትሑት ዓቕሚ ይኹን ነዚኣቶም ንምኽዳን፡ ንምንቅስቓስ፡ ንምምሕዳር፡ ዕጥቅን ስንቅን ንምድላው፡ ደሞዞም ንምኽፋል...ወ.ዘ.ተ. ዘድሊ ገንዘብ ውሑድ ኣይኮነን። ካልኣይ ኣብነት፡ ካብተን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከፊትወን ዘለዋ ኤምባሲታት ክንደይ ዝኣኽላ ኢየን ኣገደስቲ? ኣገዳስነተን'ከ ብምንታይ ይዕቀን? እቲ መዐቀኒ'ሽ ኣብ ምንታይ ይምርኮስ (ቁጠባዊ ረብሓ፡ ጅኦ-ፖለቲካዊ ኣገዳስነት፡ ፍልስፍናውን ክልሰ-ሓሳባውን ኣረኣእያ፡ ዞባዊ ኣመለኻኽታ - ንኣብነት ኣውሮፓዊ ሕብረት...)? ነዚ ንምትግባርከ መንግስቲ ዝተነጸረ ስትራተጂ፡ ውጥን-ትግበረ (Action Plan) ፕሮገራምን ኣለዎ'ዶ? ሳልሳይ ኣብነት ንምጥቃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንተቓወምቲ ጉጅለታት ኢትዮጵያ፡ ሶማልያ፡ ጅቡቲ፡ ሱዳን ከምኡ'ውን ንናይ ደቡብ ሱዳን ተቓወምቲ ይድግፍ፡ የስንቕ፡ የንቀሳቕስ፡ መካይንን ኣብያተ-ጽሕፈታትን ይዕድል፡ ነዚ ዝኸውን ገንዘብ ከኣ ይምድብ።

እዞም ዝተጠቕሱ ሰለስተ ኣብነታት ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ምንም ዓይነት ኣስተዋጽኦ ዘይብሎም ክነሶም፡ ብኻልእ ኣገባብ ንዝተረኽበ ኣታዊ ንምምንጫት ዝቋመቱ፣ ኣዝዮም ዓበይቲ ስለ ዝኾኑ ድማ ንጉልበትን ኣእምሮን መንግስቲ ብምቁጽጻር ነታ ሃገር ጅሆ ሒዞምዋ ዘለዉ ኣህለኽቲ መደባት እዮም። እምበዓርከስ፡ ኣታዊታት ንዘኻዕብቱ ክፋላት ስራሕ ( ከም ሕርሻ፡ ኢንዱስተሪ፡ ቱሪዝም...ወ.ዘ.ተ.) ከይጠመትና'ኳ መደባት መንግስቲ ብምጽንጻል፣ ማለት ኣሰራርሓ መንግስቲ ቅርጡው፡ ጽፉፍን ግሉጽን (transparent)፡ ሓጺርን ቅልጡፍን (efficient)፡ ኣድማዕን (effective) ብምግባርን ንመደባቱ ብቐደም-ተኸተል ብምስራዕን ጥራይ ብዙሕ ገንዘብ ከነትርፍን፣ ንሃገራዊ ኣታዊና ኣብ ኣገደስቲ መደባት ከም ዝውዕል ክንገብርን ንኽእል።

ስለ'ዚ እምበዓርከ፡ ብኹለን ቋንቋታት ክንሰርሕ ዓቕሚ የብልናን ዝበሃል ሞጎት ቅኑዕ ኣይኮነን፣ ስለ ምጉት ዝቐረበ መጎት ጥራይ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ብቐዳምነት መደባት ስራሕ ከከም ኣገዳስነቶም ክንሰርዕ፣ ዝትግበሩን ዝውንዘፉን መደባት (ናይ ሓሙሽተ ወይ ናይ ዓሰርተ ዓመት ውጥን ምድላውን በቲ ዝተዳለወ ውጥን ምስራሕን) ኣነጺርና ክንፈሊ፣ ንዋትናን ገንዘብናን ብዝተጸንዐን መመሊሱ ዝፍተሸን ቅዲ ኣሰራርሓ ኣብ ኣገደስቲ መደባት ከነውዕልን ይግባእ። ልዕሊ ኩሉ ኪትኮረሉ ዘለዎ ነጥቢ ድማ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ወድ-ሰብ ንምግልጋል ኪኸውን ኣለዎ።

ስለ'ዚ ኸኣ፡ ቀዳማይ ዕላማ ናይ ሓደ ሃገራዊ ባጀት ንኹሉ ሰብ ስራሕን ትምህርትን ምኽፋት ኪኸውን ይግባእ። ልክዕ፡ ኣብ ድኽነት ዝርከባ ሃገራት ነዚ ዕላማ'ዚ ኣብ ሓደ እዋን ኪዓማኦ ኣይክእላን ይኾና፣ ምስ ጊዜ ግን ዘይዕመም ኣይኮነን፤ ማለት፡ ዕላማኤን ንሱ እንተድኣ ኮይኑ። ሓደ መንግስቲ ብግቡእ እንተድኣ ሰሪሑ፡ ሓላፍነቱ ብግቡእ እንተድኣ ተግቢሩ ድማ ኣብ ሓደ ዓመት ዝነበረ ዓቕሙ ኣብቶም ዝቕጽሉ ዓመታት ይዓቢ፣ ሽዑ ድማ ንመደባቱ ብዝደልደለ ዓቕሚ የስፍሕን ይትግብርን። ስለ'ዚ፡ እቲ ሰባት በብቛንቁኦም ኪምሃሩ ኣለዎም ዝብሃል ነገር መትከል እምበር ባጀት ኣይኮነን። ባጀት፡ ነቶም መንግስቲ ከሰላስሎም ዝሓስቦ ውጥናትን ስራሕ ንምትግባር ንሓደ ዓመት ወይ ንዝተወሰኑ ዓመታት

ዝሕንጸጽ ፊናንሲያዊ መሳርሒ ጥራይ እዩ። መትከል ግን ዕላማ እዩ፣ ናይ ሓደ ሃገር፡ ናይ ሓደ ህዝቢ ዕላማ። ሓደ ህዝቢ'ኮ ሃገር ዘቕዉም ናይ ሓባር ዕላማ እንተሃለዎ ጥራይ እዩ። ስኞ ኢልካ'ኮ ተጠራኒፍካ ሃገር ኪምስረት ኣይከኣልን እዩ፤ ቀደም ሰባት ብዓሽኦም እንከሎ እወ፡ ሎሚ ግን ኣይካኣልን እዩ፣ ኩሉ'ዩ ዝሸረፍ፡ ዋላ ባጀት። ስለ'ዚ፡ ባጀትና ኣይኣክልን ኢዩ እሞ፡ ሰባት በብቛንቋኦም ንኪምሃሩ ኣይነፍቅድን ኢና ምባል ምስምስ ምፍጣር እዩ፣ ንመሰል ብሄራት ናይ ዘይምቕባል ምስምስ።

ካልኣይ፡ ትርጁማናት ምብዛሕን ሰራሕተኛታት ካብ ሓደ ቛንቛ ንላዕሊ ከም ዝዛረቡ ምድራኽን እውን እኮ ኣድላዪ ኣይኮነን። መብዛሕትኦም ኣባላት ብሄራትና ተሓዋዊሶም ስለዝነብሩ፡ እቶም ዝበዝሑ ብውሕዱ ናይ ክልተ ቛንቛታት ተዛረብቲ እዮም። ንኣብነት ኣባላት ራሻይዳ፡ ናራ፡ በጃ ወይ ቢሊን እንተወሰድና ካብ ንእስነት ጀሚሮም ቛንቛ ትግረ ስለዝዛረቡ፣ ነቲ ቛንቛ ማዕረ እቶም ተወለድቲ እዮም ዝመልከዎ። ቛንቛ ትግረ፡ ቛንቛታት ዓፋርን ሳሆን ኣብ ዝዝረበሎም ቦታታት እውን ኣዝዩ ዝውቱር ቛንቛ ኢዩ። እዚ ብልሜ'ዚ ድማ፡ እቲ ህዝቢ ባዕሉ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጸቕጥን ድፍኢትን ዘጥረዮ ሓድነት ኢዩ። ስለ'ዚ ድማ፡ ቛንቛ ትግረ ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘለዎ፣ ኣብ ሞንጎ ብሄራት ንዝግበሩ ርክባት ዘገልግልን ብቐሊሉ ዝልመድን ቛንቛ ስለ ዝኾነ ከም ሊንጓ ፍራንካ (lingua franca) ከገልግል ይኽእል። በዚ ድማ እቲ ናይ ትረጁማናት ጸገም ይቃለል፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ'ውን ተወሳኺ ቛንቛታት ንኪፈልጡ ኣይድረኹን። እቲ ዘሕዝን ግን፡ ቛንቛ ትግረ ሓያል ዓቕሚ እኳ እንተሃለዎ፣ ብምኽንያት እቲ ገለ ምሁራት ኣስላም ዝኽተልዎ ኣብ ዓረብኛ ዝጸቅጥ መስመር ኪምዕብልን ኪድንፍዕን ኣይከኣለን።

"The use of Tigrinya and Arabic in the public sphere gradually undermined Tigre." Redie Bereketab, p.12

("ኣብ ክሊ ህዝባዊ ርክባት፡ ትግርኛን ዓረብኛን ምጥቃም በብቑሩብ ንቛንቛ ትግረ ኣዳኺምዎ ኢዩ"፣…ዶ/ር ረድኢ በረኸትኣብ፡ ገጽ 12፣ ትርጉም ጸሓፊ)

እዞም ዝተጠቕሱ ምሁራት፣ 'ቛንቛ ትግረ ንዘመናዊ ምዕባለ ዝገልጹ ቃላት የብሉን፡ ጸቢብ እዩ፡ ገላጺ ኣይኮነን' ዝብል ምስምስ እውን የቕርቡ እዮም። ግን እተን ኣብ ዓለም ውሩያት ዝኾና ቛንቛታት እውን እኮ ተለቂሐን እየን ኣብ'ዚ ዘለዋኦ ደረጃ በጺሐን ዘለዋ። ስለ'ዚ፡ ቛንቛ ትግረ ይኹን ካልእ ቛንቛ ከኣ ተለቀሑ ክዓቢ ይኽእል ኢዩ። እቶም ምሁራትና ኣብ ክንዲ ብናይ ባዕዲ ቛንቛ ዝሓስቡን ዝጽሕፉን በብናይ ብሄራቶም ቛንቛ እንተ ዝሓስቡን እንተ ዝጽሕፉን'ኮ፣ ብቕዳምነት ካብቲ ዝተመሃርዎ ቁሩብ ንህዝቦም መካፈልዎ፡ እግረ መንገዶም ድማ ቛንቛታትና ንምሕያል ኣስተዋጽኦ ምገበሩ።

በንጻር ናይ'ቲ ንኸለተ ቛንቛታት ማለት ዓረብኛን ትግርኛን ጥራይ ዝድግፍ መደብ፣ ኤርትራ ብኹለን ናይ ኣደ ቛንቛታት ክትሰርሕ ምስ እትመርጽ፡ ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ዝገብሮ ኣስተዋጽኦ ኣዝዩ ዓቢ እዩ፣ ንገለ ንምጥቃስ ድማ፡-

• ተራባሒ ናይ ስራሕ ዕድላት። መንግስቲ በብዓዱ መማህራን፡ ቱርጁማናት ወ.ዘ.ተ.

ይቖጽር፣ እዚኣቶም ከኣ ብግዲኦም ንኣሽቱ ዕድላት ስራሕ ይኸፍቱ፤

- በብዓዱ ዝፍጠሩ ሓደስቲ ስራሓት ምዕቡላት ኣገልግሎታት ስለዝጠልቡ

  (ናይ ምሽማት ዓቕሚ ስለዝመሓየሽ)፣ እተን ዓድታት ናብ ቁሽታት፡ እተን

  ቁሽታት ድማ ናብ ከተማታት ይቕየራ፤

- ጠለብ ቁሽታትን ከተማታትን እንዳዓበየ ምስ ዝኸይድ፡ ጽሬትን ኣቕርቦትን

  ኣገልግሎታት ይመሓየሽ፤

- ግብሪ መንግስቲ ይዓቢ፤

- ነቲ ዝጽልጸል ሰራዊት ብቕሊሉ ናብ ኣፍራዪ ሓይሊ ንምቕያር ይከኣል፤

- ኣብ ኩሉ ቦታ ዝተዘርግሐ ሃገራዊ ምዕባለን ሃብትን ንምርግጋጽ ይከኣል።

ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ብናይ ኣደ-ቋንቋታት ምስራሕ ኣብ ልምዓትን ቁጠባዊ ዓቕምን ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ኣገዳሲ ዕማም ኣብ ርእሲ ምኳኑ፣ መሰረታዊ መሰል ብሄራት እዩ'ሞ ብድልየት ናይ እተን ዝምልከተን ብሄራት እምበር ብስምዒት ናይ ገለ ጉጅለታት ኪውሰን ዝግብኦ ጉዳይ ከም ዘይኮነ ኪርሳዕ ኣይግባእን። ሓድነት ማለት ድማ መሰልን ምርጫን ብሄራት ምኽባር ማለት እዩ።

**ናይ ኣደ ቋንቋን ፖለቲካዊ መሰልን፡-**

ኣብ ርእሲ እቲ ምስ መንነት፡ ትምህርቲ፡ ቁጠባ ብምትእስሳር ተገሊጹ ዘሎ መሰላት ደቂ-ሰብ፣ ነቶም ኣባላት ናይተን ብዓረብኛ ከዛረባ ተፈሪደን ዘለዋ ብሄራት ብግብሪ እንታይ ጸገም ከም ዘጋጥሞም እስኪ ንርኤ። መቸም ትግርኛ ዕላዊ ቋንቋ ስለዝተባህለ፣ እቶም ትግርኛ ዝመልኩ ሰባት ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈታት መንግስቲ ኪሰርሑ፣ ኣብ ሃገራዊ ባይቶን ኣብያተ-ፍርድን ዝካየዱ ክትዓትን ውሳኔታትን ኪከታተሉ ኪሳተፉን፣ ብሓፈሻ ኣብ ፖለቲካ፡ ቁጠባን ማሕበራዊ ህይወትን ናይታ ሃገር ብዘይ ትርጁማን ንኪሳተፉ ምሉእ መሰል ይረኽቡ ኣለዉ። እቲ ሕቶ፡ እቶም ኣባላት ናይተን ዝተረፋ ብሄራትና'ኸ ከምኡ መሰል'ዶ ይረኽቡ ኣለው ዝብል ኢዩ።

ኣብዚ ዓረብኛን ትግርኛን ከም ዕላውያን ቋንቋታት ዝቕበል ኣተሓሳስባ፡ እተን ትግርኛ ዘይኮና ብሄራትና ብዓረብኛ ተወኪለን ስለዘለዋ፣ ስለ'ዚ እውን ኩሉ መንግስታዊ ስራሓትን ንጥፈታትን ብዓረብኛን ትግርኛን ተሰሪዑ ስለዘሎ፣ ሓደ ሰብ ኣብቶም ብዓረብኛ ዝምርሑ ስራሓትን ንጥፈታትን ንኪዋሳእ ብቑዕ ደረጃ ፍለጠት ዓረብኛ የድልዮ ኣሎ ማለት እዩ። ብዝተረፈ፡ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ዝካየዱ ክትዓት ኪሳተፍ (ብኣካል፡ ወይ ብቓል ይኹን ብጽሑፍ ርእይቶኡ ከቕርብ) ይትረፍ፡ ኪርድኦም'ውን ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ጸገም'ዚ ኣብ ኩሉ ስራሓትን ሕግታትን መንግስቲ፣ ኣብ ትምህርቲ፣ ኣብ ኣብያተ-ፍርዲ፣ ብጋዜጣ፡ ብሬድዮ ወይ ብተለቪዝዮን ኣብ ዝቐርቡ መደባት ወይ ዝካየዱ ክትዓት… ወ.ዘ.ተ. የንጸባርቕ። ቀሊል ደረጃ ዓረብኛ ዝብሃል ስለዘየለን፡ እቲ ስርዓት ምስ'ቲ ዓረባዊ ዓለም ስለ ዝተኣሳሰርን ከኣ፣ ሰባት ኣብ

ቁጠባ፡ ፖለቲካ፡ ማሕበራዊ ጉዳያት ወ.ዘ.ተ. ንዘካይድዎም ንጥፈታትን ንምግላጽ ዝጥቀሙሉ ዓረብኛ ጽያፉ ዝኸተተን ውርጁጽን ዓረብኛ ኢዩ ኪኸውን። ስለ'ዚ ድማ፡ እቲ ልዑል ደረጃ ዓረብኛ ዝፈልጥ ሰብ ነዞም ዝተጠቕሱ መሰላት ከስተማቕር እንከሎ፡ እቲ ዘይብሉ ግን ይሕረም። ብሓጺሩ፡ መሰል ብደረጃ ትምህርቲ ይልካዕ ኣሎ ማለት ኢዩ።

ሳዕቤን ናይ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ድማ፣ እቶም ልዑል ምልከት ቋንቋ ዓረብ ዘጥርዩ፡ ማለት እቶም ኣብ ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ዓረብኛ ንኪሳተፉ ዕድል ዝረኸቡ ወሑዳት ሰባት ስለዝኾኑ፣ ዝበዝሑ (ነዚ ዕድል'ዚ ዘይረኸቡ) ኣባላት ብሄራትና (በዘይካ ትግርኛ ማለት ኢዩ) ኪመርጹ ወይ ኪምረጹ ዘኽእል ብቕዓት ይስእኑ። እዚ ማለት ከኣ፡ ፖለቲካዊ መሰሎም ተቐንጢጡ ማለት ኢዩ። እዚ ኣብ ክሊ መንግስቲ ጥራይ ዝርአ ጸገም ኣይኮነን፣ ኣብ ቁጠባ እውን ሳዕቤን ኣለዎ። ብሓጺሩ፡ እቲ ቋንቋ ዓረብ ዘይመልኽ ሰብ እንዳተደረተን እንዳተዳኸመን ይኸይድ፣ ኣብ ሞንጎ እቶም ዓረብኛ ኪመልኩ ዝኽእሉን እቶም ዘይክእሉን ሰባት ወይ ጉጅለ-ሰባት ከኣ ናይ እቶት፡ ናይ መነባብሮን ምርጫታትን፡ ስዒቡ ድማ ናይ ደርቢ ፍልልይ ይመጽእ።

ኣብ መብዛሕትኤን ሃገራት ኣፍሪቃ ትሕተ-ሳሃራ (ኬንያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሰነጋል፡ ኣይቮረ ኮስት…ወ.ዘ.ተ.) ዝርኤ ጸገም ንሱ ኢዩ። ወግዓዊ ቋንቋ ኬንያ ንኣብነት እንግሊዝኛ ኢዩ። ይኹን'ምበር፣ እቲ ኣብ መንግስታዊ ስራሓትን ቢዝነስን ዝነጥፍ ሰብ፡ እቲ ልዑል ናይ እንግሊዝኛ ትምህርቲ ዝቐሰመ ሰብ ጥራይ ኢዩ። ስለ'ዚ ድማ ኢዩ ሕብረተ-ሰብ ኬንያ ብደርብታት ዝተኸፋፈለን፡ ዝበዝሕ ሰብ ድማ ብስእነት ሰራሕን ጥሜትን ተቐሪኑ ዝርከብ።

ናይ ኣደ-ቋንቋን ፖለቲካዊ ጸገማቱን፡-

ዓረብኛን ትግርኛን ከም ወግዓውያን ቋንቋታት ዝተኣታተዉ ብግዜ ምሕደራ መንግስቲ እንግሊዝ እዩም፣ ቅድሚ እቲ እዋን'ቲ ወግዓውያን ቋንቋታት ዝብሃሉ ኣይነበሩናን። ትግረ ብትግር፡ ብሊን ብብሊን፡ ሳሆ ድማ ብሳሆ ይዛረቡ ንይሮም። ስለ'ዚ፡ ኣምር ወግዓውያን ቋንቋታት ዝተኣታተወ ምስ መግዛእቲ እንግሊዝ ኢዩ። እዚ ግን፡ ቅድሚ እቲ ጊዜ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዓረብኛ ኣይዝረብን ነይሩ ማለት ኣይኮነን። ልክዕ ዓረብኛ ይዝረብ ነይሩ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ከም ምጽዋዕ ዝኣመሰላ ከተማታትን፡ ንሱ'ውን ብኣዝዩ ውሱን ደረጃን ኣብ ክሊ ምሁራን ዝተሓጽረን ጥራይ። ስለዚ፡ ዓረብኛ ኣብ ኤርትራ ብሰፊሑ ተዘውቲሩ ኣይፈልጥን፣ እንትርፎ ናይ ራሻይዳ ድማ ናይ ዝኾነ ይኹን ካልእ ብሄር ቋንቋ ኮይኑ ኣፈልጥን። እዚ እዩ እቲ ሓቂ።

እንግሊዝ፡ ንኤርትራ ናብ ክልተ ኪመቕላ ዝነበሮ ሕልሚ መቸም ዝተሰነደ ኢዩ። በዚ መሰረት ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ክርስትያንን ኣስላምን፡ ትግርኛን ዓረብን ከፊሉ፣ ናይ ክልተ ዘይራኸቡን ብሓባር ኪነብሩ ዘይክእሉን ህዝብታት ስነ-ኣምሮኣዊ ቅርጺ ንምትእትታው ሓሊኑ። ብተወሳኺ፡ ብዓረብኛን ብትግርኛን ዝካየድ መባእታዊ ትምህርቲ ጀሚሩ፣ ብኽልቲኡ ቋንቋታት ዝሕተማ ጋዜጣታት እውን ኣተኣታትዩ። እቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝተነድፈ ቅዋም'ውን ነዚ ናይ እንግሊዝ ፈተነ ብምቕዳሕ፡ ቋንቋታት ዓረብኛን ትግርኛን ወግዓውነት ከም ዝረኽቡ ገይሩ። ብድሕር'ዚ ዝሰዓበ ናይ ኢትዮጵያ መግዛእቲ ንክልቲኦም ቋንቋታት ብምድምሳስ፣ ኣምሓርኛ ከም ሃገራዊ ቋንቋ ኣብ ኩሉ መንግስታውን ህዝባውን ስራሕን ኣብያት-ትምህርትን ንኪተኣታቶ ሓጊጉ። ብፍላይ ብቛንቋ ትግርኛ ንዝተጸሕፉ መጻሕፍቲ ኣኪቡ ሓዊ ብምቅጻል ድማ፡ ሃገራዊ ምልክታት ንምጥፋእ ፈቲኑ።

እቲ ንዓርብኛን ትግርኛን ከም ወግዓውያን ቋንቋታት ዝተቐበለ ኣተሓሳስባ ግን ኣብ መንግስቲ ኤርትራ (ፈደረሽን) ጥራይ ዘይኮነ፡ ብድሕሪኡ እውን ኣብ ተጋድሎ ሓርነትን ህዝባዊ ግንባርን ቀጺሉ፣ ሕጂ'ውን ኣብተን ቅዋማዊ መንግስቲ ንኺትከል ዝድግፉ ውድባት ሰሪጹ ይርከብ።

እዚ ዝተጠቕሰ፡ በኸፊል ታሪኻዊ ሸነኽ ናይ'ቲ ጉዳይ ኢዩ፤ ታሪኽ ግን መወከሲ እምበር ቃል ወንጌል ወይ ቁርኣን ኣይኮነን። ልክዕ፡ ኣብ 50ታት ዝነበሩ ፖለቲከኛታት ነቲ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ዘቕረበሎም ንድፊ ቅዋም ብምቕባል፡ ዓረብኛን ትግርኛን ወግዓውያን ቋንቋታት ንኪኾና ወሲኖም።ግን ስለምንታይ ከምኡ ገይሮም¬? እቲ ዝምለከቶ ህዝቢ'ኸ ነቲ ጉዳይ ተኻቲዑሉ ድዩ? ኣሉታውን ኣዎንታውን ሳዕቤናቱ ንምፍታሽ ዘኽእል ፍልጠት'ከ ንይርዎ'ዶ ወይስ 'ይርሓሰና፡ ይርሓሰና' እንዳበለ ኢዩ ተቐቢልዎ? ሳልሕ ቓዲ፡ 'ህዝቢ ኤርትራ ወሲኑ ኢዩ' እንዳበለ ይጽሕፍ ኢዩ። ሕራይ፡ ህዝቢ ኤርትራስ ወሰነ፣ ኣበይ ኣሎ እቲ መረጋገጺ? ክንደይ ክፋል ናይ'ቲ ህዝቢ እዩ'ኸ ወሲኑ? በብዘባኡ ክንደይ መዓልታትን ሰዓታትን ወዲኡ? ስታቲስቲክ እኳ ኮቐርብ ኣለዎ።

ብዝተረፈ፡ 'ህዝቢ ኤርትራ ወሲኑ ኢዩ' ምባል፡ ህዝቢ ንምትላልን ክትዓት ንኸይካየዱ ምዕንቃፍን እንተዘይኮይኑ ካልእ ዕላማ የብሉን። እምበር'ከ! ቅድሚ 60 ዓምት ንዝተወሰደ ውሳኔ፡ ሎሚ ህዝቢ ኪፍትሾ ኣይክእልን ድዩ? ካብ ሽዑ ክሳብ ሕጂ እኮ ብዙሓት ለውጥታት ተመዝጊቦም ኣለዉ። ንኣብነት፡ ኣንጻር መግዛእቲ ዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲ ተዓዊቱ፣ ሕጂ'ውን ዲሞክራሲን ግዝኣተ-ሕግን ንምርግጋጽ ቃልሲ ይካየድ ኣሎ፣ ገለ ካብተን ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ብሄራት ድማ ማዕርነተን ንምርግጋጽ 'መሰል ርእሰ-ውሳኔ ክሳብ ምፍላይ' ዝብል መትከል ሒዘን ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ይቃለሳ ኣለዋ። ብፍላይ እቲ ናይ ብሄራት መርገጺ ንቛንቋ እውን ዘጠቓልል ኢዩ። ብውሕዱ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ለውጥታት ኣብ ግምት ኪኣትዉ'ዶ ኣይግባእን?

እዚ ሓደ ክፋል ናይ'ቲ ፖለቲካዊ ጸገም ኢዩ። እዚ ጸገም'ዚ ከኣ ከም ሕሉፍ ምተራእየ፣ ግዳ፡ እተን ንጉዳይ ኤርትራ ብሞኖፖል ሒዘን ዘለዋ ፖለቲካዊ ውድባት እውን ነዚ ናይ 50ታት መርገጺ ከም ዘለዎ ስለ ዘድቀልኦ፣ እቲ ጉዳይ ዳግማይ ንኸይለዓልን ክፉት ህዝባዊ ክትዕ ንኸይካየደሉን ተወሳኺ ሓጹር ኮይነን ኣለዋ። 'ሰልፊ ደምክራሲ ህዝቢ ኤርትራ' (EPDP) ብዛዕባ ዕላውያን ቋንቋታት ዘለዎ መርገጺ ከም ኣብነት ንርአ፦ "ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታን ክኾና፡ ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ'ውን፡ ክዓብያን ክምዕብላን ዘኽእለን መሰል ከምዝረኽባ ምግባር" ይብል። መርገጺ ናይተን ዝተረፋ፡ ቅዋማዊ ስርዓት ዝድግፉ ውድባት እውን ተመሳሳሊ እዩ።

እዚ ናይ ቋንቋታት ጉዳይ ኣካታዒ ምኽኑ እንዳተፈልጠ፡ 'ክዱን ባአፈ-ስላሴ' ኢልካ ምሕላፉስ ጉርሒ ድዩ ወይስ ልቦና? ብዉሑዱ እተን ንመሰለን ዝጣበቓ ዘለዋ ብሄራዊ ምንቅስቓሳት እኮ ብግብሪ የልዕላኦ ኣለዋ። ንሳተን፡ ነቲ ዓረብኛን ትግርኛን ወግዓውያን ቋንቋታት ኪኾና ኣለወን ዝብል መርገጺ ጥሒሰን በብቛንቋኤን ይዛረባን ይጽሕፋን ኣለዋ፣ ዝጥቀማሉ ዘለዋ ስርዓተ-ፊደል ድማ ላቲን እምበር ዓረብኛ ኣይኮነን። ናይ ጽባሕ መርገጺኤን እውን ንሱ ኢዩ። እቲ "ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ኪኾና" ዝብል መትከል ድኣ'ሞ ምስ'ቲ ናይ ብሄራት መርገጺ ይራጸም'ዶ የለን? ኣበየነይቲ ኤርትራ ኢዩ'ኸ ኪሰርሕ?

እቲ ካልኣይ ጸገም ናይ'ዚ መርገጺ'ዚ፡ እቲ "ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ'ውን ከዓብያን ከምዕብላን ዘኽእል መሰል ከም ዝረኽባ ምግባር" ዝብል ሓረግ ኢዩ። እዚ ሽፈጥ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ኹሉ ስራሓት መንግስቲ (ሕግታቱ፡ ኣዋጃቱ፡ ምልክታታቱ፡ ባጀቱ፡ ጸብጻባቱን)፣ ጋዜጣታትን መደባት ተለቪዥንን ሬድዮን፣ ኣብ ዘባውን ሃገራውን ባይቶታት ዝካየዱ ከትዓትን ውሳኔታትን፣ ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ኣብ ዓውድታት ቢዝነስን ማሕበራዊ ንጥፈታትን ዝካየዱ ስራሓትን ርክባትን፡ ከምኡ እውን እዚኣቶም ምስ ኣካላት መንግስቲ ዘካይድዎም ርክባት፣ ኮታ ኩሎም ብደረጃ ሃገርን ዞባን ዝሰላሰሉ ናይ ቃልን ጽሑፍን ርክባትን ሰነዳታትን ብዓረብኛን ብትግርኛን ጥራይ ከም ዝብሓቱ ተገይሩ ከብቅዕስ፣ ተመሊስካ፡ "ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ከዓብያን ከምዕብላን" ምባል ካብ ቀለዓለም (lip service) ወይ መመቀሪ ሓሊፉ ካልእ ትርጉም የብሉን፡፡ ነተን ናይ መሰል ሕቶ ኣበጊሰን ዘለዋ ብሄራት እውን ኣየደዓዕስን ኢዩ። እቲ "ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ከዓብያን ከምዕብላን" ዝብል ሓሳብ ሓቀኛ ትርጉም ኪህልዎ እንተ ተደልዩ፣ ንሕቶ ብሄራት ኣብ ግምት ዘእቱ ዕላማ ምህላውን ምስኣታተን ድርድር (negotiation) ምክያድን ጥራይ ኢዩ።

*መደምደምታ፡-*

መግዛእቲ እንግሊዝ፡ ንዓረብኛን ንትግርኛን ምስ ምስልምናን ክርስትናን ብምትእሳር ንኤርትራ ከም ናይ ክልተ ዝተነጻጸሉን ብሓባር ኪነብሩ ዘይክእሉን ህዝብታት ጌይሩ ብምቕራጽ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ንዝነበራ ሰልፍታት ከእምን፣ ብመንገደን ኣቢሉ ድማ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንምምቃል ዝነበሮ መደብ ኪትግባር ፈቲኑ። ኮይኑ ግን፡ ብናይተን ሰልፍታት ምዑት ተቓውሞን ሓድነታዊ መንፈስን እዚ መደብ'ዚ ኪፈሽል ኪኢሉ። ግን፡ ናይ ምንግስቲ እንግሊዝ ዕላማ ይፍሽል'ምበር፡ እቲ ናይ ክልተታት ሓሳብስ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣይጠፍኤን፤ ኣብ 50ታት ነይሩ፣ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብዝተጋነነ መንገዲ ይስራሓሉ ነይሩ፣ ኣብ'ዘን ሕጂ ኣብ ወጻኢ ዘለዋ ናይ ተቓውሞ ውድባት እውን ይርአ ኣሎ። ሓደ ኪፍለጥ ዘለዎ ጉዳይ ግን ኣሎ። ሓድነት ኤርትራ ናይ ሃይማኖት ጉዳይ ኣይኮነን፡ ናይ ቋንቋታት ጉዳይ'ውን ኣይኮነን። ሓድነት ኤርትራ ናይ ብሄራት ሓድነት ጉዳይ ኢዩ።

ልክዕ፣ በዓል ሳልሕ ቓዲን ጉጅለ ዓዋተ ዘዳምቕዎ ሃይማኖታዊ ምፍሕፋሕ የሰንብድ ይኸውን፣ ግን ናብ ሰንዓፈ እንተኸድና፡ ቀሸን ሸኽን ብሓባር ጉጅም ኪብሉ ንርኢ። ዓድ-ተማርያም፡ ቤት-ኣስገደ፡ ሓለንጋ ዝብሃሉ እንዳታት ካብ ህዝቢ ከበሳ ከም ዝመንጨው መዛግብ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮነ ንሳቶም ባዕላቶም ዝኣምኑሉ ጉዳይ ኢዩ፣ ከምኡ እውን ጦርዓን ጽንዓደግለን ሃይማኖት ዝፈላለዮም ኣሕዋት ምዃኖም እቲ ህዝቢ ዘረጋግጾ ሓቂ ኢዩ። ስሙ ኣስላማይ ስም ኣባሓጉኡ ክስታናይ፣ ወይ ከኣ ስሙ ክስታናይ ስም ኣባሓጉኡ ግን ኣስላማይ ዝኾኑ ሰባት መሊኦም'ዶ ኣይኮኑን? እዚ፡ ኰኖ ሃይማኖት እቶ ህዝቢ ኣባል ሓንቲ ስድራ ምዃኑ'ዶ ኣይኮነን ዝሕብር?

ስለ'ዚ፡ ሕጂ'ውን እቲ ዲሞክራሲን ስርዓተ-ሕግን ዝሰፍነላ ሓንቲ እርትራ ንምቛም ዝካየድ ቃልሲ ብናይ ብሄራት ሓድነት ኪምራሕ እንተ ዘይኪኢሉ፣ ሰላምን ርግኣትን ከነረጋግጽን ደሞክራሲን ስርዓተ-ሕግን ከነንግስን ዝከኣል ኣይኮነን።

*መወከሲታት፡-*

1. Mother Tongues: The Problem of Definition and the Educational Challenge,

by D.P. Pattanayak, UNECSO Institute of Education, 2003.

2. The Politics of Language In Eritrea: Equality Of Languages Vs. Bilingual Official Language Policy, Redie Bereketeab, Nodic African Institute, Uppsala, Sweden.

3. Language Policy and Planning for Basic Education in Africa, by Clifford N. Fyle UNESCO Institute of Education, 2003.

በረኸትኣብ ሃብተማርያም

<u>ሕብረ-ቋንቋታት ክውንነትን ዕላውያን ቋንቋታትን ኣብ ኤርትራ</u>

<u>ብ ብኣማረ ገብረማርያም ገብረ</u>

25/10/2010

**መበቆል ህዝብን ቋንቋታትን ኤርትራ**

ጥንታውያን ነበርትን ተቐማጦ ኤርትራ ናይሎቲክ ወይ ኔግሮይድ እዮም። ኤርትራ ኣብ ጥርዚ ወይ ወሰናስን ቀይሕ ባሕሪ እትርከብ ብምዃና ግን ብወሽመጥ ዓረብ ናይ ምብራቕ እስያ ነገደ ኵሽን ነገደ ሴምን ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ናብ ኤርትራ ብምውሓዝን ነንሕድሕዶም ብምትሕንፋጽን ነዞም ናይ ሕጂ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ሰረት ከምዝኾኑ ታሪኽ ይነግረና። ናይ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ እምብኣር ዝተሓናፈጸ ናይ ናይሎቲክ ነገደ ኵሽን ነገደ ሴምን እዮም። ኣብቲ ዝተፈላለየ ባህሎምን ቁመንኦምን ኣካለ ቅርጻን ናይ ሰውነቶም ብምግንዛብ ካብዞም ሰለስተ ዓሌት ቋንቋ ዝተወልዱ ህዝቢ ኤርትራ ናብዞም ሰለስተ ነገዳት ነዛምዶም። ካብ ነገደ ሴም ዝመበቆሎም ተባሂሉ ዝእመነሎም ናይ ሎሚ ብሄራት ኤርትራ ብሄረ ትግርኛ፡ ትግሬ፡ ራሻይዳ ኮይኖምብዝሓም ድማ ካብ 70%-80% ናይ ህልዊ ህዝቢ ኤርትራ ይግመት። ካብ ነገደ ኵሽ ዝመበቆሎም ተባሂሉ ዝእመነሎም ናይ ሎሚ ብሄራት ኤርትራ ቤንዓምር (ሄዳርብ)፡ ቢለን፡ ሳሆ፡ ዓፋር፡ ብዝሖም ድማ ክሳብ 15% ይግመት። ብሄረ ኩናማን ናራን ድማ ካብ ናይሎቲክ (ኔግሮይድ) ዝመበቆሎም እዮም ተባሂሉ ይእመን።

ኤርትራ ከም ሃገር ኣብ ኣፍሪቃን ዓለምን ተፈላጥነት ዝረኸበት ምስ ግዝኣት ጣልያን ይኹን እምበር ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ ንነዊሕ ዘበናት ነዚ ህዝቢ እዚ ሒዛ ክትምዕብል ዝጸንሔት እያ። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስክዎም ትሽዓተ ብሄራት ምስ ልሉይ ቋንቋታቶም ማለት ትግርኛ፡ ትግረ፡ ቢለን፡ ሳሆ፡ ኩናማ፡ ዓረብ፡ ናራ ኮይኖም ኤርትራ ሕብረ ቋንቋታትን ብሄራትን ዝሓቖፈት ሃገር ምዃና ነረጋግጽ። ኤርትራ ሕብረ-ቋንቋታት ዝሓቖፈት ሃገር ብምዃና ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይን ኣበየናይን ክውንነት ነዞም ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብምስምማዕ ህዝቢ ይጥቀመሎምን የማዕብሎምን ክውስውደሉ ዘለዎ ዓቢይ ሓላፍነት ዘለዎ ሕቶ ህዝቢ ምዃኑ ኣየጠራጥርን። ቃንቋ ንመንነት መለለዪ ከም ፖሊቲካዊ መሳርሒ

ንመረዳድኢ ከምኡ እውን ከም ዕላዊ ቋንቋ ናይ ሓደ ሃገር ንጥቀመሉ ንኽእል። ሕብረ ቃንቃታት ሓቑፈን ዝጐዓዛ ሃገራት ኣብ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ናዕብታትን ስከፍታታትን ቅርሕንትን ከይፈጥር ኣስፈሔን ከጽንዕኦን ከዋሃህድኦን ይግባእ።

ቋንቋ ከም መለለዪ መንነት

ኣብ መእተውየይ ከምዝረኣናዮ ቋንቋታት ኤርትራ ካብ ናይሎቲክ፡ ሴምን ኵሽን ዝማዕበላ ወይ ዝተወልዳ እየን። ኣብዚ ኣተኵረ ቋንቋታት ብኽመይ ተፈጢረን ወይ ተሰሪተን ከብርህ ኣይኮንኩን ምኽንያቱ ብስነፍልጠታዊ መንገዲ ቋንቋታት ብኽመይ በቑለን ከብርህ ዝኽእል ክሳብ ሕጂ የለን። እንታይ ድኣ ህዝቢ ኤርትራን ብሄራት ኤርትራን ብኽመይ ማዕርነት ናይ ቋንቋታት ኣብ ኤርትራ ክጥቀማሉ ይኽእላ ኣብ ቅኑዕ ክትዕ ንምእታው እዩ። ከም መለለዪ መንነት ብሄራት ኤርትራ ቋንቋአን ኣካል ናይ ባህልንን ውርሻአንን ስለዝኾነ ክካላኸላሉን ከዕቅብኦን ከማዕብልኦን ዘለወን እዩ። ኣመሓደርቲ ኢርትራ፡ ዲሞክራስያውያን ኤርትራ፡ ከምኡ እውን ናይ ፖሊቲካ ተዋሳእትን ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ሓለፍትን ኣብ ምትግባር ኮነ መርገጽ ምውሳድ ናይ ቋንቋ ማዕርነት፡ መሰል ቋንቋ ከምኡ እውን ፖሊቲካ ቋንቋ ነዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ኣብ ግምት ከእትው ይግባእ።

1- ሓደ ከሰማምዕን ክሓቍፍን ዝኽእል ናይ ቋንቋ መምርሒ ከነማዕብል ንኽእል'ዶ ብኽመይ መንገዲ'ኸ፡

2- ብሄራት ዘቕርብኦ ርእይቶን ጠለባትን እንታይ'ዩ፡

3- እንታይ'ዩ ዓላማ ናይ ብሄራት ጠለባት፡ እቲ ዓላማ ናይ ገለ ቢሄራት'ከ ንናይ ገለ ዝዕብልል ድዩ፡

4- ኣብ ኣጸጋሚ ዝኾነ ግዝያት ንገለ ቋንቋታት ዓብሊልካ ንምዕዋት ማዕርነት ናይ ቋንቋታት ብዝሓለነ ምስራሕ ይከኣል'ዶ፡

5- ገለ ብሄራት ዝተወሳሰበ ክውንነት ማለት ፍሉይ ዶብ ዘይብለን ማዕርነት ወይ መሰል ናይ ቋንቋታት ብኽመይ ይትግበር፡

6- ኣብ ገለ ቋንቋታት ገለ ፍልልይ ምስ ዝህልዎ (Dialect) ብኽመይ ንገጥሞ፡

7- ስነ ጽሑፍ ማለት ፊደላት ዘለዎን ኣፋዊ (ORAL) ጥራሕ ዝኾነን ብኽመይ ነተግብሮ፡

ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥብታት ብምግንዛብ እምበር ናይ ቋንቋታት ማዕርነትን ምውህሃድን መሰልን ሓሊና ክንጐዓዝ እንትኾንና ከነተኵረሉ ዘለና ነጥቢ ምኽባር ሰብኣዊ መሰል ኮይኑ ብተወሳኺ እተን ብሄራት ብከመይ መንነተን ክሕልውኦ ይደልያ ጽን ኢልካ ምስማዕ እዩ። እዚ ክብል ከለኹ ግን ኩለን ብሄራት ናይ ሓባር ኣኼባታት ብምክያድ ኣብ ናይ ሓባር ስምምዓት ብዝበጽሕኦ ነጥቢ ማለት እዩ። ኣብዚ ከይጠቀስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ማዕርነት ቋንቋታትን ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ኣጠቓቕምኡን ዝብል ዝገበሮ መጽናዕትን ሰሚናራትን ጽማቕ ኣንቢበ ግን ናተይ ተገንዝቦ ካብዚ ጽማቕ ነቲ ናይ ዕላውያን ቋንቋታት ኣብ ኤርትራ ንኽሃስስ ዝተገብረ ፕሮፖጋንዳ ደኣ'ምበር ስነፍልጠታዊ ትሕዝቶ ዝሰነዮ መሃሪ ኮይኑ ኣይረኸብክዎን። እቲ ብኽመይ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ይጥቀመሉ ኣሎ

ዝብል ግን እኹል ሓበሬታ ክረክብ ኣይከኣልኩን።

<u>ቋንቋ ከም መረዳድኢ</u>

ቋንቋ ምስ ህላዌ ወዲ ሰብ ካብ ጥንቲ ተኣሳሲሩ ክጐዓዝ ዝጸንሔን ዘሎን ዝህሉን እዩ። ወዲ ሰብ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ካብ ናይ ብሕቱ ወይ ናይ ኣዲኡ ቋንቋ ሓሊፉ ናይ ካልእ ብሄራት ሃገራት ወይ እንዳታት ንመረዳድእን ሓሳብ ንሓሳብ መለዋወጥን ክጥቀም ከምዝጸንሔን ታሪኽ ይነግረና። ከምኡ እውን ይጥቀም ምህላዉ ኩሉ ዘይስሕቶ ሓቂ እዩ።

ቋንቋ ላቲን ኣብ ኤውሮጳ ጠርናፊ ምኳኑ እንዳሃሰሰን እንዳሞተን ምስ ከደ ህዝቢ ሃገራት ኤውሮጳ ምጥቃም ናይ ካልኦት ባህልታትን ብሄራትን ሃገራትን ቋንቋታት እናስፍሕኦን እናተቐበልኦን ንምርድዳእ ከዘውትራ ተገደዳን ተራእያን። ከምኡ እውን ግእዝ ጠርናፊ መረዳድኢ ናይ ህዝቢ ሓበሻ ካብ ምኳን እናሃሰሰን እናሞተን ክኸይድ ኣብዝተራእየሉ እዋናት ብትግርኛን ትግሬን ከምዝተተክአ ይፍለጥ። ብሕልፊ ትግርኛ ቋንቋ ናይ መረዳድኢ ከበሳ ኮይኑን ሕጂ እውን ኣሎን። ቋንቋ ብኸመይ ይሃስስን ይመውትን ብኻልእ ቋንቋ'ኸ ብኸመይ ይትካእ ናይዚ መጽናዕቲ'ዚ ዓቕምን ክእለትን የለን ንምምላሱ። ኣተኩሮ ናይዚ ጽሑፍ እዚ እውን ኣይኮነን ግን እቲ ክውንነት ሓቢርካ ምሕላፍ ጸገም ዘምጽእ ኣይመስለንን። ጐድኒ ንጐድኒ ናይ ትግርኛ ነቲ ናይ መታሕት መብዛሕትኡ ህዝቢ ናይ ምርድዳእን ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥን ዝፈትሕ ኮይኑ ዝተረኽበ ሕጂ እውን ዝፈትሕ ዘሎ ክብል እደፍር ቋንቋ ዓረብኛ'ዩ። ዓረብኛ ብኸመይ ኣብ ኤርትራ እዚ ደረጃ እዚ ሒዙ ብምስፍሕፋሕ ሃይማኖት ምስልምና ይኹን ወይ ብወራር ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ብዘየገድስ ነቲ ናይ መብዛሕትኡ ህዝቢ መታሕት መረዳድእን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን ሽግር ፈቲሕዎ ይርከብ። ሓደ ቋንቋ ግድን ናይ ኣደ ወይ ናይቲ ነባሪ ህዝቢ ቋንቋ ክኸውን የብሉን: ንምርድዳእ ወይ ሓሳብ ንሓሳብ ንምልውዋጥ ክንጥቀመሉ እንተድኣ በቲ ክጥቀመሉ ዝድለ ዘሎ ህዝቢ ወይ ሕብረተሰብ ቁቡል ክኸውን ኣለዎ። ከምኡ እውን ነቲ ዝድለ ዘሎ ዓላማ ዘማልእ ረቛሒታት ከማልእ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት እንግሊዘኛ ከምኡ እውን ፈረንሳይኛ እብ ገለ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃን ማእከላይ እስያን ከም መረድእን ኣብ ስርዓተ ትምህርትን ይጥቀሙሎም። ናይ ባዕዲ ቋንቋ ስለ ዝተጠቕዔት ሓንቲ ሃገር ክብራ ኣብ ልዕሊ ህዝባ ይኹን ካልኦት ሃገራት ትሒቱ ኣይርኤን። እኳ'ድኣ ህዝባ ብጽቡቕ ስለዝተረዳድኤ ብኡ ደረጃ ምዕባሌ ደረጀኣ ሓፍ ይብል። ክብሪ ህዝቢ ምዕባሌ እዩ፡ ኣንነት ኣይኮነን።

ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ናይ መታሕትን ኣብ ገለ ናይ ከበሳ ቦታታትን ሕጻናት ናይ ክልተ ልሳን ኪኢላታት ወይ ተዛረብቲ ኮይኖም ይዓብዩ። ሓደ እቲ ናይ ኣዲኦም ወይ ናይ ዝነብርሉ እንዳ ቋንቋ ክኸውን እንከሎ እቲ ኣልካይ ድማ ቋንቋ ዓረብኛ እዩ። ዓረብኛ ካብ ናይ ቍርዓን ትምህርቶም ይቐስምዎ። ራሻይዳ ጥራሕ እዮም ቋንቋ ዓረብ ዝዛረቡ ዝብል ግን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ቢሂል እዩ። ከምኡ'ውን ቈልዑ መታሕት ውልድ ምስ በሉ ብክልተ ቋንቋታት እፎም የጽርዩ ዝብል መድረሳ ምስ ጀመሩ እዮም ናይ ክልተ ቋንቋታት ተዛረብቲ ዝኾኑ ብዝብል እንተተኣረመ ዝሓሸ ይመስለኒ። ቋንቋ ኣካል ናይ መረዳድእን ሓሳብ ንሕሳብ መለዋወጥን ኮይኑ ኣብ መቅሰሚ ፍልጠትን መጽናዕትን ኣብ እብያተ ትምህርትን ንጥቀመሉ። ናይ ቋንቋ ሊቃውንቲ ወይ ኪኢላታት ከምዘብርህዎ ሓደ ቈልዓ ኣብ ሓደ ግዜ ክሳብ ሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ጸገማት ናይ ስነ ኣእምሮ ወይ ኣካዳምያዊ ድሕረት ከየጋጠሞ ክከታተል ይኽእል'ዩ ይብሉ። እዚ ማለት ዝዓቢ ቈልዓ ኣብ ኤርትራ ኣብ ከበሳ ኾነ ኣብ መታሕት ስድርኡ ዝዛረብዎ ቋንቋን ካልእ ክልተ ወይ ሰለስተ ቋንቋታት እንዳተማሃረ ክዓቢ ይኽእል እዩ ማለት እዩ። ስለዚ ክሳብ እቲ ሽግራት ናይ ቋንቋታት እናፈታሕናዮ ንኸይድ ከነተግብሮ ክንግደድ ኢና ማለት እዩ።

<u>ቋንቋ ከም ናይ ፖለቲካ መሳርሒ</u>

መብዛሕትኡ ህዝቢ ዓለም ቋንቋ ወይ ሓደ መደረ መተሓላለፊ ናይ ወረ (Information) እዩ ኢሎም ይኣምኑ። ይኹን'ምበር ናይ ፖለቲካ ሰባት ፍሉይ ክእለት ናይ ኣጠቓቕማ ቃላትን ሓረጋትን ከምዘለዎም ብኡ ደረጃ ድማ ንቋንቋ ኣብ ፍሉይ ጥቕሞም ከውዕልዎ ይረኣዩ። እዚ ማለት ሓደ ሰብ ቋንቋ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታትን እንታይ ፍሉይ መልእኽትን ክሕልፍ ይደሊ ከምዘሎ ክንርዳእ ይግብኣና። ገለ ካብ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ኣብ ምሕላፍ ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ሳዕቤናቱን ክብርሁ ይኽእሉ እዮም ኢለ ዝግምቶም እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ቋንቋ ኣብ ተኻፋልነት ናይ ኩሉ ህዝቢ ገታኢ ኮይኑ ዝርከበሉ ኩነታት የጋጥም እዩ። ንኣብነት ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን፡ እንግሊዝ፡ ከምኡ እውን ኢትዮጵያ እቲ ቋንቋ እቲ ገዛኢ ሓይሊ ዘይፈልጥ ኣብ ስራሕ ክካፈል ኣይክእልን ነይሩ (ሓሪሱ ፋሕቲሩ ምምእራር እንተዘይኮይኑ) እቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስራሕ ናይ መንግስቲ ኮነ ፋብሪካታት ንኽካፈል ነቶም ናይ ባዕዲ ቋንቋታት ንኽፈልጥ ፋሕተርተር ይብል ነይሩ። ኣብዚ ግዜ እዚ እውን እዘን ንጥቀመለን ዕላውያን ቋንቋታት እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሽግራት ከየስዕባ ክንግንዘቦን ክንከታተሎን ዘሎና ክውንነት እዩ።

ኣብ ሓደ ሃገር እቲ ምምሕዳር ወይ ስርዓት መንግስቲ ሙእኩል ኮይኑ እሞ እቲ ናይ ሃገር ዕላዊ ቋንቋ ምስቲ ስርዓተ-መንግስቲ ዝተዛመደ ምስ ዝኸውን እቶም ካልኦት ብሄራት ወጻኢ ካብቲ ዕላዊ ቋንቋ ናይቲ ሃገር ብዙሕ ሽግር ናይ ስራሕ ኮነ ናይ ድሕረት ከጋጥሞም ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣብ ግዜ ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴ ኣብ ኢትዮጵያ ኣምሕርኛ ዘይዛረብ ህዝቢ ቢሄራት ኢትዮጵያ ከም ህዝቢ ኣምሕርኛ ተዛራቢ ናይ ስራሕ ይኹን ናይ ንግዲ እኹል ተኻፋልነት ነይርዎም ኣይበሃልን። እዚ ግን ብዘይ ሙእኩል ኣጋባብ ምሕደራን ወይ ፈደራሊዝም ከምኡ እውን ማዕርነት ናይ ቋንቋታት ብምትግባርን እንዳተፈትሐ ክምዕብል ይከኣል።

ቋንቋ እቲ ቀንዲ መሳርሒ ናይ ትምህርቲ እዩ። እዚ ማለት እቲ ዝተማህረ እዩ ኣብቲ መኣዲ ምዕባሌ ናይቲ ሃገር ዝካፈል ማለት እዩ። እቲ ሓደጋ እቲ ዘይተማህረ ይግለል ኣሎ ማለት እዩ። ኤርትራውያን እኹል ተመኩሮ ናይ ዘይተመጣጠነ ዕድል ናይ ገበታ ትምህርቲ ዘለዎ ሕብረተሰብ ዘሎና ኢና። ባዕዳውያን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እቲ ዕድል ናይ ገበታ ትምህርቲ ዝሃብዎ ብሄር ብተዛማዲ ብሄር ትግሪኛ እዩ። እዚ ድማ ጋግ ናይ ደረጃ ምዕባሌን ምጣኔ ሃብታዊ ትሕዝቶን ፈጢሩ ይርከብ (እዚ ክብል ከለኹ ግን ብሄረ ትግሪኛ ዓብሊሉ ወጽዓ ኣብተን ካልኦት ብሄራት ኣሕዲሩ ከስምዕ የብሉን ምኽንያቱ ስልጣን ጨቢጡ ስለዘይፈልጥ)። ስለዚ ነዚ ጋግ እዚ ብኸመይ ነጻብቦ ናይዚ ክቐውም ዘለዎ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኤርትራ ይኸውን።

ሓደ ቋንቋ ሓደ ህዝቢ ዝብል ኣረኣእያ ዘለዎም ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይመስለንን። እዚ ግን ክውንነት ሜዳ ኤርትራ ዘየንጸባርቕ ዓንዳሪ ኣረኣእያ እዩ። ኤርትራ ሕብረ-ብሄራትን ሕብረ-ቋንቋታትን ጼራ እትርከብ ሃገር እያ። ቅሳነትን ምዕባሌን ኤርትራ ዘተስፉ ኢለ ዝኣምኖ ድማ ዘይሙእኩል ምሕደራን ማዕርነት ናይ ቋንቋታት ምትግባርን እዩ።

<u>ግደ ዕላውያን ቋንቋታትን ስለምንታይን ኣብ ኤርትራ</u>

ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ኣድማሳዊ ዝኾኑ ዝጥቀመሎም ቋንቋታት ከም ላቲን ኣብ ኤውሮጳ፡ ዓረብኛ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ነይሮምን ገለ ሕጂ'ውን ኣለዉ። እዞም ኣድማሳዊ ሰረት ዝሰረቱ ቋንቋታት ብወራር መግዛእቲ ሃጸይነት እዮም ናብዚ ደረጃ

በጺሖም። ኩሉ ግዜ ኣብ ሓደ ሃገር እቲ ቋንቋ ናይቲ ገዛኢ ዕላዊ ቋንቋ ናይቲ ሃገር ይኸውን። ኣብ ኤርትራ ዓረብኛ ብሓይሊ ገዛእትን ምስላኹ ሃይማኖት ምስልምናን ናብዚ ደረጃ እዚ ከም ዝበጽሔ ብሩህ እዩ። ትግርኛ ግን ካብ ግእዝ ዝተሰጋገረ ስለ ዝኾነ ብኸመይ ኣብዚ ደረጃ እዚ በጺሑ መጽናዕቲ የድልዮ። ግን ከምቲ ናት ቋንቋ ዓረብ'ዩ ዝብል ዕግበት ኣሎኒ።

ሓደ ቋንቋ ዕላዊ እዩ ዝብል መርገጽ እንተለቢሱ በቲ ናይቲ ሃገር ሕጋውነት ለቢሱ ወይ ተወናዚፉ ማለት እዩ። ማዕርነት ናይ ቋንቋታት ክንብል ከሎና ግን ፖለቲካዊ ተቐባልነት ወይ መሰል ለቢሱ ድኣ'ምበር ሕጋውነት የብሉን። ከምኡ'ውን ክጥቀስ ዘለዎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዘተኣታተዎ ናይ ስራሕ ቋንቋታት ዝብል ናይ መረዳድኢ ዝብል ትርጉም ዝሕዘ ድኣ'ምበር ሕጋውነት ወይ ፖለቲካዊ መሰል ዝለበሰ ኣይኮነን። ብሕጊ ንኸተተግብሮ ዝቐይድ ድንክል የብሉን። ስለዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ናይ ስራሕ ቋንቋታት ክብል ከሎ ካብ ወጥሪ ናይ ሕጋውነት ክሃድም ዝፈጠሮ መታለሊ ህዝቢ እዩ። ብወገነይ ገደ ቋንቋ ኣብ መንነት ኣብ ፖለቲካዊ መሳርሒ ኣብ ግምት ብምእታው ክሳብ ህዝቢ ኤርትራ ብስነፍልጠታዊ ኣረዳድኣ ዓጊቡ ብዘይ ዕላውያን ቋንቋታት ክንጐዓዝ ንኽእል ኢና ዝብል ግደ ናይ ዕላውያን ቋንቋታት ኣብ ኤርትራ ኣብዚ እዋን እዚ ዕዙዝ እዩ እብል ምኽንያቱ ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

ነላዊ ቋንቋ ናይ ሓደ ሃገር ማለት መረዳድኢ፡ መሔበሪ ሓሳብ-ንሓሳብ መለዋወጢ ንኽገልግል ዝግበር ውጽኢቱ ድማ ሓደ ደረጃ ምዕባሌ ፍልጠት ከምኡ'ውን ተክኒካዊ ክእለት ነቲ ህዝቢ ንኽማዕብል እዩ። ኣብ ኤርትራ ንሙሉእ ህዝቢ እዚ ናይ ዕላዊ ቋንቋ እትዓምም የላን። ግን ትግርኛን ዓረብኛን እንተወሲድና ብግቡእ ክዓማአ ከም ዝኽእላ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ናይ ኤርትራ ዝተረጋገጸ ተግባር እዩ። ነዚ እየ ድማ ኣብ ላዕሊ ኣብ ኣጸጋሚ ዝኾነ ግዝያት ንገለ ሽግራት ዝፈትሕ ገለ ቋንቋታት ዓብሊልካ ንምዕዋት ማዕርነት ቋንቋታት ንምፍታሕ ብዝሓለነ ምስራሕ ይከኣል'ዩ ዘበለኒ።

ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣብ ክፍለ ዓለምና ዝርኸባ ዕላዊ ቋንቋ ዘዘውትራ እየን። እተን ክልተ ሃገራት ዕላዊ ቋንቋ ዘየዘውትራ በልጅዩምን ስዊዘርላንድን እየን። በልጅዩም ክልተ ቋንቋታት ዝሓቘፈት ሃገር ክትኸውን ከላ ስዊዘርላንድ ድማ ኣርባዕተ ቋንቋታት ኣለዋኣ። እቲ ክውንነት ናይ ኤርትራ ግን ካብ ናይዘን ሃገራት እዚኤን ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ።

እቲ ህዝቢ ናይ ሓባር ምርድዳእን ተገንዝቦን እንተዘየጥርዩ ኤኮኖሚያዊ ምዕባሌ ከምቲ ዝድለ ክስጉም ብጣዕሚ ኣሸጋሪ እዩ። ምዝውታር ዕላውያን ቋንቋታት ንኽባርን ምምዕባልን ማዕርነት ናይ ቋንቋታት ዝገትእን ንድሕሪት ዝጐትትን ኣይከውንን እዩ እብል።

ህዝቢ ኤርትራ ተኻቲዑሉን ተረዳዲኡሉን ናይ ምትግባር ዕላውያን ቋንቋታት እንተ ተቐቢልዎ እቲ ናይ ገዛእን ተገዛእን ዝብል ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ሽግራት ኣይክስዕብን እዩ እብል ብርእይቶይ።

ኣብ መወዳእታ ከም መተሓሳሰቢ ከቕርቦ ዝደሊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኤርትራ ኩሉሳብ ጉዕዞ ብሄራትን ዓሌታትን ብትኹረት ክከታቶሎ ይግባእ። ከምኡ እውን ሓደ ፕሮግራም ወይ ስትራተጂ ናይ ምምዕባል ኩለን ቋንቋታት ከቕምጥ ይግባእ። ብዝዓዘዘ እነተኮረሉ ዘሎና ግን ዕላውያን ቋንቋታት ንመሕቀቒ እተን ካልኦት ቋንቋታት ዝሓለነ ከይከውን ምጥንቃቕ።

ክንዕወት ኢና!

REFERENCES


- SECOND LANGUAGE ACQUISITIONSTUDIES BY K.M.BAILY
- THE NATIONAL APPROACH LANGUAE ACQUISITION BY S.D. KRASHEN
- WORD PEOPLE USE BY G. P.McCALLUM

ARTICLLE

- DOES NATIONAL IDENTITY MATTER,
- FOUNDATION OF ENDANGERED LANGUAGES.
- PEOPLES AND CULTURES OF ETHIOPIA TEXT BOOK IN THE 1970.


---

## ሲቪክ ብመንጸር ሲቪል ማሕበራት ኣምራዊ ፍልልያቱን ሓድነቱን እንታይ እዩ?

ብቀዳምነትሓደ ምንቅስቓስ ብዘካይዶ ጽምዶታት እዩ ዝዉሰን፣ ካብዚ ንቕሎ እዚ ብምንቃል፣ ከነጽሮ ዝደሊ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ድማ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቃስ ሲቪክ ማሕበር (civic society or association) ኣይኮነን እንታይድኣ ሲቪክ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃስ እዩ። ኣብ ኤርትራ ድማ ሱርነቀላዊ ለዉጢ ከራጋግጽ ሲቪክ ሃገራዉነት ስነሓሳብ ተኸቲሉ፣ ሲቪክ ዝኾነ ሃገርን ደዉላ ንምስራሕ ይቃለስ። ምንቅስቃስና; ሲቪላዊ ማሕበራት ናጻ ኮይነን ክምስረታን ክዕንብባን ብዘየማትእ ዘነጸረ'ዩ። ኣብ ቅርጻና እዉን እንተኾነ ጋድማዊ ዝምድናታት እዩ ዘሎና። ከምዚ ካልኦት ዉድባት ዝገብርዎ ናጻ ሲቪል ወይ ሲቪክ ማሕበር እየን እንዳተባህል መሳርሒ ናትና ክኾና ኣይነፍቕድን። ምኽንያቱ ብመሰረቱ ዕላማና ናጻ ዝኾነ ፈልስታት ናጻ ሕብረትሰብ ክንሰርሕ ስለንደሊ ክንሕግዘን ናጻ ክኾና እንበር ክንጠልፈን ኣይንደሊን መትከላትና እዉን ኣየፍቅደልና እዩ። ሲቪክ ማሕበር እንተኾይኖም ግን ብመሰረቱ ኣብ ዕላማታት መትከላት ተልእኮታት ራእይታት ጽምዶታትን ፍልልያት ክህሉ ስለዘይግባእ ወይ ንሶም ወይ ንሕና ናብ ፖሎቲካዊ ጽምዳዊ ዘተ ኣቲና ብሓባር ንሰርሓሉ መገድታት ክነናዲ ከምዞሎና ንግምግም።

ኣብ ፖሎቲካዊ ንጥፈታት ኤርትራ ድሕሪ 2001 ህዝቢ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብር፣ ካብ ምልካዊ ስርዓትን ካብ ተቃወምቲ ዉድባት ናይ ለዉጢ ኣንፈት ተስፋ ምስ ስኣነ፣ ካብ ዉጥረትን ጭንቀትን ዝተላዕለ ሓድሽ ዉደባን መልክዕ ቃልስን እዩ ክናዲ ጀሚሩ። ሓድሽ ጣቓታት ብስም ቬርገሳዊ ማሕበራት ድማ ኣብ ከባቢኡ ክምስርት ጀሚሩ። እተን ዝተመስረታ ቬርገሳዊ ማሕበራት ኣብ ኣዋዳድብኣን ድርብ ኣባልነት ዘፍቕድ ስለዝነበረ፣ ኣባላት ፖሎቲካዊ ዉድባት፣ ሰልፍታትን ግንባራትን ክዘርቕወን ኪኢሎም። ዘሪቆም ድማ ንፖሎቲካዊ መዓላታቶም ኣዉዓልወን። ኣብ ክንዲ ናጻ

ቬርገሳዊ ማሕበራት ዝኾና ሓፋሽ ዉድባት ናይ ፖሎቲካዊ ዉድባት ኮና። ኣብ መጨረስትኡ ድማ ኣብ ምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ብሽም ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ ዝስመ፣ ዋዕልኡ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ኣብ 2010 ዘካየደ ከምትዓዘብቲ ዘይኮነስ፣ ከም ቀንዲ ሰብ ዉራይ ኮይነን ኣብቲ ዋዕላ ድሕሪ ምስታፈን ተጻናጸንቲን ቀንዲ መራሕትን ናይዚ ጽባሕ ኣብ ወርሒ 11/2011 ክካየድ ተሓሲቡ ዘሎ ጉባኤ ኮይነን ኣለዋ። ብዘይእዉጅን ንጹሩን ብልሓት ካብ ቬርገሳዊ ማሕበራት ናብ ፖሎቲካዊ ምንቅስቃሳትን ተዋዳደርቲ ፖሎቲካዊ ስልጣን ተቀይረን ኣለዋ። ኩለን ቬርገሳዊ ማሕበራት ድየን ንዝብል ሕቶ ንምምላሱ 99% ናይ ዝነበራ ቬርገሳዊ ማሕበራት ኣብዚ መልሕቅ ተሸሚመን ከምዘለዋ ክግለጽ ይከኣል።

ብቀንዱ ክፍለ ዘለዎ ጉዳይ፣ እዘን ኣብ ደገ ተመስሪተን ዝነጥፋ ዘለዋ ሲቪክ & ሲቪል ማሕበራት መቀጸልታ ወይ መናዊሕ (extention) ናይቲ ኣብቲ ዝተመስረታሉ ሃገር ዘሎ ህዝባዊ ትካላት ድኣ እንበር፣ብቀጥታ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ዉሽጥ ኤርትራ ዘሎ ብቀጥታ ዝጸልዋን ዝሕግዛን ኣይኮነን።

ቀዳማይ፣-ኣብ ደገ ተመስሪተን ጸኒሔን ኣብ ናጻ ሕብረተሰብ ከመይ ከምዝነጥፋ ተሞኪረን እንተጸኒሔን፣ ጽባሕ ንግሆ ኣብ ምህናጽ ናጻ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ ዓቢ ግደ ክጻወታ ስለዝኽእላ ተባሂሉ እዩ ዝታባባዕ።

ካልኣይ፣- ሓደ ሕብረተሰብ ንጭቆና ዝተቃልዔ ዝኸዉን ዘይተወደበ ወይ ህዝባዊ ትካላት ኣብዘይህልወሉ ወቕት እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ማሓዉራት ፖሎቲካዉን ምጣኔሃብታዊ ምዝመዛ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ዉሽጥ ሃገር ንዳይስፖራ ዝተዘርግሔ ሰኪዔት ስለዝኾነ፣ ኣብ ዝጥዕም ጊዝየን ቦታን ብሓባርን ብዉድብ ክትገጥሞ ስለዘኽእል እዩ።

ብቀዳምነት እዚ ክልተ ቃላት ሲቪክ & ሲቪል ማሕበራት ክባሃል ኮሎ ናይ ቓላት ጸወታ ኣይኮነን ወይ ድማ ናይ ክልተ ቃላት ፍልልይ ጥራይ ኣይኮነን። ፖሎቲካዊን ጽምዶኣዉን ግብራዉን ፍልልይ ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ። ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ዝተዋራረሰን ኣምራት ስለዝኾነ ድማ ንምግላጹ ይብርትዕ'ዩ፣ ኮይኑ ግን ብሓጺሩ፣-

ሲቪክ ማሕበር (civic association) ፣ ክባሃል እንኮሎ ከም ናይ ከባብያዊ መንግስት ('local state') ይግለጽ እዩ። ዜጋ ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ ኣብ ፖሎቲካዊ፣ ምጣኔ ሃብታዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ፣ ጥዕናዉን መዳያቱ ኣብ ሙዉሳን ሙሉእ ተሳትፎ ንክህልዎ ዘግብር ሲቪክ ዉደባን ጽምዶ እዩ። እዚ ዓይነት ጽምዶ ብከባቢ ጀሚሩ ካብ ዝታሓተ ጽፍሒ ንዝላዓለ ጽፍሒ ወይ ናብቲ ዝላዓለ ጽፍሒ መንግስት የንቃዕርር። ምስ መንግስት ዝህልዎ ዝምድና ድማ ትኹላዊ ይኸዉን። መንግስት መምርሒታትን ሓቤሬታን ይህቦ፣ እቲ ሲቪክ ማሕበር ድማ ጠለባቱን ባህግታቱን የቕርብ ብከምዚ ናይ ሽርክነትን ትኹላዊ ዝምድናታ፣ መካንዚምን ጽምዶታት ተጠቂሞም፣ ዜጋታት ብጽፍሕታት ተሳቲፎም ጉዳያቶም ዝዉሱንሉ ባይታ ዝፈጥር ዉደባን ምንቅስቃስን እዩ። ስለዚ ብባህሪኡ ፖሎቲካዊን ሰብኣዉን ጸባያትን ንጥፈታትን ኣለዎ።

ሲቪል ማሕበር (Civil association) ፣ ብዜጋታት ብመንሕራይ ዝካየድ ተግባራዊ ስርሓት( voluntary action) እዩ። መንግስቲ ንከምዚ ዓይነት ሲቪላዊ ዉደባን ጽምዶን ዝህቦ መምርሕን ሓቤሬታን የሎን። ወይ ድማ ትኹላዊ ዝምድናታት የብሉን። እዚ ዓይነት ጽምዶን ዉደባን ቀንዲ ሕላገት ናይ ናጻ ሕብረተሰብ'ዩ። ስለዚ ዜጋታት ኣብ ከባቢኦም ዝርኤ ናይ ሓባራዊ ስጉምቲ ንሓባራዊ ረብሓ (collective actions around shared interests) ንምንጻርን ሲቪክን ሲቪል መሰላቶም ጉቡኣቶም ምስ ሙሉእ ሕብረተሰብኣዊ ናጽነቶም ንምርግጋጽ ዝነጥፍ ናጻን ብመን ሕራይ ግብራዊ ዉደባ እዩ።

እቲ መሰረታዊ ፍልልይ ሲቪክ ዉልቃዊ ድሌትን ሓላፍነትን ናይ ዉልቀ-ዜጋ ኣመልኪቱ፣ኣብ ፖሎቲካ ይኹን ኣብ ኩሉ መዳያት ተሳትፎ ንምርግጋጽ ዝነጥፍ ጽምዶ ክኸዉን እንኮሎ፣ ሲቪል ግን ብዝሰፍሔ ትርጉሙ ንምዕብልናን ሓባራዊ ረብሓ ጉዳይ ህዝቢ ኣመልኪቱ፣ ንከባቢኡ ናብ ናጻ ዝኾነ ሕብረተሰብ ንምቅያርን ናጻ ዝኾነ ንጥፈታት ንምስልሳልን ዝነጥፍ ዉደባን ጽምዶ'ዩ።

ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝካይድ ቃልስታት ንክልተ መሰረታዊ ዕላማታት ንምርግጋጽ እዩ 1.ብሓባር ብሰላም ንምንባርን፣ 2.ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ እየን። ብመንጽር እዘን ጽምዲ ዕላማታት፣ ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ንጥፈታት መጺኻ ሲቪክ & ሲቪል ማሕበራት ተዋራራስን ንሓደ ዕላማ ዝነጥፍ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ንምፍልላዩ ግን ብዘካይዶ ንጥፈታትን ጽምዶታትን ዝዉሰን'ዩ።

ብመርእድ ዘርኡ

06/11/2011

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ

الحركة المدنية الديمقراطية الارترية

Eritrean Civic Democratic Movement

ዕለት/Date: 14/02/2012

ቁ/መዝገብ/Ref.NO:

<u>ህዝባዊ ባይቶታት፡ ንሃገራዊን ዓለማዊ መጋባእያ ዘብቕዓ ይቑማ፡</u>

<u>ካብ ህዝቢ ዘመንጨዋ፣ ቀንዲ ፈልሲ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ዝኾና፣ ህዝባዊ ባይቶታት ኣብ ግዳም ብጋህዲ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ብሙስጡር ይቑማ!</u>

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ካብ ዕለት 01/08/2011 ዓ.ም.ፍ ሕጋዊ ሰውነት ለቢስና ምንቅስቓስና ካብ ዝጀመርናሉ እዋን፣ ጽምዶ ቃልስና ኣብ ክንዲ ኣብ ሓጺር ዕላማታት፡ ምቕያር ገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራይ ዘመልከተ ዘይኮነ፡ ስግሩ ኣንቃዕሪሩ ዘናጻጸረ እዩ። ሰዉራ ኤርትራ ካብ 1961-1991 ዝተካየደ ንሃገራዊ ናጽነት ሕቶ ሃገራዉነት፡ ሕቶ ዋንነት ፖሎቲካዊ ስልጣን፡ ሕቶ ርትዓዊ ተሳታፍነት ህዝቢ፡ ሕቶ ሲቪካዊ መሰላት...ወ.ዘ.ተ ካይመለሰን ካየካናወነን ስለዝተዓወተ፡ ብቕጽበት ንሃገራዉነትን ሓርበኝነት፡ ነተን ኣብ ሓራ ቦታታት ቆይመን ዝነበራ ህዝባዊ ባይቶታት፡ ነቶም ዝነጥፉ ዝነበሩ ሓፋሽ ዉድባት ማሕበራት መንእሰያት፡ ደቂኣንስትዮ፡ ሞያዉያን...ወ.ዘ.ተ ብምዉቓዕን ብምድስካልን ብዘይ ገለ ጸገም ገባቲ ፖሎቲካዊ ስርዓት ክተክል ኣየጸገሞምን። ብሕጂ እዉን እዚ ተሞክሮ እዚ ክድገም ዘጸግም ነገር የሎን። እዚ ተሞክሮ እዚ ካይድገም ካብ ሕጂ ኣትሒዝና ድንክል ክንገብረሉን ዝተፈልየ ኣጋባብ ክንጥቀም ንግደድ ኢና። ሕብረተሰብ ኤርትራ ከም ሓደ ህያዉ ሕብረተሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዉደባ ክህልዎ ኣለዎ።

ብሓፈሻ ፖሎቲካዊ ዉድባት፣ ሰልፍታትን ምንቅስቓሳት፣ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ንገዛእ ርእሶም ሓራ ዘይወጹ ጥቁዓት ናይ ታሪኽን ጉዕዞ ምኻኖም ስለንፈልጥ፣ ንጉዕዞ ታሪኽ ንምቅያር፡ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለን ዝተፈላለዩ ናይ ነዊሕ ፖለቲካዊ ተመክሮ ዘለዎ ህዝቢ ሙኻኑ ስለዝተገንዘብና እዩ። እዚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1945-1950 ስልፍታት ምንቅስቓሳት ብዘማ እዘንዎን ጽቕጥታት ሓያላት ሃገራት ኣሜርካን ዓባይ ብሪጣንያን ኣብ ዘይደልዮ ፈደረሽን ተቆሪኑ። መሊሹ ን30 ዓመታት መመላእታ

ረጽማዊ ሰዉራ ኣካይዱ ልዕላዉነት ሃገሩ ምስ ኣራጋገጸ። ልዕላዉነት ህዝቢ ዝተመንዘዔን ዳር ትርኢቱ ዝርኢ ዘሎ ህዝቢ እዩ። ካብ ሕሉፍ ተሞክርኡ ብምንቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሐደ ምንቅስቓስ፡ ሰልፊ ወይ ውድብ ስዒብካን፣ ብእኡ ተመሪሕካን ተማእዚእንካን ዝግበር ቃልሲ ንረብሕኡ ከምዘይውዕል፡ በዚ ሕጂ ዝርከበሉ ዘሎ ኣሰቓቂን ሓደገኛ  ሃለዋት ኣዓርዩ ዝተገንዘበ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ መብዛሕትኡ ህዝቢ ነቲ ዝኽይድ ዘሎ ማሕበራዊ ሰዉራ ኣማዕድዩ ይዕዘቦ ኣሎ። ከምኡ ስለዝኾነ  ድማ፡ እቲ እንኮ ህዝቢ ልዕላዉነቱ ከረጋግጸሉ ዝኽእል ሕዋም (formula) ህዝቢ ንጉዳዩ ኣብ ክንዲ ብተወከልቲን ተመወልቲ፡ ባዕሉ ጉዳዩ ሒዙ ክፈትሖ ምስ ዝኽእል ጥራይ እዩ፡ ዝብል እምንቶ ኣሎና። መሰርሕ  ግዝኣተ-ሕጊን ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፣ ሐቀኛ ኣብ ድሌት፡ ትጽቢታት ረብሓን መላእ ዜጋታት ዝተሞርኮሰ፣ ብተግባር ሓያልን ጠርናፍን ቀጻልነትን ከአ ዘለዎ ህዝባዊ ማዕበልን ውደባን የድሊ ኣሎ። ንህዝቢ ዘዕግብ ንረብሐታቱ ከአ ዝከላኸል ቁኑዕ ንጹር ውደባን ናይ መስመር ቃልሲ፣ ንተራኡን  ብግልጺ ኣነጺሩ ዘሳትፍን ን ናይ ፖሎቲኡካዊ ዋንነት ሕቶ ብተግባር ከይመለሸካ ልዕላዉነት ህዝቢ ከረጋገጽ ስለዘይኽእልን፡ ልዕላዉነት ህዝቢ ድማ ካብ ፍሉይ ረብሓ ጉጅለታት ከም ገጸ-በረኸት ዝህብዎ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ብቅልጽሙ መንዚዑ ዝወስዶ ስለዝኾነ እዩ። ህዝቢ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ብምስጡር፡  ኣብ ደገ ብጉሁድ ይወደብ ንብል ዘሎና።ቀንዲ ፈልሲ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ዝኾና፣ ህዝባዊ ባይቶታት ክቕማ ቀጻሊ ክንንቀሳቐሰሉን ክንቃለሰሉ ጸኒሕና ኢና። እዚ ቃልሲ'ዚ ንሃልክታት ተባሂሉ ዘይኮነስ፣ እቲ ቀንዲ መፍትሒ ጸገምና ብሙኻኑ ስለንኣምን እዩ።

<u>ነዚ መሰረተ-እምነት መወከሲ ዝኾነ፣ እዘን ዝስዕባ ሓሙሽተ ቀንዲ ሮቓሒታት እየን ፣-</u>

1. ኩሉ ጊዝየ ዝኾነ ይኹን ህዝቢ፣ ብረብሓታቱ፣ ሞይኡ፣ ከባቢ ዝነብረሉ ቦታ፣...ወ.ዘ.ተ ዘይተወደበ ህዝቢ፣ ብዉሑዳት ዝተወደቡ ፖሎቲካዊ ጉጂለ፣ ንክግዛእን ንክጭቆኒን ዝተዋደደ ሕብረተሰብ ስለዝኸዉን፣ መታን መላገጺ ናይ ዉሑዳት ናይ ፍሉይ ረብሓ ጊጂለታት ካይከዉን፣ ብሓደ ድምጺ ክብድሆም ክዉደብ ስለዝግባእ እዩ።
2. ሲቪላዊ ሕብረተሰብን ሲቪላዊ ፖሎቲካዊ ስርዓት ንምህናጽ፣ ቀንዲ ኣዕኑድ ህዝባዊ ትካላትን ህዝባዊ ማሕበራት ስለዝኾና፣ ህዝባዊ ትካላትን ህዝባዊ ማሕበራት ብዘይ ዉዓል ሕደር ክጥጥዓ ስለዝግባ እዩ።
3. ምልካዊ ገባቲ ፖሎቲካዊ ስርዓትን፣ ናይ ኤትኒክ፣ቀቢላ፣እንዳን ሃይማኖት ምንቅስቓሳት ጉጂለታት፡ ኣብ ድሕረትን ምብትታ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ይጽፈያ፣ ይዓብያን ዝነጥፋን ብምኻነን፣ ሂወተን ክዘርኣ ድማ ነቲ ሕብረተሰብ መመሊሾም ንትኹላዊ ምትፍናን ስለዘእትዉዎ፣ ነዚ ምትፍናን ንምግታእን ካብ ዝዓበየ ናይ ታሪኽ ሓደጋ ንምድሓን ህዝቢ ክዉደብ ስለዝግባእ እዩ።
4. ዋንነት ፖሎቲካዊ ስልጣን፡ ርትዓዊ ተሳታፍነት ህዝቢ፡ ናይ ህዝቢ ናይ ተጻይ-ቁጽጽር (counter-control)... ካብ ሕጂ ክዉሰን ስለዘለዎ እዩ።
5. ጽምዶ ቃልሲ ማሕበራዊ ሰውራ ኤርትራ ኪኖ ገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ማለት፡ ምክንዋን  መሳጋገሪ-መንግስትን ሃገራዊ ዕርቂ፡ ምክንዋን ቅዋምን ቅዋምነትን፡ ምክንዋን ጊዝኣተ-ሕጊን ዲሞክረሳዉነትን፡ ምርግጋጽ ልዕላዉነት ህዝቢን ምህናጽ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ (ብስለላም ብሓባር ምንባርን ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሒ) ካብ ኮነ፡ ነዚ መሰረት ዝኸዉን ዱልዱል መንጸፍ ስለዝድለ እዩ።

<u>እስትራተጂካዊ ዕላማታት ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ናይ ቀረባን ርሑቁ ዘጣመረ እዩ፡-</u>

1. ቀንዲ ዕላማ ህዝባዊ ባይቶታት፡ ጽምዶታቱ ኣዝዩ ኣርሒቁ ካብ ዘለናዮ ኩነታት ንላዕሊ ዝጠመተ እኳ ኣንተኾነ፡ ነዚ ዘለናሉ ኩነታት ( Status quo) ብቀጥታ ይኹን ብተዛዋዋሪ ንምቅያር፣ ንገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፣ ብኣዝዩ ንጡፍን ዝተወደበ ናይ ህዝቢ ሓይሊ፣ ህዝባዊ ደገፍ ብምሕራምን ብምንጻል፣ ካብ ዓቲርዎ ዘሎ ፖሎቲካዊ ስልጣን ንምምንዛዕ ዘናጸረ እዩ።
2. ተሳትፎ ህዝቢ፣ ሓድነት ህዝቢ፣ ዋንነት ፖሎቲካዊ ስልጣን፣  ህዝባዊ ዉሳኔ...ወ.ዘ.ተ ምርግጋጽ እዩ። እቲምንታይሰ እዚ እንተተራጋጊጹ ብሓባር ብሰላም ንምንባርን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዝተዋደደ እዩ።

3. ኣብ ድያስፖራ ይኹን ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ፣ ኣዝየን ንቁሓት ሓላፍነታተን፣ መሰላተንን ጥቅምታተን ዝፈልጣ ድልድላት ማሕበረ-ኮማት ብምህናጽ፣ ንማሕበራዊ ስነኣእሙራዊ ኣቋዉማ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ናብ ሓደ ዱልዱል ማኣዝን ንምምእዛን ዝዓለመ እዩ።
4. ህዝቢ ግዳይ ገባቲ ስርዓትን ፍሉይ ናይ ሰብ ረብሓ ዉድባት ካይከዉን፡ ብዝተወደበ ህዝባዊ ትካል ነብሰ ምክልኻል ምግባር ዝዓለመ እዩ።
5. ንገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብጥርኑፍ ድምጺን ብጥርኑፍ ሰብን ካብታ ዝንኣሰት ቦታ ክሳብ ብደረጃ ዓለም ንምግጣሙ ዝዓለመ እዩ።
6. ወሳኒ ጊደ ህዝቢ ኣብ ምቅያር ስርዓትን ምቅያር ሕብረተሰቡን ጊደኡ ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ።
7. ሓርነት ሕብረተሰብ ምስ ፖሎቲካዊ ሓርነት ዉልቀ-ዜጋ ዝተታሓሐዘ ስለ ዝኾነ። ወሳኒ ጊደ ዉልቀ ዜጋን ሓርነት ዉልቀ-ዜጋ ዘራጋገጸ ናይዚኦም ምትእስሳር ድማ ሓርነት ሕብረተሰብ ሩጉጽ ስለዝገብሮ እዩ። ኩሉ ንጽዕዶን ንብህገን ሲቪክ መሰልን ዲሞክራስያዊ መሰላት ንዉልቀ ዜጋ ዘማእከለ ስለዝኾነ ወይ ድማ ዉልቀ-ዜጋ ሓራ እንተዘይኮይኑ፡ ሕብረተሰብ ሓራ ክኸዉን ስለዘይክእል ነዚ ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ።
8. ሓደነት ሃገርን ህዝቢን ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ።
9. ዝላዓለ መግለጽን መራጋገጽን ናይ ዘመናዊ ሃገርን ዘመናዊ ፖሎቲካዊ መንነት ምርግጋጽ ናይ ኩሉ ዜጋ ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ናይ ሓባር ሕጊ ስለዝኾነ። ንጊዝኣተ ሕጊ ዘራጋግጽ ቀንዲ-ህዝባዊ ፈለግ (maine-stream)ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ።
10. ንጥዕና ዘለዎ ህዝባዊ ዘተ፡ ህዝባዊ ዉደባ፡ ቡሩህ ናይ ሓባር መጻኢን ሃገራዊ ዕርቂ ዘጣዓዕም ዝዓለመ እዩ።

<u>ህዝባዊ ባይቶታት ብኸመይ ክካነዋና ይኽእላ፣-</u>

<u>መእተዊ፣-</u>

ቅድሚ ኣብ ዝርዝራት ኣጋባብ ኣካናዉና ህዝባዊ ባይቶታት ምብራህና፣ ኣቀዲሙ ዝጸንሓ ዉደባታት ከምዘሎ ክንፈልጥ ኣሎና። እዚ ዝጸንሓ ዉደባታት ብመልክዕ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት፣ ዉድባት፣ ግንባራት፣ ምንቅስቓሳት፣ ሲቪልን ሲቪክ ማሕበራት ምኻኑ እዉን ኩሉ ዝግንዘቦ እዩ። እዚ ኣቀዲሙ ዝጸንሔ ዉደባታት ኣንካይ ዶ ንዝገጥመና ዘሎ ብድሆታት ንምፍታሕስ፣ ንገዛእ ርእሱ ዘሰሩሮ ዓቕምታት ከጥሪ ስለዘይከኣለ፣ ንገዛእ ርእሱ ክፍታሕ ዘለዎ ጸገም ወይ ተወሳኺ ጸገም ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ዓቕምታቱ ኣዝዩ ድሩት ስለዝኾነ፣ ብዘይቀላዓለም  መታን ክሰርር  ተባሂሉ ንፖሎቲካዊ ዉሳኔታቱን ዕላማታቱን ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ዘሳጥሔ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ዝበዝሔ ህዝቢ ክስዕቦን ክድጉፎ ኣይተራእየን። ዓሳ ኣብ ባሕሪ ይነብር፣ ቃልሲ ድማ ኣብ ከስዒ ህዝቢ ዝነብር ማሕበራዊ መስርሕ እዩ። ህዝቢ ካብ ከስዑ እንተተፈእዎ ሂወት ስለዘይብሉ፣ ብዘይ ሂወት ክነብር ዝዉስን እንተሃሊዩ፣ መሰሉ ስለዝኾነ ክቅጽል ይኽእል እዩ። ኣነስ ሒዘዮ ዝጸናሕኩ መስመር ጉጉይ ስለዝኾነ ምስ ህዝበይ ይሕሸኒ ዝብል እንተሃልዩ፣ እቲ ኣፍደገ ህዝቢ ርሒብ እዩ።

ብወገኖም መታን ክትስዕብዎም ከምዚ ዝስዕብ "ሓቂ ዝመስል"፣ የግዳስ ንሰብ ተጣራጢሩ ቆራጽ ዉሳኔ ካይወስድ ዝገብሮ እንሳዕ ዝንገር ኣባሃላታት ከምዚ ዝስዕብ እዩ፣-

1. ሃገርናን ህዝብና ኣብ ሓደጋ ተሳጢሑ ስለዝርከብ፣ ዘላቡን ፍሕትሕት ዘብል ጊዝየ ስለዘየሎ፣ መታን ሃገርናን ህዝብናን ክድሕን፣ ኣብ ክንዲ ሓድሽ ዉደባ  ምጥያስ፣ ኣብ ዘለ ዉደባታት ኣቲና ክንቃለስ ኣሎና፣ ክብሉኹም እዮም። (ክትበልዓ ዝደለኻ ኣባ ጉንባሕ ዛግራ በላ እዩ)።
2. እቲ ዘድሊ ዘሎ፣ ሓድሽ ዉደባ ህዝቢ ዘይኮስነ፣ እተን ተመስሪተን ዘለዋ ዉድባት ተመያይጠንን እንካን ሃባን ኢለን ኣብ ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ጽላል እንተጠርኒፈን፣ ህዝቢ ክስዕበን ስለዝኽእል፣ ኣብ ክንዲ ካብ ታሕቲ ካብ ህዝቢ ዝነቐለ

ዉደባ፣ ካብ ላዕሊ ካብ መሪሕነታት ዉድባት (ጽላል) ንታሕቲ ንህዝቢ ዝወርድ ዉደባ ዝዕዉት ክብሉኹም እዩም። (ሓይሊ ህዝቢ ነገራዊ ሓይሊ ምኻኑ ዘይምእማን ዘንቅሎ ዓሎቕ እዩ)።

3. ተሰማዕነት ዘለዎ፣ ህቡቡነት ዘለዎ፣ ትምህርቲ ዘለዎ፣ ገንዘብ ዘለዎ፣ መራሒ ሃይማኖት፣ መራሒ ቀቢላ ...ወ.ዘ.ተ ዓይነታት ሰባት መርፍእን ፈትሊ ኮይኖም እንተተላፊኖም፣ ብዘለዎም ማሕበራዊን ፖሎቲካዊ ክብደታት ንህዝቢ ክስምዑ ስለዝኽእሉ፣ ምጥርናፍ ናይ እዚኣቶም ኣገዳሲ ክብሉኹም እዮም። (ኣባታዊ ኣታሓሳስባ ኣእምሮ ዝፈጠሮ ኣካላዊን መንፈሳዊ ጊላነት እዩ)።
4. ህዝቢ ስዓቢ እንበር ወሳኒ ከምዘይኮነ ዘስምዕ ንዕቕታት፣ ባጫታት፣ ወስታታት...ወ.ዘ.ተ ክስንዝሩልኩም እዮም። (ጭንቀትን ጥፍሽና ዝፈጠሮ ቦዶሽ ኣንነት እዩ)።
5. ብእንዳ፣ ብቀቢላ፣ ብኤትኒክ፣ ብሃይማኖት፣ ብዓዲን ኣዉራጃ ክዉድብኹም፣ ከላዕሉኹም፣ ምስ ካልኦት ኣሕዋትኩሙን ኣሓትኩሙ ንትኹላዊ ምትፍናን መታን ከእትዉኹም፣ ኣጻብዕቶም ናብ ፍሉያት ኣካላት ሕብረተሰብና እንዳኣመልከቱ ክጉስጉሱኹም እዮም። (ፈላሊኻ ጊዛእ እዩ)።

ታሪኻዊን ዉድዓዊ መርትዖ ዘለዎ መልሲ ነዚ ሓሙሽተ ነጥብታት፣ ሎሚ ክራማት ዘርኢ ክርዳድ እንተዘሪእካ፣ ቀዉዒ ስርናይ ክትሓፍስ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሰዉራ ኤርትራ ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን መላእ ህዝቢ ተሳቲፉዎን ስዒብዎ፣ ንሰራዊት ገዛኢት እምባሮጠራዊት ኢትዮጵያ፣ ካብ መላእ ኤርትራ ሓግሒጉ ልዕላዉነት ኤርትራ ኣራጋጊጹ፣ ኣብ ምርግጋጽ ልዕላዉነት ህዝቢ ግን ፈሺሉ። እቲ ምንታይስ ህዝቢ ስዓቢ እንበር ወሳኒ ኣይነበረን። ኣብቲ እዋንቲ ዝነበራ ህዝባዊ ማሕበራትን ህዝባዊ ባይቶታትን ናጻን ሓራ ዘይኮና፣ ብመምርሒ ዉድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝቆማን ዝፍንታሓን ምንባረን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ቅድሚ 20 ዓመት ዝሓለፎ ተሞክሮ ሕጂ ክደግም እንተኾይኑ፣ ንገዛእ ርእሱ ሓደገኛ ህዝቢን እቲ ፍጻሜ ድማ፣ ዝላዓለ ገበን ናይ 21 ክፍሊ ዘመን ኣብ ታሪኽ ወዲ-ሰብ ክቑጸር እዩ።

<u>ህዝቢ ክንብል እንኮሎና እንታይ ማለትና እዩ?</u>

ህዝቢ ዝብሃል፣ ብፍኑው ኣጋባብ ብኣሃዛዊ ቁጽሪ ዝጽብጸብ እኩብ ሰብ ጥራይ ማለት ኣይኮነን። ህዝቢ ልዑልን ንጥፉ ህልዉና ዘራጋገጸ ህያዉ ዝጠምሮ ናይ መንነት ፍሕሶ ዘለዎ ሕብረተሰብ ማለት እዩ። በዚ ዝስዕብ ሮቛሒታት ድማ ይልለ፤-

1. ልዑላዉነቱ ህዝቢ፣ ብጂኦግራፊካዊ ክሊ ቦቱኡ፣ ፖሎቲካዊ ስልጣኑን ሲቪክ ሓርነቱ ይግለጽ።
2. ንጡፉነት ህዝቢ፣ ብዘለዎ ተሳትፍኡ ኣብ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን ሂወቱ ዓይነት ተሳተፉነቱ ይግለጽ።
3. ህያዉነት ህዝቢ፣ ብትካላዊ ገጻቱ፣ ብዲሞግራፊካዊ ጎድንታቱ፣ ብማሕበራዊ ቀጸላታቱ፣ ብምክፍፋል-ዕዮን ሞያታቱን፣ ብኤትኒክ-ጉጂለታቱን ሞሎኮታዊ እምነታቱን ይግለጽ።

ናይዞም ኣቀዲሞም ዝተገልጹ ሮቛሒታትን ድሌታቱ፣ ተሞክሮታቱ፣ ረብሓታቱ፣ ታሪኹን ተሞክሩኡን እኩብ ድምር ህዝቢ የብሎ። ህዝቢ ዝባሃል ከምዚ ካብ ኮነ፣ ህዝቢ ኣብ ዝካየድ ማሕበራዊ ሰዉራ ብከመይ ይሳተፍ ዝብል ሕቶ እዩ ክልዓል ዝኽእል። ዝውቱራት ክልተ ዓይነታት ተሳትፎ ኣለዋ፤-

1. ንህዝቢ ድኹም ጎድኑታቱ መዝሚዝካን ሓይሊ ተጠቂምካ፣ ብምትላል፣ ብሙግቡዕባዕ፣ ብምግዳድ፣ ብዓመጽ ብምግፋፍን ምጭዋይን...ወ.ዘ.ተ ዝካየድ ተሳትፎ እዩ። እዚ ዓይነት ተሳትፎ፡ ብፍጹም ክንጸግ ዘለዎ ብልሓት ተሳትፎ እዩ።
2. ንህዝቢ ብምርዓምን ምንጻግ፣ ብጥቕሙን መላእ ዕግበቱን፣ ብናጻ-ድሌቱን ዉሳኔታቱን፣ ብንቕሕ ኣፍሉጥኡ፡ ሓላፍነቱን መሰሉ...ወ.ዘ.ተ ዝካየድ ተሳትፎ እዩ። እዚ ዓይነት ተሳትፎ ክርዓምን ክዝዉተር ንቃለሰሉ እዩ።

ስለዚ ተሳትፎ ህዝቢ ብመሰረት ስሩዕ ህላዊኡን፡ ሐቀኛ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ክኸዉን ከምዘለዎ ስለ ንኣምን ናብቲ ቀንዲ ዛዕባና ክንኣቱ ኢና። ብትዕዝብትና እዞም ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቅ ዝተኻየዱ ንገበቲን ሓዉሲ ገበትን ስርዓታት ዝቐየሩ ህዝባዊ ናዕቢታት'ውን እንተኾኑ፣ብተረባሕነት ናይቶም ተወዲቦም ዝጸንሑ ውሑዳን ሐይልታት ክድምደም ድእ'ምበር፣ ብተረባሕነት ናይ'ቲ ኣብ ጐደናታት ተሰሊፉ ንለውጢ ዘረጋገጸ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ክዛዘም ኣይረኣናን። እዚ ዝኾነሉ

ቀንድን መሰረታውን ምኽንያት ከአ፣ እቲ ሰፊሕ ህዝቢ ሕድሕዱ ተላዚቡን ተዛትዩን ብምርኻብ ንረብሓታቱ ሐቢሩ ዝሕለወሉ ጥርኑፍ ህዝባዊ ውደባታት ከካናዉን ስለዘይከአለ ኢዩ። ኣብ ታሪኽናን ተሞክሮናን ዉደባ በዘልማድ ንፖለቲካዊ ውድባት ወይ ሰልፊታት ጥራሕ ዝተሐዝሔ ኣራዳድኣን ቱርጉም'ዩ ክውሰድ ጸኒሑን ዘሎን። ይኹንምበር ናይ ስልጣን ተሻረኽቲ ዘይኮኑ፡ ዝተፈላለዩ ህዝባውያን ናይ ሞያ ማሕበራት፣ ናይ ስቪክ ትካላት፣ ነጻ ዝኾነ ሻርነት ዘይብሎም ናይ ጋዜጠኛታት ሚድያ ትካላት፣ ናይ ሰብአዊ መሰልን ግብረ ሰናይን ነጻ ማሕበራት... ወዘተ እዚኦም'ውን እንተኾኑ ተምሳልን ኣብነትን ናይ ህዝባዊ ውደባ ምኺኖም ክዝንጋዕ ኣይግባእን እዩ።

ኣብ መጻኢ ንህዝቢ ዋሕስ ዝኾኖ፣ እዚ ህዝባዊ ትካላት'ዚ ስለዝኾነ፣ ካብ ጽልዋ ፖለቲካዊ ኣጀንዳታትን ናይ ስልጣን ተቕራቕስቲ ሰልፊታት ወይ ውድባትን ሐራ ብምኳን፣ ሻራ ዘይብሉ ውዱብ ህዝባዊ ትካላት ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ክስረትን ክማዕበለን ይግባእ። ውድባት ኮነ ሰልፊታት ናይ ህዝቢ ዋሕስን መሰረት ሲቪላዊ ሕብረተሰብን ሲቪላዊ ፖሎቲካዊ ስርዓት ክኾኑ ኣይኽእላን እየን። እቲምንታይስ እቲ ዝተመስረታሉ ቀንዲ ዕላማታት ናብ ስልጣን መሕኮሪ ጥራይ እዩ። ንቅሎ-ኣታሓሳስባተን ከመይ ጌሬን ስልጣን ይጭብጣን፡ ከመይ ገይረን ንሳተን ዝሓስቦኣን ዝደልይኦን ምሕደራ ወይ ዓይነት ስርዓት ንህዝቢ ብሓይሊ፡ ምትላል ኣመንጊካ ብምዉሓጥ ትምእዝዝ ስለዝኾነ እዩ። ስለዚ ህዝቢ ንረብሓታቱን ጠቕሚታቱን ዝከላኸለሉ ንቑሕ ዝኾነ ህዝባዊ ነብሰ ውደባ ክገብር ታሪኽን ጊዜን ይጽዉዕ ከምዘሎ ክንጸር ይግባእ።

<u>ህዝባዊ ዉደባታት ንህዝባዊ ባይቶታት ንሙቓም ነዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ኣብ ግምታት ዘእተወ ክኸዉን ኣለዎ:-</u>

1. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ብደረጃ ከባቢ፡ ጎዶቦታት ከባቢ፡ ሃገር፡ ክፍሊ ዓለምን መላእ ዓለም ክዉደባን ከድህያ መታን ብቕዓት ትካላዊ ጥርናፌ፡ ንጹር ዳይነሚክስ ስልትን ስትራተጂን፡ ተወፋይነት፡ ጉሉጹነት፡ ተሓታትነት፡ ቡዙሑነትን ርትዓዉነት ዝምእዝኖ፡ ንጹራት ዛዕባታት ዘለወን ክኾና ኣለወን። ዘልዕልአ ዛዕባታት ኣብ ዝሓለፈን ዘሎ ኩዉንነት ወይ ተረኽቦታት ጥራይ ዝተሞርኮሰ ዘይኮነ፡ ካብ ዝሓለፈን ዘሎን ነቒለን ንመጻኢ መስመራዊ (linear) ዝኾነ ናይ ጊዜ-ቅየሳ ጉዕዞ ብምእማን ዝኣንፈተ ክኸዉን ይግባእ። ህዝባዊ ዉደባታት ን ህዝባዊ ባይቶታት ካብ ድርኺት መዓልታዊ ተረኽቦታት፡ ታሪኽን ብጻልጥኡ ንገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ምዉራድ ዘናዓዓበን ጥራይ እንተኾይነን፡ ጹኑዕ ዕላማታት ስለዘይዉንናን ጹኑዕ መሰረት ስለዘይብለን፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ክብተናን መሳሪሒ ዉድባት ወይ ስርዓት ክኾና ኣዝዩ ቀሊል እዩ። መታን ብቀሊሉ ካይባታተና መሳርሒ ናይ ካልኦት ሓይልታት ካይኮና። ብንኹለን ዝምልከት ኣዝዩ ጭቡጥ፡ ኣሳሳይ፡ ኣሳታፊ፡ ሓቓፊ...ወ.ዘ.ተ ልዕሊ ኹሉ ድማ ንመጻኢ ኣርሒቑ ዝጠመተ ንጹር ስትራተጂን ስልቲን ዝዉንና እንተኾይነን፡ ንጥፈታተን፡ ዉደባታተንን ጉዕዝኣን ብዘይ ገለ መሰናኽላት ኣድማዒ፡ ቀጻሊን ናህሪ ዘለዎ ክኸዉን እዩ።
2. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ዉደባን ዉድብን ብመሰረቱ ንዕላማን ራእይ ዝስከም ስልታዊ ማሓዉር እንበር ዕላማ ኣይኮነን። ህዝባዊ ባይቶታት ኣብ ከባቢኣን ክነቕላ እንኮሎዋ። ንጹር ናይ ንቕሎ ዕላማን ራእይን ክህልወን ኣለዎ። እንዳዓኸኻ ኣብ ዝኸዳሉ እዋናት እቲ ኣብ ዉሽጠን ዝፍጠር ናይ ሰብኣዊ ርኽክብ ዳይነሚክስ ንዕላማታተንን ራእየን እንዳስሓሎን እንዳጸረቦን ክኸይድ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ግን ኣብ መስርሕ ቡቁዓት መራሕቲ እንዳተፈጥሩን እንዳተለለዩን ክኸዱ ሙኻኖም ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።
3. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ብናጽነቶም ዝኣወጁ፡ ምትእስሳር ናይ ናጻ ዜጋታትን ኣብታ ዝነብሩላ ከባቢ ከም ቀንዲ-ሕመረት ሕብረተሰብ ኮይኑ ዝነጥፍ ማሕበረሰብ ስለ ዝኸነ፡ መሳርሒ ናይ ዘሎ ስርዓት ወይ ድማ ናይ ዘለዋ ተቓወምቲ ስርዓት መታን ካይከዉን፡ ጽኑዕ ሕጊ መካላኸሊ ድርዒ ዘለዎ ክኸዉን ይግባእ። ካብ ታኼላ ሙኡዘዙነት ንማሕበረሰቡ ከናግፍ ክጽዕት ኣለዎ። እቲ ምንታይስ ምድልዳልን ምዕባይ ህዝባዊ ባይቶታት ምስ ሓርነቱን ናጽነቱን ዝራጋገጽ ብሙኻኑ እዩ።
4. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ምስተወደበ፡ ልዕሊ ኣብቲ ከባቢኡ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ናብ ጎዶቦታቱ፡ ስግረ-ጎደቦታቱ፡ ወረድታተን፡ ክፍሊ-ሃገረን፡ ሃገር፡ ክፍላ-ዓለምን ዓለም። ምስ ካልኦት ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት ቅጽበታዊ ምትእስሳርን ቀለቤት-ርኽክብ (Solidarity & Network) ክፈጥራ ኣለወን። ነቲ ብደረጃ


ሃገርን ክፍሊዓለማት ዝፍጠር፡ ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት ንኣድማዒ ብልሒ ርእሰ-ኪናት ወይ ድማ ናይ ህዝቢ ጸቕጢ ሓይሊ መታን ከበቕዕ ብደረጃ ዓለም ናብ ጠርናፊ ዋዕላ ክኣቱ ኣለዎ። ኣብ ዋዕላ ኣትዩ ናይ ሓባር ድልዱል ዋላ (Platforum) ምስፈጠረ ሓደ ድልዱል ህዝባዊ ትካል ክኸዉን እዩ። እዚ ድልዱል ህዝባዊ ትካል እዚ፡- ሀ. ብዓለምለኻዊ ደረጅ ተሰማዕነትን ቁቡልነት ክህልዎ እዩ። ለ. ንሰርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ህዝቢ ስለዝንጽሎ ናይ ፖሎቲካዊ ተግባር ኡጉሚ ብሙኻን ከንበርኽኾ ዘኽእል እዩ። ሐ. ተሳተፍነት ህዝቢን ልዕላዉነት ህዝቢ ከራጋግጽ እዩ። መ. ዉድብ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ መላገጺናይ ፍሉይ ሰብ ረብሓ ጉጇለታት ኣይክኸዉንን እዩ። ረ. ነቲ ኣብ ዉሽጢ ሃገርና ዛጊት ቦኺሩ ዘሎ ናይ ህዝቢ ተቃዉሞ ትካል ዘናዓዕብ መትረባት ክኸዉን እዩ። ሰ. ልዕሊ ኹሉ ሓደነት ህዝቢ፡ሃገርን ሃገራዊ መንነት ከራጋግጽ እዩ። ሸ. ንምህናጽ ሃገርን ሃገራዉነት፡ ንምህናጽ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፡ ንብሓባር ብሰላም ምንባርን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጓጽ መሰረት ክኸዉን እዩ።

5. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ መታን ክድልድላ ዝምድናታተ ምስ ናይ ተቓወምቲ ዉድባት ከነጽራ ኣለወን። ፈቲና ጸሊእና ንፖሎቲካዊ ስልጣን ጨቢጠን፡ንፖሎቲካዊ ስልጣን ከምንዋት ተጠቂመን ሓሳበትን ባህግታተንን ከተግብራ ዝጽዕራ ፖሎቲካዊ ዉድባት፡ ሰልፍታት፡ ምንቅስቓሳት...ወ.ዘ.ተ ክህልዋ እየን። ብመሰረቱ ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት ንክይህልዋ ዝግበር ጥርናፌ እዉን ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ንህዝቢ ተሳታፍነቱን ዉሕስነት ልዕላዉነቱ ዘራጋግጽ እዩ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ተጻረርቲ ነንሕድሕደን ተመላላእቲ፡ ኣብ ክንዲ ሓደ ጥብቆ ናይቲ ካልእ ዝኸዉን፡ ናይ ሓደ ናጽነትን ሓርነትን ዘራጋገጸ ሽርክነታዊ ዝምድናታት ንክህሉ፡ ኣብ ክንዲ ህዝባዊ ናይ ተቃዉሞ ትካል ዝቦኩር፡ ከምዝህሉ ንምግባር ስለዝኾነ። ብንጹር ዝምድናታተን ክንጸር ኣለዎ።

6. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ እቲ ስርዓት ወይ ድማ ካልኦት ሓይልታት ዝጥቀሙሉ ከፋፋሊ ምሕቢኢ ባዓትታት ከወግድ፡ ንመላእ ህዝቢ ከባቢኡ ብዘይ ገለ ምፍልላይ ከሳትፍን ኣብ ቀጻሊ ናይ ምርድዳእ ጽምዶታት ክጽመድ ይግባእ።

7. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ካብ ቀይዱ ሒዙና ዘሎ ታሪኽ፡ ሙኡዘዙነት፡ ኣባታዊ ኣታሓሳስባን ንሕና ዝብል ጵዕዶ ፈንጺጉ ጽምዶ እስትራተጇ ዉዳቤኡ፡ እታ ዝንኣሰት ከባቢን ናጻ ዉልቀ ዜጋ ኣነ ዝብል ክኸዉን ኣለዎ።

8. ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ጽምዶ ስትራተጇኣን ዝናኣሰት ከባቢ (Local) ንዉልቀዜጋ (individual citizen) ዘማእከለ ስለዝኾነ፡ ቅርጻ ምትእስሳርን ቀለቤት-ርኽክብ ካብ ዝዉሓደ ፍቕዲ-ሰብ ናብ ዝበዝሔ እንዳተጠላላፈ ይኸይድ።



ገሊኤን ማሕበረ-ኮማት ብዝሒ ወይ ዋሕዲ ሰብ ዘለወን ክኾና ከምዝኽእላ ዘጣራጥር ኣይኮነን። እተን ዋሕዲ ዘለወን ብሓባር ተጥርኒፈን ክዉደባ ይኽእላ፡ እተን ብዝሒ ሰብ ዘለወን ድማ ኣብ ዉሽጢ ማሕበረ-ኮመን ናጸ ዝኾና ክፍሊታት (chapters) ሓይሊ-ዕማማት (task force) ማሕበር ሰራሕተኛ፡ ማሕበር መንእሰያት፡ ማሕበር ደቂ-እንስትዮ፡ ማሕበር ሞያዉያን...ወ.ዘ.ተ ከቑማ ይኽእላ። እዚ ዝቆመ ማሕበረ-ኮማትን ናጻ ማሕበራት ካብታ ዝንኣሰት ቦታ ነቂሉ ብደረጃ ሃገርን ዓለም ከምዝዉደብ ከምዝታኣሳሰር ይግበር።

<u>ብኸመይ ህዝባዊ ዉደባታት ንህዝባዊ ባይቶታት መስርሕ ይካናወን?</u>

1. ኣብ ነብሲ ወከፍ ዝንኣሰት ቦታ፡ ዓዲ ወይ ከተማ ዝነብርሉ፡ ንነብሰም ወኪሎም ዝቀርቡ ናጻ ዉልቀሰባት ምትእስሳር (solidarity) ይፈጥሩ፣ እዚ ምትእስሳራት እዚ ኣብ ዝነብሩሉ ዘለዉ ኣካባቢ ጥቕምታቶም ንምርግጋጽ፡ ዝገጥሞም ቡዱሆታት ንምፍታሕ፡ ኩነታት ማሕበረ-ኮሞምን ሃገሮም ኣመልኪቶም ድሕሪ ምዝታይ፡ ዘተኣሳስሮምን ከፈላልዮም ዝኽእል ነገራት ድሕሪ ምልላይ፡ ኣብ እንካን ሃባን መስርሕ ኣትዮም። ማእከላይ ንኩሎም ብማዕረ ዕግበት ኣብ ክፈጥረሎም ዝኽእል ቀንዲ ቀላሲን ጠርናፊ ሓሳብ ከምዝሳማሙዑ ድሕሪ ምግባር፡ ንዝተሳማሙዕሉ ቀንዲን ቀላሲን ሓሳብ ማሓዉር ዝኸዉን ሕጊን ሕጋጋት፡ ቅርጻን ነቲ ቅርጻን ሓሳብን ዝመርሕ ኣካል ስለዘድሊ፡ ብቀጥታ ብዲሞክራስያዊ ኣጋባብ ወይ ድማ ብምትዕግጋብ መራሕቶም ይመርጹ። እዛ ዝተመርጸት ናይ ህዝቢ ሽማግሌ ፈላጺትን ቆራጺት መዝነት ዘለዋ ዘይኮነስ፡ ናይ ምዉህሃድ መዝነት ጥራይ ዘለዋ ክትኸዉን ይግባእ። መላእ ዝቆመ ማሕበረ-ኮም (Community) ዝተሳማማዓሉ ኡግሚ-ተግባር ተተግብርን እተዋሃህድ ከምትኸዉን ምኽታያ ወሳኒ እዩ።

2. ኣብቲ ዝቀዉም ድልዱል ናይ ከባቢ ማሕበረ-ኮም፡ ነቲ ማሕበረ-ኮም ንምጽላዉ፡ ንምምቃልን ንምድኻም ዝነቕሉ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ጉጂለታት ማለት ፖሎቲካዊ ዉድባት፡ሰልፍታትን ምንቅስቓሳት ምስ ዘጋጥሙ፡ ኣብ ክንዲ ንትኹላዊ ምትፍናን ምእታዉ፡ ብመሰረት ነጥበ ስምምዕ ሕጊን ሕጋጋትካን መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ጽላል ኣቲ ማሕበረ-ኮም ከዕቕሉ ሓቓፊ ምኻንን ምስሳዮም ከድሊ እዩ፡ ኣይፋልናን ንስኻትኩም ናትና ሱሩዓት ወይ ሓፋሽ ዉድባት ክትኾኑ ኣለኩም ዝብሉ እንተኾይኖም ግን ብዘይ ገለ ተጉላባነት ኣብ ጽምዶ ክእቶ ኣለዎ። ዝካየድ ምርድዳኣት መፍትሒ እንተዘየምጽዩ ድማ ንጊዝየ ክሕደግ ኣለዎ።

3. ኣብ ነብሲ ወከፍ ዝንኣሰት ቦታ፡ ዓዲ ወይ ከተማ ድልዱላት ማሕበረ-ኮማዊ ህዝባዊ ባይቶታት ምስ ቆማ፡ እተን ዝቆማ ምስ ጎዶቦታተንን ስግረጎዶባታተን መስኖ ርኽክባት ቅልጢፈን ብምፍጣር፡ ብደረጃ ወረዳ ክፍሊ-ሃገርን ሃገር ንሕጋዊ ህዝባዊ መጋብኢያ (Convention)ብምክያድ፡ ንኩሉ ኣብ መላእ ሃገር ዝጥርንፍ ዓማሚ ባይቶ የቜማ። እቲ ብደረጃ ሃገር ዝቆመ ባይቶ ምስቶም ኣብ ዝነብረሉ ክፍሊ ዓለም ዝነብሩ፡ነበርቲ ዝተፈላለያ ሃገራት ብደረጃ ሃገራት ዝቆማ ህዝባዊ ባይቶታት ዳግም ንብደረጃ ክፍለ ዓለም ንሕጋዊ ህዝባዊ መጋብኢያ ብምእታዉ ብደረጃ ክፍለ-ዓለም ተወዲቡ፡ ምስ ካልኦትሕጋዊ ህዝባዊ መጋብኢያ ክፍለ-ዓለማት ንሕጋዊ ህዝባዊ መጋብኢያ ብምእታዉ ብደረጃ ዓለም ሓደ ዱልዱል ናይ ህዝቢ ወይ መሰረታት ጥርናፌ ክፍጠር ይከኣል እዩ።

4. ብደረጃ ዓለም ሓደ ዱልዱል ናይ ህዝቢ ወይ መሰረታት ጥርናፌ ሕጋዊ ህዝባዊ መጋብኣያ ምስፈጠረ፡ ነቲ ካብታ ዝታሓተት ካብ ነፍስወከፍ ቦታ ወይ ስፍራ ሒዝዋ ዝመጸ ዕላማ ብምንጽጻር ንኹሉ ዘዕግብን ኩሉ ክቃለሰሉ ዝረዲ፡ ህዝባዊን ሃገራዊ ንማሕበራዊ፡ ፖሎቲካዊ፡ ምጣኔ-ሃብታዊ፡ ባህላዉን ዲፕሎማስያዊ ጠርናፊ ቻርተር፡ መርሓ ገበይ (road-map)፡ ዉሽጣዊ-ቅዋም፡ ዕማምን መዝነት ዕማምን፡ ኣድማዕ ስልትን ስትራተጂ፡ ሓይሊ-ዕማማት...ወ.ዘ.ተ ካብ ትማሊ ነቂሉ ንሎሚ፡ ካብ ሎሚ ነቂሉ ንጽባሕን ቀጻሊ መጻኢን ዝጠመተን ዘጋናዘበ መደባት ክኸዉን ከምዘለዎ ብምክንዋን ንፖሎቲካዊን ማሕበራዊን ብድሆታት ህዝቢን ሃገር ኤርትራ ንምፍታሕ ይጽመድ።

5. ክተግብሮ ዝግብኦ ቀንዲ ዕታር-መትከላት እዘን ዝስዕባ እየን፡-

ቀዳማይ፡ ንጎነጻዊ ቃልሲ ዝደፋፍኡ ሮቓሒታት ኣብ ባይታ እኳ እንተሃለዉ፡ በዚኦም ተዳፋፊካ ኣብ ጎነጽ ካይትኣቱ ምጥንቃቕ እዩ፡

ካልኣይ፡ ድማ ዕማም ፖሎቲካዊ ዉድባትን ሰልፍታት ማለት ፖሎቲካዊ ስልጣን ክትዕትዕት ዘይምድንዳንን ዘይምሕሳብ እዩ። እቲ ምንታይስ ንህዝቢ ልዕሊ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዓቲሩ ዘሎ ሓያል ዝገብሮ። እዚ ክልተባህርያት ክዉንን ስለዘይመርጽን ዝተወደበ እንተኾይኑን ጥራይ ብሙኻኑ እዩ።

ሳልሳይ፡ ኣብ ታሪኽና ከም መካፋፋሊ ንሕብረተሰብ ኤርትራ፡ እቲ ኣብ ስርዓት ዘሎ ይኹን ኣብ ተቃዉሞ ዝጥቀመሎም ዝጸንሑ ሻዕብያ ጀብሃ፡ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ኣስላማይ ክሪስቲያናይ፡ ወዲ ዓል፡ ከበሳውያን ቆላዉያን፡ ሰኒሒታዊ ሳሕላዊ፡ ብሌናይ ትግርኛ፡ ተጋዳላይ ኣገልግሎት፡ ደጋፊ ስርዓት ተቃዋማይ...ወ.ዘ.ተ ዝብል ከፋፋሊን ጸቢብን ሕልናን ጽዕዶን ከወግድ ኣለዎ።

<u>መዛዘሚ-ማእዶ ዛዕባና፡-</u>

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ብረብሕኡ፡ ብሞዩኡ፡ ብማሕበራዊ ቀጸላታቱ፡ ብጾትኡን ብብርኪ-ዕድሜኡ...ወ.ዘ.ተ ዘይተወደበ ህዝቢ፡ ንኪጭቆን ዝተዋደደ ሕብረትሰብ ምኻኑ ንግምግም። ሓራ ክወጽን ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ክሃንጽ ድማ ክዉደብ ከምዘለዎ ንኣምን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ህዝቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ህዝባዊ ዉደባ ካይፈጠረ ክዕወት ኣይኽእልን'ዩ ካብ ዝብል መሰረታዊ ናይ እምንቶ አመለኻኽታ ብምንቓል፡ ህዝቢ ንዝተወደበ ኣካል ጥራሕ ክስዕብን፣ ብእኡ ተመሪሑን ተማእዚዙን ክኸይድ ኣይግባእን ዝብል ተሪር እምነት ስልዘሎና፣ ህዝቢ ባዕሉ ተወዲቡ ሕድሕዱ ተዛትዩን ተላዚቡን ዋና ጉዳዩን ጉዳይ ናይ መጻኢ ቡሩህ ሂወቱን ክዉስን ከምዘለዎ ንቃለስን ነስተምህርን።

ምንቅስቓስ ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ አብ ዝተበገሰሉ እዋን እቲ ኣብ ፖሎቲካ ኤርትራ፡ሒዝናዮ ክንመጽእ ዝጸናሕና አገባብ አወዳድባን፣ ናይ ውድባት/ሰልፈታት ናይ ስልጣን ውድድር መልክዕ ዝሐዘ ጉዕዞን፣ ከምኡ'ውን ንህዝቢ ስዓቢን ተኸታሊን ናይ ሓደ ሰልፊ/ውድብ ክትገብሮ ዝዓለመ ኣገባብ አቀላልሳን፣ ፈጺሙ ዘየዓውትን አረጊትን ስልታዊ ኣጋባብ ውደባ ኢዩ ብምባል፡ ብሓድሽ ቅደ-ሓሳብ (pradagm-shift) ዉደባን ክቅየር ኣለዎ ዝብል መደምደምታ ምስ በጻሕና፡ ቁኑዕ ሓሳብ ምስ ታሪኽናን ዘመናዉነት ኤርትራ ዝኸይድ ሲቪክ ሃገረዉነትን፡ ነዚ ሓሳብ እዚ ዝጸዉር ዳይነምኒክ ናይ ህዝቢ ዉደባ ክኸዉን ከምዘለዎ ዓጊብና። እቲ ምንታይስ ኣብ ጹቡቕ ፍቓድ ናይ ፍሉያት ሰብ ረብሓ ወይ ድማ ፖሎቲካዊ ዉድባትን ሰልፍታት ምዉዳቕ ጊዜኡ ዝሓለፎን ልዕላዉነት ህዝቢ ሙሉኡ ብሙልኡ ዘየራጋግጽ ብሙኻኑ እዩ። ብዓቢኡ ኣብ ጊዝየ ዓዉላማ (Globalization) ዝተወደቡ ናይ

ፍሉይ ሰብ ረብሓ ጉጂለታት፡ ቀዳምነት ረብሓ ህዝቢ፡ዉሳኔ ህዝቢ፡ባህግታት ህዝቢ...ወ.ዘ.ተ ክሰርዑ እዮም ዝብል እምነታት ብፍጹም የብልናን።

ስነሓሳብ ሲቪክ ሃገራዉነትን ዳይነሚክስ ህዝባዊ ዉደባን ህዝባዊ ባይቶታት፡ ካብቲ ቀንዲ ንሃገርናን ህዝብና፡ ካብ ሒዝዎ ዘሎ ጉጉይ ማኣዝን ናብ ቁኑዕ ማኣዝን ዘማእዝን፡ ካብ ተሳጢሒዎ ዘሎ ሓደገኛ ቃራና መገዲ ዘድሕን፡ ተሳትፎን ወሳንነት ህዝቢ ዘራጋግጽ፡ ሃገራዉነትናን ሃገራዊ መንነትና ዝዉስን፡ ብሓባር ብሰላም ክነብር ዘጣዓዕም። ኣንፈት ማሕበራዊ ፍትሒ ዘራጋግጽ፡ ቀንዲ መሰረት ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፡ መንግስቲ(government) ን ደዉላን (state) ዝኸዉን፡ ንጽዕዶን ጠቕምን መላእ ህዝብና ንጥርኑፍ ፖሎቲካዊ፡ ምጣኔ-ሃብታዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን ኣንፈት ዝገርሕ ህሞት ዝፈጥር መትረብ ብሙኻኑ እዩ።

ህዝቢ ይምሃር ይንቃሕ፡ ይስራሕ ይወደብን ይቃለስ!

ህዝባዊ ባይቶታት፡ ንሃገራዉን ዓለማዊ መጋባእያ ዘብቕዓ ይቑማ!

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

ሲቪክ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ

14/02/2012

eritreancdm@gmail.com